ወያነ
ኸንስሳት

ደራሲ - ጆርጅ ኦርዌል

ተርጓሚ - ሓለፎም ደስታ ፍፁም

“ኩሎም እንስሳት ማዕረ እዮም።
ግን ዉሑዳት እንስሳት ካብ ካልኦት ዝበለፀ ማዕረ እዮም።”

ቀዳማይ ሕታም - መስከረም 2015 ዓ.ም

© መሰል ኣሐታሚ ብሕጊ ሕልው እዩ።

ኣሐታሚ
ትዊንሶፍት ቴክኖሎጂስ
+251-933-790-767
መቐለ - ትግራይ

እዚ ናይ ትርጉም ስራሕ

መዘከርትኡ

“ልወደይ ተምሃር ልተምሃረ ልተምሓረ እዩ ፤ ተለይተምሂርኻ ሓረስታይ ኢኻ ትኾን ፤ ደጊም ‘ኮ ልሕረስ መሬትለ ኣይህልይ።”
ንወላድየይ ኣይተ ፍፁም ሃ/ስላሴን ወላዲተይ ዋጋየ ወ/ገብርኤልን

ከምኡ ‘ውን ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ምእንተ ህላወን ሓርነትን ህዝብታት እንኮ ሂወቶም ከይሰስዑ ዝተቓለሱን መስዋእቲ ዝኸፈሉን ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ትኹነለይ።

ሓለፎም ደስታ ፍፁም

2015 ዓ.ም

ኣኽብሮት

ፈለማ ንልዑል ፈጣሪ ክብርን ምስጋናን ይብፀሓዮ። ብምቕፃል ድማ ግዘኦም ከይሰስዑ ነዛ መፅሓፍ ኣገላቢጦምን ብትኹረትን ብምንባብ ሃናፃይ ርኢቶ ንዝለገሱለይ ሰብ ሞያ የቐንየለይ።

ናይዚ መፅሓፍ ቅብኢ ጉልባብን ውሽጣዊ ንድፍን እንተዳሉን ኣብ ዙርያ ሕትመትን ሃናፃይ ምኽሪ ንዝሃብክኒ ቤቲ ልዑል ክብሪ ኣለኒ።

እዚ መፅሓፍ ተሓቲሙ ናብ ኣንበብቲ ንክበፅሕ ገንዘባውን ሞራላውን ድጋፍ ንዝገበሩለይ ኩሎም ኣኽብሮተይ ካብ ልቢ እዩ።

ሓፂር ታሪኽ - ጆርጅ ኦርዌል

ኤሪክ ኣርትር ብሌር ወይም ብናይ ብርዒ ሽሙ ጆርጅ ኦርዌል እንግሊዛዊ እንትኸውን ፤ ብ1903 (ኣ.ፈ) ኣብ ህንዲ ተወሊዱ። ወላዲ ኣቡኡ ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ዕዮ ተቖፂሩ ይሰርሕ ነይሩ። ስድርኡ ብ1907 ናብ ሃገረ እንግሊዝ ተጓዒዞም። ብ1917 ኦርዌል ኣብ ኢተን (Eton) ኮሌጅ ኣተወ። ንዝተፈላለዩ ናይቲ ኮሌጅ መፅሄታት ድማ ፅሑፋት የቕርብ ነበረ። ካብ 1922 ክሳብ 1927 ናይ ህንዲ ኢምፔርያል ፖሊስ ብምዃን ኣብ በርማ ኣገልጊሉ። ኣብዚ ዝተውሃቦ ልእኽቶ ብዘኻዕበቶ ልምዲ ተሞርኲሱ ብ1934 “*Burmese Days*” ተባሂሉ ዝተሰየመ ናይ መጀመርታ ልበወለድ ፀሓፈ። ኣብቲ እዋን ኦርዌል ንብዙሓት ዓመታት ብድኽነት ተሳቒዩ እዩ። ቅድሚ ናብ ሃገረ እንግሊዝ ምምላሱ ንኽልተ ዓመት ዝኣክል ኣብ ከተማ ፓሪስ ተቐሚጡ እዩ። ብውልቀ መምህርነት ፣ ብቤት ት/ቲ መምህርነት ፣ ኣብ ቤተ-ንባብ ከም ሓጋዚ ከምኡ ‘ዉን ኣብ ዝተፈላለዩ ጋዜጣታት ፅሑፋትን ርኢቶታትን ብምዉፋይ ሰሪሑ። “Down and Out in Paris and London” ዝብል መፅሓፉ ብ1933 ተሓቲሙ።

ብ1936 ኣብ ዉሽጢ ክልላት በላንክሻየርን ዮርክሻየርን ዝሰፈነ መጠነ ሰፊሕ ስራሕ ስእነት መፅናዕቲ ንኸካይድ ቪክቶር ጎላንዝ ብዝተብሃለ በዓል መዚ ተልኣኸ። “The Road to Wigan Pier” (1937) ዝብል መፅሓፉ ኣብኡ ዝረኣዮ ዝተጎሳቖለ ህይወት ዝገልፅ ስምዒትካ ዝትንክፍ መፅሓፍ እዩ። ኣብ መወዳእታ 1936 ኦርዌል ኣብ ጎኒ ሪፐብሊካን ተሰሊፉ ንክዋጋእ ናብ ስፔይን ዘሚቱ። ኣብቲ ውግእ ድማ ቆሲሉ። “Homage to Catalonia” ዝብል ድርሰቱ እቲ ኹናት ሕድሕድ ዘርእይ እዩ። ብ1938 ብጣዕሚ ስለዝሓመመ ፈውሲ ኣልቦ ሕሙማት ኣብ ዝሕከምሉ ጣብያ ኣተወ። ብድሕሪ እዚ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ሕማሙ ክድሕን ኣይከኣለን

ነይሩ። ንሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብ ሞሮኮ ነቢሩ። ኣብኡ ድማ “Coming Up for Air” ዝብል ድርሰቱ ፀሓፈ። ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብዓጃቢ እንተገልግል ንማዕኸን ዜና ቢቢሲ ድማ ሪፖርተር ኮይኑ ይሰርሕ ነይሩ።

ካብ 1941 ክሳብ 1943 ብግንባር ምብራቕ ተሳቲፉ እዩ። “ትሪቢዩን” ንዝተብሃለ ጋዜጣ ከም ዋና ኣርታዒ ኮይኑ ካብ ምግልጋሉ ብተወሳኺ ናይ ፖለቲካን ስነ-ፅሑፍን ርኢቶታት ብቐዋምነት የቕርብ ነበረ። ን“ኦብዘርቨር”ን “ማንቸስተር ኒውስ”ን ‘ዉን ፅሑፋት ኣበርኪቱ እዩ። ፍሉይ ዝኾነ ናይ ፖለቲካዊ ኣሽሙር መፅሓፉ ወያነ እንስሳት (Animal Farm) ብ1945 ተሓቲሙ።

ኦርዌል ወያነ እንስሳት ፅሒፉ ምስወደአ ግን ንምሕታም ብዙሕ መከራ ሪኡ እዩ። ኣርባዕተ ፍሉጣት ናይ እንግሊዝ ቤት ሕትመታት እቲ መፅሓፍ ንምሕታም ፍቓደኛታት ከይኾኑ ተሪፎም። ነዚ ዓብዩ ምኽንያቱ ድማ ናይ እንግሊዝ ምልላይ ቤት ፅሕፈት ናይቲ መፅሓፍ ምሕታም ይቃወም ስለዝነበረ ፤ ምስ እቶም ኣሐተምቲ ትካላት ብዝገበሮ ዉዕሊ መሰረት ነበረ። ቀዳሞት ዝኾኑ ናይ ኦርዌል ስራሕቲ ብምሕታም ወኪሉ ዝነብረ Gollancz መፅሓፍ ወያነ እንስሳት ንምሕታም ድሕሪ ምርካቡ ፤ ምስ ምልላይ ቤት ፅሕፈት ተዘራሪቡ እቲ መፅሓፍ ከምዘየሐትሞ ንኦርዌል ኣፍሊጥዎ እዩ። ፍሉጥ ገጣሚ T.S. Elliot ዳይሬክተር ዝነበረሉ Faber and Faber ዝበሃል ኣሐታሚ ትካል ‘ዉን መፅሓፍ ወያነ እንስሳት ካብ ሕትመት ኣጊድዎ።

ናይ እንግሊዝ ምልላይ ቤት ፅሕፈት ናይ ኦርዌል ወያነ እንስሳት (ኣኒማል ፋርም) ንከይሕተም ፅዕንቶ ይገብረሉ ዝነበረ ቀንዲ ምኽንያት ፤ እቲ መፅሓፍ ናይ ሶቪየት ሕብረት መንግስታዊ ምሕደራ ትሕዝቶን ዉልቀ-መለኽቲ መራሕቱ (ስታሊንን ሰዓብቱን) ብሓሰማ ትእምርትነት

(ሲምቦሊዝም) ብምቅላዕ ዝቐረበ ብምዃኑ ፤ ናይቲ መፅሓፍ ምሕታም እንግሊዝን ኣሜሪካን በቲ ሽዑ እዋን ምስ ሩስያ ዝነበረን ርክብ ኣብ ሓደጋ ከውድቖ እዩ ብዝብል ፍርሒ እዩ። ጆርጅ ኦርዌል መንግስቲ እንግሊዝ ዝገበረሉ ፅዕንቶ ብምቅዋም ዝተፈላለዩ ጥርዓናት ኣቕሪቡ። ይኹን እምበር ብ1945 Secker and Warburg ዝተብሃለ ኣሐታሚ ትካል ፤ መፅሓፍ ወያነ እንስሳት (ኣኒማል ፋርም) ቀዳማይ ሕታም ብምውፃእ ኣብ ኢድ ኣንበብቲ ክበፅሕ ገይሩ።

ብ1996 'ታይም' መፅሄት ወያነ እንስሳት ኣብ ምዕራባውያን ብሉፃት መፃሕፍቲ ኣብ ዝበሃል ምድብ ውሽጢ መዲብዎ እዩ። ከምኡ 'ዉን ኣብ መበል ዕስራ ክፍለ ዘበን ካብ መንጎ ሓደ ሚኢቲ ብሉፃት ናይ ስነ-ፅሑፍ ስራሕቲ መበል 31 ደረጃ ዝርከብ ወያነ እንስሳት (ኣኒማል ፋርም) እዩ።

ብ1995 ብ"ፔንጉዩን"ን ብ"W H Smith"ን ናይ መፅሓፍ ኣሐተምቲ ወያነ እንስሳት ናይቲ ክፍለ ዘበን ብሉፅ ተነባቢ መፅሓፍ ዝብል ሽልማት ረኺቡ። "Animal Farm"ን "Nineteen Eighty-Four"ን (ብ1949 ዝተሓተመ) ዝተብሃሉ መፃሕፍቲ ጆርጅ ኦርዌል ኣብ ዓለም ህቡብ ክኾውን ገበርዎ።

ጆርጅ ኦርዌል ብ1950 ኣብ ለንደን ዓሪፉ። ህይወቱ ቅድሚ ምሕላፉ ቅድሚ ሒደት መዓልታት ዴዝሞልድ ማክካርቲ ዝተብሃለ ፈታዊኡ ኣብ ዝለኣኸሉ መልእኽቲ "ኣብ ናይ እንግሊዝ ስነ-ፅሑፍ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ኣበርክቶ ጌርካ ኢኻ። ኣብ ናትኻ ትውልዲ ንዘልኣለም ካብ ዝዝከሩ ውሑዳት ሓደ ኢኻ።" ኢሉ ነይሩ።

መእተዊ

ናይ ኦርዌል መፅሓፍ ኣብ ኢድ ቁፅፅረይ ምስወዓለ ፤ ጉልባቡን ናይ ፈለማ ሓሙሽተ ገፃትን ምስኣንበብኩ "እንታይ እዩ'ሞ ነበረያ ነበረ? እዚ መፅሓፍ ንዓበይቲ ድዩ ተፃሒፉ ንህፃውንቲ?" ኢለ ከየለኣምኩ ዓፂፈ ኣቐሚጠዮ።

ድሕሪ ዓመታት ገፀይ ካብ ገፅ-መፅሓፍ (facebook) ናብ መፅሓፍ ኣዚረ ፤ እቲ መፅሓፍ ሓሙዱ ኣራጊፈ ብትዕግስቲ ኣንቢበዮ ኣይተረደኣንን ፤ google translate. . . ተበልኩ ተሾኊሩ። ኣብ ትርኣሰይ ኣቐሚጠ ወግሐ ፀብሐ ይሪአኒ ይሪኦ። መዝገበ ቃላት ትግርኛ ኣምፂአ ፤ እንታይ እዩ ዝብል ዘሎ? ኢለ ሓተትክዎ። ሀ. . .ሁ ኢሉ ኣረደኣኒ። ጭሕመይ እናደራረዝኩ ፤ እህም. . . ክስታይ ማለት ድዩ? እወ! ክስታይ እንተኾይኑ እሞ እንታይ? እንድዒ!

ወያነ እንስሳት ናይ ኦርዌል 'ኣኒማል ፋርም' ዝብል መፅሓፍ ብትግርኛ ዝተውሃቦ ስያመ እዩ።

እዚ ስያመ ዝተሓረየሉ ቀንዲ ምኽንያት ትሕዝቶ እቲ መፅሓፍ ኣጉሊሁ ዘርእይን ን"ኣኒማል ፋርም" "ሕርሻ እንስሳት" ካብ ዝብል ቀጥታዊ ፍታሕ "***ወያነ እንስሳት***" ዝብል ዝበለፀ ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ንዝኾኑ ኣንበብቲ ትርጉም ኣለዎ ብምባል ስለዝኣመንኩሉ እዩ።

ወያነ እንስሳት ፤ ጆርጅ ኦርዌል ኣብ ናይ ሩስያ ዓመፅ ዝተዓዘቦን እቲ ዓመፅ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘስዐቦ ናይ ፖለቲካዊ ፣ ኢኮኖምያዊን ማሕበራዊን ፀገም ኣሽሙራዊ (ሳቲሪካል) ብዝኾነ ኣቀራርባ ዘቃለዐሉ ስራሕ እዩ።

ናይ ወያነ እንስሳት ጭብጢ ፤ ብናይ ወድሰብ ጨቋኒ ምሕደራ ዘምረሩ እንስሳት ካብ ጥሜት ፣ ድኽነት ፣ ብዝበዛ ፣ ኢ-እንስሳዊ ምሕደራ ሓራ

ንምውፃእን ባዕሎም ንባዕሎም ንምምሕዳርን ኣብ ልዕሊ ገዛእቶም ዓመፅ ምልዓሎምን መሰረታዊ ለውጢ ምግባሮምን ጥራይ ዘይኮነስ ፤ እቲ ዓመፅ ኣብ ህይወቶም ዘስዐቦ ፖለቲካዊ ፣ ኢኮኖምያዊን ማሕበራዊን ለውጢ 'ዉን ትእምርታዊ (ሲምቦሊክ) ብዝኾኑ ገፀ-ባህርያት ናይ ታሪኽ ፍፃመ ኣዋዲዱ ሓተታ ዝገብር እዩ።

ወያነ እንስሳት ዕምቆትን ብስለትን ዘለዎ ፣ ኣመራማሪን ንሕልና ዝሙጉትን መፅሓፍ ብምኧኑ ብርክት ዝበሉ ናይ ሕ/ሰብ ሳይንስ ፣ ፖለቲካን ስነ-ፅሑፍን ምሁራት ብዙሓት መፅናዕታዊ ፅሑፋት ዘቕረብሉን ኣብ ምቕራብ ዝርከብሉን ብሉፅ መፅሓፍ ኮይኑ ይርከብ። ካብ ሞንጎ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝርከቡ ምሁራት ቋንቋን ስነ-ፅሑፍን ብወያነ እንስሳት ኣቢሎም ዘቕረብዎ መመረቒ ፅሑፍ (ቴሲስ) ናይ ፒኤች ዲ (ዶክትሬት ኦፍ ፊሎዞፊ) ዲግሪ ረኺቦም እዮም።

ብሓቂ ከምዚ ዝበለ ዕምቆት ዘለዎ መፅሓፍ ትሕዝትኡን ፅባቐኡን ሓልዩ ካብ ዝተፅሓፈሉ ቋንቋ ወፃኢ ምትርጓምን ናብ ኣንበብቲ ምብፃሕን ዓብዩ ጥንቃቐ ምግባርን ደኺሙኒ ከይበልካ ደጋጊምካ ናይ እርማት ስራሕ ምስራሕን ይሓትት።

ኣብዚ ናይ ትርጉም ስራሕ ብዝተኸኣለ መጠን ናይ ኦርዌል ኣፀሓሕፋ ስልቲ ምስ ትሕዝትኡ ንምዕቃብ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። ሓሓሊፉ ግን ነዋሕቲ ዓንቀፃት መልእኽቶም ዓቂቦም ናይ ኣንባቢ ቀልቢ ብዝስሕብ ናብ ሓደሽቲ ዓንቀፃት ተኸፋፊሎም ኣለዉ። ናይ ኣንበብቲ ዓይኒ ካብ ምስሓብን እቲ መልእኽቲ ንምሕላፍ ምችው ካብ ምግባርን ወፃኢ ፤ እዚ ናይ ዓንቀፃት ምክፍፋል ኣብ ትሕዝቶ እቲ ትርጉም ዘምፅኦ ለውጢ የለን።

ኦርዌል እቲ መፅሓፉ "ሕርሻ እንስሳት" (ኣኒማል ፋርም) ዝብል ስያመ ዝሃቦ ፤ እቶም እንስሳት ድሕሪ እቲ ዓመፅ ነቲ ሕርሻ ጣብያ ዝሃብዎ ስያመ

እንትኸውን ፤ ኣብ ናይ ውሽጢ ገፃት ናይ ኦርዌል ስያመን ኣጠቓቕማን ቃል ብቃል ትርጉሙ ከይተለወጠ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ፤ ኦርዌል ነቲ መፅሓፍ ኣብ ዓሰርተ ምዕራፋት እንትመቕሎ ፤ ንሕድሕድ ምዕራፍ መፍለዪ ዝተጠቐመሉ ቁፅርታት እዩ። እንተኾነ ‘ዉን ኣብዚ ትርጉም ሕድሕድ ምዕራፍ ሓተታ ካብ ዝገብሮ ጭብጢ ብምልዓል ነቲ ምዕራፍ ግቡእ እዩ ኢለ ዝኣመንኩሉ ርእሲ ሂበ ኣለኹ። እዚ ድማ ነቲ መልእኽቲ መጠናኸሪን ነቶም ምዕራፋት ‘ዉን ተወሳኺ ጣዕሚ ይፈጥር እዩ ብዝብል።

ኣብ መፅሓፍ ወያነ እንስሳት ካብ ዝርከቡ ገፀ ባህርያት ፤ ምስ ኣብ ገሃዳዊ ዓለም ዝነበሩ መራሕቲ ዘለዎም ምምስሳል (ሲምቦሊዝም) ኣንበብቲ ነዚ ናይ ትርጉም ስራሕ ከም መሰጋገሪ ንምግባር ንኣብነት ዝኣክል እዞም ዝስዕቡ ንርኣይ።

ሜዠር ዓብዪ ፤ ንፍትሒ ፣ ንሓርነት ፣ ንማዕርነትን ሰናይ ምምሕዳርን ካብ ኣድማስ ዝሰፍሐ ራኢ ነይርዎ። ኣብ ናይ ኣይተ ጆንስ ሕርሻ ጣብያ እቲ **ዓመፅ** ክለዓል ነቶም እንስሳት ናይ ስነ-ልቦናን ስነ-ሓሳብን (ኣይድዮሎጂ) ዕጥቂ ዝሃቦም ሜዠር ዓብዪ እዩ።

ብዙሓት ወያነ እንስሳት ዝተንተኑ ናይ ሕ/ሰብ ሳይንስ ፣ ፖለቲካን ስነ-ፅሑፍን ምሁራት ሜዠር ዓብዪ ኣብ ዉሽጢ ገሃዳዊ ዓለም ዝነበረ ናይ ኮሚኒስት ማኒፌስቶን ናይ ካፒታሊዝም ፀሓፊን ኢኮኖሚስትን ፈላስፉን (ፊሎዞፈር) ኮሚኒስት ካርል ማርክስ ይዉክል ወይ “ሲምቦላይዝ” ይገብር ይብሉ። ካልኦት ድማ ሜዠር ዓብዪ ማርክስን ሌኒንን ብምጥማር ዝቐረበ ትእምርቲ እዩ ኢሎም ‘ዉን ፅሒፎም።

ካርል ማርክስ ብህይወት እናሃለወ ኣብ ዓለም ኩሎም ሸቃሎ ክዕምፁን ኣብ ካፒታሊስት ጨቆንቲ ክለዓሉን እናምሀረ’ኳ እንተነበረ ፤ እቲ ዓመፅ ተወሊዑ እቲ ሸቃላይ (ሰራሕተኛ) ህዝቢ ስልጣን ሒዙ ከይረኣየ

ህይወቱ ሓሊፉ። ሜዝር ዓብዪ ‘ዉን እቶም እንስሳት **ዓመፅ** ከልዕሉ ዋላ’ኳ እንተምሃሮም ፧ እቲ **ዓመፅ** ምልዓሉ ከይረኣየ እዩ ዝሞተ።

ስኖውቦል ፧ ኣብ ልዕሊ ጆንስን መሳርሕቱን ዝተገበረ **ዓመፅ** ካብ መንጎ ዝመርሑ ሓደን ቀንድን እንትኾውን ፧ ናይ ሜዝር ዓብዪ ትምህርቲ ኣስፋሕፊሑ እንስሳውነት (ኣኒማሊዝም) ዝፈጠረ ብሩህ ኣእምሮ ዝወነነን ጠንካራ ናይ ስራሕ ባህሊ ዝነበሮን ወያናይ ነይሩ።

ብዙሓት ንወያነ እንስሳት ዝተንተኑ ምሁራት ፧ ስኖውቦል ምስ ሩስያዊ ኣባል ቦልሼቪክ ፓርቲ ሊዮን ትሮትስኪ የዛምድዎ። ትሮትስኪ ምስ ሌኒን ብምኳን ኣብ ሩስያ ናይ ቦልሼቪክ ወያነ ዘቀፃፀለ ወያናይ ምሁር ነይሩ።

ትሮትስኪ ድሕሪ ሞት ሌኒን ስልጣን ብሓይሊ ንዝወሰደ ናይ ስታሊን ምሕደራ ብምንቃፉ ፧ ካብ ኮሚኒስት ፓርቲ ተባሪሩ ካብ ሃገሩ ሩስያ ተሰዲዱ እንትነብር ፧ ስታሊን ብዝለኣኾም ቐተልቲ ኣብ ዉሽጢ ሜክሲኮ ህይወቱ ሓሊፉ።

ናፖልዮን ፧ ንባዕሉ ንፕሬዝዳንትነት ብሕታዊ ሕፁይ ገይሩ ዘቕረበ ናይ ሕርሻ እንስሳት ፍፁም ዉልቀ-መላኺ መራሒ ነይሩ። ድሕሪ ዓወት ናፖልዮን ብዝመስረቶ ምምሕዳር (መንግስቲ) ፧ እቶም እንስሳት ቅድሚ ሐዚ ኣብ ዘበነ ጆንስ እኳ ሪኦምዎ ብዘይፈልጡ ኩነታት ፧ ብዘረፋን ጭካነ ዝተመልአ ግፍዓዊ ኣገዛዝኣን ክብስብሱ ገይሩ እዩ።

ኣብ ዉሽጢ መፅሓፍ ወያነ እንስሳት ፧ ናፖልዮን ናይ ሩስያ ዉልቀ-መላኺ መራሒ ጆሴፍ ስታሊን የንፀባርቕ ብምባል ዝተንተኑ ናይ ሕ/ሰብ ሳይንስ ፣ ፖለቲካን ስነ-ፅሑፍን ሊቃዉንቲ ውሑዳት ኣይኮኑን።

ስኩለር ፤ ኦርዌል ካብ መንጎ ኣብ መፅሓፍ ወያነ እንስሳት ዘንፀባረቖም ኣገረምትን ኣመራመርትን ገፀ-ባህርያት ሓደ እዩ። ካብቶም መራሕቲ ዓመፅ ሓደ ዝኾነ ስኩለር ፤ "እምኒ ሕምባሻ እዩ" ኢሉ ከእምን ዝኽእል ጥበብ ነይርዎ። በዓል ብሩህ ኣእምሮን ንቑሕ ተዛራብን እንትኸውን ፤ ናይ ካልኦት ሓሳብ (ንፅቡቕ ዕላማ ከይኮነስ ንምጭብርባር ወይ ድማ ሓቂ ንምዕፋን) ናይ ምቕያር ሓይሉ ምስ ኣዘራርባ ስልቱ ተደሚሩ ተወዳዳሪ ዘይብሉ "መጭበርበሪ" ፖለቲከኛ ይገብሮ።

ብርክት ዝበሉ ፀሓፍቲ ፤ ስኩለር ምስ ናይ ሶቭየት ሕብረት ናይ ስታሊን ፕሮፖጋንዲስት ሞሎቶቭ ፤ ገሊኦም ድማ ምስ ናይ ኮሚኒስት ፓርቲ ወሃቢ ቃል "ፕራቭዳ"ን ፤ ከምኡ 'ዉን ናይ ናዚ ፓርቲ ሓላፊ ክፍሊ ፕሮፖጋንዳ ዶ/ር ጆሴፍ ጎብልስ ኣነፃፂሮም የቕርብዎ።

ወያነ እንስሳት ብኻልኦት ብርክት ዝበሉ ገፀ-ባህርያት ዝተመልአ መፅሓፍ እንትኸውን ፤ ንኣብነት ብጣዕሚ ኣመራማርን ሕንቅልሕንቅሊተይ ካብ ሞንጎ ዝኾኑ ሸማግለ ቤንጃሚን ፣ እቲ ሰባኺ ሙሴ ፣ ክሎቨር ፣ ቦክሰር ፣ ሕቡኣት ፖላዊስ ፣ ኣይተ ፒልኪንግተን ወ.ዘ.ተ ኣብ ገሃዳዊ ዓለም ናይ እንፈልጦ ህይወት ነፀብራቕ ኮይኖም ይርከቡ።

ብዛዕባ ትሕዝቶን ገፀ-ባህርያትን መፅሓፍ ወያነ እንስሳት እዚ ካብ በልኩ ፤ **ናይ ወያነ እንስሳት ፋይዳ እንታይ ይኸውን?** ኣብ ዝብል ሓደ ሓደ ነጥብታት ምጥቃስ ኣድላዪ ኮይኑ ረኺበዮ።

እቲ መፅሓፍ ኣብ ዝተሓተመሉ ዘበንን እዋንን ብዙሓት ትንታነታት ዝሃቡ ሰብ ሞያ ፤ እቲ መፅሓፍ ዝመርመርሉ ኣብቲ ሽዑ እዋን ናይ ሶሻሊስት ስነ-መንግስታውን ስነ-ፖለቲካውን ኣወቓቕራን ምሕደራን ተሞርኲሶም እዮም።

ዝሑል ኲናት (Cold war) ምስኣብቀዐን ከምዝፍለጥ ዘበነ-ኮምዩኒዝም 'ዉን ካብ ዘብቅዕ ዓመታት ተቖጺሮም። ይኹን እምበር ፤ ምናልባሽ ካብ ዘበነ-ኮምዩኒዝም ብዝዛየደ ፤ ብሽም ዴሞክራሲን ልዕልና ህዝብን ብዝሸቅጡ ዉልቀ-መለኽቲ እናተሳቐዩ ዝርከቡ ሃገራት ቁፅሮም እናዛየደ ይኸይድ ኣሎ።

ነዚ እዩ ድማ ኣብ ናይዚ ዘበን ትውልዲ ዘለዉ ናይ ሕ/ሰብ ሳይንስ ፣ ፖለቲካን ስነ-ፅሑፍን ሰብ-ሞያ ፤ ናይ **ወያነ እንስሳት** ጭብጢ ሕቡእ ትርጉም (ኢምፕሊኬሽን) ወይ ትእምርትነት (ሲምቦሊዝም) ሐዚ እውን ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ፣ ማእኸላይ ምብራቕ ፣ ርሑቕ ምብራቕ ፣ ምብራቕ ኣውሮፓን ደቡብ ኣሜሪካን ብሽም ዴሞክራሲን ፍትሓዊ መረፃን ዝሸቅጡ ዉልቀ-መለኽቲ መንግስታት ናይ ፖለቲካዊ ፣ ኢኮኖምያዊን ማሕበራዊን ብልሹዉ ምሕደራ ፣ ዝተዋደደ መንግስታዊ ስርቂ ሃፍትን ጥሪትን ሃገርን ህዝብን ፣ ግዕዝይና ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት እናተፈፀመ ዘሎ ሰብኣውነት ዝጎደሎ ግፍዕን በደልን ወ.ዘ.ተ ከም መስታወት ብንፁር ናይ ምርኣይ ሓይሉ ዘበን ዘይገደቦ ፣ ዶብ ዘይዓገቶ ዓለምለኻዊ መፅሓፍ ምዃኑ ብኣንክሮ ዝገልፁ።

ወያነ እንስሳት ተተርጒሙ ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ንዝኾኑ ኣንበብቲ ዝቐረበሉ ቀንዲ ምኽንያት እዚ እዩ - ዶብ ዘይኸልከሎ ፣ ዘበን ዘይገደቦ ፣ ዓለማውን ገሃዳውን ሓቂ ዘንፀባርቕን ምዃኑ!!

ለበዋ . . .

እዚ መፅሓፍ ዝህቦ ሕቡእ ትርጉም (ኢምፕሊኬሽን) ከከም ሰቡ ዝተፈላለየን ምስ ገሃዳዊ ዓለም ዘለዎ ዝምድና ድማ ብኣንፃር ግዜ ፣ ቦታ ፣ ኩነታትን ውልቀ ተሞክሮን ዝተፈላለየ ምኧኑ ግልፂ እዩ። ዕላማ ምትርጓም እዚ መፅሓፍ ንሓዱሽን መፃእን ወለዶ ስንቂ ክኸውንን ፤ ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝኾኑ ህዝብታት ድማ እዚ ዓለምለኻዊን ዘበን ተሳጋርን ትሕዝቶ ዘለዎ መፅሓፍ ብቛንቆኦም ኣንቢቦም ፤ እቲ መፅሓፍ ዘሕልፎ መልእኽቲ ብትኽክል ክርድእዎ ምእንታን ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ።

እዚ መፅሓፍ ብትኹረት ኣንቢብካን መርሚርካን መልእኽቱ ብምርዳእ ፤ ምስ ዘለናሉ ዓለማውን ገሃዳውን ሓቂ ምዝማድ ናይ ሕድሕድ ኣንባቢ ገዛ ዕዮ ይኸውን።

“ዝዘሓለ ገዓትን ዝቐነየ ዜናን ሓደ እዮም ፤ እቲ ኣይጥዕም እቲ ድማ ኣየገርም!” ስለዚ ፍትዋት ፤ መፅሓፍ ‘ወያነ እንስሳት’ ኣብ ኢድ ቁፅፅርኩም እንተውዒላ ቀልጢፍኩም ብትኩሳ ኣንብብዋ።

እኒሀ

‘ወያነ እንስሳት’ . . .

ሰናይ ንባብ!

ሓለፎም ደስታ ፍፁም
መስከረም 2015 ዓ.ም
መቐለ - ትግራይ

ቀዳማይ ምዕራፍ

ሕልሚ ሜዠር ዓብዩ

"ብድሕረይ ዳንደር ትብቆል"

ናይ ሕርሻ ማኖር (Manor Farm) ወናኒ **ኣይተ ጆንስ** ፤ ምስመሰየ እቲ ናይ ደርሁ መሕደሪ ዋላ'ኳ እንተዓፀዎ ፤ ልዕሊ ዓቕን መስተ ሰትዩ ስለዝነበረ ግና እቶም መሽለኹታት ከይዓፀወ ረሲዕዎም። ኣብ ኢዱ ዘንጠልጠሎ ፋኖስ የማነ ፀጋም እናደነሰ ብዝህቦ ብርሃን እናተመርሐ ፤ እቲ ሜዳ ኣቋሪፁ ኣብ በሪ ገዝኡ ምስበፅሐ ፤ ቡቲ ጫምኡ ኣውፂኡ ኣተወ። ኣብ ክሽነ ካብ ዝርከብ ናይ ቢራ መጠራቕሚ ገንኢ ናይ መወዳእታ ብርጭቆ ቢራ ቀዲሑ እናሰተየ ፤ ናብ ወ/ሮ ጆንስ እናሓርነኸትሉ ዘላ መደቀሲ ከደ።

ናይቲ መደቀሲ ክፍሊ መብራህቲ ምስጠፍአ ፤ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ውሽጢ ኣብ ዘለዉ ህንፃታት ናይ ሕሹኽሹኽን ዕጉምጉምን ድምፂ ነበረ። ሜዠር ዓብዩ ፤ እቲ ዘይተቐጥቀጠ ፃዕዳ ሓሰማ ፤ ኣብ ዝሓለፈ ለይቲ ሓዱሽ ዝኾነ ሕልሚ ከምዝረኣየን ፤ እቲ ዝረኣዮ ሕልሚ ድማ ነቶም ኣብ ሕርሻ ጣብያ ዝነብሩ ኩሎም እንስሳት ከካፍሎም ከምዝደልይን ሙሉእ መዓልቲ ኣብ መንጎኦም ክውረ ውዒሉ ነይሩ። ብመሰረት ስምምዕነቶም ኣይተ ጆንስ ከረው ኢሉ ምስደቀሰ ኣብቲ ዓብዩ መኽዘን ተኣከቡ። **ሜዠር ዓብዩ** (ዋላ'ኳ ኩሉግዜ በዚ ሽም ዝፅዋዕ እንተኾነ ፤ ብዕሊ ዝወፆ ሽም ግና ናይ ዊሊንግደን ቆንጆ ዝብል ነበረ) ካብቶም ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ዝነብሩ ኩሎም እንስሳት

ዝተኸበረ ብምኧኑ ፤ ናይ ሓደ ሰዓት ድቃስ መስዋእቲ ብምግባር ዘረብኡ ንምስማዕ ኩሎም እንስሳት ተዳልዮም ነበሩ።

ኣብ ሓደ ፀግዒ እቲ ዓብዪ መኽዘን ውሽጢ ፤ ካብ መሬት ንእሽተይ ብርኽ ዝበለ መድረኽ ዝመስል ኣብ ዝተጎዝጎዘ ደረቕ ሳዕሪ ፤ ኣብ እግሪ እቲ ኣብ ጫፉ ፋኑስ ዝተንጠልጠሎ ዓንዲ ሜዠር ይፅበ ኣሎ። ዕድሚኡ ዓሰርተ ኽልተ ዓመት እዩ። ዋላ'ኳ ካብ ቀረባ እዋን ጀሚሩ ሰብነቱ እንተሃጠረን ዓቃቢቶ ኣስናኑ ተቖሪፆም ዘይፈልጡን እንተኾኑ ፤ ሜዠር ናይ ብስለትን መስተውዓላይነትን ባህሪ ዝተላበሰ ሓሰማ ነበረ። ብቕልጡፍ ካልኦት እንስሳት 'ዉን እናመፁ ብዝጥዕሞም ዝተመቻቸወ ቦታ ምሓዝ ጀመሩ። ቀዲሞም ዝበፅሑ እቶም ሰለስተ ኣኽላብ ነበሩ ። ብሉቤል ፣ ጄሲን ፒንቸርን። ቀፂሎም ድማ እቶም ሓሰማታት መፁ። ኣብቲ መድረኽ ፊትንፊት ኣብ ዝተጎዝጎዘ ሳዕሪ ድማ ተቐመጡ። ደርሁ ድማ ኣብ ናይ መስኮት ልዳት ተኾደማ። እተን ርግቢታት ድማ ኣብ ሙራለ ዓረፋ። ኣባጊዕን ኣላሕምን ብድሕሪ ሓሰማታት ግድም ኢለን ምኹምሳዕ ተተሓሓዝኦ። በዓል ክልተ እግሪ ጋሪ ዝጎቱ ኣፍራስ **ቦክሰርን ክሎቨርን** ድማ ተመራሪሖም ኣተዉ። በቲ ጨጓርን ገዚፍን ሸኾነኦም ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተጎዝጎዘ ሳዕሪ ዘለዉ ኣናእሽቱ እንስሳት ከይረግፁ ብጥንቃቐ እናሰጎሙ።

ክሎቨር ኣብ ማእኸላይ ክሊ ዕድመ እትርከብ ፤ ራብዓይ ውላዳ ድሕሪ ምውላዳ እቲ ዝነበረ ቕርፂ ኣካላታ ምምላስ ዘይከኣለት ገዚፍ ሰብነት ዘለዋ ኣንስተይቲ ፈረስ እያ። **ቦክሰር** ገዚፍ እንስሳ እዩ። ከባቢ ዓሰርተ ሸሞንተ እመት ቁመት ዘለዎን ናይ ክልተ ኣፍራስ ጉልበት ዝኣክል ጥንካረ ዝወነነን እዩ። ብመንጎ ኣፍንጭኡ ሰንጢቑ ዝሓልፍ ፃዕዳ መስመር ናይ ዓሻ ገፅ ዘለዎ እኳ እንተምሰሎ ፤ ብሓቂ ብበሊሕነቱ ኣይሕመን። ግን ድማ ተወላዋላይ ዘይኮነ ባህሪ ዘለዎን ጠንካራ ሰራሕተኛ ብምኧኑን ኩለመዳያዊ ክብሪ ዝረኸበ እዩ። ካብ ኣፍራስ ቀፂሎም ዝመፁ **ሙሬል** እትበሃል ፃዕዳ ጤልን **ቤንጃሚን** ዝበሃል ኣድግን እዮም።

ቤንጃሚን ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ካብ ዘለዉ ኩሎም እንስሳት ብዕድመ ዝዓበየን ስምዒቱ ብትኽክል ዘይፍለጥን ነበረ። ሓሓሊፉ ጥራይ እዩ ዝዛረብ። ተተዛሪቡ ‘ዉን ፤ ንኣሽሙር። ንኣብነት ፤ “እግዚኣብሄር ጭራ ዝሃበኒ ሃመማ ከባርረሉ ኢሉ እዩ ነይሩ ፤ ግን ኣብ ቀረባ እዋን ጭራ ‘ዉን ኣይህልወንን ሃመማ ‘ዉን ኣይወሩንን” ይብል። ካብ መንጎ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ዝርከቡ እንስሳት ስሒቑ ዘይፈልጥ ብሕታዊ ፍጥረት። ንምንታይ ስሒቕካ ዘይትፈልጥ? ተባሂሉ እንትሕተት ፤ “ዘስሕቕ ነገር ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን” ይብል። ዋላ’ኳ ብግልፂ ኣይዛረብ ንቦክሰር ፍፁም ተኣማኒ ነበረ። ኣብታ ንእሽተይ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ማዕዶ ዝርከብ ናይ ሳዕሪ ቦታ ፤ ኩሉግዘ ሰንበት ምስ ቦክሰር ኮይኖም ጎኒ ንጎኒ ከይተዘራረቡ ብስቕታ ሳዕሪ ክግህፁ ይውዕሉ።

ክልቲኦም ኣፍራስ ጎኖም ምስኣዕረፉ ኣዲኣን ዝጠፍኣተን ጨቓዊት ደርሁማይ ገለ እናለቓቐማ ፤ ብኻልኦት እንስሳት ከይርገፃ የማነ ፀጋም ቆላሕ መናዕ እናበላ ፤ መዕረፊ ዝኸውን ምቹው ቦታ እናኣለሻ ፤ ብዓጀባ ናብቲ መኽዘን ኣተዋ። ክሎቨር ብናይ ቅድሚት ኣእጋራ ከም ቀለበት ኣብ ዝከለለቶ ክቢ ዉሸጢ ኣትየን ድሕሪ ምድልዳለን ድቃስ በጥ በላ። ናይ ኣይተ ጆንስ መመላለሲት ጋሪ እትጎትት በሃምን ምልክዕትን ዝኾነት ፃዕዳ በቕሊ ፤ **ሞሊ** ፤ ስዉንዉን እናበለት ሸኮር እናልመፀት መፀት። ኣብ ቅድሚት ሰፊሕ ቦታ ሓዘት። ፃዕዳ ፉረኣ ዘው እናበለት ፤ ኣብ ክሳዳ ዝተኣሰረ ቀይሕ ሪቫን ምእንታን ክረኣየላ ትሻፍድ ነበረት። ኣብ መወዳእታ ዝመፀት ድማ ድሙ እያ። ዙርያኣ ተዓዘበት ፤ ዝሞቐ ቦታ ንምርካብ። ቀፂላ ድማ ኣብ መንጎ ቦክሰርን ክሎቨርን ተሸጎጠት። ተደላዲላ ደቂሳ ምንርራው ተተሓሓዘቶ። ካብ ናይ ሜዠር ዘረባ ዋላ ሓንቲ ቃል’ኳ ኣይሰምዐትን።

ኩሎም እንስሳት ኣብቲ መአከቢ ቦታ ተረኺቡ ፤ ብዘይካ እቲ ኣብ ድሕሪ ማዕፆ ዝርከብ ቦታ ዝድቅስ ፤ ምስ ሰብ ዝተላመደ ፀሊም ኣሞራ

ሙሴ። ኩሎም እንስሳት ቦታ ቦትኦም ሒዞም ብሃንቀውታ ይፅበዩ ከምዘለዉ ዝተረድአ ሜዠር ጎረርሑ ፀራሪጉ ዘረብኡ ጀመረ።

“ብፆት ፤ ትማሊ ለይቲ ብዛዕባ ዝረኣኽዎ ሓዱሽ ዝኾነ ሕልሚ ኩሉኹም ሰሚዕኹም ኢኹም። ብዛዕባ እቲ ሕልሚ ፀኒሐ ክምለሶ እየ። ፈለማ ግን ዝነግረኩም ካልእ ጉዳይ ኣለኒ። ከምዝግምቶ እንተኾይኑ ፤ ብፆት ፤ ኣብ ሞንጎኹም ዝፀንሓሉ ግዘ እናተመናመነ እዩ። ቅድሚ ሞተይ ብልምዲ ዝረኸብክዎ ፍልጠት ንዓኹም ናይ ምሕላፍ ልእኽቶን ግዴታን ኣለኒ። ነዊሕ ዕድመ ነቢረ እየ። ኣብ መሕደሪ ቦታይ ዉሽጢ ኮይነ ዘስተንትነሉ ብዙሕ ግዘ ነይሩ። ኣነ ከምዝኣምነሉ እንተኾይኑ ፤ ከም ዝኾነ ኣብዛ ምድሪ ብህይወት ዝርከብ እንስሳ ኩሉ ፤ ብዛዕባ ናይ ህይወት እንታይነት ልዑል ግንዛበ ኣለኒ። ክዛረበኩም ዝደልዮ እውን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዩ።”

“እሞ ብፆት ፤ እዚ ናትና ህይወት ትርጉሙ እንታይ እዩ? እቲ ሓቂ ንጋፈጦ። ህይወትና ዝተጎሳቖለ ፣ ኣድካምን ዕድመና ‘ዉን ሓፂርን እዩ። ተወሊድና ኢና ፤ ግን ዝወሃበና ምግቢ ነፍስናን ስጋናን ንምፅናሕ ዝኣክል ጥራይ እዩ። ዓቕሚ ክሳብ ዘለና ፤ ክሳብ ናይ መወዳእታ ንጣብ ረሃፅና ክንሰርሕ ንግደድ። ሓይልና ምስተዳኸመን ናይ ምስራሕ ዓቕምና ምስሰኣንናን ድማ መስካሕክሒ ብዝኾነ ጭካነ ንሕረድ። ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝነብር ዝኾነ ይኹን እንስሳ ካብ ሓደ ዓመት ዕድሚኡ ንደሓር ዘሎ ምሕጓስን ምዝንጋዕን እንታይ ምዃኑ ኣይፈልጦን። ኣብ ውሽጢ እንግሊዝ ፤ ዝኾነ እንስሳ ነፃነት ዝበሃል የብሉን። ናይ እንስሳ ህይወት ናይ ባርነትን ስቓይን ህይወት እዩ። እዚ ቅሉዕ ሓቂ እዩ።”

“ግን ፤ እዚ ከይዲ ኣካል ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ስለዝኾነ ድዩ? እዛ እንነብረላ መሬት ኣብ ጓጓኣ ዝነብሩ ፍጡራት ምምጋብን መሰረታዊ ህይወት ምልጋስን ዘይትኽእል ስለዝኾነት ዶ ይኸውን? ኣይኮነን ብፆት። ብፍፁም ኣይኮነን! ናይ እንግሊዝ ሓመድ ልሙዕ እዩ። ኩነታት ኣየራ ፅቡቕ ፤ ሐዚ

ኣብ ጓጓኣ ካብ ዝሰፈርና በዝሒ እንስሳት ብላዕሊ እውን ክትምግብን ብበዝሒ ምህርቲ ክተምርትን እትኽእል ሃገር እያ። እዚ ንሕና እንነብረሉ ሕርሻ ጣብያ'ኳ ደርዘን ኣፍራስ ፣ ዕስራ ኣላሕም ፣ ብኣማኢት ዝቑፀራ ኣባጊዕን ንኹሎም እንስሳትን ብተድላን ብኽብርን ከንብር ዝኽእል እዩ። እዚ ግን ኣብዚ ሕርሻ ጣብያ ንእንነብር ዘይሕሰብ ሕልሚ ኮይኑና ኣሎ። ንምንታይ ደኣ ኣብዚ ዝሽፍአ ህይወት እናነበርና ንቕፅል? ምኽንያቱ ብረሃፅና ዘፍረናዮ ምህርቲ ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ብወድሰብ ስለዝስረቕ እዩ። ብፆት ፤ ቁልፊ ምንጪ ናይ ኩሎም ፀገማትና መልሱ እዚ እዩ። ብሓደ ቃል እንትጠቓለል - **ሰብ** ። ብሕታዊ ፀላኢና ሰብ እዩ። ጥሜትን ልዕሊ ዓቕን ሽቕልን ንሓዋሩ ንምውጋድ - ሰብ ምውጋድ።"

"ከየምረተ ዝምገብ ብሕታዊ ፍጥረት ሰብ እዩ። ፀባ ኣይሕለብ ፤ እንቋቑሖ ኣየውድቕ ፤ ኣርዑትን ነዊትን ምስሓብ ዘይኽእል ዝደኸመ ፍጡር ፤ ማንቲለ ኣጓይዩ ንምሓዝ ዓቕሚ ዘይብሉ። ግን ናይ ኩሎም እንስሳት ንጉስ እዩ። ናብ ስራሕ የዋፍሮም ፤ ትንፋሶም ጥራይ እተፅንሕ ምግቢ እናመገበ ፤ ርሂፆም ዘፍረይዎ ምህርቲ ብሙሉኡ ዓምሪሩ ይወስድ። ናትና ጉልበት መሬት ይሓርስ። ፍታንና ድማ ድኹዒ ኮይኑ መሬት የልምዕ ። ግን ካብ ኣብ ዝባንና ዘሎ ቆርበት ወፃኢ ዝኾነ ይኹን ሃፍቲ የብልናን።"

"ኣትን ኣብ ቅድመይ ዝሪአክን ዘለኹ ኣላሕም ፤ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክንደይ ሽሕ ሊትር ፀባ ኢኽን ተሓሊብክን? ንኣምራኹትኽን ጉልበትን ሰብነትን ክኾኖም ዝግባእ ዝነበረ ፀባ ናበይ ከይዱ? ሕድሕድ ንጣብ ብሙሉኡ ናይ ፀላእትና ጎሮሮ ኣተርኪሱ ሓሊፉ እዩ። ኣትን ደርሁ ፤ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክንደይ እንቋቑሖ ኣውዲቕክን? ካብቲ ዘውደቕክንኦ ኸ ክንደይ ዝኣክል ተጫጪሑ? እቲ ዝተረፈ ብሙሉኡ ንጆንስን ቤተሰቡን ገንዘብ ንምርካብ ዕዳጋ ወሪዱ ተሸይጡ እዩ።"

“ንስኺ ኸ ክሎቨር ፤ ኣብ እርጋንኪ ክጥዉሩኽን ክድግፉኽን ዝነበሩ ኣርባዕቲኦም ግልገላትኺ ኣበይ ኣለዉ? ሕድሕዶም ኣብ ሓደ ዓመት ዕድሚኦም ተሸይጦም። ድሕሪ ሐዚ ብዓይንኺ ኣይትርእዮምን። ብሕርሻ ምድኻምክን ንኣርባዕቲኦም ግልገላትኺን ዓስብኺ እንታይ ኮነ? ነፍስኺ እተፅንሕ ንእሽተይ ቀለብን ፀባብ መሕደሪትን?”

“ዋላ እዚ እንነብሮ ዘለና ዝኸፍአ ህይወት ፤ ዝተውሃበና ዕድመ‘ኳ ክሳብ መወዳእታ ክንነብሮ ኣይተፈቐደልናን። ኣነ ብወገነይ ኣየማርርን ፤ ካብቶም ውሑዳት ዕድለኛታት ሓደ ስለዝኾንኩ። ልዕሊ ኣርባዕተ ሚኢቲ ውላዳት ኣለዉኒ ፤ ዕድመይ እውን ዓሰርተ ኽልተ ዓመት ኮይኑኒ ኣሎ። ናይ ሓሰማ ህይወት ከምዚ እዩ። ግን ኣብ መወዳእታ ካብ ጭካነ ዝተመልኦ ማሕረድቲ ከምልጥ ዝኽእል እንስሳ የለን።”

“ኣቱም ኣብ ቅድመይ ኮፍ ኢልኩም ዘለኹም መናእሰይ ሓሰማታት ፤ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ዓመት ኣብዚ ሕርሻ ጣብያ ናይ ፃዕረ-ሞት ኣውያት እተሰምዕሉ እዋን ክመፅእ እዩ። ካብዚ ዝመፅእ ዘሎ መዓት ክንድሕን ፤ ኣላሕም ፣ ሓሰማታት ፣ ደርሁ ፣ ኣባጊዕ ፣ ኩላትና ሓደ ክንኸውን ይግባእ። ኣፍራስን ኣኽላብን ‘ዉን መፃኢ ዕድልኩም ካብ ናትና ዝተፈለየ ኣይከውንን።”

“ኣንታ ቦክሰር ፤ እዞም ዓበይቲ ቀላፅምካ ሓይሎም ስኢኖም ኣብ ዝዳኸምሉ እዋን ፤ ጆንስ ከይወዓለ ከይሓደረ ንሓረድቲ ፈረስ ክሸጠካ እዩ። ንሶም እውን ክሳድካ ቆሪፆም ስጋኻ ጠቢሶም መህደኒ ብኺርያ ክገብሩኻ እዮም። ኣኽላብ ብዝምልከት ግን ምስኣረጉን ኣስናኖም ምስረገፈን ፤ ጆንስ ኣብ ክሳዶም ጡብ ኣሲሩ ኣብ ቀረባ ናብ ዝርከብ ዒላ ማይ ከጥሕሎም እዩ።”

“በሉ ብፆት ፣ እዚ ኣብ ህይወትና ዝበፅሕ ዘሎ መከራ መሰረታዊ ፍልፍሉ ወድሰብ ምዃኑ ከም ጩራ ብርሃን ግልፂ ዶ ኣይኮነን? ወድሰብ እንተድኣ ኣወጊድናዮ ፣ ኩሉ ናይ ድኻምና ፍረ ናይ ባዕልና ክኸውን እዩ። ኣብ ሓፂር እዋን ሃፋትምን ነፃን ክንኸውን ንኽእል ኢና። እሞ እንታይ ክንገብር ኣለና? ዓቕምና ኩሉ ኣዋፂድና ዘርኢ ወድሰብ ንምጥፋእ ለይትን ቀትርን ምስራሕ! ብፆት ፣ ናተይ መልእኽቲ እዚ እዩ። **ዓመፅ!** እቲ **ዓመፅ** መዓዝ ከምዝለዓል ግን ኣይፈልጥን። ምናልባሽ ኣብ ዉሽጢ ሰሙናት ወይ ኣብ ኣማኢት ዓመታት ክኸውን ይኽእል። ግን ድማ እዚ ኣብ ትሕተይ ዝርከብ ሳዕሪ ከምዝረኣየኒ ፣ ብርግፅ ክዛረቦ ዝኽእል ፣ እቲ ግዘ ይንዋሕ ይሕፀር ፣ ፍትሒ ጋህዲ ክኸውን እዩ። ብፆት ፣ ኣብዛ ሓፃር ዕምሪ ህይወትኩም ዕላማኹም እዚ ይኹን። ካብ ኩሉ ብላዕሊ ድማ እዚ መልእኽቲ ብድሕሬኹም ንዝመፅእ ወለዶ ኣመሓላልፉ ፣ መፃኢ ወለዶ እቲ ቃልሲ ተረኪቦም ብዓወት ክሳብ ዝዛዘም ምእንታን ክቃለሱ።”

“ዘከሩ ፣ ብፆት ፣ ናይ ዕላማ ፅንዓትኩም ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ክልሕልሕ የብሉን። ዝኾነ ዓይነት ዘይምስምዕማዕ ዕላማኹም ከስሕተኩም ኣይግባእን። “ሰብን እንስሳን ሓበራዊ ዝኾነ ድሌት ኣለዎም ፣ ናይቲ ሓደ ምዕባለ ነቲ ሓደ ‘ዉን ምዕባለ እዩ” ብምባል ንዝሰብኩ እዝኒ ኣይትሃብዎም። ኩሉ ሓሶት እዩ። ሰብ ካብ ናይ ባዕሉ ጥቕሚ ወፃኢ ናይ ካልኦት ፍጡራት ጥቕሚ ኣይሕልውን። ኣብ ሞንጎናን ኣብ ቃልስናን ፍፁማዊ ሓድነትን ብፃያዊ ሓልዮትን ይስፈን። **ኩሎም ሰባት ፀላእትና እዮም። ኩሎም እንስሳት ብፆትና እዮም።**”

ኣብ መንጎ እዚ ዓብዪ ህዉከት ተፈጠረ። ሜዠር ኣብ ዝዛረበሉ እዋን ኣርባዕተ ዝሃጠሩ ኣናፅ ካብ ጉድጓድ ወፂኦም ቑጢጥ ኢሎም ኮፍ ብምባል ዘረብኡ የዳምፁ ነበሩ። ነዚ ዝረኣዩ ኣኽላብ ተወርዊሮም ክውሕጥዎም ምስበሉ ፣ እቶም ኣናፅ ብተፈጥሮ ዝተዓደሎም ቅልጣፌ ተጠቂሞም ናብ

ሰፈሮም ተወንጨፎም ብምእታው ህይወቶም ከድሕኑ ኸኣሉ። ኣብዚ ግዘ ሜዢር ፀጥታ ክሰፍን ናይ ቅድሚት ኣእጋሩ ኣልዐለ።

“ብፆት” በለ ሜዢር “ኣብዚ ዕልባት ክወሃቦ ዝግባእ ጉዳይ ኣሎ። ከም ኣናፁን ማንቲለን ዝመሳሰሉ ናይ ዱር እንስሳት ፈተውትና ድዮም ፀላእትና? ኣብዚ ጉዳይ ድምፂ ንሃበሉ። ንሓፋሽ ዘቕርቦ ሕቶ እዚ እዩ ፤ ኣናፁ ብፆትና ድዮም?”

ድምፂ ተውሃበ። ብሓፈሻ ጉባኤ ብዓብላላይ ድምፂ ኣናፁ ‘ዉን ብፆት እዮም ዝብል ውሳነ ተወሰነ። ኮይኑ ግን ኣርባዕተ በዝሒ ድምፂ ስሕተት ተረኺበ። ንሱ ‘ዉን ናይቶም ሰለስተ ኣኽላብን ናይታ ድሙን ነበረ። ብዝተገበረ ምፅራይ ፤ እቶም ኣኽላብን እታ ድሙን ኣብ ተቓውሞን ድጋፍን (ኣብ ክልቲኡ) ድምፂ ምሃቦም ተረጋገፀ። ሜዢር ዘረብኡ ቀፀለ።

“ካብዚ ንደሓር ብዙሕ ዝዛረቦ የብለይን። ደጊመ ከተሓሳስበኩም ዝደሊ ፤ ኩሉግዘ ክትዝክርዎ ዝግባእ ቀንዲ ዕማምኩም ንወድሰብን ተግባራቱን ዘለኩም ፅልኢት እዩ። **ብኽልተ እግሩ ዝኸይድ ኩሉ ፀላኢ እዩ። ብኣርባዕተ እግሩ ዝኸይድ ወይ መንፈር ዘለዎ ኩሉ ፈታዊ እዩ።** ኣንፃር ወድሰብ ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ፤ ፈፂምኩም ናይ ሰብ ተግባራት ከይትወርሱ። ዋላ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዓወት ምስኣመዝገብኩም ፤ ፈፂምኩም ናይ ሰብ ተግባር ከይትወርሱ። ዝኾነ እንስሳ ኣብ ውሽጢ ገዛ ክነብር ፣ ወይ ኣብ ዓራት ክድቅስ ፣ ወይ ክዳን ክኽደን ፣ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ክሰቲ ፣ ወይ ሲጋራ ከትክኽ ፣ ወይ ገንዘብ ክሕዝ ፣ ወይ ክነግድ የብሉን። ዝኾነ ይኹን ናይ ሰብ ልማድ ሰይጣናዊ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ፤ ዝኾነ እንስሳ ኣብ ልዕሊ ካልእ እንስሳ ወፅዓ ከብፅሕ የብሉን። ድኹም ይኹን ብርቱዕ ፤ ሊቅ ይኹን ታራ ፤ ኩላትና ኣሕዋት ኢና። ዝኾነ እንስሳ ንኻልእ እንስሳ ክቐትል የብሉን። ኩሎም እንስሳት ማዕረ እዮም።”

“ሐዚ ድማ ፤ ብፆት ፤ ትማሊ ለይቲ ብዛዕባ ዝረኣኽዎ ሕልሚ ክነግረኩም። ብሓፈሻ ዝረኣኽዎ ሕልሚ ፤ ዘርኢ ወድሰብ ምስጠፍአ ብዛዕባ እትህሊ ዓለም እዩ። ግን ድማ ንነዊሕ እዋን ዝረሳዕኽዎ ካልእ ነገር ኣዘኪሩኒ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ፤ ገና ዕሽል ሓሰማ እናሃለኹ ፤ ወላዲተይን ካልኦት ሓሰማታትን ዜማኡን ካብቲ ግጥሚ ድማ ናይ ፈለማ ሰለስተ ቃላት ጥራይ ዝፈልጠኦን ናይ ቀደም መዝሙር ይዝምራ ከምዝነበራ ዘኪረ። እዚ ዜማ ብዕሽል ዕድመይ ይፈልጦ እኳ እንተነበርኩ ፤ ብግዘ ኺይዲ ግን ካብ ሕልናይ ካብ ዝወፅእ ብዙሕ እዋን ሓሊፉ።”

“ግን ድማ ትማሊ ለይቲ ኣብ ዝረኣኽዎ ሕልሚ ተመሊሱ መፂኡኒ። በዚ ጥራይ ደው ኣየበለን ፤ ናይቲ መዝሙር ቃላት ’ዉን ዘኪረዮም። እወ ፤ ብዘይጥርጥር ፤ ኣብ ቀደም እዋን እንስሳት ይዝምርዎም ዝነበሩ ቃላት ፤ ግን ድማ ካብ ናይ ዘመናት ትውልዲ ሕልና ዝጠፍኡ። እቲ መዝሙር ሐዚ ክዝምረልኩም እየ ፤ ብፆት። ዋላ እኳ ዕድመይ ኣሪገ ድምፀይ ‘ዉን ጓዕራር እንተኾነ እቲ መዝሙር ምስኣምሀርክኹም ፤ ንባዕልኹም ብዝሐሸ ክትዝምርዎ ኢኹም። እቲ መዝሙር ‘**ኣራዊት እንግሊዝ**’ ይበሃል።”

ሜዠር ዓብዩ ፤ ጎረርኡ ፀራሪጉ ክዝምር ጀመረ። ብሓቂ ከምዝተዛረቦ ድምፁ ጓዕራር ዋላ እንተኾነ ፤ ብዘደምም መልክዑ ዘመሮ። ዜምኡ ስምዒት ዝቕስቅስ ነበረ። እዞም ቃላት ከምዚ ይብሉ፦

ኣራዊት እንግሊዝ ፣ ኣራዊት ኣየርላንድ
ኣራዊት ኩሉ ሃገር ፣ ኣራዊት ወፃኢ
ተኻፈሉ ናይ ሓጎሰይ ምንጪ
ምእንተ ብሩህ ዘበን ስለ እቲ መፃኢ

ዋላ ይንዋሕ ይሕፀር ፧ ክመፅእ ’ዩ መዓልቲ
ጨቋኒ ወድሰብ ዝጠፍኣሉ
ሕርሻ እንግሊዝ ንኣራዊት ዝኾነሉ

ክወፅእ’ዩ ናይ ኣፍንጫና ቀለበት
ክራገፍ’ዩ ናይ እንግድዓና ፅዕነት
ክምርት’ዩ እቲ ናይ ኣፍና ልጓም
ጨካናት ጠፊኦም ክሓልፍ‘ዩ ፀገም

ሽሻይ ክሕፈስ’ዩ ካብቲ ገደናና
ስገም ስርናይ ዒልቦ
ሳዕርን ዕምበባን ዝቦቐለ ኣብ ጎቦ
ኣብዛ መዓልቲ ክኸውን‘ዩ ናትና

ኣብ ሕርሻ እንግሊዝ ክትበርቕ እያ ፀሓይ
ዘራጊ ጠፊኡ ክንሰቲ ፅሩይ ማይ
ክነፍስ‘ዩ ንፋስ በዓል ጥዑም መዓዛ
ነፃነት ምስመፀ ምስጠፍአ ቓንዛ

ነዛ መዓልቲ ኩላትና ንሕበር
ዋላ ከይረኣናያ ኣብ መሬት ንቀበር
ኣላሕም ኣፍራስ ኣባጊዕ ምስ ደርሁ
ንነፃነት ክትብሉ ለይትን ቀትርን ስርሑ

ኣራዊት እንግሊዝ ፧ ኣራዊት ኣየርላንድ
ኣራዊት ኩሉ ሃገር ኣራዊት ወፃኢ
ተኻፈሉ ናይ ሓጎሰይ ምንጪ
ምእንተ ብሩህ ዘበን ስለ እቲ መፃኢ

እዚ መዝሙር እንትዝመር ፤ ኩሎም እንስሳት ስምዒቶም ምቁፅፃር ኣብይዎም ፤ ዉሽጦም ብሓጎስ ተመልአ። ሜዝር ቅድሚ ናይ መወዳእታ ተለላ ግጥሚ ምባሉ ፤ ኩሎም እንስሳት ዓርሶም ክኢሎም ክዝምርዎ ጀመሩ። እቶም ናይ መወዳእታ ደናቑር ዝበሃሉ እኳ ከይተረፉ ናይቲ መዝሙር ዜማን ሓደ ሓደ ቃላትን ሒዞም ነበሩ። እቶም በላሕቲማ ፤ ንኣብነት ሓሰማታትን ኣኽላብን ኣብ ውሑድ ደቃይቕ ናይቲ መዝሙር ሙሉእ ተለላ ግጥምን ዜማን ሒዞምዎ። ድሕሪ ዝተወሰነ ልምምድ እቲ ሕርሻ ጣብያ ብበዝሕን ብሓበራን “**ኣራዊት እንግሊዝ**” ብዝብል መዝሙር ተጥለቕለቐ። ኣላሕም ደሪፈንአ ፤ ኣኽላብ ኣስቆንቍኖምሉ ፤ ኣባጊዕ ቆዚመናሉ ፤ ኣፍራስ ሓምሒሞምሉ ። ብጣዕሚ ስለዝተሓጎሱ ፤ ብዘይ ምቁራፅ ሓሙሽተ ግዘ ኣከታቲሎም ዘመርዎ። ከቛርፁ ተዘይግደዱ ነይሮም ፤ ምናልባሽ ሙሉእ ለይቲ እናዘመርዎ ክሓድሩ ነይሮም እዮም።

ናይ ዕድል ጉዳይ ኮይኑ ፤ እቲ መዝሙር ዝፈጠሮ ዓውዓውታ ንኣይተ ጆንስ ካብ ድቃሱ ኣበራበሮ። ካብቲ ዓራት ብድድ ኢሉ ተስአ ፤ ናብቲ ሕርሻ ጣብያ ብኺርያ ምእታዉ ንፃት ‘ዉን ኣይተጠራጠረን። ኩሉግዘ ኣብ ሓደ ፀግዒ መደቀሲ ክፍሉ ዘቕምጦ ብረት በርደግ ኣቢሉ ፤ ሽዱሽተ ጥይት ኣብ ዉሽጢ ፀልማት ተኮሰ። እቲ ቀልሃ ኣብቲ ናይ መኽዘን መንደቕ ተሸኮዐ። እቲ ናይ እንስሳት ኣኼባ ብቕልጡፍ ተበተነ። ኩሎም ድማ ነናብ መደቀሲ ቦታኦም ሃደሙ። እተን ኣዕዋፍ ናብ ጎጆአን ፤ እቶም እንስሳት ድማ በቢደምበኦም ደቀሱ። ብሃንደበት ኩሉ ኣብ ሕርሻ ጣብያ ዘሎ ኣብ ሓፂር እዋን ድቃሱ በጥ በለ።

ካልኣይ ምዕራፍ

ዓመፅ ተወለዐ

ድሕሪ ሰለስተ ለይቲ ፤ ሜዠር ዓብዪ ኣብ ድቃሱ እናሃለወ ህይወቱ ሓለፈት። ኣብ እቲ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ድማ ተቐበረ።

እዚ ዝኾነሉ ኣብ መጀመርታ ወርሒ መጋቢት እዩ። ኣብ ዝቕፅሉ ሰለስተ ኣዋርሕ ዉሽጢ ምስጢራዊ ዝኾነ ምንቅስቓስ ክካየድ ቀነየ። ናይ ሜዠር ዘረባ ካብቶም ኣብ ሕርሻ ጣብያ ዝርከቡ እንስሳት ነቶም በላሕቲ ዝኾኑ ፤ ብዛዕባ ህይወት ሓዱሽ ዝኾነ ኣመለኻኽታ ንክህልዎም ገይሩ እዩ። ብሜዠር ዝተተንበየ ዓመፅ መዓዝ ከምዝለዓል ኣይፈልጡን። ኣብ ናቶም ህይወት ዘበን ዉሽጢ ክኽውን ይኽእል ዝብል እምነት እውን ኣይነበሮምን። ናቶም ሓላፍነት ንዝመፅእ ተዳሊኻ ምፅባይ ምዃኑ ግን ብዝግባእ ተገንዚቦም እዮም።

እንስሳት ናይ ምምሃርን ምዉዳብን ሓላፍነት ዝተሸከሙ እቶም ሓሰማታት እዮም ፤ ምኽንያቱ ንሶም ካብ ኩሎም እንስሳት ንቑሓት እዮም ዝብል ኣፍልጦ ስለዝተውሃበ። ካብ መንጎ እቶም ሓሰማታት ክልተ ዘይተቐጥቀጡ መናእሰይ ኣዝዮም ብሉፃት ነይሮም። ስኖውቦልን ናፖልዮንን ይበሃሉ። ኣይተ ጆንስ ንምርባሕ መሸጣ ዝቕልቦም። ናፖልዮን ገዚፍን መፍርሒ ትርኢት ዘለዎን ናይ ዘባ በርክሻየር ሓሰማ ነበረ። ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ብሕታዊ በርክሻየራዊ። ናፖልዮን ተዛራቢ ኣይኮነን። ዝደለዮ ነገር ብናይ ምግባር ተኽእልኡ ግን ዝተኸበረ። ስኖውቦል ካብ ናፖልዮን ብዝበለፀ ሰሓባይ ሓሰማ እንትኸውን ፤ ብኣዘራርብኡ ቅልጡፍን ብመሃዛይነት ክእለቱ ዝሐሸን ይኹን እምበር ፤ ከንዲ ናፖልዮን ናይ ባህሪ

ጥንካረ ኣይነበሮን። እቶም ካልኦት ሓሰማታት ብሙሉኦም ረጎድትን ንምግብነት ዝተዳለዉን ነይሮም። ካብ ሞንጎ እዚኦም ዝበለፀ ህቡብ ፤ ስኩለር ዝተብሃለ ክቢ ምዕጉርቲ ፤ ተምበድባዲ ዓይኒ ፤ ቅልጡፍ ተንቀሳቓስን ዓውዓዉ ዝብል ድምፂ ዘለዎን ዝሃጠረ ሓሰማ ነይሩ። ዝገርም ተዛራቢ ። ኣብ መካትዒ ሓሳባት እንትማጎት ፤ ካብ ጎኒ ናብ ጎኒ እናነጠረ ፤ ጭርኡ እንትዘርግ ናይ መእመናይነት ጥበብ ነበሮ። እቶም እንስሳት ብዛዕባ ስኩለር እንትዛረቡ "ንፃዕዳ ፀሊም እዩ" ኢሉ ከእምን ይኽእል ይብሉ።

እዚኦም ሰለስቲኦም (ስኖውቦል፤ ናፖልዮንን ስኩለርን) ናይ ሜዠር ዓብዩ ትምህርቲ ኣስፋሕፊሖም ትሕዝቶን ቅርፅን ብምሃብ "**እንስሳውነት**" ዝብል ስያመ ሂቦምዎ። በቢሰሙን ብተደጋጋሚ ለይቲ ለይቲ ፤ ኣይተ ጆንስ ምስደቀሰ ፤ ኣብቲ ናይ ሕርሻ ጣብያ መኽዘን ምስጢራዊ ኣኼባ እናገበሩ ፤ ብዛዕባ ዕላማ እንስሳውነት ንኻልኦት ይሰብኹ። ኣብ ፈለማ ሰሙናት ፤ መብዛሕትኦም ኣብቲ ስብሰባ ዝርከቡ ብዘይድሌትን ብሕንከትን ነይሩ። ሓደ ሓደ እንስሳት "ጎይታ" (ማስተር) እናበሉ ንዝፅውዕዎ ኣይተ ጆንስ ዘለዎም እምነት እናገለፁ ይዛረቡ ነይሮም። ወይ ድማ "ዝምግበና ኣይተ ጆንስ እዩ ፤ ንሱ ተዘይሃልዩ ብጥሜት ክንረግፍ ኢና" ይብሉ።

ገሊኦም ድማ "ድሕሪ ሞትና ዝፍጠር ነገር ንምንታይ የጨንቐና?" ወይ "እዚ ዓመፅ ምልዓሉ ዘይተርፍ እንተኾይኑ ፤ ንሕና እቲ ዓመፅ ንክመፅእ ሰራሕና ኣይሰራሕና እንታይ ለውጢ ኣለዎ?" እናበሉ ይሓቱ። እቶም ሓሰማታት እዞም ሕቶታት ኣንፃር ስምዒት እንስሳውነት ምዃኖም ንኸረድኡ የፅግሞም ነበረ። ካብ ኩሉ ግን ዘይረብሕ ሕቶ ዘቕረበት ሞሊ ፤ እታ ፃዕዳ በቕሊ ነበረት። ንስኖውቦል ዝሓተተቶ ሕቶ ድማ "ንምኻኑ ድሕሪ እቲ ዓመፅ ሽኮር ክህሊ ድዩ?" ዝብል ነበረ።

“ኣይህሉን!” ክብል ስኖውቦል ብቖራፅነት መለሰ። “ኣብዚ ሕርሻ ጣብያ ሽኮር ናይ ምምራት ዓቕሚ የብልናን። ብዝኾነ ሽኮር ንዓኺ ኣድላዪ ኣይኮነን። ብዝኸኣልናዮ ኣጃን ሓሰርን ግን ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ።”

“ኣብ ክሳደይ ከ ሪቫን ክኣስር ይኽእል ድየ?” ክትብል ሕቶኣ ቀፀለት ፧ ሞሊ።

“ብፂት” በለ ስኖውቦል “እዞም ልቦናኺ ዝሰሓቡ ሪቫናት ናይ ባርነት ምልክት እዮም። ናፅነት ካብ ሪቫን ዝበለፀ ምኳኑ ክትርድኢ ኣይትኽእልን ዲኺ?”

ሞሊ ብናይ ስኖውቦል ዘረባ ምስምዕማዓ ዋላ'ኳ እንተገለፀት ፧ ኣሚናትሉ ግን ኣይኮነትን።

ካብ ኩሉ ብላዕሊ ግን ነቶም ሓሰማታት ዘፀገሞም ፧ ናይ ኣይተ ጆንስ እሙን ናይ ገዛ እንስሳ ዝኾነ ፧ እቲ ፀሊም ኣሞራ ሙሴ ዝዉዝዖ ሓሶት ምክልኻል ነበረ። ሙሴ ናይ ኣይተ ጆንስ ሰላልን ፃዕዳ ሓሶት ዝዉዝዕን ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ ፧ ዝተመስከረሉ ኣፈኛ ነበረ። ከም ኣበሃህላ ሙሴ “ኩሎም እንስሳት ምስሞቱ ብሓጎስን ተድላን ዝነብርሉ ናይ **ሽኮር ኣገዳ እምባ** ዝበሃል ተኣምራዊ ሃገር ከምዘሎ ይፈልጥ እየ” ይብል። “እቲ ቦታ ዝርከበሉ ካብ ደበና ንእሽተይ ልዕል ኢሉ ኣብ ዘሎ ሰማይ እዩ” ክብል ይዛረብ። “ኣብ ናይ ሽኮር ኣገዳ እምባ ካብ ሰሙን ናብ ሰሙን ኩሉግዘ ሰንበት እንትኸውን ፧ ዕምበባ ሓንስ ይበቁል ፧ ኣብቲ ሓፁር ድማ ሽኮርን ኬክን ይበቁል” ይብሎም። እቶም እንስሳት ካብ ፅዉፅዋይ ምዝራብ ወፃኢ ስራሕ ዘይፈቱ ሙሴ ብጣዕሚ ይፀልእዎ። ገሊኦም እንስሳት ብናይ ሽኮር ኣገዳ እምባ ወረ ይኣምኑ ስለዝነበሩ ፧ እቶም ሓሰማታት ከምዚ ዝበሃል ቦታ ከምዘየለ ንከእምኑ ብጣዕሚ ይከራኸርዎም ነበሩ።

ናይቶም ሓሰማታት እሙናት ደቀ-መዛሙር ፤ በዓል ክልተ እግሪ ጋሪ ዝጎቱ ኣፍራስ ቦክሰርን ክሎቨርን ነበሩ። እዚኦም ክልቲኦም ዝጠቕሞም ነገር ብናይ ባዕሎም ሕልና ናይ ምሕሳብ ፀገም ኣለዎም። ግን ነቶም ሓሰማታት ከም መምህራኖም ገይሮም ድሕሪ ምቕባሎም ዝተነገሮም ኩሉ ምእማን ጥራይ ዘይኮነስ ፤ እቲ ዝኣመንዎ ንኻልኦት እንስሳት ብቐሊል መእመኒ ኣገላልፃ የመሓላልፉ። ኣብቲ መኽዘን ብሕቡእ ኣብ ዝግበሩ ኩሎም ኣኼባታት ብዘይምቁራፅ ካብ ምስታፎም ብተወሳኺ ፤ ኣብ መወዳእታ እቲ ኣኼባ ዝዝመር "**ኣራዊት እንግሊዝ**" ዝብል መዝሙር እንትዝመር ፤ መራሕቲ እቲ መዝሙር ነበሩ።

እቲ ዓመፅ ዝኾነ ኣካል ከይገመቶን ከይተፀበዮን ብቐሊሉን ካብ ዝተገመተ ግዘ ቀዲሙን ተዓወተ። ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ፤ ኣይተ ጆንስ ብርቱዕ ኣመሓዳሪን ፃዕራም ሓረስታይን'ኳ እንተነበረ ፤ ካብ ቀረባ እዋን ንደሓር ናይ ሕማቕ መዓልቲ ተጠቃዒ ኮይኑ። ኣብ ሞጎት ቤት-ፍርዲ ብርኪት ዝበለ ገንዘብ ካብ ዝከስር ንደሓር ፤ ልዕሊ ዓቐን መስተ ምስታይ ጀሚሩ። ሓደ ሓደ ግዘ ሙሉእ መዓልቲ ካብ ገዛ ከይወፀ ኮፍ ኢሉ ጋዜጣ እናንበበ ፤ መስተ እናሰተየን ሓሓሊፉ ርፍራፍ ባኒ ብቢራ ኣተርኪሱ ንሙሴ እናቐለበ ግዚኡ የሕልፍ። ናይ ጆንስ ሓገዝቲ ዝኾኑ ሰባት ተኣማንነት ዝጎደሎምን ሰነፋትን ነበሩ። እቲ ሕርሻ ብፃህያይ ተወሪሩ። ናይቶም ገዛውቲ ሽፋን ሕድሳት የድልዮም። ሓፁራት ተረሲዖም። ጥሪቱ 'ውን እኹል ምግቢ ኣይረኽቡን።

ወርሒ ሰነ ኣተወ። እቲ ኣዝመራ ድሮ'ኳ ንምዕፃድ በፂሑ። ቀዳም መዓልቲ ፤ ኣብ ድሮ ፍርቂ ክራማት ፤ ኣይተ ጆንስ ናብ ዊሊንግደን ከይዱ ኣብ ቀይሕ ኣንበሳ እንዳ ቡን እንትሰቲ ጢን ኢሉ ካብ ምስኻሩ ዝተልዓለ ፤ ክሳብ ሰንበት ፍርቂ መዓልቲ ኣይተመለሰን። ናይ ጆንስ ሓገዝቲ ሰባት ብንጉሆ እተን ኣላሕም ምስሓለቡ ፤ ናብ ሃደን ማንቲለ ከዱ። ነተን ጥሪት ምግቢ ንምሃብ'ኳ ብዙሕ ኣይተገደሱን። ኣይተ ጆንስ ካብ ዊሊንግደን ምስተመለሰ ኣብ ሳሎን ዘሎ ሶፋ "ዜና ዓለም" ብዝብል ጋዜጣ ገፁ ተሸፊኑ

ደቀሰ። ፀሓይ ዓሪባ ምድሪ ፅልግልግ ክሳብ ዝብል ‘ዉን እተን እንስሳት ምግቢ ዝሃበን ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ጥሜት ምኽኣል ኣበየን።

ሓንቲ ላሕሚ ነቲ ናይቲ እኽሊ መቐመጢ ገዛ ማዕፆ ብቐርና ሰበረቶ። ኩሎም እንስሳት ድማ ኣትዮም ብዝኽኣልዎ ምምጋብ ጀመሩ። ኣብ መንጎ እዚ ፤ ጆንስ ካብ ድቃሱ ተበራበረ። ምስ ኣርባዕተ ሓገዝቱ ብምዃን ናብቲ ገዛ ብምእታው ፤ ብኹሉ ኣንፈት ብዝሓዝዎ ሓለንጊ ነቶም እንስሳት ክገርፍዎም ጀመሩ። እዚ መግረፍቲ ፤ ነቶም ዝጠመዩ እንስሳት ዓቕሎም ዝፈታተን ነበረ። ኣብ ልዕሊ ጥምየቶም ፤ ፈፂሙ ዋላ ሓደ ቅድመ ምድላው ኣብ ዘይተገበረሉ ኩነታት ፤ ኩሎም እንስሳት ብሓበራ ኣብ ልዕሊ ዝገረፍዎም ሰባት ተልዓሉ። ንጆንስን ተሓባበርቱን ብርግሒትን ብግንባሮምን ከላኸዕዎም ጀመሩ። እቲ ኩነታት ካብ እኒ ጆንስ ቁፅፅር ወፃኢ ኮነ። ኣብ ህይወቶም ዉሽጢ ፤ እንስሳት ከምዚ ክኾኑ ሪኦም ኣይፈልጡን። ከምድላዮም ዘንገላትዕዎምን ዘስርሕዎምን ዝነበሩ እንስሳት ፤ ብሃንደበት ብሓባር ተላዒሎም ፤ ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ ምዕማፆም ነብሰ ስገኦም ብፍርሒ ተወረረ። እኒ ጆንስ ዓርሶም ንምክልኻል ዓቕሚ ስኢኖም ቁልቁል ሒዞም እናጎየዩ ናብቲ ዋና መንገዲ ሃደሙ ፤ እቶም እንስሳት ድማ እናሰዓቡ ከባርርዎም ጀመሩ።

ወ/ሮ ጆንስ በቲ ናይ መደቀሲ ክፍሊ መስኮት ቅልቅል ኢላ ፤ ዝኸውን ዘሎ ኩሉ ረኣየት። ተብ ተብ ኢላ ፤ ዝተወሰነ ኣቑሑት ኣብ ቦርሳ ኣእትያ ብካልእ በሪ ቀስ ኢላ ወፂኣ ተዓዘረት። ሙሴ እውን ካብ ዝደቀሰሉ ሃንደበት በርደግ ኢሉ ብምልዓል ፤ ክንፉ ዘርጊሑ ብሓያል ድምፂ ቋቑ… እናበለ ተኸተላ። ብድሕሪ እዚ ፤ እቶም እንስሳት ንጆንስን ተሓባበርቱን ድሕሪ ምብራሮም ፤ ናይቲ ዓብዪ ናይ ደገ ሓፁር በሪ ብሓይሊ ገርጨው ኣቢሎም ዓፅዮም ተመለሱ።

እቶም እንስሳት እቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ንምግንዛብ ግዜ ቅድሚ ምርካቦም ፤ ኣይተ ጆንስ ተባሪሩ እቲ ዓመፅ ብዓወት እንትዛዘም ፤ ንሳቶም እውን ናይ ማኖር ሕርሻ ጣብያ ወነንቲ ኮኑ።

እቶም እንስሳት ብድሕሪ እዚ ንዝተወሰኑ ደቓይቕ ፤ እቲ ዝኾነ ኩሉ ንምእማን ኣፀጊምዎም ነበረ። ፈለማ ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ዙርያ ሓፁር እናጋለቡ ብምዛር ፤ ኣብ ዉሽጢ ዝተሓበአ ዝኾነ ወድሰብ ዘይምህላዉ ኣረጋገፁ። ብምቕፃል ናይ ዘበነ ጆንስ ጨቋኒ ምሕደራ ዘዘክሮም ኩሉ ምልክታት ንምጥፋእ ናብቲ ዋና ህንፃ ኣምርሑ።

ኣብ ናይ’ተን ከፍቲ መሕደሪ መወዳእታ ዝርከብ ናይ ፅዕነት ክፍሊ ሰይሮም ብምእታዉ ፤ ንልጓምን ኳርቻን ዝውዕል ዝተፈላለየ ብረታ ብረት ፣ ናይ ኣፍንጫ ቀለበት ፣ ናይ ከልቢ መእሰሪ ሰንሰለት ፣ ኣይተ ጆንስ ሓሰማታትን ኣባጊዕን ዝቐጥቅጠሉ ካራ ብሙሉኡ ኣውፂኦም ኣብ ጉድጓድ ቀበርዎ። ልጓም ፣ መሕነቒ ፣ ናይ ፈረስ ዓይኒ መኸልከሊ ፣ ክብሪ ዝትንክፍ ኣብ ኣፍንጫ ዝግበር ቀለበትን ኩሉ ኣኪቦም ኣብቲ ሜዳ እናተቓፀለ ምስዝነበረ ጉሓፍ ሓቢሮም ኣቃፀልዎ። ናይቶም ሓለንግታት ናይ መወዳእታ መዕለቢ ሓዊ ኮነ። እቶም እንስሳት ሓለንግታት ብሓዊ እንትጥበሱ ምስረኣዩ ብሓጎስ ልቦም መልኣሎም። ስኖውቦል ፤ ኣብ መዓልቲ ዕዳጋ ኣብ ናይ ኣፍራስ ክሳድን ጭራን ንገይፂ ዝእሰሩ ሪቫናት ኩሎም ኣኪቡ ናብቲ ቃልቃል ዝብል ሓዊ ደርበዮም። “ሪቫናት” በለ ስኖውቦል “ናይ ወድሰብ ምልክታት ብምኳኖም ከም ክዳን ይቑፀሩ ። ኩሎም እንስሳት ጥራይ ዝባኖም ክኾኑ ይግባእ።”

ቦክሰር እዚ ምስሰምዐ ፤ ኣብ ክረምቲ ኣእዛኑ ካብ ሃመማ ንምክልኻል ኢሉ ዝገብሮ ዝነበረ ባርኔጣ ኣምፂኡ ናብቲ ሓዊ ወርወሮ።

እቶም እንስሳት ኣብ ዉሽጢ ሓፂር ግዜ ናይ ጆንስ ዘበን ከዘክሮም ዝኽእል ኩሉ ነገር ኣዕነውዎ። እዚ ምስተወድአ ፤ ናፖልዮን ንኹሎም ናብቲ

እኽሊ መቐመጢ ክፍሊ ወሲዱ ንሕድሕዶም ክልተ ኢድ ናይ ዕፉን ቀለብ ፤ ንኣኽላብ ድማ ከክልተ ብስኩት ዓደሎም። ብድሕሪ እዚ ፤ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ "**ኣራዊት እንግሊዝ**" ዝብል መዝሙር ብተኸታታሊ ሸውዓተ ግዘ ዘሚሮም ምስወድኡ ፤ ቅድሚ ሐዚ ደቂሶምዎ ዘይፈልጡ ድቃስ ደቀሱ።

ብፅባሒቱ ካብ ድቃሶም ኣንጊሆም ምስተበራበሩ ፤ ኣብ ዝሓለፈ ምሸት ዘመዝገብዎ ዓብዪ ዓወት ዘኪሮም ኩሎም ናብቲ ሜዳ ብቐልጡፍ ከዱ። ነቲ ሕርሻ ጣብያ ብሙሉኡ ቁልጭ ኣቢሉ ናብ ዘርእይ በሪኽ ቦታ ወፂኦም ፤ ብፀሓይ በርቂ ኸባቢኦም ተዓዘቡ። እወ! ብዓይኖም ዝሪእዎ ዘለዉ ኩሉ ነገር ናቶም ነይሩ። ብታሕጓስ ካብ ምስኻሮም ዝተልዓለ ፤ ኣየር ንኣየር እናተገላበጡ ፤ ክቢ እናሰርሑ ክስዕስዑ ጀመሩ። ኣብቲ ኣለለይ ተንከባለሉ። እቲ ጥዑም ናይ ክራማት ሳዕሪ ኣፍ ሙሉእ ጎማመድዎ። ናይቲ ፀሊም ሓመድ ጥዑም መዓዛ ኣጫንዮም ኣስተማቐርዎ። ቀፂሎም እቲ ሕርሻ ጣብያ ተዘዋዊሮም ረኣይዎ። ተሓራሳይ መሬት ፣ ሰውሒ ፣ እቲ ንእሽተይ ናይ ፍራምረ ተኽሊ ዘለዎ ቦታ ፣ እቲ መሐምበሲ ፣ እቲ ጫካ እናረኣዩ መግለፂ ቃላት ክሳብ ዝሓፅሮም ኣድነቕዎ። እዚ ኩሉ ቅድሚ ሐዚ ሪኦምዎ ዘይፈልጡ ይመስሉ ነበሩ። ሐዚ እዚ ኩሉ ናቶም ንብረት ምዃኑ ንምእማኑ ፀገሞም።

ኩሎም ናብ ናይ ኣይተ ጆንስ መንበሪ ገዛ ኣምርሑ። ኣብኡ ምስበፅሑ ፤ ኣብቲ በሪ ፊትንፊት ብፅሞና ደው በሉ። ሓቂ እዩ ንሱ 'ዉን ናቶም እዩ። ግን ድማ ናብ ዉሽጢ እቲ ገዛ ንምእታው ፈርሑ። ቁሩብ ፀኒሖም ስኖውቦልን ናፖልዮንን እቲ በሪ ብእንግድዐኦም ደፊኦም ብምኽፋት ፤ እቶም እንስሳት ብሓደ መስመር ተሰሊፎም ብጥንቃቐ እናሰጎሙ ንዉሽጢ ኣተዉ። ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ቀሰ ብቐስ እናተዘዋወሩን ሕሹኽሹኽ እናበሉን ኣብ ሕድሕድ ክፍሊ ዝርከቡ ንምእማኖም ዘፀግሙ ክባራት ኣቑሑት ፣ ኣብቲ ዓራት ዝርከቡ ምቾት ዘለዎም ፍርናሻት ፣ ምችው ሶፋ ፣ ዝገርም ምንፃፍ ፣ ኣብ መንደቕ ናይቲ ጋሻ መቐበሊ ክፍሊ ዝተሰቐለ ናይ ንግስቲ ቪክቶርያ ስእሊ ብኣግራሞት ተዓዘቡ።

ካብቶም ክፍልታት ወፂኦም መደያየቢ ምዉራድ ምስጀመሩ ፤ ኣብ ሞንጎኦም ሞሊ ዘይምንባራ ተፈለጠ። ተመሊሶም ምስኣለሽዋ ካብቶም መደቀሲ ክፍልታት ኣብቲ ብሉፅ ዝኾነ ክፍሊ ረኸብዋ። ካብ ናይ ወ/ሮ ጆንስ ክዳን መቐመጢ ፤ ሓምለዋይ ሕብሪ ዘለዎ ሪቫን ወሲዳ ኣብ እንግድዐኣ እናመቻቸወት ፤ ብዘስሕቕ ኩነታት ንባዕላ ኣብ መስታወት ትርኢ ነበረት። ነዚ ተግባራ ምኽሪ ሂቦማ ተመሊሶም ወፁ። ኣብ ዉሽጢ ክሽነ ተሰቒሉ ዝነበረ ናይ ሓሰማ ስጋ ኣብ ደገ ንክቐበር ካብ ምውሳዱን እቲ ናይ ቢራ መጠራቐሚ ገንኢ ብቦክሰር ካብ ምርጋፁን ወፃኢ ኣብ ዉሽጢ እቲ ገዛ ዘለዉ ኣቑሑት ኣይተተንከፉን። ከይተሓሰበ ኣብቲ ህንፃ ዉሽጢ እናሃለዉ ብሓደ ድምፂ ዘፅደቕዎ ዉሳነ ኣሕለፉ። ንሱ'ዉን እቲ ናይ ሕርሻ ጣብያ ህንፃ (ናይ ጆንስ መንበሪ ገዛ ዝነበረ) ብሙዝየምነት ከገልግል ኣለዎ ዝብል ዉሳነ እዩ። "**ዝኾነ እንስሳ ኣብ ዉሽጢ እዚ ህንፃ ክነብር የብሉን**" ክብሉ እቲ ዉሳነ ከም ሕጊ ኣፅደቕዎ።

እቶም እንስሳት ቁርሲ ድሕሪ ምብለዮም ፤ ስኖውቦልን ናፖልዮንን ኣኼባ ፀውዑ።

"ብፆት" በለ ስኖውቦል። "ናይ ቀትሪ ሽዱሽተ ሰዓትን ፈረቓን ኮይኑ። ኣብ ቅድመና ነዊሕ መዓልቲ ይፅበየና ኣሎ። ሎሚ መዓልቲ እኽሊ ምዕፃድ ክንጅምር ኢና። ግን ቅድሚኡ እነተኣናግዶ ጉዳይ ኣለና።" በሎም።

እቶም ሓሰማታት ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ደቂ ኣይተ ጆንስ ቀደም ይመሃርሉ ዝነበሩ ናይ ፊደል መፅሓፍ ካብ መጠራቐሚ ጉሓፍ ኣውፂኦም ፤ ባዕሎም ብባዕሎም ምንባብን ምፅሓፍን ከምዘምሀሩ ዕላዊ ገበሩሎም። ናፖልዮን ፀሊምን ፃዕዳን ቀለም ምስ ብሩሽ ክመፆ ድሕሪ ምእዛዙ ፤ ብናቱ መሪሕነት ኣብ ጥቓ እቲ ዋና መንገዲ ዝርከብ በዓል ሓሙሽተ ኮኾብ ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ሓፁር በሪ ኣምርሑ። ምስበፅሑ ድማ

ስኖውቦል (ብምፅሓፍ እኹል ብቕዓት ዝነበሮ ንሱ ስለዝኾነ) ኣብ መንጎ ናይ ቕድሚት እግሩ ክልተ ኣፃብዕቲ ብሩሽ ሒዙ ፤ ኣብ ርእሲ እቲ ማዕፆ ዘሎ ‘ማኖር ፋርም’ (Manor Farm) ዝብል ፅሑፍ ደምሲሱ “*ሕርሻ እንስሳት*” (Animal Farm) ብዝብል ተከኦ።

ካብኡ ንደሓር ፤ ናይቲ ሕርሻ ጣብያ መፀውዒ ሕርሻ እንስሳት ኮነ። ብድሕሪ እዚ ፤ እቶም እንስሳት ናብቶም ገዛዉቲ ተመሊሶም ከዱ። ኣብኡ ምስበፅሑ ስኖውቦልን ናፖልዮንን መሳልል ኣምፂኦም ፤ ኣብ መንደቕ እቲ ዓብዪ መኽዘን ደው ኣበልዎ። እቶም ሓሰማታት ኣብ ዉሽጢ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ብዝገበርዎ መፅናዕቲ መሰረት ፤ ናይ እንስሳውነት መግለፂታት ብምፅሟቕ ብሸውዓተ ትእዛዛት ክጠቓለል ምግባሮም ኣበሰርዎም።

ሐዚ እቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ኣብ መንደቕ ክፀሓፉ እዮም። ኣብ “ሕርሻ እንስሳት” ብዝነብሩ እንስሳት ዘይጠሓስን ዘይቕየርን ፤ ናይ ህይወቶም መምርሒ እዞም ሸውዓት ትእዛዛት ምኳኖም ተደንገገ። ተፃጊሙ (ዝኾነ እንተኾነ ሓሰማ ኣብ መሳልል ደይቡ ሚዛኑ ሓልዩ ደው ንምባል የፀግሞ እዩ) ስኖውቦል ደይቡ ምፅሓፍ ጀመረ። ስኲለር ካብ ስኖውቦል ቁሩብ ትሕት ኢሉ ደው ብምባል ፤ ቀለምን ብሩሽን የቕብሎ ነበረ። እቶም ትእዛዛት ካብ ሰላሳ ያርድ ርሕቐት ክንበቡ ከምዝኽእሉ ተገይሮም ብፃዕዳ ቀለም ብፍሩይ ፅሑፍ ተፅሓፉ። ንሶም’ዉን ከም ዝስዕብ ነበሩ፡-

ሸውዓቲኦም ትእዛዛት

1. ብኽልተ እግሩ ዝኸይድ ኩሉ ፀላኢ እዩ።
2. ብኣርባዕተ እግሩ ዝኸይድ ወይ መንፈር ዘለዎ ኩሉ ፈታዊ እዩ።
3. ዝኾነ እንስሳ ክዳን ክኽደን የብሉን።
4. ዝኾነ እንስሳ ኣብ ዓራት ክድቅስ የብሉን።
5. ዝኾነ እንስሳ ኣልኮላዊ መስተ ክሰቲ የብሉን።
6. ዝኾነ እንስሳ ካልእ እንስሳ ክቐትል የብሉን።
7. ኩሎም እንስሳት ማዕረ እዮም።

ብሓፈሻ እቲ ፅሑፍ ፅሬት ዝነበሮ እንትኸውን ፤ ብዘይካ ናይ ውሑዳት ፊደላት ግድፈት ስሕተት ዝበሃል ኣይነበሮን። ስኖውቦል ድምፁ ዓው ኣቢሉ ሸውዓቲኦም ትእዛዛት ነቶም እንስሳት ኣንበበሎም። ኩሎም ርእሶም ብምንቕናቕ ምስምዕመዖም ገለፁ። ካብ ሞንጎኦም እቶም በላሕቲ ዝኾኑ እቶም ትእዛዛት ብቓሎም ምሓዝ ጀሚሮም ነበሩ።

“ብዖት” በለ ስኖውቦል ዓው ኢሉ ፤ ኣብ ኢዱ ሒዝዎ ዝነበረ ብሩሽን ቀለምን ደርብዩ “ሐዚ ናብ ሕርሻ! መንነትና ክነርኢ ፤ ጆንስን ሓሸኽሩን እቲ ኣዝመራ ንምእካብ ካብ ዝወስደሎም ግዘ ብዝነኣሰ ክንውድእ ኣለና።”

ኣብ መንጎ እዚ ንዝተወሰነ ግዘ ተሓቢኦን ዝፀንሓ ሰለስተ ኣላሕም ፤ “እምባሕ” ክብላ ድምፂ ኣስመዓ። ንዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ብዘይምሕላበን ፤ ኣጡባተን ልዕሊ ዓቕን መሊኡ ክፍንድእ በለ። እቶም ሓሰማታት ቁሩብ ምስሓሰቡ ፤ ሰንኬሎታት ኣልኢኾም ብዘይዝኾነ ስሕተት ነተን ኣላሕም ሓለብወን ፤ ኣፃብዕቶም በዚ ሞያ ልምዲ ዘለዎም ክሳብ ዝመስል። ሓሙሽተ ሰንኬሎ ሙሉእ ዓፍዓፍ ዝብል ትኩስ ፀባ ተሓሊቡ። እቶም እንስሳት ነቲ ፀባ እናረኣዩ ተመነይዎ።

“እዚ ኩሉ ፀባ እንታይ እዩ ክግበር?” ክብል ሓተተ ፤ ሓደ እንስሳ ።

“ሓደ ሓደ ግዘ ጆንስ ዝተወሰነ ምስ ርፍራፍ ለዊሱ ይህበና ነይሩ” በለት ካብ’ተን ደርሁ ሓንቲኣ።

“ብፆት ፤ ብዛዕባ እዚ ፀባ ብዙሕ ኣይትጨነቑ።” በለ ናፖልዮን ዓው ኢሉ ፤ ፊትንፊት እቶም ሰንኬሎታት ደው ብምባል። “ዝግበር ክንገብር ኢና። ንሐዚ ኣገዳሲ ጉዳይ እቲ ኣዝመራ እዩ። ብፃይ ስኖውቦል ናብኡ ክመርሐኩም እዩ። ኣነ’ዉን ቁሩብ ፀኒሐ ከርክበኩም እየ። ንቕድሚት ብፆት! ኣዝመራ ይፅበየኩም ‘ዩ ዘሎ።”

እቶም እንስሳት ናብቲ ሕርሻ ኣምርሑ። ፅልግልግ ምስበለ ካብ ስራሕ ምስተመለሱ ግን ፤ እቲ ቐትሪ ዝተሓለበ ፀባ ኣሰሩ ከምዘየለ ተገንዘቡ።

ሳልሳይ ምዕራፍ

መትከላት እንስሳውነት

ኣብየት እቲ እኽሊ ንምዕፃድን መኸዳ ንምኽያድን ዝደኸምዎ ድኻምን ዘፍሰስዎ ረሃፅን! ግን ልፍዓቶም ከንቱ ኣይተረፈን። እቲ ምህርቲ ካብ ዝተፀበይዎ ብላዕሊ ኮይኑሎም ነበረ።

ሓደ ሓደ ግዘ እቲ ስራሕ ብጣዕሚ ኣድካሚ ነይሩ። እቶም መሳርሒታት ሕርሻ ንሰብ እምበር ንእንስሳት ተባሂሎም ስለዘይተሰርሑ ፤ ነቶም ብኽልተ እግሮም ደው ኢሎም ምስራሕ ዘይኽእሉ እንስሳት ፈታኒ ኮኖም። እንተኾነ ግን እቶም በላሕቲ ሓሰማታት ኩሉግዘ መፍትሒ ዝኸውን ሜላ ኣይስእኑን። እቶም ኣፍራስ ፤ ሕርሻን ናይ ስራሕ ባህርያቱን ካብ ጆንስን ቤተሰቡን ብላዕሊ ኣፀቢቖም ይፈልጥዎ ነይሮም።

እቶም ሓሰማታት ናይ ጉልበት ስራሕ ኣይሰርሑን። ናቶም ስራሕ መምርሒ ምሃብን ምቁፅፃርን ጥራይ እዩ። ብዘለዎም ልዑል ፍልጠት ምኽንያት ፤ ናይ መሪሕነት ቦታ ዝሓዙ ንሶም ነበሩ። ቦክሰርን ክሎቨርን ባዕሎም ብባዕሎም ንስራሕ ተዓጢቖም (ኣብዚ እዋን ኳርቻን ልጓምን የለዉን) እቲ መኸዳ እናዘሩ ሓመድ እንትገብርዎ ፤ እቶም ሓሰማታት ብድሕሪቶም ኮይኖም “ኣጆኻ ብፃይ! በርትዒ ብፂት!” እናበሉ የስርሕዎም።

ኩሎም እንስሳት ፤ እቶም ድኹማት ዝበሃሉ’ኳ ከይተረፉ ኣብቲ መኸዳን ኣዝመራ ምእካብን ካብ ልቦም እዮም ዝለፍዑ። ዋላ ደርሁን ደርሁማይን ብዓቕመን ሕድሕድ ደቃቕ ጥረ ከይትተርፍ ብኣፈን እናኣረያ ፤ ኣብታ መራር ፀሓይ ሙሉእ መዓልቲ እናሰርሓ ይውዕላ። ኣብ መወዳእታ

ኣይተ ጆንስን ቤተሰቡን ካብ ዝወስደሎም ግዘ ክልተ መዓልቲ ቀዲሞም ስርሖም ወድኡ። ዋላ ሓንቲ ጥር እትብል ምህርቲ ኣይባኸነትን። ደርሁን ደርሁማይን ብትኩር ዓይነን እቶም ካልኦት እንስሳት ዘይረኣይዎ ኩሉ ጥራምረ ኣርየንኦ እየን። ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ካብ ዝነብሩ እንስሳት ዋላ ሓደ እንስሳ ፤ ካብቲ ምህርቲ ሓንቲ ኩላሶ'ኳ ዝሰረቐ ኣይነበረን።

ሙሉእ ክረምቲ ስራሕቲ ሕርሻ ብዘይ ዕንቅፋት ቀፀለ። እቶም እንስሳት ሓጎሶም ወሰን ኣይነበሮን። በቲ ጠማዕ ነበር ጎይተኦም ይምፅወተሎም ዝነበረ ግዘ ኣብቂዑ ፤ ባዕሎም ብባዕሎም ዘምረትዎ ምግቢ እናስተማቐሩ ይምገብዎ ነበሩ። ረብሓ ኣልቦን መጠጥቲ ደምን ዝኾኑ ደቂሰባት ካብ ዝውገዱ ንደሓር ፤ ንኹሉ ዝዕንግል ሸሻይ መሊኡ እዩ። ዋላ'ኳ ልምዲ ኣይሃልዎም ፤ ንምዝንጋዕ ዝኸውን ግዘ 'ዉን ነበሮም። ብዙሕ ፈታኒ ዝኾነ ኩነታት 'ዉን የጋጥሞም ነበረ። ንኣብነት ኣብ መወዳእታ እቲ ዓመት ናይ ዕፉን ኣዝመራ ክእከብ ፤ ከም ቀደሞም እቲ ሽፋኑ ብጉልበቶም ክቐንጥጥዎ ተገዲዶም ፤ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ነዚ ስራሕ ዝሕግዝ መሳርሒ ኣይነበረን። እንተኾነ እውን ዕድመ ነቶም በላሕቲ ሓሰማታትን ንበዓል ጠንካራ ቀላፅም ቦክሰርን ፤ ዘይሰግርዎ ፀገም ኣይነበረን።

ቦክሰር ብኹሎም ዝነኣድ ነበረ። ኣብ ዘበነ ጆንስ 'ዉን ጠንካራ ሰራሕተኛ ዝነበረ እንትኸውን ፤ ሐዚ ግን ናይ ሓደ ከይኮነስ ናይ ሰለስተ ኣፍራስ ዝኸውን ስራሕ ይሰርሕ። ሓደ ሓደ ግዘ ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ስራሕ ብሙሉኡ ኣብ እንግድዕኡ ዝወድቀሉ ግዘ ነበረ። ፀሓይ በሪቓ ክሳብ ትዓርብ ዝኸበደ ስራሕ ኣብ ዝህልወሉ ግዘ ክጎትትን ክደፍእን ይውዕል። ኩሉግዘ ኣንጊሁ ካልኦት ካብ ድቃሶም ቅድሚ ምትስኦም ካብ ድቃሱ ከበራብሮ ምስቲ ሓደ ኩኩናይ ብዝገበሮ ዉዕሊ መሰረት ፤ ኣንጊሁ ብምትሳእ ናይ ስራሕ መእተዊ ሰዓት ቅድሚ ምእኻሉ ኣፀጋሚ ኣብ ዝኾኑ ስራሕቲ ተረኺቡ ብዓርሰ ፍቓዱ ይሰርሕ። ንዝኾነ ፀገም ወይ ዕንቅፋት መልሱ "**ጠንኪረ ክሰርሕ እየ**" ዝብል ነበረ። እዚ ጥቕሲ ናይ ውልቁ ገይሩ ተላሚድዎ እዩ።

እቶም ካልኣት ኩሎም ዓቕሞም ዝፈቐዶ ጥራይ ‘ዮም ዝሰርሑ። ንኣብነት ደርሁን ደርሁማይን ሓሙሽተ ሸዊት ዝኸውን ተበታቲኑ ዝነበረ ስርናይ ኣኪበን። ዋላ ሓደ እንስሳ ኣይሰርቐን። ብዝወሃቦ ቀለብ ዋላ ሓደ እንስሳ ኣየዕጎምጉምን። ቅድም ኢሉ ልሙድ ዝነበረ ድብድብ ፤ ምንኻስን ምቅንናእን ጠፊኡ ምባል ይከኣል። ዓውዓው ‘ዉን ተሪፉ። ብሓቂ ሞሊ ኣንጊሃ ምትሳእ ኣይኮነላን። ካብ ስራሕ ‘ዉን ኣብ ሸኾናይ ፀፀር ኣትዩኒ ዝብል ምኽኒት እናፈጠረት ኣቛሪፃ ትኸይድ። ናይታ ድሙ ባህሪ’ማ ፍልይ ዝበለ እዩ። ስራሕ ኣሎ እንተተባሂሉ ኣሰራ ትጠፍእ። ንሰዓታት ትጠፍእሞ ናይ ምግቢ ሰዓት ምስበፅሐ ኣብ ዝነበረት ነይራ ድምብር ትብል። ወይ ምስመሰየ ስራሕ ምስተወደአ ፤ ዝኾነ ነገር ከምዘይተፈጠረ ፤ ካብ ዝጠፈኣቶ ትመፅእ። ግን ድማ ኩሉግዘ ዝገርም ምኽኒት ናይ ምምኽናይ ተኽእሎ ነበራ። ጥዉይዉይ እናበለት እንተንረሩ ምኽንያታ ዘይምእማን ይኸብድ።

እቲ ዝሸምገለ ኣድጊ ፤ ቤንጃሚን ፤ ዋላ ድሕሪ እቲ ዓመፅ ባህሪኡ ኣይተቐየረን። ስርሑ ከምቲ ኣብ ዘበነ ጆንስ ብትልግምቲ ዝሰርሖ ዝነበረ ይሰርሕ። ንናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ግን ፈፂሙ ብዓርሰ ፍቓድ ኣይስለፍን። ብዛዕባ እቲ ዓመፅን ዘስዐቦ ለውጥን ዝኾነ ዓይነት ርኢቶ ኣይህብን። ናይ ቀደም ጎይትኡ ዝነበረ ጆንስ ብምብራሩ ሓጎስ ተሰሚዕካዶ ተባሂሉ እንትሕተት ፤ “ኣእዱግ ነዊሕ ዕድመ ይነብሩ። ዋላ ሓድኤኹም ዝሞተ ኣድጊ ርኢኹም ኣይትፈልጡን።” ዝብል መልሲ ይህብ። በዚ ቅኔ ዝተመልኦ መልሱ ነቶም ዝሓተትዎ ኣፎም የትሕዞም።

ሰንበት ስራሕ የለን። ቁርሲ ካብቲ ዝተለመደ ግዘ ብሓደ ሰዓት ዘንጊዑ እዩ ዝጅመር። ድሕሪ ቁርሲ በቢሰሙን ዘይተርፍ ሰነ-ስርዓት ይካየድ። ፈለማ ባንዴራ ይስቀል። ስኖውቦል ካብ ናይ ወ/ሮ ጆንስ መቐመጢ ክዳን ዝኾነ ክፍሊ ዝረኸቦ ኣረጊት ሓምለዋይ ናይ ጠርጴዛ መሸፈኒ ጨርቂ ፤ ቀርንን ሸኾናን ብፃዕዳ ቀለም ስኢልሉ። እዚ ባንዴራ ኩሉግዘ ሰንበት ንጉሆ ኣብቲ ናይ ኣትክልቲ ቦታ ይስቀል። እቲ ቆፃል ሕብሪ ናይ እንግሊዝ

ሓምለዋይ መሬት ፤ እቲ ሾኾናን እቲ ቀርንን ድማ ድሕሪ እቲ ኣብ ልዕሊ ዘርኢ ወድሰብ ዝተመዝገበ ዓወት ዝምስረት ናይ እንስሳት ሪፐብሊክ ዘመላኽት እዩ ክብል ስኖውቦል ገሊፅሎም እዩ። እቶም እንስሳት ድሕሪ ስነ-ስርዓት ባንዴራ ተሰሊፎም ናብቲ ዓብዪ መኽዘን ይኸዱ። ኣብዚ መኽዘን ሓፈሻዊ ጉባኤ ይካየድ። እዚ ድማ “ኣኼባ” ተባሂሉ ይፅዋዕ። ኣብዚ ኣኼባ ናይ ዝቐፅል ሰሙን ናይ ስራሕ ትልሚ ቀሪቡ ዘተን ውሳነን ይግበረሉ።

ኩሉግዘ እቲ ዉሳነ ሓሳብ ዘቕርቡ እቶም ሓሰማታት ነበሩ። ካልኦት እንስሳት ከመይ ድምፂ ከምዝህቡ ተገንዚቦም እዮም። ግን ድማ ናይ ባዕሎም ዝኾነ ውሳነ ሓሳብ ምሕሳብ ኣይኽእሉን። ኣብቲ ዘተ ስኖውቦልን ናፖልዮንን ንቑሓት ተሳተፍቲ ነበሩ። ይኹን እምበር ክልቲኦም ብሓሳብ ተስማዕሚዖም ከምዘይፈልጡ ግልፂ ነይሩ። ናይቲ ሓደ ሓሳብ እቲ ካልእ መፍረሲ ሓሳብ ብምቕራብ ይቃወም ፤ ስምምዕነት ኣብ ዝተበፅሐሉ ሓሳብ እውን ከይተረፈ። ንኣብነት ካብቲ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ማዕዶ ዘሎ ንእሽተይ ነፃ መሬት ጡረታ ንዝወፁ እንስሳት ሰውሒ ይኹን ብዝብል ዋላ'ኳ እንተተስማዕምዑ ፤ ንሕድሕድ ናይ እንስሳ ዘርኢ ናይ ጡረታ መውፅኢ ዕድሚኡ ክንደይ ይኹን ኣብ ዝብል ግን ሓያል ክትዕ የካይዱ። እቲ ኣኼባ ዝዛዘም “ኣራዊት እንግሊዝ” ብዝብል መዝሙር እንትኸውን ፤ ድሕሪ ቐትሪ ዘሎ ግዘ ድማ ንምዝንጋዕ ተባሂሉ እዩ ተመዲቡ።

እቶም ሓሰማታት ፤ እቲ ናይ መፅዓኒ ክፍሊ ዋና ቤት-ፅሕፈቶም ገይሮምዎ እዮም። ምሸት ምሸት ሞያ ሓፂነ-መፂን ፣ ሃናፅነትን ካልኦት ኢደ-ጥበባትን ካብ ናይ ኣይተ ጆንስ መንበሪ ብዝወሰድዎም መፃሕፍቲ የፅንዑ። ስኖውቦል “ኮሚቴ እንስሳ” ኢሉ ኣብ ዝሰየሞ ፤ ካልኦት እንስሳት ኣብ ምዉዳብ ተፀሚዱ እዩ። ነዚ ልእኽቶ ድማ ከም ሓፂን ዝጠንከረ ፅንዓት ነበሮ።

ነተን ደርሁ ኮሚቴ ምህርቲ እንቋቑሖ ፣ ነተን ኣላሕም ሊግ ፅሩይ ጭራ ፣ ንናይ ዱር ብዖት ኮሚቴ ተሃድሶን ትምህርትን (ናይዚ ኮሚቴ ዕላማ

ኣናፁን ማንቲለታትን ምልማድ ነበረ) ፣ ነተን ኣባጊዕ ኮሚቴ ምልዕዓል ፃዕዳ ጡጥን ዝበሃሉን ካልኦትን ኮሚቴታት ኣቋቒሙ። ካብዚ ብተወሳኺ መምሃሪ ምጥፋእ መሃይምነት (ምፅሓፍን ምንባብን) ይምስርት ነይሩ። ብሓፈሻ እዞም ፕሮጀክትታት ብሙሉኦም ዉፅኢት ኣልቦ ነበሩ። ንኣብነት ነቶም ናይ ዱር እንስሳት ንምልማድ ዝተዋቐረ ኮሚቴ ቀልጢፉ እዩ ዝፈረሰ። እዞም እንስሳት ከም ዝተለመደ ናይ ዱር እንስሳት ኮይኖም ምንባር'ኳ እንተቐፀሉ ፤ እንተኣቕሪቦምዎምን ጥቕሚ ዝረኽብሉ እንተመሲልዎምን ጥራይ እዮም ተመሳሲሎም ክነብሩ ዝፍትኑ።

እታ ድሙ ኣብ ኮሚቴ ምጥፋእ መሃይምነት ተፀምቢራ ንዝተወሰነ እዋን ንቑሕ ተሳትፎ ትገብር ነይራ። ከም ኣብነት ሓደ መዓልቲ ኣብ ናሕሲ ደይባ ካብ ጎና ርሕቕ ኢለን ምስ ዝርከባ ጭላይ ሕብሪ ዘለወን ኣናእሽቱ ኣዕዋፍ እናተዘራረበት ተራእያ እያ። “ካብ ሐዚ ኩሎም እንስሳት ብፆት ብምዃኖም ዝኾነት ዒፍ መፂኣ ኣብ ሑቐይ ናይ ምዕራፍ መሰል ኣለዋ” ኢላ ሰቢኻተን ነበረት። እተን ኣዕዋፍ ግን ስለዘይኣመንኣ ኣይቀረብኣን።

ናይ ምፅሓፍን ምንባብን ትምህርቲ ዓብዪ ውፅኢት ኣመዝጊቡ እዩ። እዋን ቀውዒ ምስኣተወ ፤ ዳርጋ ኩሎም ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ዝርከቡ እንስሳት ብዝተወሰነ መልክዑ ትምህርቲ ቀሲሞም እዮም።

እቶም ሓሰማታት እንተኾኑ ምንባብን ምፅሓፍን ካብ ዝኽእሉ ብዙሕ ገይሮም እዮም። እቶም ኣኽላብ ዝሐሸ ናይ ምንባብ ክእለት ዋላ እንተማዕበሉ ፤ ካብቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ወፃኢ ናይ ምንባብ ድሌት የብሎምን። ሙሬል እታ ጤል ፤ ካብቶም ኣኽላብ ዝሐሸ ናይ ምንባብ ክእለት ነይርዋ። ካብ ዝተኣከበ ጉሓፍ ዝረኸበቶም ናይ ጋዜጣ ቅዳዳት ወረቓቕቲ ሓሓሊፉ ንኻልኦት እንስሳት ተንብበሎም ነበረት።

ቤንጃሚን ፤ ዝኾነ ሓሰማ ካብ ዘለዎ ናይ ምንባብ ክእለት ብዘይነኣኣስ መልክዑ ናይ ምንባብ ክእለት ዋላ እንተሃለዎ ፤ ክእለቱ ክትግብር ግን

ኣይረኣይን። "ንንባብ ዝበቅዕ ነገር ኣይተፅሓፈን" ይብል ፤ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እንትዛረብ።

ክሎቨር ኩሎም ፊደላት ዋላ እንተፈለጠቶም ፤ ቃል ምምስራት ግን ኣይትኽእልን። ቦክሰር ካብ 'ዲ' ንደሓር ዘለዉ ፊደላት ኣይፈልጦምን። ኣብ ሓመድ በቲ ዓብዪ ሸኾንኡ 'ኤ ቢ ሲ ዲ' ይፅሕፍ'ሞ ዓበይቲ ኣእዛኑ ንድሕሪት ገይሩ ፍዝዝ ኢሉ ይጥምቶም። ቀፂሎም ዝመፁ ፊደላት ዓቕሙ ፀንቂቑ ንምዝካር ይፍትን። ግን ኣይኮነሉን። ብሓቂ ብተደጋጋሚ ግዘ 'ኢ ኤፍ ጂ ኤች' ዝበሃሉ ፊደላት ተማሂሩ እዩ። ይኹን እምበር እዞም ፊደላት ኣፅኒዑ ምዝካር ምስጀመረ ግን 'ኤ ቢ ሲ ዲ' ምምሃሩ ጠቕሊሉ ይርስዖ። ፈፂሙ ኣይዝክሮምን። ኣብ መወዳእታ ግን እቶም ናይ መጀመርታ ኣርባዕተ ፊደላት ጥራይ ክሕዝ ወሰነ ፤ ንሶም እውን ከይርስዖም ኣብ መዓልቲ ሓደ ወይ ክልተ ግዘ እናፀሓፈ የፅንዖም።

ሞሊ ፤ ሽማ ንምፅሓፍ ካብ ዘኽእሉ ሽዱሽተ ፊደላት ወፃኢ ንምምሃር ድሌት የብላን። እዞም ፊደላት ብዘገርም መልክዑ ኣብ ሓረግ ቀሪፃ ፤ ብዕምበባ ኣማዕሪጋ ዙርየኦም እናዘረት ክተድንቖም ትዉዕል።

ዝተረፉ እንስሳት ግን ካብ 'ኤ' ንላዕሊ ክኸዱ ኣይከኣሉን። ከም ኣባጊዕ ፣ ደርሁን ደርሁማይን ዝመሳሰላ ዝወፀለን ደናቑር ድማ እቶም ሸውዓተ ትእዛዛት'ኳ ብቓለን ምሓዝ ከምዘይከኣላ ተፈሊጡ እዩ። ስኖውቦል ፤ እዚ ነገር ኣውሪዱን ኣደይቡን ሓሲቡ "እቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ኣብ ሓደ ሓፈሻዊ ጭርሖ ይጥመሩ" ክብል ኣወጀ። "**ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ**" – "እዚ" በለ ስኖውቦል "ናይ እንስሳውነት መሰረታዊ ሓሳብ ኣጠቓሊሉ ሒዙ እዩ። እዚ ጭርሖ ኣብ ልቦንኡ ዝሕደረ ፤ ካብ ናይ ደቂሰብ ክፉእ ተንኮል ይድሕን።"

ኣዕዋፍ እግረን ክልተ ስለዝኾነ ፤ ኣብ ልዕሊ እዚ ጭርሖ ዘለወን ተቓዉሞ ኣስመዓ። ስኖውቦል ግን ናይ’ተን ኣዕዋፍ ተቓዉሞ ስሕተት ምኳኑ ንከእምን ግዘ ኣይወሰደሉን።

“ብፆት ፤ ናይ ኣዕዋፍ መንፈር ከም መንቀሳቐሲ ናይ ሰብነት ኣካል እምበር ከም ኢድ ናይ ክፍኣት ኣካል ተገይሩ ኣይሕሰብን። ስለዚ ከም እግሪ እዩ ዝሕሰብ። ናይ ሰብ መለለይ ምልክቱ ኢዱ እዩ። ኢድ ናይ ኩሉ ጥፍኣት መሳርሒ እዩ።” ክብል ስኖውቦል ኣረደኦም።

እተን ኣዕዋፍ ናይ ስኖውቦል መደናገሪ ዘረባ ኣይተረደአንን። እቲ ምኽንያት ግን ተቐቢለንኦ። እቶም ብብልሒ ኣእምሮኦም ትሑታት ዝኾኑ ኩሎም እንስሳት እቲ መሪሕ ጭርሖ ክሽምድድዎ ጀመሩ። “ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ” ዝብል ጭርሖ ኣብቲ ናይ መኽዘን መንደቕ መወዳእታ ፤ ካብቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ልዕል ኢሉን ጎሊሁን ተፅሓፈ። እተን ኣባጊዕ እቲ ጭርሖ ምስሸምደደኦ ብጣዕሚ ፈተውኦ። ከይተሰላቸዋ ድማ ፤ ንብዙሕ ሰዓታት እናደጋገማ “ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ” እናበላ ይዉዕላ። ናፖልዮን ንናይ ስኖውቦል ኮሚቴታት ብዙሕ ስምዒት ኣይነበሮን። ከም ናቱ ኣበሃህላ ፤ ካብ ሽማግለታት ብላዕሊ መናእሰይ ብትምህርቲ ምህናፅ ዝበለፀ እዩ። ጄሲን ብሉቤልን ዝበሃላ ፤ ብድምር ትሽዓተ ኮራኹር ኣኽላብ ወለዳ። ናፖልዮን እቶም ኮራኹር ገና ኣናእሽቱ እናሃለዉ ካብ ሑቕፊ ኣደታቶም መንዚዑ ወሰዶም ፤ ንቐፃሊ ብትምህርቲ ክህነፁ ሓላፍነት ከም ዝወስድ ብምግላፅ። ኣብቲ መፅዓኒ ክፍሊ ብመሳልል ጥራይ ኣብ ዝድየብ ደብሪ ወሲዱ ኣስፈሮም። እቶም ኮራኹር ካብቶም ካልኦት እንስሳት ተፈልዮም ክቕመጡ ስለዝተገበሩ ፤ ብኻልኦት እንስሳት ፈፂሞም ምህላዎም እውን ተረስዑ።

ናይቲ ፀባ ምጥፋእ ምስጢሩ ፤ እቲ ፀባ በቢመዓልቱ ነቶም ሓሰማታት እናተለወሰ ዝወሃቦም ምኳኑ ኣብ ቀረባ እዋን ነቶም እንስሳት ግልፂ እናኾነ

መፂኡ። ኣብቲ ናይ ኣትኽልቲ ሕርሻ ዝነበረ ኣፑል በሲሉ ፤ እቲ ሳዕሪ እውን ብዝረገፈ ኣፑል መሊኡ። እቶም እንስሳት እዚ ኩሉ ንዥላትና ብማዕረ ክከፋፈል እዩ ዝብል ትፅቢት ነበሮም። ይኹን እምበር እቶም ኣመራርሓ ብዝሃብዎ ቐጢን ትእዛዝ መሰረት ፤ ኣብቲ ሳዕሪ ዝረገፈ ፍራምረ ብሙሉኡ ተኣኪቡ ነቶም ሓሰማታት ምግቢ ክኸውን ናብቲ መፅዓኒ ክፍሊ ክውሰድ ተወሰነ። በዚ ኩነታት ዝተወሰኑ እንስሳት እኳ እንተዕጎምጎሙ ዋጋ ግን ኣይነበሮን። ኩሎም ሓሰማታት ፤ ስኖውቦልን ናፖልዮንን ከይተረፉ በቲ ናይ ኣፑል ጉዳይ መርገፂኦም ሓደ ዓይነት ነይሩ። ስኲለር ብዛዕባ እቲ ኩነታት መብርሂ ክህብ ናብቶም እንስሳት ተልኣኸ።

“ብፆት” በለ ዓው ኢሉ “ንምኟኑ ንሕና ሓሰማታት ከምዚ ዝገበርናሉ ምኽንያት ካብ ስሰዐን ስምዒት ዉልቃውነትን ተበጊሶም ይኾኑ ኢልኩም ሓሲብኩም ትኾኑ? ብሓቂ እንተኾይኑ መብዛሕትና ፀባን ኣፑልን ንፀልእ ኢና። ኣነ ንባዕለይ ኣይፈቱን። እዞም ምግብታት እንምገበሉ ቀንዲ ምኽንያት ጥዕናና ንምሕላው እዩ። ፀባን ኣፑልን (እዚ ብሳይንስ ዝተረጋገፀ እዩ ፤ ብፆት) ንጥዕና ሓሰማታት ጠቓምቲ ዝኾኑ መዓድናት ዝሓዙ እዮም። ንሕና ሓሰማታት ናይ ኣእምሮ ስራሕ ኢና ንሰርሕ። ናይዚ ሕርሻ ጣብያ ምምሕዳርን ምውቓርን ስራሕቲ ኣብ ናትና እንግድዓ እዩ ወዲቑ ዘሎ። ቀትርን ለይትን እንለፍዕ ዘለና ንናትኩም ድሕንነትን ምዕባለን እዩ። ንሕና ሓሰማታት ሓላፍነትና ብኣግባቡ ተዘይተዋፂእና እንታይ ከምዝፍጠር ትፈልጡ ዶ? ጆንስ ክምለስ እዩ። እወ! ብዘይጥርጥር ጆንስ ተመሊሱ ክመፅእ እዩ።” “ብሓቂ እንተኾይኑ” በለ ስኲለር ዓው ኢሉ ፤ ካብ ጎኒ ናብ ጎኒ እናነጠረ ጭርሑ እናወናጨፈ ፤ “ብሓቂ እንተኾይኑ ካብ ሞንጎኹም ጆንስ ተመሊሱ ክመፅእ ዝደሊ ኣይህሉን?”

ናይቶም እንስሳት ሓበራዊ ዝኾነ እምነት እንተሃለወ ፤ ጆንስ ተመሊሱ ክመፆም ዘይደልዩ ምኟኖም እዩ። ብኸምዚ መልክዑ እቲ ሕቶ እንትቐርበሎም ፤ ሓንቲ ቃል’ኳ ክትንፍሱ ኣይከኣሉን። ናይቶም ሓሰማታት ጥዕና ምሕላው ዝህልዎ ጥቕሚ ካብ ናይ ስኲለር መብርሂ ግልፂ ኮይኑሎም

ስለዝነበረ። በዚ መንገዲ እቲ ፀባን ኣብቲ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ዝረገፉ ኣፕላት (ንቑፃሊ እውን በሲሎም ዝእከቡ ሓዊሱ) ንሓሰማታት ጥራይ ምግቢ ክኾኑ እቶም እንስሳት ብሓደ ድምፂ ተሰማዕምዑ።

ራብዓይ ምዕራፍ

ኲናት ደምበ

ኣብ ሕርሻ እንስሳት ብዛዕባ ዝተፈፀመ ተግባር ፤ ኣብ መወዳእታ ክራማት እቲ ዜና ፍርቂ እታ ሃገር ተሰምዐ። ስኖውቦልን ናፖልዮንን በቢመዓልቱ ናብ ጎረቤት ዘሎ ሕርሻ ርግቢታት ክበራ ይገብሩ። ዝወሃበን መምርሒ ፤ ኣብ ጎረቤት ኣብ ዘሎ ሕርሻ ምስዝነብሩ እንስሳት ተሓዊሰን ብዛዕባ እቲ ዝተገበረ ዓመፅ ከዘንትዋን “ኣራዊት እንግሊዝ” ዝብል ዜማ ከምህረኦምን ነበረ።

ኣይተ ጆንስ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዊሊንግደን ቀይሕ ኣንበሳ እንዳ ቡን ኣብ ባንኮኒ ኮፍ ኢሉ ፤ ዝሰምዖ እንተረኺቡ ፤ ብዘይረብሑ ጉሓሉ እንስሳት ንብረቱ ተዘሪፉ ብግፍዒ ካብ ሕርሹ ምብራሩ ከዘንቱ ይዉዕል። ካልኦት ሓረስቶት ብሓሳብ ደረጃ ዋላ እንተደገፍዎ ፤ ዝረብሕ ሓገዝ ግን ኣይገበርሉን። ይኹን እምበር ሕድሕዶም ኣብ ልዕሊ ጆንስ ዝበፅሐ ኪሳራ ናብ ናይ ባዕሎም ረብሓ ክልውጥዎ ከምዝኽእሉ ብዉሽጦም ይሓስቡ። ከም ዕድል ኮይኑ ንሕርሻ እንስሳት ዘዋስንዎ ክልቲኦም ጎረባብቲ ባዕሎም ንባዕሎም ሓውን ሓሰርን ነበሩ።

‘ፎክስዉድ’ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ሕርሻ ሰፊሕን ክንክን ዝጎደሎን ፤ እዋኑ ዝሓለፎ ፤ ብቖጥቛጥ ዝተመልአን ብጋህፂ መልክዑ ‘ዉን ዝኣረገን ነበረ። ወናኒኡ ተፃዋትን ዝተኸበረን ሓረስታይ ዝኾነ ኣይተ ፒልኪንግተን ፤ ከከም ኩነታት ኣየሩ ግዚኡ ዘሕልፎ ወይ ዓሳ ብምፅማድ ወይ ኣብ ሃደን ነበረ።

‘ፒንችፊልድ’ ተባሂሉ ዝፅዋዕ እቲ ካልእ ሕርሻ ንእሽተይን ብፅቡቕ ኩነታት ዝተትሓዘን እንትኸውን ፤ ወናኒኡ ድማ ኣይተ ፍሬደሪክ ይበሃል።

ንሱ ድማ ንቑሕ ፤ ጎበዝን ኣብ ክፍሊ ሕጊ ‘ዉን ዝሰርሕ ብርቱዕ ተማሃራይ ነበረ። እዚኦም ክልቲኦም ባዕሎም ንባዕሎም ካብ ዘይምፍታዎም ዝተልዓለ ሓበራዊ ኣብ ዝኾነ ጥቕሞም’ኳ ክሰማዕምዑ ኣይኽእሉን።

ይኹን እምበር ኣብ ሕርሻ እንስሳት ብዝተልዓለ ዓመፅ ኣዐርዮም ዝሰምበዱ እንትኾኑ ፤ እቲ ዓመፅ ናብ ናቶም ሕርሻ እውን ከይስፋሕፋሕን እንስሳቶም ‘ዉን ብዛዕባ እቲ ዓመፅ ግንዛበ ንከይህልዎም ምክልኻሎም ኣይተረፈን። ኣብ ፈለማ ፤ እንስሳት ዓርሶም ክኢሎም ሕርሻ ጣብያ የመሓድሩ እዮም ብዝብል ወግዒ እናባጨዉ ይስሕቑ ነበሩ። ኩሉ ነገር ኣብ ዉሽጢ ክልተ ሰሙን ኣሰሩ ክጠፍእ ‘ዩ ይብሉ። ኣብ ማኖር ፋርም (እቶም ሰባት “ሕርሻ እንስሳት” ዝብል ስያመ ስለዝፀልእዎ ክሳብ ሐዚ ‘ሕርሻ ማኖር’ እዮም ዝብልዎ) ዝነብሩ እንስሳት ባዕሎም ንባዕሎም እናተበኣሱ እንትኾኑ ፤ ብጥሜት እውን እናረገፉ እዮም ፤ ብምባል ወረ ይነዝሑ።

ድሕሪ ቁሩብ ግዘ ፤ ከምቲ ዝዉረ እቶም እንስሳት ብጥሜት ዘይምርጋፎም እንትፍለጥ ፤ ፍሬደሪክን ፒልኪንግተንን ናይ ሓሶት ዘረብኦም ቀይሮም “ኣብ ሕርሻ እንስሳት ንምስምዑ ዘደንፁ ተግባር እናተፈፀመ ይርከብ” ክብሉ ጀመሩ። “ኣብኡ ዝነብሩ እንስሳት ባዕሎም ንባዕሎም ይበላልዑ ፤ እቲ ሓደ እንስሳ ነቲ ካልእ ብዝረሰነ ሓፂን የሕርሮ ፤ እተን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ሓባር ንብረት ኮይነን። ኣብ ልዕሊ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ምዕማፅ ከምዚ ዓይነት ሳዕቤን የምፅእ” ይብሉ ፤ ፍሬደሪክን ፒልኪንግተንን።

ይኹን እምበር እዞም ወረታት ብዙሕ ዝኣምኖም ኣይነበረን። “እንስሳት ንደቂሰባት ኣባሪሮም ባዕሎም ብባዕሎም ዘመሓድርዎ ዘገርም ሕርሻ ጀሚሮም” ዝብል ሕምየት መልክዑን ዓይነቱን እናቐየረ እናተወረየ ነበረ። ኣብቲ ዓመት ገጠር ኣብ ዝርከቡ ኩሎም ሕርሻታት ዓመፅ ከም ሓዊ ተባርዐ። ንኣብነት መብዛሕትኡ ግዘ ምእዙዛት ዝነበሩ ኣርሓታት ሃንደበት ምቑጣዕ ጀመሩ። ኣባጊዕ ደጎል እናጠሓሳ እቲ ሳዕሪ ፀባ ጎማመደኦ። ኣላሕም ነቲ ፀባ መሕለቢ ሰንኬሎ ብርግሒት በለኦ። እቶም ኣፍራስ ድማ ልጓም በቲኾም ነቶም ጋለብቶም ናብ መሬት ክድርብይዎም ጀመሩ። ካብ ኩሉ

ብላዕሊ ግን “ኣራዊት እንግሊዝ” ዝብል ዜማን ግጥሚ እውን ሓዊሱ ኣብ ኩሉ ቦታ ተፈላጢ ኮነ።

ደቂሰባት “ኣራዊት እንግሊዝ” ዝብል መዝሙር እንትሰምዑ ቁጠዐኦም ምቁፅፃር ይኣብዮም ፤ ዝንዕቕዎ ዋላ እንተመሰሉ። “እንስሳት ከመይ ኢሎም ከምዚ ዝበለ ዓዘር ቆዘር ዝኾነ መዝሙር ክዝምሩ ከምዝኽኣሉ ክርደኣና ኣይከኣለን” ይብሉ። እዚ መዝሙር ክዝምር ዝተረኸበ እንስሳ ብጭጉራፍ ይግረፍ። ከምዚ ኮይኑ እናሃለወ እውን እቲ መዝሙር ዓጋቲ ኣይረኸበን። ኳኺት ኣብ ጨንፈር ኣእዋም ኮይኖም ይፋፅይዎ። ርግቢታት ኣብ ኣግራባት ኮይነን ይሕንሕነኦ። ኣብ መንደር ኣንጠረኛታትን ናይ ኣብያተ-ክርስትያናት ደወልን እውን ተኣታተወ። ደቂሰባት ክሰምዕዎ ከለዉ ውሽጦም ብራዕዲ ይንቅጥቀጥ ፤ ናይ ደቂሰባት ህልቂት ምቕራቡ የዘክሮም።

ኣብ መጀመርታ ወርሒ ጥቅምቲ ፤ እኽሊ ምስተዓፀደን ምስተኾመረን ፣ ዝተወሰነ ‘ዉን መኽዳ ምስተኸደን ፤ ኣብ ልዑል ስምዒት ዝኣተዋ ርግቢታት ኣብ ልዕሊ ሰማያት እቲ ሕርሻ ጣብያ ሕምብሊል እናበላ ፅኒሐን ኣብቲ ሜዳ ዓረፋ። ጆንስን ሓሾኽሩን ፤ ፍርቂ ደርዘን ምስዝኾኑ ናይ ፎክስዉድን ፒንችፊልድን ተሓባበርቱ ብምኧን ፤ ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ዋና ሓፁር በሪ ሓሊፎም ብናይ ጋሪ መንገዲ ኣቢሎም ናብቲ ሕርሻ ይመፁ ከምዘለዉ ተዛረባ። ኩሎም በትሪ ሒዞም ጆንስ ግን ብረት ተዓጢቑ እናመረሖም ከምዘሎን መረዳእታ ሃባ። ኣመፃፅኦም እቲ ሕርሻ ጣብያ ካብቶም እንስሳት መንዚዖም ንምሓዝ ምኳኑ ግልፂ እዩ።

ከምዚ ዓይነት መጥቃዕቲ ክመፅእ ከምዝኽእል ቀዲሙ ትፅቢት ይግበረሉ ስለዝነበረ ፤ ኩሉ ምድላው ተገይሩ ነይሩ እዩ። ካብቲ ዓብዪ ህንፃ ዝረኸቦ ብዛዕባ ናይ ጁሊየስ ቄሳር ወፍሪ ዝተፅሓፈ መፅሓፍ ኣፅቢቑ ዘፅነዐ ስኖውቦል ፤ ናይ መከላኸሊ ሓይሊ ህንፀት ሓላፍነት ተሸኪሙ ነበረ። ቕልጡፍ ትእዛዝ ምስሃበ ድማ ኩሎም እንስሳት ኣብ ዘዝተመደብዎ ቦታ ቀልጢፎም ድፋዕ ሓዙ።

እቶም ሰባት ናብቶም ህንፃታት ምስቀረቡ ፤ ስኖውቦል ናይ ፈለማ መጥቃዕቲ ትእዛዝ ሃበ። ብጠቕላላ ሰላሳን ሓሙሽተን ዝኾና ርግቢታት ኣየር ንኣየር እናዘራ ኣብ ርእሲ እቶም ሰባት መጥቃዕቲ ኣዝነባሎም። እዚ ዝበፅሖም መጥቃዕቲ እናተኸላኸሉ ከለዉ ፤ ኣብቲ ሓፁር ዓሪደን ዝነበራ ደርሁማይ ወፂአን ዳንጋ እግሮም ክተኹበኦም ጀመራ። ይኹን እምበር እዚ ቀሊል ናይ ውግእ ስልቲ እንትኸዉን ፤ ዕላምኡ ድማ ሓይሊ ፀላኢ ምዝባዕ እዩ።

እቶም ወረርቲ ነተን ደርሁማይ ብኣብትርቶም ተኸላኺሎም ብቐሊሉ ኣባረርወን። ቀፂሉ ስኖውቦል ካልኣይ ዙር ናይ መጥቃዕቲ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ሙሬል ፣ ቤንጃሚንን ኩለን ኣባጊዕን ብመሪሕነት ስኖውቦል ንቕድሚት ተወንጨፉ። ነቶም ሰባት በቢኣንፈቱ ብግንባሮም እናናግዑን ብቐርኖም እናወግኡን ልቦም ኣጥፍእሎም። ቤንጃሚን እናዘረ ብሸኾንኡ ርግሒት በሎም። ይኹን እምበር እቶም ሰባት ብኣብትርቶምን በቲ ጨፋር ቦቲ ጫምኦምን እቲ መጥቃዕቲ መከትዎ። እዚ ነቶም እንስሳት ልዕሊ ዓቕሞም ምኳኑ ዝተረድአ ስኖውቦል ፤ ኣብ ቅድመ ምድላው ብዝተስማዕምዕዎ ናይ ምንስሓብ ምልክት መሰረት ፤ ቀጢን ናይ ሓሰማ ድምፂ ምስኣስመዖም ኩሎም ንድሕሪት ብምንስሓብ ናብ ውሽጢ እቲ ቀፅሪ ሃደሙ።

እቶም ሰባት ብዓወት ጫደሩ። ፀላእቶም ብፍርሒ ርዒዶም ኣብ ህድማ እዮም ዝርከቡ ኢሎም ስለዝሓሰቡ በቢኣንፈቱ ተበቲኖም ተኸተልዎም። ናይ ስኖውቦል ድሌት እውን እዚ ነበረ። ኩሎም ሰባት ናብቲ ቀፅሪ ሕርሻ ውሽጢ ኣዐርዮም ምስኣተዉ ፤ ኣብቲ ናይ ኣላሕም ደምበ ኣድብዮም ዝነበሩ ሰለስተ ኣፍራስ ፣ ሰለስተ ኣላሕምን ኩሎም ሓሰማታትን ብሃንደበት ብድሕሪቶም መፂኦም ከበብዎም። ስኖውቦል ፤ እቲ መጥቃዕቲ ክፍነው ምልክት ሃቦም ፤ ንሱ ባዕሉ ተሃንዲዱ ቀጥ ኢሉ ናብ ጆንስ ኣምረሐ።

ጆንስ ፤ ስኖውቦል ይመፆ ከምዘሎ ምስረኣየ ኣነፃፂሩ ተኮሰሉ። እቲ ጥይት ናይ ስኖውቦል ሑቐ ጨንጊፉ ብምሕላፍ ሓንቲ በጊዕ ቀተለ። ስኖውቦል ንቐፅበት ‘ዉን ከይዘንገዐ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዝኾኑ ኣእማን ንጆንስ ኣብ ኣእጋሩ ኣዝነበሉ። ጆንስ ፤ ንድሕሪት ወዲቑ ኣብ ዝተኣከበ ዒባ ተረግረገ ፤ ብረቱ ድማ ካብ ኢዱ ኣምሊጡ ወደቐ። ካብ ኩሉ መፍርሕን ኣገራምን ዝነበረ ክስተት ግን ቦክሰር ዝፈፀሞ መጥቃዕቲ እዩ። ብረት ለበስ ብዝኾነ ናይ ድሕሪት ኣእጋሩ ሸኾና ገይሩ እናወናጨፈ ብርግሒት ይብሎም ነበረ። ናይ መጀመርታ ርግሒት ዘዕረፎ ፤ ካብ ሞንጎ እቶም ካብ ፎክስዉድ ዝመፁ ፤ ኣብ ርእሲ ሓደ መንእሰይ እዩ። እቲ መንእሰይ ውንኡ ስሒቱ ናብ ጭቃ ወደቐ። እዚ ዝረኣዩ ካልኦት ሰባት ብፍርሒ ኣብትርቶም ደርብዮም ንምህዳም ፈተኑ።

እቶም እንስሳት ኩሎም ፤ ነቶም ወረርቲ ደቂሰባት ኣብቲ ሜዳ ብቐርኖም እናወግኡ ፣ ብርግሒት እናበሉን ፣ እናነኸሱን ፣ ንዝወደቑ እናረገፁን መውፅኢ ኣስኣንዎም። ካብ ሞንጎ እቶም እንስሳት ዋላ ሓደ ብዓቕሙ ሕንኡ ዘይፈደየ ኣይነበረን። ዋላ ድሙ ከይተረፈት ፤ ካብ ናሕሲ ዘሊላ ኣብ እንግድዓ ሓደ ሓረስታይ ብምዕራፍ ፤ ብኣፅፋራ ክሳዱ እንትትብሕጭሮ ተጠሊዑ ኡይ በለ። ኣብ መንጎ እዚ ዕግርግር ፤ እቶም ሰባት ብዝረኸብዎ መሽለኺ ካብቲ ዝተኸበብዎ ካንሸሎ እናወፁ ናብቲ ዋና መንገዲ ሃደሙ። ወራር ካብ ዝጅምሩ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቓይቕ ፤ ብዝመፅዋ መንገዲ ብዘሕፍር መልክዑ ህድመኦም ቀፀሉ። ክሳብ በሪ እቲ ሓፁር ድማ ፤ እተን ደርሁማይ ደድሕሪኦም እናሰዓባ ዳንጋ እግሮም እናነኸሳ ኣባረረኦም።

ብዘይካ እቲ ሓደ ፤ እቶም ወረርቲ ኩሎም ኣምሊጦም። ኣብቲ ሜዳ ብኸብዱ ኣብ ጭቃ በጥ ኢሉ ዝነበረ መንእሰይ ፤ ቦክሰር ብሸኾንኡ እናነኻኸአ ፤ ብሕቑኡ ክግልብጦ ዋላ እንተፈተነ ክንቀሳቐስ ግን ኣይከኣለን።

“ሞይቱ እዩ” በለ ቦክሰር ብሓዘን ተዋሒጡ። “ናይ ምቕታል ድሌት ሃልዩኒ ኣይኮነን ፤ ሓፂን ጫማ ምግባረይ ስለዝዘንጋዕኹ እምበር። ሐዚ ኮነ ኢለ ኣይኮንኩን ቀቲለዮ እንተበልኩ መን እዩ ክኣምነኒ?”

“ዝኾነ ስምዒት ከይስመዐካ ፤ ብፃይ!” በለ ስኖውቦል ፤ ዓው ኢሉ። ካብቲ ጆንስ ጥይት ተኩሱ ዘቑሰሎ ሕቑኡ ደም ጠብጠብ ይብል ነበረ። “ውግእ ማለት ፤ ውግእ እዩ። ናይ ሰብ ፅቡቕ ዝበሃል ፤ ዝሞተ ጥራይ እዩ።”

“ህይወት ናይ ምሕላፍ ድሌት የብለይን ፤ ዋላ ናይ ወድሰብ ይኹን” በለ ደጊሙ ፤ ቦክሰር ፤ ኣዒንቱ ንብዓት ቋፂረን።

“ንምዃኑ ሞሊ ኣበይ ኣላ? ክብል ሓተተ ፤ ካብ ሞንጎኦም ሓደ።”

ብሓቂ ሞሊ ጠፊኣ ነይራ። ኩሎም ሰምበዱ። ከይተፈለጠ በቶም ሰባት ተጎዲኣ ትኸዉን እያ ፤ ወይ ድማ ተሰኪሞም ወሲዶማ ክኾኑ ይኽእሉ ኢሎም ሓሰቡ። ብዝገበርዎ ኣለሻ ኣብቲ መሕደሪኣ ኣብ ዘሎ ኹምሪ ሓሰር ፤ ርእሳ ሸጕጣ ፤ ተሓቢኣ ተረኸበት። ሞሊ ልክዕ እቲ ቶኽሲ ምስሰምዐት እያ ብድንጋፀ ሃዲማ። ንሞሊ ድሕሪ ምርካቦም ናብቲ ሜዳ ምስተመለሱ ፤ እቲ ውንኡ ስሒቱ ወዲቑ ዝነበረ መንእሰይ ኣብቲ ቦታ ኣይፀንሐን። ጉድኣት በፂሕዎ ከይኮነስ ፤ ልዕሊ ዓቕን ሰምቢዱ እዩ ውንኡ ስሒቱ ነይሩ። እቶም እንስሳት ኣብቲ ኸባቢ ዘይምህላዎም ምስኣረጋገፀ እዩ ተላዒሉ ሃዲሙ።

እቶም እንስሳት ኩሎም ከካብኣንፈቱ ተኣኪቦም ፤ ናይ መን ዘረባ ከምዝስማዕ ኣይፍለጥን ፤ ሕድሕዶም ኣብቲ ውግእ ዝገበርዎ መስተንክር ዓው ኢሎም የውርዩ። ሽዑንሽዑ ንዘመዝገብዎ ዓወት ንምኽባር ፅምብል ገበሩ። ባንዴራ ተንበልቢሉ ፤ መዝሙር “ኣራዊት እንግሊዝ” ተደጋጊሙ ተዘሚሩ። ካብኡ ድማ ኣብቲ ውግእ ንዝተሰውኣት በጊዕ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ብምግባር ፤ ኣብ መቓብራ ድማ ተኸሊ ዕምበባ ተኸሉ። ኣብቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ፤ ስኖውቦል ኣብ ዘስመዖ መደረ ፤ ንህልውና ሕርሻ እንስሳት ክበሃል

ኩሎም እንስሳት መስዋእቲ ንምኽፋል ድልዋት ክኾኑ ከምዘለዎም ኣርጊፁ ተዛረበ።

ንጅግና ተጋዳላይ ናይ መዳልያ ሽልማት ክወሃብ ድማ ወሰኑ። “ጅግና እንስሳት ፤ ቀዳማይ ደረጃ” ንስኖውቦልን ቦክሰርን ተውሃበ። ናይ ነሓስ መዳልያ እዩ። (እቶም መዳልያታት ካብቲ መፅዓኒ ክፍሊ ዝተረኽቡ ፤ ዝኣረጉን ንናይ ፈረስ ሽኾና ኣገልግሎት ዝወዓሉን ነበሩ።) እቶም መዳልያታት ሰንበትን ኣብ በዓላትን ጥራይ ክገብርዎም ተወሰነ። ነታ ዝተሰውኣት በጊዕ ድማ “ጅግና እንስሳት ፤ ካልኣይ ደረጃ” ክወሃባ ተወሰነ።

ናይቲ ኲናት መፀውዒ ስያመ ንምሃብ ሰፊሕ ምይይጥ ገበሩ። ኣብ መወዳእታ “ኲናት ደምበ” ዝብል ፀደቐ። ምኽንያቱ ሓያል መጥቃዕቲ ክገብሩ ዝኽኣሉ ኣብቲ ደምበ ኣድብዮም ብምፅነሖም እዩ። ኣብ ጭቃ ወዲቑ ዝተረኽበ ናይ ኣይተ ጆንስ ብረት ፤ ኣብቲ ዓብዪ ህንፃ ብዝሕ ዝበለ ጠያይቲ ከምዘለዎ ተፈሊጡ እዩ። እቲ ብረት ኣብ እግሪ እቲ መስቀሊ ባንዴራ ልክዕ ከም ሓደ መድፍዕ ፤ ምልክት ኮይኑ ደው ክብል ፤ ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ ክትኮስ ድማ ተወሰነ። እቲ ቀዳማይ ጥቅምቲ 12 እንትኸዉን ፤ እዚ ድማ ኲናት ደምበ ንምዝካር እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ መፋርቕ ክረምቲ ኮይኑ ፤ እቲ ዓመፅ ዝተወልዐሉ መዓልቲ ንምዝካር ኣብ ዝግበር ፅምብል ዝትኮስ ይኸውን።

ሓምሻይ ምዕራፍ

ዕጫ ስኖውቦል

“ካብያ ክረምቲ ዘገልገለስ ፤ ቀውዒ ሚሐ ዘቐበለ”

ሓጋይ ምስኣተወ ፤ ሞሊ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ኣፀጋሚት እናኾነት ከደት። ኩሉግዘ ናብ ስራሕ ኣርፊዳ እያ ትመፅእ ፤ ምኽንያታ ድማ “ድቃስ ኣሸኒፉኒ ክትስእ ኣይከኣልኩን” እያ ትብል። ናይ ብልዒ ሸውሃታ ዋላ ፅቡቕ እናሃለወ ፤ ብእንታይነቱ ዘይፍለጥ ሕማማ እያ ተመኽኒ። ምኽኒት እናፈጠረት ስራሕ ኣቋሪፃ ናብ ማይ መስተዪ ዒላ ትኸይድ። ከም ዓሻ ድማ ኣብቲ ውሽጢ ማይ ዘሎ ናይ ባዕላ ምስሊ ኣትኩራ ትርኢ። ብዛዕባ ሞሊ ካልእ መሰምበዲ ወረ ክናፈስ ጀመረ። ሓደ መዓልቲ ሞሊ እቲ ነዊሕ ጭራኣ ብኩሽማን እናወዛወዘትን ቓንጫ እናሓየኸትን ናብቲ ሜዳ ጎሰስ እናበለት እንትትስጉም ፤ ክሎቨር ደድሕሪኣ ሰዓበታ።

“ሞሊ” በለት ክሎቨር ፤ “ክዛረበኪ ዝደልዮ ሓደ ኣገዳሲ ጉዳይ ኣለኒ። ሎሚ ንጉሆ ናትና ሕርሻ ምስ ፎክስውድ ኣብ ዝፈሊ ሓፁር እናማዕደኺ ክትጥምቲ ሪአኪ። ካብ ናይ ፒልኪንግተን ሰባት ሓደ ድማ ኣብቲ ሓፁር ደው ኢሉ ነይሩ። ዋላ’ኳ ርሕቕ ኢለ ደው ኢለ እንተነበርኩ ፤ ንሱ እናዛረበክን ኣፍንጫኺ እውን ብዓርሰ ፍቓድኪ እንትደራርዘኪ ብዘይጥርጥር ሪአ እየ። ንምኧኑ እንታይ ኢኺ ትኾኒ ዘለኺ ፤ ሞሊ?”

“ኣይደራረዘንን! ኣይፈቐድኩሉን! ሓቂ ኣይኮነን” ብምባል ዓውዓው በለት ሞሊ ፤ ፍርንጫዕ እናበለትን እቲ መሬት እናፃሕተረትን።

“ሞሊ ፤ እስከ ዓይነይ እናረኣኺ። እቲ ሰብ ኣፍንጫይ ኣይደራረዘንን ኢልኪ ትምሕሊዶ?”

“ሓቂ ኣይኮነን” በለት ደጊማ ሞሊ። ግን ንክሎቨር ቅንዕ ኢላ ንምርኣይ ኣይደፈረትን። ሽዑንሽዑ ናብቲ ሜዳ እናጋለበት ከደት።

ክሎቨር ሓደ ሓሳብ መፀአላ። ንኻልኦት ሓንቲ ቃል ከይተንፈሰት ናብ ናይ ሞሊ መሕደሪ ከደት። ብሸኾናኣ ነቲ ሓሰር ገላበጠቶ ፤ ኣብኡ ድማ ዝተሓብአ ቃንጫ ሽኮርን ብርክት ዝበሉ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ሪቫናትን ረኸበት።

እዚ ምስኮነ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ሞሊ ተሰወረት። ንዝተወሰኑ ሰሙናት ኣሰራ ጠፍአት። ፀኒሐን ድማ ፤ እተን ርግቢታት ኣብ ዉሽጢ ዊሊንግደን ከምዝረኣያኣ ተዛረባ። ቀይሕን ፀሊምን ሕብሪ ዘለዋ ሰረገላ እናንተተት ፤ ኣብ ደገ እንዳ መስተ ደው ኢላ ርኢናያ በላ ፤ እተን ርግቢታት።

ክሳብ ብርኪ-እግሩ ዝበፅሐ ቆምጣ ስረን ገምባለን ዝገበረ ፤ በዓል ዋና እቲ እንዳ መስተ ዝመስል ፤ ቀይሕ ገፁን ረጕድን ሰብኣይ ፤ ኣፍንጭኣ እናደራረዘ ሽኮር የብልዓ ነይሩ። ሓዱሽ ጃኬት ተሰፍዩላ ምኽዳናን ፤ ኣብ ክሳዳ ‘ዉን ዘብረቕርቕ ሪቫን ምእሳራን ፤ ብጣዕሚ ሕጉስቲ ድማ ትመስል ፤ ኢለን ርግቢታት ተዛረባ። ካብዛ መዓልቲ ጀሚሩ ዝኾነ እንስሳ ናይ ሞሊ ሽም ዘልዓለ ኣይነበረን።

ኣብ ወርሒ ጥሪ ፤ እቲ ኩነታት ኣየር ኣፀጋሚ ነበረ። ናይ መሬት ሙቐት ሃሩር ኮይኑ ፤ ስራሕቲ ሕርሻ ምስራሕ ኣይተኽኣለን። ኣብቲ ዓብዩ መኽዘን ውሽጢ ብርክት ዝበሉ ኣኼባታት ተኻየዱ። እቶም ሓሰማታት ንዝቕፅል ናይ ሕርሻ ወቕቲ ትልሚ ኣብ ምውፃእ ተፀመዱ። እቶም ሓሰማታት ካብ ካልኦት እንስሳት ዝበለፀ ብኣተሓሳስበኦም ዝሐሹ እዮም ብዝብል ርድኢት ምኽንያት ፤ ብዛዕባ ፖሊሲ ሕርሻ ዝለዓሉ ኩሎም

ሕቶታት ውሳነ ዝህቡ ንሶም ነበሩ ፤ ዋላ'ኳ ውሳነታት ናብ ሓፋሽ ቀሪቦም ብኣብዝሓ ድምፂ ክፀድቁ ኣለዎም ዝብል ሕጊ እንተሃለወ። ኣብ ሞንጎ ስኖውቦልን ናፖልዮንን ዘይምርድዳእ ተዘይህሊ ነይሩ ፤ እዚ ኣሰራርሓ ፅቡቕ ክኸዉን ይኽእል ነይሩ።

ስኖውቦልን ናፖልዮንን ብዝኾነ ነገር ዘይስማዕምዑ ካብ ምዃኖም ዝተልዓለ ማይ ቀጠነ ኢሎም 'ውን ይጨቓጨቑ። ንኣብነት እቲ ሓደ ስገም ኣብዚሕና ንዝራእ እንትብል ፤ እቲ ካልእ ድማ ስገም ከይኮንናስ ኣጃ ኢና ኣብዚሕና ክንዘርእ ዘለና ይብል። እቲ ሓደ እዚ ሕርሻ ንካውሎ ምችው እዩ እንትብል ፤ እቲ ካልእ ድማ እዚ ቦታ ንፈልሲ መፍለሲ እምበር ንኻልእ ኣይኸውንን ይብል። ሕድሕዶም ነናይ ባዕሎም ተኸተልቲ ኣለውዎም። ገሊኦም ክትዓት ቁጥዐ እውን ዝተሓወሶም ነበሩ። ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ብዝገብሮም ኣገረምቲ መደረታት ኣብዝሓ ድምፂ ዝረክብ ግን ስኖውቦል ነበረ።

ናፖልዮን ናይ ባዕሉ ደገፍቲ ንምርካብ ብዝገብሮ ጎስጓስ ካብ ስኖውቦል ዝበለፀ እዩ። ብፍላይ እተን ኣባጊዕ ብምሉአን ኣብ ኢድ ቁፅፅሩ ኣውዒልወን እዩ። ድሕሪ እዋናት ፤ ኣብ ዝግበሩ ኣኼባታት "ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ" ዝብል ጭርሖ እናጨርሓ ኣኼባታት ምርባሽ ተተሓሒዘንኦ። ስኖውቦል ወሳኒ ዝኾኑ መደረታት ኣብ ዘስምዐሉ ግዘ "ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ" ኢለን ብምጭራሕ ፤ ኮነ ኢለን ዘረብኡ ከይስማዕ ከሰናኽለኦ ተራእየን።

ስኖውቦል ካብቲ ዓብዪ ገዛ ዝረኸቦ 'ሓረስታይን መራብሒ ከፍትን' ዝብል መፅሓፍ ኣንቢቡ ሰፊሕ ምርምር ብምግባር ንሓደሽቲ ምህዞታትን ምምሕያሻትን ዓብዪ ትልሚ ኣዳለወ። ብዛዕባ ሕርሻ መስኖ ፣ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ደረቕ ቀለብ እንስሳትን ፣ ብዛዕባ ምድላው ባህላዊ ድኹዒን ምሁራዊ መብርሂ ይህብ። ኩሎም እንስሳት ኣብቲ ሜዳ ሕርሻን ዝተፈላለዩ ቦታታትን ብኸመይ ፍታን ክፍትኑ ከምዘለዎም ዘርእይ ዝተሓላለኸ ትልሚ

ኣውፂእሎም። እዚ ድማ ንፅሬትን ንምጉዕዓዝ እንደኸሞ ድኻም ዝቕንስን እዩ ይብል።

ናፖልዮን ዝኾነ ይኹን ናይ ባዕሉ ትልሚ ምውፃእ ኣይኽእልን። ግን ናይ ስኖውቦል ትልሚ ለውጢ ዘየምፅእ ምኳኑ ይዛረብ። ኩሉ ኩነታቱ ምችው ግዝ ዝፅበ ዘሎ ይመስል። ካብ ኩሎም ኣፈላላያቶም እቲ ዝሰፍሐን ዝመረረን ክትዕ ዝተገበረሉን ግን ጉዳይ ህንፀት **ዊንድሚል** (ናይ ንፋስ ሓይሊ መፈልፈሊ) እዩ።

ካብቲ ዓብዪ ህንፃ ቁሩብ ፈንተት ኢሉ ኣብ ዝርከብ ሜዳ ማእኸል ፤ ናይቲ ሕርሻ በሪኽ ዝበሃል ኩርባ ኣሎ። ስኖውቦል ትሕዝቶ እቲ ቦታ ምስኣፅነዐ ዊንድሚል ዝህነፀሉ ቦታ እዚ ምኳኑ ፤ ዲናሞ ብምትካል እቲ ሕርሻ ኣቕርቦት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክህልዎ እዩ ክብል ኣፍለጠ። “ደምበታት መብራህቲ ክህልዎም እዩ ፣ ተሽከርካሪ ማዕፂድ የንቀሳቕስ ፣ ሓሰር መድቀቒ ፣ ንመጥሐንን ንናይ ኤሌክትሪክ ፀባ መሕለብን የገልግል” በሎም። እቶም እንስሳት ቅድሚ ሐዚ ከምዚ ዝበለ ነገር ሰሚዖም ኣይፈልጡን። (እቲ ሕርሻ ጣብያ እንተኾነ ዘመናዊ ዘይኮነን ባህላዊ ዝኾኑ መሳርሕታት ዝጥቀምን እዩ።)

ኣገረምቲ ዝኾኑ ናይቶም ዘመናዊ መሳርሕታት ስእሊ እናሰኣለ እቲ ትልሚ እንተቕርበሎም ሃህ ኢሎም ይሰምዕዎ ። ጥቕሚ እቶም መሳርሕታት፦ ናትኩም ስራሕ ተኪኦም ዝሰርሑ እንትኾኑ ፤ ንስኹም ድማ ግዝኹም እናተዘናጋዕኹም ኣብቲ ሜዳ ክትግህፁን ወይ ድማ ፍልጠትኩም ንምዕባይ ዝሕግዝ ንባብ ወይ ምይይጥ ንምግባር ሰፊሕ ግዝ ይህልወኩም - በሎም ነቶም እንስሳት።

ኣብ ዉሑድ ሰሙናት ውሽጢ ድማ ስኖውቦል ናይቲ ዊንድሚል ንድፊ ቀሪፁ ወድአ። ናይቲ ዊንድሚል ዝርዝር መካኒካዊ ኣሰራርሓ ዝተረኽበ ፤

ናይ ኣይተ ጆንስ ንብረት ካብ ዝነበሩ ሰለስተ መፃሕፍቲ ነበረ። 'ኣብ ውሽጢ ገዛ ክስርሑ ዝኽእሉ ጠቐምቲ ሓደ ሽሕ ነገራት' ፣ 'ኲሉ ሰብ ንባዕሉ ሃናፃይ እዩ' ፣ 'ኤሌክትሪክ ንጀመርቲ' ዝብሉ መፃሕፍቲ ነበሩ። ስኖውቦል መፅናዕቲ የካይደሉ ዝነበረ ፤ ቀደም ናይ እንቛቑሖ መጫጭሒ ኣብ ዝነበረ ዳስ እንትኸውን ፤ ምድርቤቱ ልስሉስ ጣውላ ምዃኑ ንድፈ ስእሊ ንምስኣል ሓጊዝዎ እዩ። ሓደ ሓደ ግዘ ንሰዓታት በሪ ዓፅዩ ይሰርሕ። ዝተዘርግሑ መፃሕፍቲ ከይዕፀፉ ብንእሽተይ እምኒ ፀቒጡ ፤ ኣብ መንጎ ክልተ ኣፃብዕቲ እግሩ ቾክ ሒዙ ብፍጥነት ናብዝን ናብትን እናበለ ፤ ኣብ ልዕሊ መስመር መስመር እናገጣጠመ ይስእል ፤ ኣብ መንጎ ድማ ብስምዒት ታሕጓስ እናስቆንቆነ። ኣብ መወዳእታ ዝተሓላለኸን ዝተፈላለየ ዓይነት መሳርሒታት ዝሓዘን ንድፊ ኣቕረበሎም።

እቶም እንስሳት እቲ ንድፊ ምስረኣዩ ንትርኢቱ ኣዝዮም ዋላ እንተፈተውዎ ፤ ኢደ እግሩ ግን ኣይተረድኦምን። ይኹን እምበር ኲሎም እንስሳት እቲ ንዓይኒ ሰሓባይ ዝኾነ ናይ ስኖውቦል ስእሊ እንተነኣሰ ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዘ ይሪእዎ። ደርሁን ደርሁማይን ከይተረፋ ከይደን ሪአንአ እየን ፤ ኣብቲ ምድሪ ቤት ዘሎ ናይ ቾክ ስእሊ ንከይረግፃ ብጥንቃቐ እናሰጎማ። ናፖልዮን ግን ኣቓልቦ ኣይሃበሉን። ገና ካብ ብጉሓቱ ናይቲ ዊንድሚል ህንፀት ከምዝቃወም ገሊፁ እዩ።

ናፖልዮን ሓደ መዓልቲ ብሃንደበት እቲ ናይ ስኖውቦል ንድፊ ክሪኦ ከደ። ኣብቲ ዳስ ኣትዩ ድማ ዘወርወር በለ። ናይቲ ንድፊ ሕድሕድ ዝርዝር ምስረኣየ ሓደ ክልተ ግዘ ኣሽተቶ። እቲ ስእሊ ብዓይኑ ጎልሓፅ ኢሉ እናረኣየ ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ፤ ንዝተወሰነ ግዘ ኣብ ዘለዎ ደው በለ። ቀፂሉ ብሃንደበት እግሩ ኣልዒሉ ፤ ኣብቲ ንድፊ ሸይንሉ ሓንቲ ቃል ከይተንፈሰ ካብቲ ዳስ ወፂኡ ተዓዘረ።

ናይቲ ሕርሻ ጣብያ እንስሳት ብጉዳይ እቲ ዊንድሚል ሱር ዝሰደደ ምክፍፋል ኣጋጠሞም። ስኖውቦል እቲ ህንፀት ንምክያድ ከቢድ ከምዝኸዉን ኣይከሓደን። ኣእማን ሰቢርካን ኣጎዓዒዝካን መንደቕ ምንዳቕ ፤ ካብኡ ድማ ሸራዕ ሰሪሕኻ ምዝርጋሕ ፤ እዚ ምስተወደአ ዲናሞ ምግጣምን ገመድ ኤሌክትሪክ ምዝርጋሕን። (እዚኦም ነገራት ካበይ ከምዝመፁ ብስኖውቦል ዝተገለፀ ነገር የለን።) ይኹን እምበር "ህንፀቱ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክዛዘም ይኽእል'ዩ" ይብል። ስኖውቦል ፤ "ዊንድሚል ተሃኒፁ ምስተወድአ ናይ ጉልበት ስራሕ ዝቕንስ ብምኧኑ ፤ ኣብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ ኢኹም ትሰርሑ" ብምባል ነቶም እንስሳት ገለፀሎም።

ብኻልእ ወገን ናፖልዮን "ንሐዚ ኣገዳሲ ጉዳይ ፍርያት ኣቕርቦት ምግቢ ምውሳኽ እምበር ዊንድሚል ምስራሕ ኣይኮነን። ኣብዚ ዘይረብሕ ትልሚ ግዘኹም ተባኽኑ እንተኾይንኩም ብጥምየት ክትሞቱ ኢኩም።" ብምባል መካትዒ ሓሳብ ኣቕረበሎም።

እቶም እንስሳት ኣብ ክልተ ተመቐሉ። ብሓደ ወገን ናይ ስኖውቦል ደገፍቲ "ንስኖውቦልን ኣብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ምስራሕን ምረፁ" ዝብል ጭርሖ እንትጭርሑ ፤ ብኣንፃሩ "ንናፖልዮንን ንኽብድኻ ምፅጋብን ምረፁ" ዝብል ጭርሖ ዝሓዙ ናይ ናፖልዮን ደገፍቲ ነበሩ።

ንኽልቲኡ ጉጅለ ዘይወገነ ቤንጃሚን ጥራይ ነበረ። "ምግቢ እንተኾነ ብርኩት ኣይኸዉንን ፤ ዊንድሚል እንተተሃነፀ 'ዉን ድኻም ኣይቐርን" ብምባል ናይ ክልቲኡ ጉጅለ ስብከት ከምዘይኣምን ተዛረበ። "ዊንድሚል ሃለወ ኣይሃለወ ፤ ህይወት ከምቀደማ ትቕፅል እያ - ብስቓይ" ክብል ወሰኸሉ።

ኣብ ጉዳይ ዊንድሚል ካብ ዝተልዓለ ምጎት ብተወሳኺ ፤ ኣብ ጉዳይ ሓይሊ ምክልኻል እቲ ሕርሻ ጣብያ ‘ዉን ዝተልዓለ ሕቶ መካትዒ ነበረ። ኣብ ሞንጎ እቶም እንስሳት ፤ ዋላ’ኳ ኣብ ኲናት ደምበ ንደቂሰብ እንተሰዓርናዮም ፤ ሓይሎም ኣጠናኺሮም እቲ ሕርሻ ጣብያ ኣብ ኢድ ቁፅፅሮም ንምውዓልን ጆንስ ናብ ቦትኡ ንምምላስን ካልእ ወሳኒ ፈተነ መጥቃዕቲ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም ዝብል ሓፈሻዊ ግንዛበ ነበረ። ንኻልኣይ ዙር ኲናት ምውላዕ ምኽንያት ክኸዉን እዩ ተባሂሉ ዝተኣመነሉ ጉዳይ ፤ እቲ ዜና ስዕረት ደቂሰባት ኣብ ኩሎም ገጠራት ተሰሚዑ ስለዝነበረ ፤ ኣብ ጎረባብቲ ሕርሻታት ውሽጢ ዝነብሩ እንስሳት ብዝበለፀ ንዓመፅ ክለዓዓሉ ገይሩ እዩ ዝብል ነበረ።

ከምቲ ልሙድ ስኖውቦልን ናፖልዮንን ኣብ ጉዳይ ሓይሊ ምክልኻል ‘ዉን ኣይተስማዕምዑን። ከም እምነት ናፖልዮን ፤ እቶም እንስሳት ክገብርዎ ዘለዎም “ዕጥቅታት ምርካብን ኣጠቓቕምኡ ዓርሶም ብዓርሶም ምስልጣንን” ነበረ። ስኖውቦል ድማ “ናብ ጎረባብቲ ዘለው ሕርሻ ጣብያታት ብዙሓት ርግቢታት ብምልኣኽ ዓመፅ ክለዓል ጎስጓስ ክንገብር ኣለና።” ይብል። እቲ ሓደ ዓርሶም ካብ መጥቃዕቲ ክከላኸሉ ተዘይኽኢሎም ከምዝውረሩ እንትካታዕ ፤ እቲ ካልእ ድማ ኣብ ኩሉ ቦታ ዓመፅ እንተተላዒሉ ዓርሶም ንምክልኻል ዘገድድ ኩነታት ኣይፍጠርን ይብል። እቶም እንስሳት ፈለማ ንናፖልዮን ቀፂሎም ንስኖውቦል ኣዳመፁ። ኣየናይ ትኽክል ከምዝኾነ ግን ምውሳን ከበዶም። ይኹን እምበር ኩሉግዘ ምስቲ ኣብ መወዳእታ ዝተዛረበ እዮም ዝስማዕምዑ።

ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ ናይ ስኖውቦል ትልሚ ፤ ኣብ ቀፃሊ ሰንበት እቲ ዊንድሚል ኣብ ምህናፅን ዘይምህናፅን ድምፂ ክወሃብ እዩ። ኣብቲ ዓብዪ መኽዘን እቶም እንስሳት ንውሳነ ምስተኣከቡ ፤ ስኖውቦል ተላዒሉ ህንፀት ዊንድሚል ምጅማር ኣድላዪ ምዃኑ ብምኽንያት ነቲ ጉባኤ ኣቕረበ - ዋላ’ኳ ሳሕቲ እተን ኣባጊዕ እምበዕዕ... እናበላ ዘረብኡ እንተቛረፀኦ።

ናፖልዮን መልሲ ንምሃብ ተልዓለ። “ዊንድሚል ዋጋ የብሉን። ኣነ ዝህበኩም ምኽሪ ፤ ዋላ ሓድኤኹም ናይ ድጋፍ ድምፂ ንስኖውቦል ከይትህቡ እዩ” ብምባል ቀልጢፉ ኮፍ በለ። ሰላሳ ሰከንድ’ኳ ዘይመልእ ብምዝራቡ ኣብ እምነት እቶም እንስሳት ፀቕጢ ምሕዳሩን ዘይምሕዳሩን ብዙሕ ዝተገደሰ ኣይመስልን።

ስኖውቦል በርደግ ኢሉ እንትለዓል ዘረብኡ ንምትዕንቓፍ ክርብሻ ንዝጀመራ ኣባጊዕ ስርዓት ክሕዛ ብዓውታ ተዛረበን። ዊንድሚል ምህናፅ ንምንታይ ከምዘድሊ ብስምዒት ክዛረብ ጀመረ። ክሳብ ሐዚ እቶም እንስሳት ኣብ መንጎ ድጋፍን ተቓውሞን ብማዕረ ምስተኸፈሉ እዮም። ናይ ስኖውቦል መእመናይ ዝኾነ ዘረባ ቀልቦም ክስሕብ ጀመረ። ሰሓብቲ ብዝኾኑ ምሉእ ሓሳባት ፤ ሕሰም ዝተመልኦ ናይ ጉልበት ስራሕ ካብ እንግድዐኦም ክራገፍ ከሎ ዝህሉ ናይ ሕርሻ እንስሳት ምችው ዝኾነ ህይወት ኣዘንተወሎም።

ካብ እኽሊ መኽየድን ናይ ከፍቲ ምግቢ መኸትኸቲ ዝኾነ መሳርሕን ሓሊፉ ብምናቡ ተዓዚሩ ኸደ። “ሓይሊ ኤሌክትሪክ” በለ ስኖውቦል “ንሕድሕድ ደምበ ፍልፍል መብራህቲ ፣ ዝሑልን ምዉቕን ማይ ፣ ከምኡ ‘ዉን ናይ ኤሌክትሪክ መሞቒን ካብ ምኳን ሓሊፉ ፤ እኽሊ መኽየዲ መሳርሕታት ፣ ማሕረሻታት ፣ መጎልጎሊ ፣ መረምረሚ ፣ መዕፀዲን መጥመሪን ማሽናት የንቀሳቕስ።” ብምባል ኣረድኦም። ስኖውቦል ዘረብኡ ምስወደአ እቶም እንስሳት ናይ ድጋፍ ድምፆም ንመን ከምዝህቡ ዘጠራጥር ኣይነበረን።

ኣብዚ ወሳኒ ሰዓት ፤ ናፖልዮን ካብ ኮፍ ዝበለሉ ተላዒሉ ንስኖውቦል ፍሉይ ብዝኾነን ባህ ዘይብልን ናይ ንዕቐት ኣረኣእያ ብጎቦ ዓይኑ ጠሚቶ። ቀፂሉ ድማ እቶም እንስሳት ቅድሚ ሐዚ ሰሚዖምዎ ዘይፈልጡ ብቀጢንን መደንፀዊን ድምፂ ኣእወየ።

ሽዑ ንሽዑ ኣብ ክሳዶም ሰንሰለት ዝኣሰሩ ፤ ትሽዓተ ገዘፍቲ ኣኽላብ ኣዝዩ መፍርሒ ብዝኾነ ድምፂ እናነብሑ ፤ ብቕልጡፍ ናብቲ መኽዘን ተሃንዲዶም ኣተዉ። ቀጥ ኢሎም ድማ ናብ ስኖውቦል ተወንጨፉ። ስኖውቦል ካብ ኮፍ ዝበለሉ ሃንደበት እንትለዓል ካብ ምንጋጋ እቶም ኣኽላብ ንቑሩብ ኣምለጠ። ቀልጢፉ በቲ በሪ ሾሊኹ ወፀ ፤ እቶም ኣኽላብ ድማ ደድሕሪኡ ከዃይይዎ ጀመሩ። ብኣግራሞትን ብፍርሕን ዝዛረብዎ ዝጠፍኦም እቶም እንስሳት ፤ ናይዚ መወዳእታ ንምርኣይ ተሃንጥዮም እናተዳፍኡ ናብቲ በሪ ከዱ።

ስኖውቦል ናብቲ ዋና መንገዲ ንምብፃሕ ፤ በቲ ሜዳ ኣቋሪፁ እናጎየየ ነበረ። ሓሰማ ክጎይዮ ዝኽእል ጉያ እንትጎዩ ፤ እቶም ኣኽላብ ግን ዳርጋ ኣርከብዎ። ሃንደበት ሸተት ኢሉ እንትወድቕ ዘብቀዐሉ ይመስል ነበረ። ሽዑንሽዑ ተላዒሉ ነብሰይ ኣውፅእኒ ህድማ ቀፀለ። ካብቶም ዘዃይይዎ ዝነበሩ ኣኽላብ እቲ ሓደ ኣርኪቡ ጭርኡ ለቀም ከብሎ ኣፉ እንትኸፍት ንቑሩብ ኣመለጠ። ዝተረፎ ንእሽተይ ርሕቐት ተማዊቱ ብምጉያይ በቲ ደጎል ብዝረኸቦ መሽለኺ ሾሊኹ ኣምለጠ።

እቶም እንስሳት ብፍርሒ ተዋሒጦም ፤ ድምፂ ከየስምዑ ናብቲ መኽዘን ተመሊሶም ኣተው። ሽዑንሽዑ እቶም ኣኽላብ ተመሊሶም መፁ። ከምዚኦም ዝበሉ ፍጡራት ካበይ ከምዝመፁ ፤ ነቶም እንስሳት ሕንቅልሕንቅሊተይ ኮይንዎም ነበረ። ብዙሕ ከይፀንሑ እቲ መልሲ ግልፂ ኮነሎም። ናፖልዮን ፤ ኮራኹር እናሃለዉ ካብ ኣዴታቶም ፈልዩ ዝወሰዶምን ብውልቁ ሓቢኡ ዘዕበዮምን ምኺኖም ተረድኡ። ዋላ'ኳ ዕድመኦም ንኡሳት እንተኾኑ ፤ ከም ተኹላ መፍርሒ ዝኾነ ትርኢት ዘለዎም ገዘፍቲ ኣኽላብ እዮም። ንናፖልዮን ብጥንቃቐ ሓለዋ ይገብርሉ። ልክዕ ከምቲ ካልኦት ኣኽላብ ንኣይተ ጆንስ ጭርኦም ዝዘርግሉ ዝነበሩ ፤ እዚኦም 'ውን ንናፖልዮን ከምኡ ክገብሩ ተራእዮም።

ናፖልዮን ፤ በቶም ኣኽላብ ተዓጂቡ ቅድሚ ሐዚ ሜዝፐር ዓብዩ ደው ኢሉ ይዛረበሉ ናብ ዝነበረ መድረኽ ወፀ። “ናይ ሰንበት ኣኼባታት ዘየድልዩን ግዘ መባኸንን ብምዃኖም ፤ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ተኣጊዶም ኣለዉ” ክብል ኣወጀ። ካብ ድሕሪ ሐዚ ብዛዕባ እቲ ሕርሻ ዝለዓሉ ኩሎም ሕቶታት ንሱ ብዝመርሖ ፍሉይ ናይ ሓሰማታት ኮሚቴ ምላሽ ይወሃቦም። እቶም ኣባላት ኮሚቴ ብውልቀ ኣብ ዝገብርዎም ኣኼባታት ዝተውሃቡ ውሳነታት ንኻልኦት ከፍልጡ እዮም። ኮይኑ ግን እቶም እንስሳት በቢሰሙን ምእካቦም ኣይተርፍን ፤ ባንዴራ ንምስቃል ፣ “ኣራዊት እንግሊዝ” ንምዝማርን ሰሙናዊ ናይ ስራሕ ትእዛዝ ንምቕባልን። ድሕሪ ሐዚ ምይይጥ ዝበሃል ነገር ኣይህሉን።

እቶም እንስሳት ናይ ስኖውቦል ምብራር ከቢድ ድንጋፀ’ኳ እንተፈጠረሎም ፤ ናይ ናፖልዮን ውሳነታት ድማ ዝበለፀ ኣደንፀዎም። ርትዓዊ ዝኾነ መከራኸሪ ነጥቢ ተዝፈልጡ ነይሮም ተቓውሞኦም መስምዑ ነይሮም። ቦክሰር’ኳ ከይተረፈ እቲ ጉዳይ ደንጊርዎ ነበረ። ኣእዛኑ ንድሕሪት ገይሩ ርእሱ ነቕነቐ። ሓሳብ ንምእካብ ፈተነ። ኣብ መወዳእታ ግን ክዛረቦ ዝኽእል ሓሳብ ኣይመፀሉን።

ኣብ ቅድሚት ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ ኣርባዕቲኦም መናእሰይ ሓሰማታት ፤ ብናይ ሰንበት ኣኼባታት ምእጋድ ዘይስማዕምዑ ምዃኖም ንምሕባር ብሓንሳብ ምዝራብ ጀመሩ። ሸውንሸው ንናፖልዮን ከቢቦም ተቐሚጦም ዝነበሩ ኣኽላብ መፍርሒ ብዝኾነ ድምፂ ሕኒን በሉ። እቶም መናእሰይ ሓሰማታት ነቶም ኣኽላብ ፈሪሖም ፤ ኣፎም ዓቢሶም ተመሊሶም ኮፍ በሉ። እዚ ዝተዓዘባ ዕስለ ኣባጊዕ ድማ ብሓባር ንርብዒ ሰዓት ዝኣክል “ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ” ዝብል ጭርሖ ክዝንበኦ ጀመራ። ብድሕሪ እዚ ናይ ሰንበት ኣኼባ ምእጋድ ኣመልኪቱ ተቓውሞ ናይ ምቕራብ ዕድል ኣብቀዐሉ።

እቲ ኣኼባ ምስተበተነ ቁሩብ ፅንሕ ኢሉ ፤ ስኩለር ብዛዕባ እቲ ሓዱሽ ውሳነን መደባትን እናዘረ ነቶም እንስሳት መብርሂ ክህብ ተልኣኸ።

"ብፆት" ክብል ጀመረ ስኩለር "ብፃይ ናፖልዮን ተወሳኺ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ብምውሳድ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ኩላትኩም ካብ ልብኹም ከምዘድነቕክምዎ ይኣምን። ስልጣን ሕጉስ ይገብር እዩ ኢልኩም ከይትሓስቡ ፤ ብፆት" ። ብግልባጡ ዓምዩቕን ከቢድን ሓላፍነት እዩ። ካብ ብፃይ ናፖልዮን ብላዕሊ ፤ ኩሎም እንስሳት ማዕረ እዮም ዝብል እምነት ዘለዎ ዋላ ሓደ የለን። ባዕልኹም ብባዕልኹም ዝደለኽምዎ ውሳነ እንተትውስኑ ብጣዕሚ ሕጉስ ምኾነ። ግን ድማ ሓደ ሓደ ግዘ ዝተሰሓሓተ ውሳነ ክትውስኑ ትኽእሉ ኢኹም ፤ ብፆት። ብድሕሪኡ ኸ እንታይ ይፍጠር? ሐዚ ከምዝተረዳእናዮ ካብ ገበነኛ ዘይሕሽ ፤ ናይ ስኖውቦል "ኣብ ሰማይ ዘሎ ደበና" ዊንድሚል ዝብል ሕልሙ ኣሚንኩም እንተትኾኑ ኸ?

"ኣብ ኲናት ደምበ ብጅግንነት ተዋጊኡ እዩ" በለ ሓደ እንስሳ።

"ጅግንነት ጥራይ እኹል ኣይኮነን" ክብል መለሰ ስኩለር "ተኣማንነትን ተኣዛዛይ ምኧንን ልዕሊ ኩሉ ወሳናይ እዩ። ኣብ ኲናት ደምበ ናይ ስኖውቦል እጃም ኣብዚ እቶ ዘይበሃል ግን ድማ ዝተጋነነ ንምኧኑ እቲ ሓቂ ዝወፀሉ እዋን ከመፅእ'ዩ ኢለ ይኣምን። ዲሲፕሊን ፤ ብፆት ፤ ሓፂናዊ ዲሲፕሊን! ናይ ሎሚ መዓልቲ ጭርሖና እዚ እዩ። ብሓደ ዝተሰሓሓተ ስጉምቲ ፤ ፀላእትና ኣብ ልዕለና ተመሊሶም ክመፁ እዮም። ብርግፅ ፤ ጆንስ ተመሊሱ ክመፅእ ኣይትደልዩን?"

እዚ መከራኸሪ ነጥቢ መልሲ ዘይብሉ ነበረ። ብርግፅ እቶም እንስሳት ጆንስ ተመሊሱ ክመፆም ፈፂሞም ኣይደልዩን። ሰንበት ንጉሆ ዝካየድ ዝነበረ ኣኼባ ጆንስ መሊሱ ዘምፅኣሎም እንተኾይኑ ብሓቂ ክእገድ ነይርዎ። በዚ

ትንተና መሰረት ፤ እቲ ጉዳይ ንምስትንታን ግዘ ዝረኸበ ቦክሰር ፤ ናይቶም እንስሳት ሓፈሻዊ ስምዒት ከምዝስዕብ ገለፆ። “ብፃይ ናፖልዮን እንተተዛሪብዎ ፤ ሓቂ ክኸውን ኣለዎ” ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ “ናፖልዮን ኩሉግዘ ትኽክል እዩ” ዝብል ጭርሖ ጀመረ። እዚ ሓዱሽ ጭርሖ ናይ ውልቁ ጥቕሲ ካብ ዝኾነ “**ጠንኪረ ክሰርሕ እየ**” ዝብል ተወሳኺ ምኳኑ እዩ።

ኣብዚ እዋን ኩነታት ኣየር ተቐየረ። ናይ ፅድያ ሕርሻ ‘ዉን ተጀመረ። እቲ ስኖውቦል ናይ ዊንድሚል ንድፊ ዝሰኣለሉ ጉጂ ገዛ ተዓፅዩ ነበረ ፤ እቶም እንስሳት እቲ ንድፊ ካብቲ ምድሪ ቤት ጠፊኡ እዩ ዝብል እምነት ነበሮም። ኩሉግዘ ሰንበት ሰዓት ኣርባዕተ ናይ ንጉሆ ፤ እቶም እንስሳት ናይ ቀፃላይ ሰሙን መምርሒ ስራሕ ይቕበሉ። ናይ ሜዠር ሽክና ርእሲ (በዚ ሐዚ እዋን ስጋ ዘይለበሰ) ካብ ዝተቐበረሉ ናይ ፍራምሪ ሕርሻ ወፂኡ ኣብቲ መስቀሊ ባንዴራ ብጎኒ እቲ ብረት ተቐመጠ። ድሕሪ ስነ-ስርዓት ምስቃል ባንዴራ ፤ እቶም እንስሳት ናብቲ መኽዘን ቅድሚ ምእታዎም ብናይ ሜዠር ሽክና ርእሲ ፊትንፊት ተሰሊፎም ብልዑል ስምዒት ኣኽብሮት ክሓልፉ ይግበር።

ኣብዚ ሐዚ እዋን እቶም እንስሳት ኣብ ውሽጢ እቲ መኽዘን ከምቀደሞም ሓቢሮም ኮፍ ኣይብሉን። ናፖልዮንን ስኩለርን ሚኒመስ ምስ ዝበሃል ግጥምን መዝሙርን ናይ ምድራስ ፍሉይ ክእለት ዘለዎ ሓሰማን ኮይኖም ኣብ ቅድሚት መድረኽ ኮፍ ይብሉ። እቶም ትሽዓተ ዓጀብቲ ዝኾኑ ኣኽላብ ናይ ፍርቂ ክቢ ቅርፂ ሰሪሖም ንሰለስቲኦም ከቢቦም ኮፍ ይብሉ። ብድሕሪኦም ድማ እቶም ካልኦት ሓሰማታት ይቕመጡ። ዝተረፉ እንስሳት ድማ ፊትንፊት ኣብ መሬት ሮፋዕ ይብሉ። ናፖልዮን ናይቲ ሰሙን ትእዛዛት ብወታደራዊ ድምፂ የንብበሎም። “ኣራዊት እንግሊዝ” ዝብል መዝሙር ሓደ ግዘ ተዘሚሩ እቲ ኣኼባ ይብተን።

ስኖውቦል ምስተባረረ ኣብ መበል ሳልሳይ ሰሙን ሰንበት መዓልቲ ፤ ናፖልዮን “ዊንድሚል ክህነፅ እዩ” ኢሉ እንትዛረብ እቶም እንስሳት ብጣዕሚ ተደመሙ። ሓሳቡ ብሃንደበት ዝቐየረሉ ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ኣይገለፀን። እዚ ተወሳኺ ስራሕ ጠንኪሮም ክሰርሑ ከምዝግበኦም ኣጠንቀቖም። ምናልባሽ ዕለታዊ ምግቦም (ቀለቦም) ክቕነሶም ከምዝኽእል’ዉን ገለፀሎም። ሕድሕድ ዝርዝር ትልሚ ካብ ሀ ክሳብ ፐ ብዝግባእ ተዳልዩ እዩ። ንዝሓለፉ ሰለስተ ሰሙናት እቲ ፍሉይ ናይ ሓሰማታት ኮሚቴ እዚ ስራሕ ክሰርሕ እዩ ቀንዩ። እቲ ዊንድሚል ካልኦት ምምሕያሻት ተወሲኽዎ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ህንፀቱ ክዛዘም ትፅቢት ይግበረሉ።

ንምሽቱ ስኩለር ንኻልኦት እንስሳት እናዘረ “ናፖልዮን ህንፀት ዊንድሚል ዝተቓወሞ ካብ ልቡ ኣይነበረን። ብተቓራኒኡ ናይ መጀመርታ ሓሳብ ዘፍለቐ ባዕሉ ናፖልዮን እዩ። ኣብ ልዕሊ ምድሪ ቤት እቲ ናይ እንቋቑሖ መጫጭሒ ዳስ ስኖውቦል ዝሰኣሎ ንድፊ ፤ ካብ እቶም ዝተሰረቑ ናይ ናፖልዮን ዝኾኑ ሰነዳት (ዶክመንታት) ውሽጢ ሓደ እንትኸዉን ፤ እቲ ዊንድሚል ድማ ናይ ናፖልዮን ናይ ባዕሉ ምህዞ እዩ ነይሩ” ክብል ገለፀሎም።

ናይ ስኩለር መብራህርሂ ካብ ሞንጎ ዝሰምዑ እንስሳት እቲ ሓደ “ንምንታይ እዩ ደኣ ናፖልዮን ብኽምዚ ኣምሪሩ ህንፀት ዊንድሚል ዝተቓወመ?” ክብል ሓተቶ።

ስኩለር ናይ ቃልዓለም ብዝመስል ክምስ በለ። ቀፂሉ “ንሱ ናይ ብፃይ ናፖልዮን ጉርሒ እዩ ነይሩ። ህንፀት እቲ ዊንድሚል ዝተቓወመ ዝመሰለሉ ምኽንያት ፤ ሓደገኛ ባህሪ ዝነበሮን ናይ ክፍኣት ተምሳሌት ንዝኾነን ስኖውቦል ንምውጋድ ዝተጠቐመሉ ውዲት እዩ ነይሩ። ሐዚ ግና ስኖውቦል

ስለዝተባረረ ፤ እቲ ትልሚ ብዘይ ናቱ ኢድ ኣእታውነት ተግባራዊ ክኸውን እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ድማ ‘ታክቲክ’ ይበሃል” ኢሉ ገለፀሎም ፤ ጭርኡ የማነ ፀጋም እናነስነሰን ናይ ሓጎስ ሰሓቕ እናሰሓቐን።

“ታክቲክ ብፆት ፤ ታክቲክ!” እናበለ ደጋገመሎም።

እቶም እንስሳት ‘ታክቲክ’ ዝብል ቃል ትርጉሙ እንታይ ምኳኑ ኣይበርሀሎምን። ግን ድማ ስኩለር ብስምዒት እንትዛረብን እቶም ዓጀብቲ ዝኾኑ ሰለስተ ኣኽላብ ኣብ ጥቕኡ ኮይኖም መፍርሒ ዝኾነ ድምፂ እንተስምዑን ፤ ብዘይ ተወሳኺ ሕቶ እቲ መብርሂ ተቐበልዎ።

ሻድሻይ ምዕራፍ

ህንፀት ዊንድሚል

እቶም እንስሳት ዓመት ሙሉእ ልክዕ ከም ባርያ ሰርሑ። ብስርሖም ሕጉሳት ካብ ምኻኖም ብላዕሊ ፤ ድኻሞምን ዝኸፈልዎ መስዋእትን ነስሓ ኣይፈጠረሎምን። ዝለፍዕዎ ዘለዉ ድማ ንምዕባለ ባዕሎምን ብድሕሪኦም ንዝመፁ ወለዶታትን እምበር ፤ ነቶም ኣውደልደልትን ጉሓሉን ደቂሰባት ከምዘይኮነ ተገንዚቦም እዮም።

ብሙሉኡ ሓጋይን ክረምትን ኣብ ሰሙን 60 ሰዓታት እዮም ዝሰርሑ ነይሮም። ናፖልዮን ኣብ ወርሒ ሓምለ ሓዱሽ ትእዛዝ ኣውረደ። እቲ ትእዛዝ “ካብ ሐዚ ጀሚሩ ሰንበት ድሕሪ ቐትሪ ናይ ስራሕ ሰዓት ክኸዉን እዩ” ዝብል ነበረ። እዚ ግና “ኣብ ዓርሰ ፍቓድ ዝተመስረተ እዩ” ዝኸውን ዋላ እንተተብሃለ ፤ ካብ ናይ ሰንበት ስራሕ ዘብኮረ ዝኾነ ይኹን እንስሳ መዓልታዊ ኣበሉ ብፍርቂ ይቕነሰሉ። ሓደ ሓደ ስራሕቲ ንግዚኡ ክግደፉ ኣድላዪ ኮይኑ ነበረ። እቲ ምህርቲ ምስ ዝሓለፈ ዓመት እንትነፃፀር ቁሩብ ዝቐነሰ እዩ። ንኣብነት ክልተ ግራውቲ ኣብ ሓጋይ ቀዲሞም ስለዘይተሓረሱ ዘርኢ ክዝርኡ ኣይከኣሉን። ስለዚ ቀፃሊ ሓጋይ ከቢድ እዋን ከምዝኸዉን ይግመት።

ህንፀት ዊንድሚል ትፅቢት ዘይተገበረሉ ፀገም ኣስዐበ። ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ እኹል ዝኾነ ንመንደቕ ዝኸውን እምኒ እንትህሉ ፤ ኣብ ውሽጢ እቲ ሓደ መደበር ድማ ብርክት ዝበለ ሓሸዋን ስሚንቶን ነበረ። ነቲ ህንፀት ዘድልዩ ኩሎም ነገራት ተረኺቦም እዮም። እቶም እንስሳት ዘጋጠሞም ናይ መጀመርታ ፀገም ፤ እቲ እምኒ ብኸመይ ንመንደቕ ከምዝኸውን ገይሮም

ከምዝሰባብርዎ እዩ። ብዘይ መዶሻን መላኪኖን ክስራሕ ዝኽእል ኣይመስልን። ንሳቶም ድማ እዞም መሳርሕታት ክጥቀሙሎም ኣይኽእሉን። ምኽንያቱ ዝኾነ እንስሳት ብኽልተ እግሩ ደው ክብል ስለዘይኽእል። ንሰሙናት ብኸንቱ ድሕሪ ምድካሞም ፤ ካብ ሞንጎኦም እቲ ሓደ እንስሳ ዝገርም ሓሳብ ኣምፀአ። ንሱ 'ዉን "ሓይሊ ስሕበት (ግራቪቲ) ምጥቃም" ዝብል ነበረ።

ከይሰበርካ ፤ ከምኡ ኢሎም እናሃለዉ ንምጥቃሞም ኣፀገምቲ ዝኾኑ ዓበይቲ ደንጎላታት ፤ ኣብቲ እምኒ መውፅኢ ቦታ ነበሩ። ኩሎም ሓቢሮም ፤ ኣላሕም ፡ ኣፍራስ ፡ ኣባጊዕን ዝኾነ ይኹን ገመድ ክሕዝ ዝኽእል ኩሉ እንስሳን ፤ ወሳኒ ኣብ ዝኾነ እዋን እቶም ሓሰማታት 'ዉን ከይተረፉ ፤ ነቶም ደንጎላታት ናብ ዝባን እቲ በሪኽ ቦታ ከም ኣባጋውየ ቀስ እናበሉ እናጎተቱ የውፅእዎም። ኣብ ዝባን እቲ በሪኽ ቦታ ምስበፅሑ ከም መደረጓሕ ንታሕቲ ደፊኦም እንትሰድዎም ፤ ኣብ ታሕቲ ወሪዶም ምስቲ ከውሒ እንትላተሙ ብቐሊሉ ይሰባበሩ። ብኣንፃሩ እቲ ዝተሰባበረ ኣእማን ንምጉዕዓዙ ቀሊል ነበረ። እቶም ኣፍራስ ጋሪ ሙሉእ ይጎቱ። እተን ኣባጊዕ ዝኽእለኦ የጉዕዛ። ሙሬልን ቤንጃሚንን ከይተረፉ ኣረጊት ጋሪ ሒዞም ብፅሒቶም የጎዓዕዙ ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ክራማት እኹል ዝኾነ ኣእማን ተኣኪቡ ፤ እቶም ሓሰማታት ስራሕ ኣካየድቲ ኮይኖም ፤ ህንፀት ዊንድሚል ተጀመረ።

ኣድካምን ዝንጉዕን ከይዲ ነበረ። መብዛሕትኡ ግዘ ሓደ ደንጎላ ናብቲ ዝባን በሪኽ መሰባበሪ ቦታ እናደፋእኻ ንምድያብ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ፃዕሪ ይሓትት። ሓደ ሓደ ግዘ ናብ ጫፍ ኣብፂሖም ንቑልቁል እንትደፍእዎ እቲ እምኒ ከይተሰበረ ይተርፍ። ቦክሰር ተዘይህሊ ነይሩ ዋላ ሓደ ስራሕ ምስራሕ ኣይምተኻኣለን ነይሩ። ናይ ቦክሰር ጉልበት ክንዲ ናይ ኩሎም እንስሳት ጉልበት ተደሚሩ ማዕረ ይኸውን እዩ። እቲ ዓብዩ ደንጎላ እንትንቱ ከቢድ ካብ ምኻኑ ዝተልዓለ ፤ ንድሕሪት ክምንዝሖም ይጅምር'ሞ ነቶም እንስሳት ንቑልቁል እንትምልሶም ፤ ብፍርሕን ጭንቅን ዋጭዋጭ እንትብሉ ፤ ቦክሰር ግን ስኑ ነኺሱ ሰራውር ደሙ ክሳብ ዝውጠር ተማዊቱ ደው የብሎ።

ትንፋሱ እናተቖራረፀ ፣ ሰብነቱ ብረሃፅ ተጠሚቑ ፣ ብጫፍ ሸኾና ኣእጋሩ ንመሬት ባሕቑቑ ፣ ደረጃ ብደረጃ እናጎተተ እቲ ዓቐበት እንትወፅእ ዝረኣዮ ኩሉ ልዑል ኣድናቖት ይልግሰሉ።

ክሎቨር ሓደ ሓደ ግዘ ዓርሱ ክጎድእ ከምዘይብሉ ትመኽሮ። ቦክሰር ግን ብፍፁም ኣይሰምዓን። “ጠንኪረ ክሰርሕ እየ” ን “ናፖልዮን ኩሉግዘ ትኽክል እዩ” ን ዝብሉ ጥቕስታቱ ንኹሎም ፀገማት መፍትሒ ገይሩ እዩ ዝወስዶም። ኩሉግዘ ንጉሆ ፍርቂ ሰዓት ከይኮነስ ኣርበዓን ሓሙሽተን ደቒቓ ቀዲሙ ካብ ድቃሱ ከበራብሮ ምስቲ ኩኩናይ ተስማዕመዐ። ብዝረኸቦ ትርፊ ሰዓት (ትርፊ ሰዓት ዝበሃል’ኳ የብሉን) ናብቲ እምኒ መውፅኢ ቦታ ይኸይድ’ሞ ፣ ዝተሰባበሩ ኣእማን ፅዒኑ ብዘይሓጋዚ ናብቲ ዊንድሚል ዝህነፀሉ ቦታ የጎዓዕዝ።

እቶም እንስሳት ዋላ’ኳ ስራሕ እንተበርተዖም ፣ ኣብቲ ክራማት ውሽጢ ብዙሕ ኣፀጋሚ ኣብ ዝበሃል ኩነታት ኣይነበሩን። ኣብ ዘበነ ጆንስ ይረኽብዎ ካብ ዝነበሩ ናይ ምግቢ መጠን ዝተወሰኸ ነገር’ኳ ተዘይሃለወ ፣ እንተነኣሰ ዝቐነሰ ኣይኮነን ነይሩ። ብረሃፆም ዘፍረይዎ ንባዕሎም ጥራይ እምበር ፣ ንኻልኦት ሓሙሽተ ስሱዓት ዝኾኑ ደቂሰባት ዘይምቕላቦም ዝፈጠረሎም ፍናን ዓብዪ ብምዃኑ ፣ ንዘጋጥሞም ውድቀት ከም መፀናንዒ ይኾኖም ነይሩ። ብብዙሕ መልክዑ ናይ እንስሳት ኣሰራርሓ ሜላ ዝበለፀን ጉልበት ዝቐንስን ነበረ። ንኣብነት ፃህያይ ፣ ደቂሰባት ፈፂሞም ክገብርዎ ብዘይኽእልዎ ዓይነት ቅልጣፈን ፅሬትን ይካየድ።

ኣብቲ እዋን ዝኾነ እንስሳ ዘይሰርቕ ብምዃኑ ፣ ሕዛእትን ናይ ዝራእቲ ሕርሻን ንምፍላይ ሓፁር ምሕፃር ኣድላዪ ኣይነበረን። እዚ ድማ ንምክንኻንን ምሕዳስን እቲ ሓፁርን በርን እኹል ግዘ ክህሊ ገይርዎ እዩ።

ክራማት ምስሓለፈ ፣ ብዙሕ ዘይተገመተ ናይ ኣቕርቦት ሕፅረታት ከምዘሎ ግልፂ ክኾን ጀመረ። ፓራፊን ዘይቲ ፣ ሚስማር ፣ ገመድ ፣ ናይ

ከልቢ ብስኩትን ናይ ፈረስ ጫማ መስርሒ ብረትን ሕፅረት ነበረ። እዚኦም ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ክምረቱ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። ጠለብ ምሩፅ ዘርእን ዘመናዊ ድኹዕን (መዳበርያ) እውን ወሰኸ። ዝተፈላለዩ ቀለልቲ መሳርሒታትን ንህንፀት ዊንድሚል ዝኸውን ከበድቲ ማሽናትን ዘይምህላዎም መሻቐሊ ነበረ። እዚኦም ኩሎም ካበይ ክርከቡ ከምዝኽእሉ ዝፈልጥ ኣይነበረን።

ሓደ መዓልቲ ሰንበት ንጉሆ ፤ እቶም እንስሳት ከምቲ ልሙድ ሰሙናዊ ትእዛዛት ንክቕበሉ ምስተኣከቡ ፤ ናፖልዮን ሓዱሽ ፖሊሲ ከምዝሓንፀፀን ከምዘፅደቐን ኣፍለጠ። "ካብ ሐዚ ጀሚሩ ሕርሻ እንስሳት ምስ ጎረባብቲ ሕርሻታት **ልውውጥ ንግዲ** ክገብር እዩ። እዚ ውሳነ ዝተወሰነሉ ምኽንያት ፤ ብህፁፅ ኣድለይቲ ዝኾኑ ውሱናት ኣቑሑት ንምርካብ እምበር ፤ ካብ ንግዲ ትርፊ ንምርካብ ብዝብል ኣይኮነን። ንህንፀት ዊንድሚል ክበሃል ካልኦት ነገራት ንጎኒ ምግዳፍ ኣድላዪ እዩ" በለ ናፖልዮን። "ስለዚ" ክብል ቀፀለ "ዝተወሰነ ኩምሪ ሓሰርን ካብ ናይ ሎሚ ዓመት ምህርቲ ስርናይ ድማ ፍርቁ ዝሸወጠሉ መንገዲ ከናዲ እየ። ፀጊሕና ድማ ፤ ምናልባሽ ተወሳኺ ገንዘብ እንተደኣ ኣድልዩ ፤ እንቋቑሖ ክንሸይጥ ንኽእል ኢና ፤ ኣብ ዊሊንግደን ናይ እንቋቑሖ ዕዳጋ ኣሎ እዩ። ንወፈያ ህንፀት ዊንድሚል ክበሃል ፤ ደርሁ እዚ ፍሉይ መስዋእቲ ክትቕበለኦ ኣለክን።"

ናይ ናፖልዮን ውሳነ ነቶም እንስሳት ድንግርግር ኣበሎም። ጀንስ ምስተባረረ ኣብ ናይ መጀመርታ ፅምብል ዓወት ዝነበረ ኣኼባ ካብ መንጎ ዝተመሓላለፉ ውሳነታት ፤ ምስ ደቂሰባት ዝኾነ ዓይነት ስምምዕነት ዘይምፍጣር ፤ ዝኾነ ዓይነት ልውውጥ ንግዲ ዘይምግባር ፤ ገንዘብ ዝበሃል ብፍፁም ዘይምጥቃም - ዝብሉ ዶ ኣይኮኑን ነይሮም? እወ! ኩሎም እንስሳት ከምዚ ዝበሉ ውሳነታት ምሕላፎም ይዝክሩ እዮም። ወይ ድማ እንተነኣሰ ከምዚኦም ዓይነት ውሳነታት ከምዝነበሩ ቁሩብ ተዘክሮ ኣለዎም።

ናፖልዮን ናይ ሰንበት መድረኽ ዘተ ኣብ ዝዛዘመሉ እዋን ተቓውሞ ኣስሚዖም ዝነበሩ ኣርባዕተ መናእሰይ ሓሰማታት ፤ ፍርሒ ትብዕ እናበሉ ፤ ኣብ ናይ ናፖልዮን ውሳነ ተቓውሞኦም ዋላ እንተስምዑ ፤ እቶም ኣኽላብ መፍርሒ ዝኾነ ናይ ቁጥዐ ድምፂ ከስምዑ ብምጅማሮም ተቓውሞኦም ገዲፎም ኣፎም ዓቢሶም ኮፍ በሉ። ሽዑ ንሽዑ እተን ኣባጊዕ ከምቲ ልሙድ "ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ" እናበላ ክጭርሓ ጀመራ። ኣብ ሞንጎ እዚ ፤ እቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ናይ ዘይምርግጋዕ ስምዒት ሃድአ። ኣብ መወዳእታ ፀጥታ ንክሰፍን ናፖልዮን እቲ ሓደ ናይ ቅድሚት እግሩ ሓፍ ኣበለ። ቀፂሉ ንተግባራውነት እቲ ውሳነ ኣድላዪ ዝበሃል ቅድመ ምድላው ምግባሩ ኣወጀ። ንድሕንነት እቶም እንስሳት ክበሃል ምስ ደቂሰባት ምርኻብ ኣድላዪ ብዘይምኳኑ ፤ ብወገን እዚ ዝኾነ ዓይነት ስግኣት ክሓድሮም ከምዘይግባእ ገለፀሎም። እዚ ተግባራዊ ንምግባር ኩሉ ሓላፍነት ንሱ ከምዝስከሞ ወሲኑ እዩ።

ኣይተ ዊምፐር ዝተብሃለ ናይ ዊሊንግደን ነባራይ ዝኾነ ጠበቓ ፤ ኣብ መንጎ ሕርሻ እንስሳን ካልእ ዓለምን ከም መራኸቢ ድልድል ኮይኑ ንምስራሕ ምስምዕምዑ ፤ ኩሉግዘ ሶኒ ንጉሆ ድማ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ እናመፀ ናቱ መምርሒታት ከምዝቕበል ገለፀሎም። ከምዝተለመደ ናፖልዮን ዘረብኡ እንትዛዝም "ሕርሻ እንስሳት ንዘልኣለም ይንበር!" ኢሉ ብዓውታ ጨርሐ። 'ኣራዊት እንግሊዝ' ዝብል መዝሙር ተዘሚሩ ኣኼባ ተበተነ።

ብድሕሪኡ ስኩለር ናይቶም እንስሳት መንፈስ ንከረጋግዕ ተልኣኸ። "ልውውጥ ንግዲ ዘይምግባርን ገንዘብ ዘይምጥቃምን ዝብል ውሳነ ቅድሚ ሐዚ ተወሲኑ ከምዘይፈልጥን ፈፂሙ እውን ከም ሓሳብ ከምዘይቀረበን ርግፀኛ እየ" በሎም። "ፍፁም! ብሕልሚ ተዘይኮይኑ ፤ ምናልባሽ ገና ካብ ብጉሓቱ ስኖውቦል ይብትኖም ካብ ሞንጎ ዝነበሩ በለካ ለኽዐካ ናይ ሓሶት ወረታት ክኸውን ይኽእል" በለ ስኩለር። ዝተወሰኑ እንስሳት ናይ ዘረብኡ ሓቃውነት ተጠራጠሩ። "ብፆት ፤ ከምዚ ዝበለ ሓሳብ ብሕልምኹም ዝረኣኽምዎ ዘይምኳኑ ርግፀኛ ዲኹም? ንምኳኑ ከምዚ ዝብል ውሳነ

ምሕላፉ መረዳእታ ኣለኩም ዶ? ኣበይ ቦታ ኸ ተፃሒፉ?” ክብል ኣፋጠጠሎም። ስለዚ ብፅሑፍ ዝተረኸበ መረዳእታ ዘይምህላዉ ፍሉጥ ብምኳኑ ፤ እቶም እንስሳት ስሕተቶም ኣሜን ኢሎም ተቐበሉ።

ብመሰረት እቲ ዝተገበረ ስምምዕነት ፤ ኣይተ ዊምፐር ኩሉግዘ ሶኒ ነቲ ሕርሻ ጣብያ ይጉብኒ ነበረ። የማነ ፀጋም ዝነውሐ ጭሕሚ ዘለዎ ፤ ተንኮለኛ ዝመስል ሓፂር ሰብ እንትኸውን ፤ ብውሱን ካፒታል ንዝንቀሳቐሱ ነጋዶ’ዉን ጠበቓ ኮይኑ ይሰርሕ። ሕርሻ እንስሳት ምስ ካልእ ዓለም ዘራኽብ ደላሊ ኣድላዪ ምኳኑ ካብ ካልኦት ቀዲሙ ዝተረድኦ ንቑሕ ሰብ ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ ፤ ከምዚ ብምግባሩ ክረኽቦ ዝኽእል ዓስቢ ቀሊል ከምዘይኮነ ተረዲኡ እዩ።

እቶም እንስሳት ናይ ዊምፐር ምምፃእን ምኻድን ከም ስግኣት ይሪእዎ። ብዝተኽኣለ መጠን ምስኡ ንዘይምርኻብ ኢሎም ይርሕቕዎ። ይኹን እምበር በዓል ኣርባዕተ እግሪ ዝኾነ ናፖልዮን ነቲ በዓል ክልተ እግሪ ዝኾነ ዊምፐር ትእዛዝ እናሃቦ ክሪኡ ከለዉ ኩርዓት እናተሰመዮም ፤ እቲ ዝተገበረ ሓዱሽ ስምምዕነት ‘ውን ብኽፋል እናተቐበልዎ መፁ። ሐዚ ምስ ወድሰብ ዘለዎም ርክብ ከምቲ ቅድም ክብል ዝነበሮ ኣይኮነን።

እቶም ደቂሰባት ግን ንሕርሻ እንስሳት ዘለዎም ፅልኢት ካብ ናይ ቀደም ዝነኣኣስ ኣይነበረን። ብርግፅ ሐዚ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ፤ ብምዕባለ ሕርሻ እንስሳት መዓንጠኦም ሕርር ኢሉ እዩ። “ይውዓል ይሕደር እምበር ፤ ሕርሻ እንስሳት ክሳራ ብክሳራ ካብ ምኳን ዓዲ ኣይውዕልን” ዝብል እምነት ነበሮም። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ህንፀት ዊንድሚል ክዕወት ኣይደልዩን። ኣብ እንዳ መስተ እናተኣከቡ እቲ ዊንድሚል ዋላ እንተተሃነፀ ፤ ተመሊሱ ከምዝፈርስ ስእሊ እናጫሕገሩ ባዕሎም ንባዕሎም የረጋግፁ። ወይ ድማ እቲ ህንፀት ዕዉት እንተኾይኑ ፤ ኣይሰርሕን! ይብሉ። ኣብ መንጎ እዚ ግን ፤ እቶም እንስሳት ባዕሎም ንባዕሎም ናይ ምምሕዳር ብቕዓቶም ብዝተወሰነ መልክዑ ፤ ከይፈተዉ ፤ ክብሪ ክህብዎም ጀመሩ። ነዚ መርኣያ ዝኾነ ድማ

፤ ሕርሻ እንስሳት ዝብል ስያመ ከምዘየለ ገይሮም ብናይ ቀደም ሽሙ "ሕርሻ ማኖር" ኢሎም ምፅዋዕ ምግዳፎም ነይሩ። ጆንስ ብወገኑ እቲ ሕርሻ ደጊሙ ከምዘይረኽቦ ቁርፅ ፈሊጡ እቲ ኸባቢ ለቒቑ ከይዱ እዩ።

ሕርሻ እንስሳት ክሳብ ሐዚ ምስ ካልእ ዓለም ዝገብሮ ርክባት ብዘይካ ብኣይተ ዊምፐር ኣቢሉ ብኻልእ ኣይፍፀምን ነይሩ። ግን ድማ ከምዝውረ ዘሎ ሕምየት እንተኾይኑ ፤ ናፖልዮን ምስ ወናኒ ሕርሻ ፎክስዉድ ዝኾነ ኣይተ ፒልኪንግተን ወይ ድማ ምስ ወናኒ ሕርሻ ፒንችፊልድ ዝኾነ ኣይተ ፍሬደሪክ (ካብ ክልቲኦም ሓዲኦም እምበር ምስ ክልቲኦም ኣይኸውንን) ስምምዕነት ልውውጥ ንግዲ ክገብር ተዳልዩ እዩ ይበሃል።

ካብዚ እዋን ጀሚሮም እዮም ድማ እቶም ሓሰማታት መንበሪኦም ናብቲ ዓብዪ ህንፃ (ቀደም ናይ ጆንስ መንበሪ ዝነበረ) ዝቐየሩ። እቶም እንስሳት ቅድም ክብል ብዛዕባ እዚ መንበሪ ገዛ ሓደ ዝኾነ ናይ ሓባር ውሳነ ምሕላፎም ዘከሩ። ከምቲ ልሙድ ስኩለር ፤ ብዛዕባ እቲ መንበሪ ገዛ ዝኾነ ዓይነት ውሳነ ከምዘይተወሰነን ዝተሰሓሓተ ርድኢት ከምዘለዎምን ብምግላፅ ኣእመኖም። ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ናይ ኣእምሮ ሞተር ዝኾኑ ሓሰማታት ፤ ሓላፍነቶም ብብቕዓት ምእንታን ክዋፅኡ ፀጥታ ዘለዎ ፤ ዝሰርሕሉ ህንፃ ከምዘድልዮም ተዛረበ። "ካብ ኩሉ ንላዕሊ ንኽብሪ መራሒና ዝምጥን ፤ ኣብ ዝተመቻቸወ ገዛ ክነብር ከሎ እዩ" ክብል ኣብራህሪሁ ፤ ስኩለር። (ካብ ቀረባ እዋን ንናፖልዮን 'መራሒና' /ሊደር/ እናተብሃለ ክፅዋዕ ጀመረ።)

እቶም ሓሰማታት ምግቦም ኣብ ምግቢ መብሰሊ ክፍሊ ኮይኖም ምምጋቦምን እቲ ሳሎን ድማ መዘናግዒኦም ምግባሮም ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዓራት ከምዝድቅሱ 'ዉን ዝሰምዑ ገሊኦም እንስሳት ተረበሹ። ቦክሰር ከምቲ ዝለመዶ "ናፖልዮን ኩሉግዜ ትኽክል እዩ" ብዝብል መዝሙሩ እቲ ጉዳይ ኣፍኲሱ ረኣዮ። ኣብ መንደቕ እቲ ዓብዪ መኽዘን ካብ ዝተፅሓፉ ሸውዓተ

ትእዛዛት ሓደ ፤ ኣብ ዓራት ምድቃስ ዝኽልክል ምኳኑ ብዘይጥርጥር ዝዘከረት ክሎቨር ፤ እቶም ትእዛዛት ንምንባብ ናብቲ መኽዘን ከደት። ካብ ዝተወሰኑ ፊደላት ወፃኢ ፤ ክተንብብ ስለዘይከኣለት ንሙሬል ፀወዐታ።

"ሙሬል ፤ እስኪ እቲ መበል ራብዓይ ትእዛዝ ኣንብብለይ ፤ ኣብ ዓራት ምድቃስ ዝተኸልከለ እዩ ኣይኮነን ድዩ ዝብል?"

ሙሬል ንምንባብ ንእሽተይ ድሕሪ ምፅጋማ ፤ ብሙሉኡ ኣንበበትላ።

"**ዝኾነ እንስሳ ኣብ ዓራት ክድቅስ የብሉን** ፤ *ኣንሶላ ተኸዲኑ*" እዩ ዝብል በለታ።

እቲ ዝገርም ፤ ክሎቨር ኣብ እቲ ራብዓይ ትእዛዝ '*ኣንሶላ ተኸዲኑ*' ዝብል ቃል ከምዘይነበረ ትዝክር እያ። ግን ድማ እቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ኣብ ዝተፅሓፍሉ መንደቕ ዝርከብ ዝሰመዐቶ ትእዛዝ ብምኳኑ ንባዕላ ዝተሰሓሓተት መሰላ። ከም ኣጋጣሚ ኮይኑ ፤ ብሰለስተ ዓጀብቲ ኣኽላብ ተዓጂቡ ይሓልፍ ዝነበረ ስኩለር እቲ ጉዳይ ብምስምዑ ዘየዳግም ዕልባት ገበረሉ።

"ንሕና ሓሰማታት ኣብ ውሽጢ እቲ ዓብዪ ገዛ ኣብ ዝርከብ ዓራት ከምንድቅስ ሰሚዕኹም እወዶ ፤ ብፆት? እንታይ'ሞ እንተደቀስና ኸ? ኣብ ዓራት ምድቃስ ዝኽልክል ሕጊ ኣሎ እዩ ኢልኩም ሓሲብኩም ትኾኑ? ዓራት ማለት መደቀሲ ስፍራ ማለት ጥራይ እዩ። ኣብ ደምበ ዝርከብ ዝተነፀፈ ደረቕ ሳዕሪ ዓራት 'ዩ ዝበሃል ፤ ብቐጥታ ክንትርጉሞ ከለና። እቲ ሕጊ ዝኽልክሎ ኣንሶላ እዩ ፤ ናይ ደቂሰባት ውፅኢት ፈጠራ ስለዝኾነ። ኣንሶላታት ድማ ኣብ ውሽጢ እቲ ህንፃ ካብ ዝርከብ ኩሉ ዓራት ኣወጊድናዮም ኢና። ንሕና ኮበርታ ጥራይ ተኸዲንና ኢና ንድቅስ። ብሓቂ እቶም ዓራታት ምቹዋት እዮም። ግን ድማ ከምቲ ንሕና እንደልዮም ምችዋት ኣይኮኑን ፤ ምስቲ እንሰርሖ ናይ ኣእምሮ ስራሕ እንትነፃፀር። እዚ

ክትርድኡልና ይግባእ ፤ ብፆት። ብዝተረጋግዐ መንፈስ ክንሓስበሉ እንኽእለሉ ባይታ ክትነፍጉና ትደልዩ ዲኹም? ብድኻም ምኽንያት ሓላፍነትና ብብቕዓት ከይንዋፃእ ትደልዩ ዲኹም? ብርግፅ ጆንስ ተመሊሱ ክመፅእ ዝደሊ ኣይህሉን?”

እቶም እንስሳት ናይ ጆንስ ሽም ክለዓለ ከሎ ፤ ስኩለር ብዝተዛረቦ ኩሉ ምስምዕመዖም ሽዑንሽዑ ገለፅሉ። ብድሕሪ እዚ ሓሰማታት ኣብ ዓራት ናይ ምድቃሶም ጉዳይ ዘየማትእ ኮነ። ድሕሪ መዓልታት “ሓሰማታት ካብ ድቃሶም ዝትስኡ ፤ ካልኦት እንስሳት ምስተስኡ ድሕሪ ሓደ ሰዓት ይኸውን” ዝብል ሓዱሽ መምርሒ እንትፀድቕ ዝተቓወመ ኣይነበረን።

ቀውዒ ምስኣተወ እቶም እንስሳት ዋላ ድኻም እንተተሰመዖም ሕጉሳት ግን ነበሩ። ከቢድን ፈታንን ዝኾነ ዓመት እዩም ኣሕሊፎም ፤ ድሕሪ መሸጣ ዝተወሰነ ሓሰርን ዕፉንን ፤ ኣብቲ መኸዘን ምግቢ ዝርከብ ንሓጋይ ዝኸውን ቀለብ እኹል ኣይኮነን ፤ ህንፀት እቲ ዊንድሚል ኣብ ፍርቂ ምብፅሑ ንኹሉ ነገር ኣከሓሒስዎ ደኣ እምበር። ምህርቲ ድሕሪ ምእካቡ ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ድርቂ ኣጋጠመ። ናይቶም እንስሳት ስራሕ ኣድካሚ እናኾነ ከደ። ሙሉእ መዓልቲ ላዕልን ታሕትን እናበሉ እምኒ እናጎዓዓዙ ናይቲ ዊንድሚል መንደቕ እንተነኣሰ'ኳ ብሓንቲ እመት ሓፍ ንኽብሉ እናለፍዑ ይውዕሉ። ቦክሰርማ ለይቲ ወርሒ እንትትወፅእ ‘ዉን እናኸደ ንሓደ ወይ ንኽልተ ሰዓት ዝኸውን በይኑ ይሰርሕ።

እቶም እንስሳት ኣብ ትርፊ ሰዓቶም ፍርቂ ህንፀቱ ዝተዛዘመ ዊንድሚል ዙርይኡ እናዘሩ ፤ ናይቲ መንደቕ ጥንካረን ቀጥ ዝበለ ምዃኑን እናነኣዱ ፤ ከምዚ ዝኣምሰለ መስተንክራዊ ዝኾነ ህንፀት ምክያድ ብምኽኣሎም ይሕጎሱ። እቲ ሽማግለ ቤንጃሚን ጥራይ እዩ ህንፀት ዊንድሚል ብዙሕ ስምዒት ዘይፈጠረሉ። ከምቲ ልሙድ “ኣእዱግ ነዊሕ ዕድመ ይነብሩ” ካብ ዝብል ስዉር ዝኾነ ርኢቶ ወፃኢ ካልእ ነገር ኣይዛረብን።

ብኣንፈት ደቡብ-ምዕራብ ብዝመፀ ብርቱዕ ንፋስ ተዓጂቡ ሕዳር ኣተው። ብምኽንያት ጠሊ ዝሓዘለ ኩነታት ኣየር ስሚንቶ ምብኳዕ ኣፀጋሚ ብምዃኑ ፤ ህንፀት ዊንድሚል ንግዚኡ ደው ክብል ተገበረ። ሓደ ለይቲ ግን ምድረ ሰማይ ዘንቀጥቀጠ ሓያል ህቦብላ ንፋስ መፀ። ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ህንፃታት መሰረቶም ተነጋነገ። ብርክት ዝበለ ናይቲ ደምበ ናሕሲ መሸፈኒ ተነቓቒለ። እተን ደርሁ ብፍርሒ ቃቕ... ቃቕ... በላ ፤ ምኽንያቱ ኩለን ብሕልመን ካብ ርሑቕ ቦታ ዝተተኮሰ ናይ ብረት ድምፂ ሰሚዐን ነበራ። መሬት ወጊሑ እቶም እንስሳት ካብ መሕደሪኦም እንትወፁ ፤ ናይቲ ባንዴራ መስቀሊ ወዲቑ ፤ ኣብቲ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ዝርከብ ዓብዪ ተኽሊ ካብ ሱሩ ተማሒዉ ረኣዩ። ሽዑ ኩሎም እንስሳት ናይ ዓቕሊ ፅበትን ተስፋ ምቑራፅን ኣውያት ኣስምዑ። ንምእማኑ ዘፀግም ትርኢት ብዓይኖም ረኣዩ ፤ እቲ ዊንድሚል ድዋዕዋዕ ኢሉ ፈሪሱ።

ኩሎም ተኣኪቦም እናጎየዩ ናብቲ ዊንድሚል ይህነፀሉ ዝነበረ ቦታ ከዱ። እወ! ብዓይኖም ዝረኣይዎ ሓቂ እዩ። እቲ ብዙሕ ዝለፍዑሉ ህንፀት ዊንድሚል ካብ ሰረቱ ጀሚሩ ድዋዕዋዕ ኢሉ ፈሪሱ። ብረሃፆም ዝሰባበርዎምን ተሰኪሞም ዘጓዓዓዝዎምን ኣእማን ተበታቲኖም። ኣፎም ተለጕሙ ምዝራብ ክሳብ ዝኣብዮም ፤ ብስንባደ ኣብቲ ዝፈራረሰ ቀጬው ኢሎም ዓይኖም ኣፍጢጦም እናረኣዩ ፤ ናፖልዮን ብስቕታ ንየውነጀው ይብል ነበረ። ሓሓሊፉ ተጎምቢሑ ንምድሪ የሽትት። ጭርኡ ተሪሩ ቀጥ ብምባል ፤ የማነ ፀጋም ተንቀጥቀጠ ፤ ኣብ ስምዒት ሓሳብ ከምዝጠሓለ ዘመላኽት ነበረ። ብሃንደበት ምንቅስቓሱ ደው ኣበለ ፤ ኣብ ሓደ ውሳነ ዝበፅሐ ይመስል።

“ብፆት” ኢሉ ዘረባ ጀመረ “ነዚ ዕንወት ተሓታቲ መን ምዃኑ ትፈልጡ ዶ? ፀልማት ጉልባብ ገይሩ ብምምፃእ ፤ እቲ ዊንድሚል ዘፍረሶ ፀላኢና ፈሊጥክምዎ ዶ?” ክብል ሓተተ። ቀፂሉ ከም ነጎድጓድ ብዘንቀጥቅጥ ድምፂ “**ስኖውቦል**” ብምባል ነደረ። “ከምዚ ዝገበረ ስኖውቦል እዩ ፤ ብቕርሕንቲ። ዕላማና ከሰናኽልን ካብዚ ብምብራሩ ሕነ ንክፈዲ ኢሉ ፤ እቲ ካሕዳም

ፀልማት ጉልባብ ገይሩ ብምምፃእ ንሓደ ዓመት ሙሉእ ዝደኸምናሉ ህንፀት ዓነውነው ኣቢልዎ። ብፆት ፤ ንስኖውቦል ኣብዝን ሕጅን ናይ ሞት ብይን በይነሉ ኣለኹ። ንስኖውቦል ናብ ፍርዲ ንዘቕረበ እንስሳ ፍርቂ ኩንታል ኣፕልን "ጅግና እንስሳት ፤ ካልኣይ ደረጃ" ናይ መዳልያ ሽልማትን ይሽለም። ብኢዱ ሒዙ ምስ ህይወቱ ንዘምፀኦ ድማ ሙሉእ ኩንታል ኣፕል ይሽለም" ብምባል ኣፍለጠ።

እቶም እንስሳት ፤ ስኖውቦል ከምዚ ዝበለ ወንጀል ምፍፃሙ እንትንገሮም ብጣዕሚ ደንገፁ። እዚ ተግባር ኣብ ውሽጦም ቁጥዐን ሕራነን ፈጠረሎም። ድሕሪ ሐዚ ስኖውቦል እንተዝመፅእ ከመይ ገይሮም ከምዝሕዝዎ ብውሽጦም ከሰላስሉ ጀመሩ። ብዙሕ ከይፀንሐ ካብቲ ኩርባ ቁሩብ ርሕቕ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ሳዕሪ ናይ ሓሰማ ኣሰር-እግሪ ተረኸበ። ነቲ ኣሰር ተኸቲሎም ዝተወሰነ ሜትሮ ርሕቕት እንትኸዱ ፤ እቲ ኣሰር-እግሪ ኣብ ጥቓ ሓፁር ኣብ ዘሎ ጉድጓድ ምስበፅሐ የቋርፅ። ናፖልዮን ነቲ ኣሰር ኣሸቲቱ "ናይ ስኖውቦል እዩ" በለ ፤ ዓው ኢሉ። ስኖውቦል ብኣንፈት ሕርሻ ፎክስዉድ ከይመፅ ከምዘይተረፈ ርእይቶኡ ሃበ።

"ንድሕሪት ኣይንብልን!" በለ ናፖልዮን ዓው ኢሉ ፤ ነቲ ኣሰር-እግሪ ድሕሪ ምምርማሩ። "ተልእኾ ኣለና። ሎሚ ንጉሆ ህንፀት እቲ ዊንድሚል ደጊምና ክንጅምሮ ኢና። ሃሩር ፀሓይ ይሃሉ ፤ ሓያል ዝናብ ይዝነብ ፤ ዋላ ክሳብ ክረምቲ ዘሎ እዋን ክንሃንፆ ኢና። ነቲ ዘይረብሕ ካሕዳም ፤ ዕላማና ብቐሊሉ ዘይሰናኸል ምኳኑ ትምህርቲ ክንህቦ ኢና። ዘክሩ ብፆት! ኣብ ትልምና ዝኾነ ምትዕርራይ ኣይንገብርን። በቲ ዝተቐመጠሉ ሰደቓ-ግዘ ክዛዘም እዩ። ንቕድሚት ብፆት! ዊንድሚል ንዘልኣለም ይንበር! ሕርሻ እንስሳት ንዘልኣለም ይንበር!"

ሻውዓይ ምዕራፍ

ኣምባገነናውነት

ኣዝዩ መሪር ዝኾነ ሓጋይ ነበረ። ነጎድጓድ ዝበዝሖ ኩነታት ኣየር ብቀዝሕን በረድን ተተክአ። ቀዊሉ ድማ ክሳብ ወርሒ ለካቲት ኣስሓይታ ዝተመልኦ ግመ ሰዓበ። ናይ ዓለም ትኹረት ዝሰሓቡ ምኽኖም ብምግንዛቦም ፤ ዳግማይ ህንፀት ዊንድሚል ኣብቲ ዝተቐመጠ ሰደቓ-ግዘ እንተዘይተዛዚሙ ፤ እቶም ቀናኣት ደቂሰባት ብታሕጓስ ከበሮ ሓምሓም ከምዝወቕዑ ስለዝፈለጡ ፤ እቶም እንስሳት ዓቕሞም ፀንቂቖም ይሰርሑ ነበሩ።

ደቂሰባት ፤ ንሕርሻ እንስሳት ካብ ዘለዎም መሪር ፅልኣት ዝተልዓለ ፤ ንምፍራስ እቲ ዊንድሚል ስኖውቦል ተሓታቲ ኣይኮነን ኢሎም ይኣምኑ። “እቲ ዊንድሚል ዝፈረሰሉ ምኽንያት ናይቲ መንደቕ ገንዚ ፀቢብ ስለዝነበረ እዩ” ይብሉ። እቶም እንስሳት ግን እቲ ፀገም ንሱ ከምዘይኮነ ይፈልጡ እዮም። ይኹን እምበር ከምቲ ቕድሚ ሐዚ ዝፈረሰ መንደቕ ዓሰርተ ሸሞንተ ኢንች ስፍሓት ዘይኮነስ ፤ ሐዚ ናይቲ ዊንድሚል መንደቕ ስፍሓት ሰለስተ ጫማ ክኸውን ተወሲኑ። እዚ ማለት ብዝሕ ዝበለ እምኒ ምእካብ ኣድላዪ ምኳኑ ግልፂ እዩ። እቲ ናይ እምኒ መውፅኢ ቦታ ንነዊሕ እዋን ብበረድ ተሸፊኑ ስለዝፀንሐ ስራሕ ምስራሕ ኣይተኻኣለን።

ኣብቲ ቀዝሕን ደረቕን ዝኾነ ኩነታት ኣየር ዝተወሰነ ህንፀት ዋላ እንተተኻየደ ፤ ምስቲ ብጣዕሚ ሕሱም ዝኾነ ስራሕ ተደሚሩ ፤ እቶም እንስሳት ኣብ ህንፀት እቲ ዊንድሚል ዝነበሮም ተስፋ ፀልመተ። ኩሉግዘ ብቑርን ጥሜትን ይሳቐዩ ነበሩ። ቦክሰርን ክሎቨርን ጥራይ እዮም ተስፋ

ዘይቆረፁ። ስኲለር ፤ ብዛዕባ ክብሪ ስራሕን ስራሕ ዝፈጥሮ ዕግበትን ብዙሕ እንተተዛረበ'ኳ ፤ እቶም እንስሳት ግን ካብ ናቱ ስብከት ብላዕሊ ናይ ቦክሰር ጥንካረን "ጠንኪረ ክሰርሕ እየ" ዝብል ጥቕሱን ሓቦ የስንቖም ነበረ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ ሕፅረት ምግቢ ኣጋጠመ። ናይ ዕፉን ቀለብ ኣዝዩ ቀነሰ። እዚ ንምክሕሓስ ተወሳኺ ናይ ድንሽ ቀለብ ክዕደል እዩ ተብሃለ። ኮይኑ ግና መብዛሕትኡ እቲ ተኽሊ ድንሽ ብዝግባእ ስለዘይተሸፈነ ፤ ብኣስሓይታ ተበላሸዩ ምኽኑ ተፈለጠ። መብዛሕትኡ እቲ ድንሽ ዝሓንሸኽን መልክዑ ዝቐየረን ብምኽኑ ንምግብነት ዝውዕል ዝተወሰነ ጥራይ ነበረ። እቶም እንስሳት ንተኸታታሊ መዓልታት ካብ ደረቕ ሳዕሪ ወፃኢ ዝብላዕ ኣይነበሮምን። ምስ ጥሜት ድማ ፊትንፊት ተፋጠጡ።

ሓያል ድርቕን ጥሜትን ከምዘጋጠመ ንዓለም ምሕባእ ኣገዳሲ ነበረ። ናይ ዊንድሚል ምፍራስ ተደሪኾም ፤ ደቂሰባት ኣብ ልዕሊ ሕርሻ እንስሳት ሓዱሽ ወፍሪ ፀለመ ጀመሩ። "እቶም እንስሳት ብድርቕን ብሕማምን እናሃለቑ እዮም" ብምባል የውርዩ። "ባዕሎም ንባዕሎም ይበኣሱ ፤ እቲ ሓደ ናይቲ ሓደ ስጋ ይበልዕ ፤ ሞት ህፃናት ዛይዱ" ይብሉ።

ናፖልዮን ፤ መላእ ዓለም ኣብ ሕርሻ እንስሳት ድርቂ ከምዘጋጠመ እንተፈሊጡ ፤ ክመፅእ ዝኽእል ሳዕቤን ተገንዘበ። ስለዚ ተቓራኒ ዝኾነ ወረ ንምዝርጋሕ ንኣይተ ዊምፐር ከም መሳርሒ ክጥቀመሉ ወሰነ።

እቶም እንስሳት ክሳብ ሐዚ ምስ ዊምፐር ብኣካል ተራኺቦም ኣይፈልጡን ነይሮም። ሐዚ ግን ውሑዳት ዝተመረፁ እንስሳት ፤ መብዛሕቲኦን ኣባጊዕ ፤ ኣብ ከባቢ ኣይተ ዊምፐር ዘወርወር እናበላ ከምዋዛ ናይ ቀለብ ወሰኽ ከምዝተገበረ ከውርያ ተኣዘዛ። ብተወሳኺ ናፖልዮን ፤

ዳርጋ ጥርሖም ዝነበሩ ናይ እኽሊ ቆፎታት ብሙሉኦም ብታሕቲ ሓሸዋ ክመልኡን ንእሽተይ ጥረ እኽሊ ብላዕሊ ክንስነስን ፤ ኣዘዘ።

ብዝተፈላለየ ሰበብ ዊምፐር ብወገን እቶም ናይ እኽሊ ቆፎታት ዝርከብሉ ኣቢሉ ክሓልፍ ብምግባር ፤ ኣፍ ንኣፍ እኽሊ ዝመልኡ ቆፎታት ክዕዘብ ተገበረ። ዊምፐር ብዓይኑ ዝረኣዮ ኣመነ። ንባዕሉ ተታሊሉ ንዓለም ድማ ፤ "ኣብ ሕርሻ እንስሳት ድርቂ የለን ፤ ሕፅረት ምግቢ እውን የለን" እናበለ ክሰብኽ ጀመረ።

ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ ተወሳኺ እኽሊ ክረኽቡ ከምዘለዎም ናይ ግድን ኮነ። ኣብቲ እዋን ናፖልዮን ኣብ ኣደባባይ ሓሓሊፉ እንተዘይኮይኑ ብዙሕ ኣይረኣይን ነይሩ። ግዚኡ ዘሕልፎ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓብዪ ህንፃ እንትኸውን ፤ ናይቲ ህንፃ ሕድሕድ በሪ ድማ በቶም ተናኸስቲ ኣኽላብ ይሕሎ። ካብቲ ህንፃ እንተወፂኡ'ኳ ተመላኺኡን ብሽድሽተ ኣኽላብ ተዓጂቡን ፤ እቶም ኣኽላብ ብንቕሓት ይሕልውዎን ዝኾነ ነገር ከይፅገዖ የፈራርሑን ነበሩ። ንብዙሕ ሰሙናት ኣብቲ ናይ ሰንበት ኣኼባ ተራእዩ ዘይፈልጥ እንትኸውን ፤ ትእዛዛቱ ዘመሓላልፎ ካብቶም ሓሰማታት ብሓዲኦም ኣቢሉ እዩ ፤ ሙብዛሕትኡ ግዘ ብስኲለር።

ሓደ ሰንበት ንጉሆ ፤ ስኲለር "ኩለን ደርሁ ካብ ሐዚ ጀሚረን ዘውድቕኦ እንቋቑሖ ከረክባ ኣለወን" ዝብል ትእዛዝ ምፅዳቑ ተዛረበ። "ናፖልዮን ምስ ዊምፐር ብዝገበሮ ስምምዕነት መሰረት ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሚኢቲ እንቋቑሖ ንዕዳጋ ክቐርብ እዩ። ካብ መሸጣ ብዝርከብ ኣታዊ ፤ ክሳብ ክረምትን ኩነታት ክሳብ ዝመሓየሽን ከፅንሕ ዝኸእል እኽልን ምግብን ነቲ ሕርሻ ጣብያ ክግዛእ እዩ" በለ ስኲለር።

እተን ደርሁ እዚ ምስሰምዓ ኣምሪረን ኣእወያ። ቅድም ክብል ከምዚ ዓይነት መስዋእቲ ክኸፍላ ከምዝኽእላ ተነጊርወን ዋላ እንተነበረ ፤ ተግባራዊ

ክኸውን እዩ ዝብል እምነት ግን ኣይነበረንን። ኣብ ፅድያ ንዝጫጭሕኣን ጨቓዊት ዝኸውን ሰፈር እናዳለዋ እየን ነይረን። “ኣብዚ ሐዚ ሰዓት እንቋቑሖና ምውሳድ ቕትለት ምፍፃም ማለት እዩ” ክብላ ኣምሪረን ተቓወማ። ካብ ጆንስ ምብራር ንደሓር ንፈለማ እዋን ዓመፅ ዝተልዓለ መሰለ።

ብሰለስተ ፀለምቲ ናይ ማይኖርካ ዓሌት ዘለወን ደርሁ እናተመርሓ ፤ ናይ ናፖልዮን ትልሚ ንምስንኻል ቆሪፀን ተልዓላ። ካብ ናይ ቃልሲ ስልተን ሓደ ፤ ናብ ሙራለ ነፈርካ ብምድያብ እንቋቑሖኣን ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ክወድቕ ብምግባር ኣብ መሬት ክሕምሸሽ ምግባር ነበረ። ናፖልዮን ቅልጡፍን ንሕስያ ዘይብሉን ስጉምቲ ወሰደ። ናይ’ተን ደርሁ ቀለብ ብቕልጡፍ ደው ክብል ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። “ዝኾነ እንስሳ ሓንቲ ፍረ እኽሊ ክህበን እንተተረኺቡ ብሞት ይቕፃዕ” ክብል ኣወጀ። ተፈፃምነት እቲ ትእዛዝ ንምክትታል ፤ እቶም ኣኽላብ ተመደቡ።

እተን ደርሁ ንሓሙሽተ መዓልታት ብሓቦ ዋላ እንተተቓለሳ ፤ ኣብ መወዳእታ ግን ተሸኒፈን እንቋቑሖ ናብ ዘውድቓሉ ሳፁን ንምእታው ተገደዳ። ኣብዚ ቃልሲ ትሽዓተ ደርሁ ሞይተን። ሬስኣን ድማ ኣብቲ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ተቐበረ። ኣማውተኣን ብሕማም-ደርሁ ምኽንያት እዩ ተባሂሉ ተነገረ። ዊምፐር ብዛዕባ እቲ ኩነታት ዝፈልጦ ኣይነበረን። ኣብ ሰሙን ሓደ ግዘ ናይ ግሮሰሪ መኪና ሒዙ እናመፀ እቲ እንቋቑሖ ተረኪቡ ይወስድ።

እዚ ኩሉ ክግበር ከሎ ሃለዋት ስኖውቦል ኣይፍለጥን ነይሩ። ኣብ ጎረባብቲ ሕርሻታት ወይ ኣብ ፎክስዉድ ተዘይኮይኑ ድማ ኣብ ፒንችፊልድ ተሓቢኡ እዩ ዘሎ ዝብል ጭምጭምታ ኣሎ። ናፖልዮን ኣብዚ ወቕቲ ካብ ካልእ እዋን ብዝሐሸ ምስ ካልኦት ሓረስቶት ፤ ፅቡቕ ዝኾነ ርክብ መስሪቱ እዩ። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት እቲ ንእሸተይ ጫካ ንሕርሻ ተባሂሉ ክዳሎ ከሎ

፤ ካብቶም ዝተቐረፁ ኣእዋም ተፀሪቦም ዝተዳለዉ ጣውላታት ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ተፀፍፊፎም ይርከቡ። ዊምፐር ምስረኣዮም ንናፖልዮን እቶም ጣውላታት ክሸጦም መዓዶ።

ኣይተ ፒልኪንግተንን ኣይተ ፍሬደሪክን እቶም ጣውላታት ንምግዛእ ድሌት ነበሮም። ናፖልዮን ካብ ክልቲኦም ንመን ከምዝመርፅ ግን ክውስን ኣይከኣለን። ምስ ፍሬደሪክ ስምምዕነት ክውድእ ምስቀረበ ፤ ስኖውቦል ኣብ ፎክስዉድ ከምዘሎ ይንገር። ምስ ፒልኪንግተን ክደራደር ከሎ ድማ ስኖውቦል ኣብ ፒንችፊልድ ከምዘሎ ይውረ።

ኣብ መጀመርታ ፅድያ ሃንደበት መደንገፂ ነገር ተረኸበ። “ስኖውቦል ብሕቡእ ኩሉግዘ ምሸት ሕርሻ እንስሳት ይጉብንዮ እዩ” ተብሃለ። እቶም እንስሳት ብፍርሒ ዝተልዓለ ኣብ መሕደሪኦም ክድቅሱ ኣይከኣሉን። ከምቲ ዝውረ እንተኾይኑ ፀልማት ተጎልቢቡ ብምምፃእ ዝተፈላለዩ እከይ ተግባራት ይፍፅም። ዕፉን ይሰርቕ ፤ እቲ ናይ ፀባ መጠራቐሚ ሽንኬሎ ይግልብጥ። እንቛቑሖታት ይሰብር። ዝራእቲ እናጠሓሰ ይረጋግፅ። ናይ ፍራምረ ኣትክልቲ እናለሓፀ ይበልዕ።

ኣብ ሕርሻ እንስሳት ንዝፍጠር ዝኾነ ፀገም ፤ ስኖውቦል ተሓታቲ ምኧኑ ክንገር ጀመረ። መስኮት እንተተሰይሩ ወይ ናይ ማይ ቱቦ እንተተሓቲሙ ፤ ስኖውቦል እዩ ብለይቲ መፂኡ ከምኡ ገይሩ ዝብል ሓደ ኣይሰኣንን። ናይቲ መኽዘን እኽሊ ቁልፊ ጠፊኡ እንትበሃል ፤ ኩሎም ስኖውቦል ወሲዱ ናብ ዒላ ከምዘእተዎ ይኣምኑ። ዋላ’ኳ ጠፊኡ ዝተብሃለ ቁልፊ ኣብ እግሪ ናይ እኽሊ ካሻ እንተተረኸበ ፤ እቶም እንስሳት ግን ብናይ ቀደም እምነቶም ይፀንዑ።

እተን ኣላሕም ከምዘረጋገፀኦ ፤ ስኖውቦል ኣብ ውሽጢ ደምበአን ብለይቲ እናኣተወ ብሕልመን ክሓልበን ይሓድር። ኣብዚ ሓጋይ ኣፀገምቲ ዝነበራ ኣናፁ ምስ ስኖውቦል ሕብረት ነይርወን እዩ ተብሃለ።

ናፖልዮን ኣብ ጉዳይ ስኖውቦል ሙሉእ ምርመራ ንኽካየድ ወሰነ። ብሓለውቱ ዝኾኑ ኣኽላብ ተዓጂቡ ፤ እቶም እንስሳት ዝተወሰነ ርሕቐት እናተኸተልዎ ፤ ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ህንፃታት እናተዘዋወረ ተዓዘበ። “ናይ ስኖውቦል ኣሰር-እግሪ ኣሽቲተ ይፈልጦ እየ” ስለዝበለ በቢዝተወሰነ ርሕቐት ደው እናበለ ነቲ መሬት የሽትቶ። ብኹሉ ኩርናዕ እናዘረ ኣሽተተ ፤ እቲ መኽዘን ፣ ደምበ ኣላሕም ፣ ሰፈር ደርሁ ፣ ናይ ኣሕምልቲ ጀርዲን ፣ ኣብ ኩሉ ናይ ስኖውቦል ኣሰር ተረኸበ። ናፖልዮን ኣፍንጭኡ ናብ መሬት ኣፀጊው ፤ ብጥልቀት ንዉሽጢ ኣየር ድሕሪ ምስሓቡ ብዘፍርሕ ድምፂ “ስኖውቦል! ኣብዚ ነይሩ! ፍሉይ ሽትኡ ኣጫንየዮ!” ይብል። ናይ ስኖውቦል ሽም ክለዓል ከሎ ኩሎም እቶም ዓጀብቲ ኣኽላብ ፤ ኣስናኖም ገምጪጮም ደም ዝፀምኦም ብዝመስል ሑሕ ይብሉ።

እቶም እንስሳት ኣዝዮም ፈርሑ። ስኖውቦል ኣብ ዙርይኦም ዝኸበቦምን ንብርቱዕ ሓደጋ ዘቃለዮምን ዘይረኣይ ክፉእ መንፈስ መሲሉ ተሰመዮም። ንምሸቱ ስኩለር ኣኼባ ፀወዐ። ዝተረበሸ ብዝመስል ገፁ ፀዊጉ ፤ ብዛዕባ ሓደ ኣገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ ፀብፃብ ከምዘቕርበሎም ተዛረቦም።

“ብፆት” በለ ስኩለር ዓው ኢሉ ፤ ብዝተቐጠዐ ስምዒት እናነጠረ። “ኣዝዩ ዘሰንብድ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ስኖውቦል ንወናኒ ሕርሻ ፒንችፊልድ ዝኾነ ፍሬደሪክ ኣገልጋሊ ኮይኑ። ሐዚ ድማ ንሕርሻ ጣብያና ንምጥቃዕን ካባና ንምምንዛዕን ውዲት ይኣልሙ ኣለዉ። እቲ መጥቃዕቲ ክጅመር ከሎ ስኖውቦል ብመሪሕነት ክስለፍ እዩ። ግን ድማ ካብዚ ዝኸፍአ ነገር ኣሎ። ስኖውቦል ዘካየዶ ዓመፅ ካብ ትምክሕትን ንስልጣን ካብ ዘለዎ ህረፍን ዝተልዓለ ይመስለና ነይሩ። ግን ተሰሓሒትና ኢና። ሓቀኛ ምኽንያቱ

እንታይ ከምዝነበረ ትፈልጡ ዶ? ገና ካብ ብጉሓቱ ጀሚሩ ስኖውቦል ምስ ጆንስ ርክብ ነይርዎ። ስኖውቦል ናይ ጆንስ ሕቡእ ሰላሊ እዩ። ንሱ'ውን ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዝረኸብናዮን ንሱ ራሕሪሕዎ ብዝሃደመ ሰነዳትን ኣረጋጊፅና ኢና። እዚ ንሕልናይ ብዙሕ ሓቅታት ኣብሪሁለይ እዩ ፤ ብዖት። ምኽን ኣብይዎ እምበር ፤ ኣብ ኲናት ደምበ ተዝኸእል ነይሩ ንክንሸነፍን ንክንድምሰስን ከመይ ይፅዕር ከምዝነበረ ኣይረኣናን ዲና?"

እቶም እንስሳት ደንፀዎም። እዚ ናይ ስኖውቦል እከይ ተግባሩ ካብ ምፍራስ ዊንድሚል ዝኸፍአ እዩ። ኮይኑ ግን እቲ ጉዳይ ዘንጊዑ እዩ ተረዲእዎም። ኩሎም ዘከሩ ወይ ዝዘከሩ መሰሎም። ስኖውቦል ኣብ ኲናት ደምበ ብመሪሕነት ከመይ ከምዝተዋገአን ፤ ከመይ የተሓባብሮምን የደፋፍሮምን ከምዝነበረ ፤ ካብ ጆንስ ብዝተተኮሰ ጥይት ሑቖኡ ቆሲሉ እናደመየ'ኳ ንቕፅበት ደው ከይበለ ንቕድሚት ይዉርወር ከምዝነበረ ዘከሩ። ኮይኑ ግን እዚ ዝዘከርዎ ኩነታት ፤ ስኖውቦል ናይ ጆንስ ሕቡእ ሰላሊ እዩ ነይሩ ምስ ዝብል ሓሳብ ከመይ ከምዝቃደው ክርደኦም ኣይከኣለን። ሳሕቲ ጥራይ ሕቶ ዝሓትት ዝነበረ ቦክሰር'ኳ ከይተረፈ እቲ ጉዳይ ኣስደመሞ። ናይ ቅድሚት ኣእጋሩ ዓፂፉ ኣብ ደረቱ ገይሩ ፤ ግድም በለ። ዓይኑ ስልም ኣቢሉ ፤ ቀልቡ ክስብስብ ፈተነ።

"ኣነ ኣይኣምንን" በለ ቦክሰር ። "ስኖውቦል ኣብ ኲናት ደምበ ብጅግንነት ተዋጊኡ እዩ። ብዓይነይ ሪአዮ እየ። እቲ ኲናት ምስተዛዘመ "ጅግና እንስሳት ፤ ቀዳማይ ደረጃ" መዳልያ ሸሊምናዮ ዶ ኣይነበርናን?"

"ስሕተትና ንሱ እዩ ነይሩ ፤ ብፃይ። ሐዚ ከምዝተረደኣና (ኣብቲ ዝረኸብናዮ ምስጢራዊ ሰነድ ኩሉ ነገር ተፃሒፉ እዩ) ብተግባሩ ግን ኣተዓሻሽዩ ናብ መቓብርና እዩ እናመረሐና ነይሩ" ክብል ስኩለር መለሰ።

“ግን ድማ ቆሲሉ እዩ ነይሩ” በለ ቦክሰር ። “ደሙ ፀረር እናበለ እንትዋጋእ ኩላትና ርኢና ኢና።”

“ንሱ’ማ ሓደ ኣካል እቲ ምስጢራዊ ስምምዕነቶም ‘ዩ ነይሩ።” በለ ስኩለር ዓው ኢሉ። “ናይ ጆንስ ጥይት ጨንጊፍዎ ጥራይ እዩ ሓሊፉ። ምንባብ እንተትኽእል ነይርካ እዚ ኣብ ፅሑፍ ዝሰፈረ ስምምዕነቶም ከርእየካ ነይረ። ብመሰረት እቲ ሸርሒ ፤ ስኖውቦል ኣብቲ ወሳኒ ሰዓት ናይ ህድማ ምልክት ኣርእዩ እቲ ቦታ ንፀላኢ ክንገድፎ እዩ ሓሲቡ ነይሩ። ብምኽንያት ጅግና መራሒና ብፃይ ናፖልዮን እምበር ፤ ዕላምኡ ዳርጋ ተሳኺዕሉ ነይሩ ምባል ይከኣል ፤ ብፆት። ጆንስን ሓሸኽሩን ገና ናብቲ ቀፅሪ ምስኣተዉን ውግእ ምስተጀመረን ፤ ስኖውቦል ሃንደበት ገፁ ንድሕሪት መሊሱ እንትሃድም ኩሎም እንስሳት ከመይ ከምዝተኸተልዎ ኣይትዝክሩን? ካብኡ ድማ ብድንጋፀ ልብና ጠፊኡና ፤ ኩሉ ነገር ዘብቀዐሉን ስዕረትና ጋህዲ ዝኾነ ኣብ ዝመሰለሉን ፤ ኣብቲ ፈታኒ ሰዓት ኣይኮነን ድዩ ብፃይ ናፖልዮን ‘ሞት ንዘርኢ ወድሰብ’ ኢሉ ንቕድሚት ተወርዊሩ ንናይ ጆንስ እግሪ ብኣስናኑ ዝሸኸለሉ? ንምኳኑ ነዚ ዘይዝክር ይህሉ ዶ? ክብል ብኣድናቖት ሓተቶም ፤ ካብ ጎኒ ናብ ጎኒ እናነጠረ።”

ስኩለር ብዝገበረሎም ስእላዊ መግለፂ ፤ እቶም እንስሳት እቲ ፍፃመ ዝዘከርዎ መሰሎም። እወ! ኣብቲ ወሳኒ ናይ ውግእ ሰዓት ስኖውቦል ንድሕሪት ምህዳሙ ዘከሩ። ቦክሰር ግን ስኖውቦል ሃዲሙ ዝብል ታሪኽ ክወሓጠሉ ኣይከኣለን።

“ስኖውቦል ገና ካብ ብጉሓቱ ጀሚሩ ከዳዕ ነይሩ ኢለ ኣይኣምንን። ብድሕሪኡ ዝገበሮ ነገር ካልእ ጉዳይ እዩ። ግን ኣብ ኲናት ደምበ ቅኑዕ ብፃይ እዩ ነይሩ።” በለ ቦክሰር ፤ ኣብ መወዳእታ።

“መራሒና ብፃይ ናፖልዮን” ክብል ጀመረ ስኩለር ፤ ህድእ ኢሉን ትርር ኢሉን “ብዘየሻሚ ፤ እወ ፍፁም ብዘየሻሚ መልክዑ ከምዝገለፆ ፤ ስኖውቦል ካብ ፈለማ ጀሚሩ ናይ ጆንስ ሰላሊ እዩ ነይሩ - እወ! ዓመፅ ቅድሚ ምሕሳብና ካብ ቀደም ጀሚሩ ሰላሊ እዩ ነይሩ።”

“እህ...፤ እዚ’ማ ካልእ ጉዳይ እዩ!” በለ ቦክሰር። “ብፃይ ናፖልዮን እንተተዛሪብዎ ፤ ሓቂ ክኸውን ኣለዎ።”

“ከምዚ እዩ ሓቀኛ መንፈስ ማለት ፤ ብፃይ!” በለ ዓው ኢሉ ስኩለር። እዚ ክብል ከሎ በተን ውሪሕሪሕ ዝብላ ኣዒንቱ ፤ ከፉእ ብዝኾነ ኣጠማምታ ንቦክሰር ክጥምቶ ተራእዩ እዩ። ስኩለር ገፁ ኣዚሩ ቁሩብ ምስከደ ተመሊሱ ፤ “ኣብዚ ሕርሻ ጣብያ ዝርከብ ኩሉ እንስሳ ኸባቢኡ ብንቕሓት ክሕልው ኣለዎ። ናይ ስኖውቦል ሰለልቲ ዝኾኑ ፀጉረ ለወጥ ኣብ ሞንጎና ይህልዉ እዮም ኢልና ክንኣምን ዝገብሩ ብቑዓት ምኽንያታት ኣለውና።” ብምባል ተዛረበ።

ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልታት ፤ ብፀሓይ ዕራርቦ ፤ ናፖልዮን ኩሎም እንስሳት ኣብቲ ሜዳ ክእከቡ ኣዘዘ። እቶም እንስሳት ምስተኣከቡ ፤ ናፖልዮን ኣብ ክሳዱ ክልተ መዳልያታት ኣንጠልጢሉ (ኣብ ቀረባ እዋን “ጅግና እንስሳት ፤ ቀዳማይ ደረጃ”ን “ጅግና እንስሳት ፤ ካልኣይ ደረጃ”ን ኢሉ ንባዕሉ መዳልያታት ሸሊሙ ነይሩ እዩ) ፤ መፍርሕቲ ብዝኾኑ ትሸዓተ ኣኽላብ ተዓጂቡ ፤ እቶም ዓጀብቱ ደም ከምዝፀምኦም ሕኒን እናበሉ ፤ ካብቲ ዓብዪ መንበሪ ገዛ መሰስ በለ።

ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኽቡ እንስሳት ብስቕታ ተሸቚሪሮም ኮፍ በሉ። ሓደገኛ ዝኾነ ነገር ከምዝፍጠር ዝፈለጡ ይመስሉ።

ናፖልዮን ትብዕ ኢሉ ደው ብምባል ነቶም ዝተኣከቡ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብዓይኑ ጠመቶም። ቀጺሉ ዘሰምብድ ድምጺ ኣስመዐ። ሽዑንሽዑ እቶም ኣኽላብ ንቕድሚት ተወርዊሮም ንኣርባዕተ ሓሰማታት ኣእዛኖም ነኺሶም ፣ ብፍርሕን ብስቓይን ዋጭዋጭ እናበሉ ጎቲቶም ኣምጺኦም ኣብ እግሪ ናፖልዮን ደርበይዎም። ናይቶም ሓሰማታት ኣእዛን እናደመየ ፣ ደም ዝጠዓሙ ኣኽላብ ዳርጋ ናብ ዕቡዳት ተቐየሩ። ንኹሎም ዘደንፀወ ድማ ፣ ካልኦት ሰለስተ ኣኽላብ ናብ ቦክሰር ተወርዊሮም እንትኸዱ እዩ።

ቦክሰር ኣመፃፅኦም ምስረኣየ ዓብዪ ሸኾንኡ ኣልዒሉ ፣ እቲ ሓደ ዓጃቢ ከልቢ ተወርዊሩ ክናኸስ ክብል ኣብ ኣየር እናሃለወ ቀለቦ። ኣውዲቑ ድማ ኣብ መሬት ረገፆ። ምሕረት ንኽገብረሉ ዋላ እንተተማሕፀነ ብእግሩ ረጊፁ ሓዞ። ነዚ ዝረኣዩ እቶም ክልተ ኣኽላብ ጭረኦም ደጒሎም በታ ዝመፅዋ ተመለሱ። ቦክሰር ብእግሩ ረጊፁ ንዝሓዞ ከልቢ ክሕምትሎ ወይ ነፃ ክለቆ ንምውሳን ንናፖልዮን ኣስተብሃሎ። ናፖልዮን ገፁ ተቐያየረ። ንቦክሰር ድማ እቲ ከልቢ ንክለቆ ብቑጥዐ ትእዛዝ ሃቦ። ቦክሰር እግሩ ኣልዒሉ እንትለቆ ፣ እቲ ከልቢ ቆሲሉ እናተቐንዘወ ድማ ሰላሕ ኢሉ ናብታ ዝነበራ ተመለሰ። ተፈጢሩ ዝነበረ ረብሻ ድማ ሃደአ።

እቶም ኣርባዕተ ሓሰማታት ብፍርሒ እናተንቀጥቀጡ ፣ ፍርዶም ክፅበዩ ጀመሩ። ናይ ወንጀለኛነት ምልክት ኣብ ገፆም ይንበብ ነበረ። ናፖልዮን ጥፍኣቶም ክናዘዙ ኣዘዘ። እዞም ኣርባዕተ ሓሰማታት ናፖልዮን ናይ ሰንበት ኣኼባ ኣብ ዝኣገደሉ እዋን ተቓውሞ የቕርቡ ዝነበሩ እዮም። እቶም ሓሰማታት ክናዘዙ ጀመሩ።

ምስ ስኖውቦል ፣ ካብ ዝተባረረሉ እዋን ጀሚሮም ሕቡእ ዝኾነ ርክብ ከምዝነበሮም ፣ እቲ ዊንድሚል ኣብ ምፍራስ ምስኡ ኢድን ጓንትን ኮይኖም ይሰርሑ ከምዝነበሩ ፣ ሕርሻ እንስሳት ንኣይተ ፍሬደሪክ ኣሕሊፍካ ንምሃብ ምስኡ ውዕሊ ምእሳሮም ፣ ከምኡ 'ውን ስኖውቦል ንዓመታት ናይ ጆንስ

ሰላሊ ከምዝነበረ ብምስጢር ከምዝነገሮም ተናዘዙ። ተናዚዞም ምስወድኡ እቶም ኣኽላብ ብቕልጡፍ ጉረሮኦም መኸረጥዎም። ቀጺሉ ናፖልዮን ብዘፍርሕ ድምጺ ፤ ዝኾነ እንስሳ ዝናዘዞ ነገር እንተሃልይዎ ክናዘዝ ሓተተ።

ናይ እንቋቑሖ ምውራስ ብምቅዋም ፤ እቶም ቀንዲ ናይ ደርሁ ዓመፅ ዝመርሑ ሰለስተ ፀለምቲ ደርሁ ንቕድሚት መጺኦም ክናዘዙ ጀመሩ። ንናይ ናፖልዮን ትእዛዝ ዝተቓወምሉ ምኽንያት ፤ ስኖውቦል ብሕልሞም መጺኡ ንክእድሙ ብዝገበረሎም ጎስጓስ ምዃኑ ተናዘዙ። ተናዚዞም ምስወድኡ ብጭካነ ክሳዶም ክሕረዱ ተገበረ።

ቀጺላ ደርሆማይ ንቕድሚት መፀት። ኣብ ዝሓለፈ ቀውዒ ሽዱሽተ ዕፉን ሓቢኣ ብምውሳድ ምሸት ከምዝበለዐቶ ኣመነት። በጊዕ ቀፀለት። ስኖውቦል ደፋፊእዋ ኣብ መስተዪ ማይ ዝኾነ ዒላ ከምዝሸነት ተናዘዘት። ክልተ ኣባጊዕ ድማ ፤ ብሕማም ሰዓል ይሳቐ ዝነበረ ናይ ናፖልዮን እሙን ተኸታሊ ዝኾነ ሸማግለ በጊዕ ፤ ኣብ ዙርያ ናይ ደመራ ሓዊ እናጓየዩ ንሞት ከምዘብቅዕዎ ተናዘዙ። እቶም ዝተናዘዙ ኩሎም ኣብቲ መድረኽ ተቐተሉ።

እቲ ኣየር ብጨና ደም ክሳብ ዝብከል ፤ ኣብ እግሪ ናፖልዮን ሬሳ ክሳብ ዝቑለል ምንዛዝን ምቕታልን ብዘይምቁራፅ ቀፀለ። ጆንስ ካብ ዝባረር ንደሓር ከምዚ ዝበለ መዓት ተራእዩ ኣይፈልጥን።

እዚ ምንዛዝን ምቕታልን ምስተዛዘመ ኩሎም እንስሳት (ብዘይካ ሓሰማታትን ኣኽላብን) ክሳዶም ኣድኒኖም ተላዒሎም ከዱ። ብፍርሒ ተንቀጥቂጦም ፤ መንፈሶም ተሸቢሩ። እቶም ዝተናዘዙ እንስሳት ምስ ስኖውቦል ተመሳጢሮም ዝፈፀምዎ ክሕደት ወይ ብዓይኖም ዝረኣይዎ መስካሕክሒ ጨፍጫፍ ፤ ካብ ክልቲኡ ኣየናይ ከምዘሰምበዶም ግን ክፈልጡ ኣይከኣሉን። ቀደም ‘ዉን እንተኾነ ከምዚ ዓይነት መስካሕክሒ

ዝኾነ ደም ምፍሳስ ነይሩ እዩ። ይኹን እምበር ናይ ሐዚ ባዕሎም ንባዕሎም ብምኧኑ ፤ እቲ ኩነታት ኣዝዩ ክፉእ መሲሉ ተሰመዮም። ጆንስ ካብቲ ሕርሻ ጣብያ ካብ ዝባረር ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ፤ ዝኾነ እንስሳ ንኻልእ እንስሳ ኣይቀተለን። ኣንጭዋ'ኳ ተቐቲላ ኣይትፈልጥን። ኩሎም እንስሳት ብሓባር ፤ ህንፀቱ ፍርቂ ዝበፅሐ ዊንድሚል ናብ ዝርከበሉ ኩርባ ከዱ። ቆሪርዎም ሙቐት ከምዝደልዩ ፤ ኩሎም እንስሳት ብሓደ ተሓቛቚፎም ግድም በሉ። ክሎቨር ፣ ሙሬል ፣ ቤንጃሚን ፣ እተን ኣላሕም ፣ እተን ኣባጊዕ ፣ ደርሁን ደርሁማይን ኩሎም ፤ ብዘይካ ድሙ ፤ እታ ናፖልዮን ነቶም እንስሳት ክእከቡ ቅድሚ ምእዛዙ ብሃንደበት ዝተሰወረት።

ኣብ መንጎኦም ስቕታ ዓሰለ። ሓንቲ ቃል ዝተንፈሰ ኣይነበረን። ቦክሰር ጥራይ እዩ ደው ኢሉ ዝነበረ። እቲ ፀሊም ፤ ነዊሕ ጭርኡ የማነ ፀጋም እናወናጨፈ ፤ ሓሓሊፉ ብኣግራሞት እናዕጎምጎመ ናብትን ናብትን ዕንይንይ ይብል።

“ፈፂሙ ክርደኣኒ ኣይከኣለን። ኣብ ውሽጢ ሕርሻ ጣብያና ከምዚ ዓይነት ነገር ክፍፀም እዩ ዝብል እምነት ኣይነበረንን። ብምኽንያት ናይ ባዕልና ስሕተት ክኸውን ኣለዎ። ኣነ ከምዝረኣየኒ ፤ እቲ መፍትሒ ብዝበለፀ ጠንኪርኻ ምስራሕ እዩ። ካብ ሐዚ ጀሚረ ንጉሆ ንጉሆ ፤ ቀዲመ ቅድሚ ሓደ ሰዓት ክትስእ ኣለኒ።” በለ ቦክሰር ኣብ መወዳእታ።

ደርገፍገፍ እናበለ ናብቲ እምኒ መውፅኢ ቦታ ከደ። ቅድሚ ድቃሱ ክልተ ፅዕነት እምኒ ኣኪቡ ፤ ናብቲ ዊንድሚል ዝህነፀሉ ቦታ ኣጎዓዓዘ።

እቶም እንስሳት ኣብ ዙርያ ክሎቨር ተኣከቡ። ኣብ መንጎኦም ስቕታ ዓሲሉ ነበረ። ግድም ኢሎምሉ ዝነበሩ ኩርባ እቲ ገጠር ኣማዕድዮም ንምርኣይ ምችው ነበረ። መብዛሕትኡ ናይ ሕርሻ እንስሳት ቦታ ‘ዉን

ይረኣዮም እዩ። ክሳብ እቲ ዋና መንገዲ ዝተዘርገሐ ሰውሒ ፣ እቲ ንእሽተይ ጫካ ፣ ማይ መስተዪ ዒላ ፣ ዘይባፅሐ ስርናይ ዘለዎ ፅዑቕን ሓምለዋይን ሕርሻ መሬት ፣ ናይቶም ህንፃታት ቀይሕ ናሕስን ካብ ትኪ መውፅኢ ዝወፅእ ዝነበረ ትክን ኩሉ ይረኣዮም እዩ።

በርሃው ዝበለ ናይ ፅድያ ምሸት ነበረ። እቲ ሳዕርን ሓፁርን ተኾሊያም ይረኣዩ። እቲ ዝረኣዮም ዘሎ ሕርሻ ፤ ቅድሚ ሐዚ ተሰሚዕዎም ዘይፈልጥ ፍሉይ ዝኾነ ስምዒት ፈጠረሎም። ኣብዚ ስምዒት ውሽጢ እናሃለዉ እቲ ተብሃጊ ሕርሻ ናቶም ምዃኑ ፤ ሕድሕድ ኢንች ናቶም ንብረት ከምዝኾነ ሃንደበት ብኣግራሞት ዘከሩ። ክሎቨር ኣብቲ ኩርባ ኮይና ንቑልቁል እንትትጥምት ኣዒንታ ንብዓት መልኡ። ስምዒታ ምግላፅ እንተትኽእል ነይራ ብኸምዚ ምገለፀቶ፡-

ቅድሚ ዓመታት ወዲሰብ ንምውጋድ ዝተልዓሉን ሕልሞም ጋህዲ ንክኸዉን ዝተቓለሱን ከምዚ ክፍጠር እዩ ኢሎም ዓሊሞም ኣይኮኑን ፤ ኣብቲ ምሸት ሜዠር ዓብዩ ንዓመፅ እንተለዓዕሎም ተስፋ ዝገበርሉን ዝተፀበይዎን ፤ እዚ ሎሚ ዝተኻየደ ጨፍጫፍን ናይ ሽበራ ትርኢትን ክንርኢ ኢና ኢሎም ኣይኮኑን። ዕላምኦም ካብ ጥሜትን መግረፍትን ሓራ ክወፁን ፤ ናይ ማዕርነት መሰሎም ዝተረጋገፀሉ ፤ ሕድ ሕድ እንስሳ ዓቕሙ ብዝፈቐዶ ዝሰርሐሉ ፤ እቲ ብርቱዕ ነቲ ድኹም ዋሕስ ዝኾነሉ (ልክዕ ከምቲ ሜዠር ዘረባ ኣብ ዝገበረሉ ምሸት ፤ ክሎቨር ኣዲኣን ጠፊኣተን እናተንከራተታ ዝነበራ ጨቓዊት ደርሁማይ ከምዝተኸናኸነተን) ፤ ናይ እንስሳት ስርዓት ክፍጠር እዩ ነይሩ ባህጎም። ብግልባጡ ፤ ንምንታይ ከምዝኾነ ኣይፈለጠትን - ዝኾነ እንስሳ ናይ ልቡ ንክዛረብ ዘይደፍረሉ እዋን በፂሖም። ኩሉ ቦታ ዝተቖፃፀሩ ጨካናትን መፍርሕትን ኣኽላብ ፤ መደንገፂ ዝኾነ ወንጀል ከምዝፈፀሙ ንዝተናዘዙ ብዖት ብዘይምሕረት ክሓርድዎም እናረኣዩ ፤ ክሳዶም ዘድነንሉ እዋን በፂሖም። ኣብ ኣእምሮኣ ዝኾነ ይኹን ናይ ዓመፅን እምቢታን ሓሳብ የብላን። ነገራት ሐዚ ብዘለውዎ ኩነታት ዋላ

እንተኾኑ ፤ ካብ ዘበነ ጆንስ ኣብ ዝሓይሽ እዋን ከምዘለዉ እያ ትፈልጥ። ካብ ኵሉ ብላዕሊ ግን ዘርኢ ወድሰብ ተመሊሱ ከይገዝኦም ምግባር ብጣዕሚ ኣድላዪ ነበረ። ዝመፀ እንተመፀ እምነታ ኣይጎድልን ፤ ጠንኪራ ትሰርሕ ፤ ዝተውሃባ ትእዛዝ ትፍፅም ፤ ናይ ናፖልዮን መሪሕነት ትቕበል። ሐዚ እውን እንተኾነ ፤ ንሳን ካልኦት እንስሳትን ተስፋ ዝገበርሉን ዝደኸምሉን ነዚ ኣይነበረን። ዊንድሚል ዝሃነፁን ምስ ናይ ጆንስ ጠያይቲ ፊትንፊት ዝተጋጠሙን ነዚ ኣይነበረን።

ናይ ክሎቨር ሓሳብ ከምዚ ነበረ ፤ ዋላ'ኳ ውሽጣዊ ስምዒታ ንምግላፅ ቃላት እንተሰኣነትሉ።

ኣብ መወዳእታ ፤ መተካእታ እቶም ስምዒታ ንምግላፅ ዝሰኣነቶም ቃላት እንተኾና ኢላ ፤ መዝሙር "ኣራዊት እንግሊዝ" ክትዝምር ጀመረት። እቶም ኣብ ዙርያኣ ኮፍ ዝበሉ እንስሳት 'ዉን ተቐቢሎም ፤ ቅድሚ ሐዚ ዘሚሮምዎ ብዘይፈልጡ ጥዑም ቃና ፤ ብሓዘን ተዋሒጦም ፤ ብርግኣት ሰለስተ ግዘ ደጋጊሞም ዘመርዎ።

ንሳልሳይ ግዘ ዘሚሮም ምስወድኡ ስኩለር ብኽልተ ኣኽላብ ተዓጂቡ ፤ ከዛረቦ ዝደለየ ጠቓሚ ነገር ከምዘለዎ መሲሉ ናብኦም ቀረበ። "ብፍሉይ ትእዛዝ ብፃይ ናፖልዮን መዝሙር 'ኣራዊት እንግሊዝ' ተኣጊዱ እዩ። ካብ ሐዚ ጀሚሩ እዚ መዝሙር ምዝማር ክልኩል እዩ።" ብምባል ኣወጀ። እቶም እንስሳት ደሪቖም ተረፉ።

"ንምንታይ?" በለት ሙሬል ብዓውታ።

"ካብ ሐዚ ንደሓር ኣድላዪ ኣይኮነን ፤ ብፂት" በላ ስኩለር ተታዕኒኑ። "ኣራዊት እንግሊዝ ናይቲ ዓመፅ መዝሙር እዩ ነይሩ። ግን ድማ ሐዚ እቲ ዓመፅ ተዛዚሙ እዩ። ሎሚ ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ልዕሊ እቶም ካሕዳማት

ዝተወሰደ ዘየዳግም ስጉምቲ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ እዩ ነይሩ። ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን ዝነበሩ ኩሎም ፀላእትና ተደምሲሶም እዮም። ኣብ መዝሙር ‘ኣራዊት እንግሊዝ’ ዝሐሸ ስርዓት ንክመፅእ ዘለና ባህጊ ገሊፅና ኢና። ሐዚ እቲ እንብህጎ ስርዓት ተመስሪቱ እዩ። ብርግፅ እዚ መዝሙር ኣብዚ እዋን ፋይዳ የብሉን።”

ዋላ እንተፈርሑ ፤ ምናልባሽ ገሊኦም እንስሳት ተቓውሞ ከስምዑ ነይሮም እዮም። ኮይኑ ግን ኣብዚ ህሞት ፤ እተን ኣባጊዕ “ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ” ዝብል ዝተለመደ ጭርሖአን ክጭርሓ ጀመራ። እዚ ድማ ንብዙሕ ደቓይቕ ብምቕፃሉ ፤ ኣብቲ እገዳ ኣመልኪቱ ክግበር ናይ ዝነበረ ዘተ መዕለቢ ኮነ።

ስለዚ ድማ መዝሙር ‘ኣራዊት እንግሊዝ’ ካብ ሽዑ ንደሓር ተዘሚሩ ኣይፈልጥን። ነዚ መተካእታ ፤ ሚኒመስ ፤ እቲ ገጣማይ ሓሰማ ካልእ ግጥምን ዜማን ኣዳለወ። ኸምዚ ኢሉ ይጅምር ፦

ሕርሻ እንስሳት ፤ ሕርሻ እንስሳት ዝኾነ እንተኾነ
ከይትጉድእኒ ክሕብሕበኪ እየ ፤ ካብ ልበይ ወሲነ!

እዚ መዝሙር ኩሉግዘ ሰንበት ባንዴራ ክስቀል ከሎ ይዝመር። ነቶም እንስሳት ግን እቶም ቃላት ይኹኑ እቲ ዜማ ክንዲ ‘ኣራዊት እንግሊዝ’ ዝኣክል ትርጉም ክህቦም ኣይከኣለን።

ሻምናይ ምዕራፍ

ኢኮኖሚስት ስኩለርን - ኲናት ዊንድሚልን

ድሕሪ ዝተወሰኑ መዓልታት ፤ ብዝተገበረ መርሸንቲ ምኽንያት ተፈጢሩ ዝነበረ ስንባደ ህድእ ምስበለ ፤ ገሊኦም እንስሳት መበል ሻድሻይ ዝነበረ ትእዛዝ ዘከሩ ወይ ዝዘከሩ መሰሎም። "ዝኾነ እንስሳ ካልእ እንስሳ ክቐትል የብሉን" ፤ ዝብል ትእዛዝ። ዋላ'ኳ ኣብ ቅድሚ ሓሰማታትን ኣኽላብን እዚ ትእዛዝ ተዘይጠቐስዎ ፤ ዝተኻየደ ጨፍጫፍ ምስዚ ትእዛዝ ዘይሳነ ምኳኑ ግን ተሰሚዕዎም እዩ።

ክሎቨር ንቤንጃሚን መበል ሻድሻይ ትእዛዝ ንከንብበላ ሓተተቶ። ንሱ ግን ከምቲ ልሙድ ኣብ ከምዚ ዓይነት ነገር ኢዱ ከምዘየእቲ ገለፀላ። ንሙሬል ፀዊዓ ፤ ሙሬል ድማ እቲ ትእዛዝ ኣንበበትላ። "**ዝኾነ እንስሳ ካልእ እንስሳ ክቐትል የብሉን** ፤ *ብዘይ ምኽንያት*" ይብል። ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ እቶም እንስሳት ናይ መወዳእታ ክልተ ቃላት ክዝክርዎም ኣይከኣሉን። ኮይኑ ግን ሐዚ እቲ ትእዛዝ ከምዘይተጥሓሰ ተገንዘቡ። ምስ ስኖውቦል ዝተመሻጠሩ ካሕዳማት ብመሰረት እቲ ትእዛዝ ከምዝተቐተሉ ብቑዕ ምኽንያት ከምዘሎ ተረድኡ።

ዓመት ሙሉእ እቶም እንስሳት ካብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝበለፀ ጠንኪሮም ሰርሑ። ምስቲ ስሩዕ ናይ ሕርሻ ስራሕቲ ተዛሚዱ እቲ ዊንድሚል ዳግም ንምህናፅን በቲ ዝተቐመጠ ሰደቓ-እዋን ንምዝዛምን ፤ ናይ መንደቕ ስፍሓቱ ካብቲ ናይ መጀመርታ ክልተ ዕፅፊ ዝኾነ ዊንድሚል ፤ እዚ ነቶም እንስሳት ኣዝዩ ኣድካሚ ስራሕ ነበረ። ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ዘበነ ጆንስ

ብላዕሊ ንብዙሕ ሰዓታት ከምዝሰርሑን ፤ ካብቲ ዘበን ብዝበለፀ ዘይምገቡ ምኽኒኖም ይስመዖም።

ኩሉግዘ ሰንበት ንጉሆ ኣብ ዝግበሩ ኣኼባታት ፤ ስኩለር ብዙሕ ዝርዝር ዘለዎ ፀብፃብ ሒዙ ይቐርብ። ብመሰረት እቲ ፀብፃብ ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ኩሉ ዓይነት ዝብላዕ ምህርቲ ብኽልተ ሚኢቲ ፐርሰንት ፤ ብሰለስተ ሚኢቲ ፐርሰንት ፤ ወይ ብሓሙሽተ ሚኢቲ ፐርሰንት (ከም ግዚኡን ከም ኩነታቱን) ከምዝወሰኸ የንብበሎም።

ቅድሚ እቲ ዓመፅ ብዛዕባ ዝነበረ ኩነታት ብንፁር ስለዘይዝክርዎ ፤ ናይ ስኩለር ፀብፃብ ንዘይምእማን ዘኽእል ምኽንያት ኣይነበሮምን። ኩሎም ብወገኖም ግን ፤ ናይ ስኩለር ኣሃዝ ወሰኽ ምህርቲ ቀኒሱ ምግቢ ክበዝሖሎም ዝምነይሎም መዓልታት ነይሮም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኩሎም ትእዛዛት ዝመሓላለፉ ብስኩለር ወይ ድማ ካብ መንጎ እቶም ሓሰማታት ብሓዲኦም ኣቢሉ እዩ። ናፖልዮን ኣብ ክልተ ሰሙን ሓደ ግዘ'ኳ ኣብ ኣደባባይ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ናብ ኣደባባይ እንትትወፅእ 'ዉን በቶም ዓጀብቲ ኣኽላብ ጥራይ ተዓጂቡ ኣይኮነን ፤ "ኩኩዒትትትት..." እናበለ ከም ነፋሒ ጥሩምባ ኮይኑ ዘገልግል ፀሊም ኩኩናይ እውን ቀቅድሚኡ ሽናሕ እናበለ ፤ ናይ ናፖልዮን ምምፃእ የበስር። ዝርርብ ቅድሚ ምግባሩ 'ዉን እዚ ኩኩናይ "ኩኩዒትትትት..." ብምባል ናፖልዮን ዝርርብ ክገብር ከምዝተዳለወ የፍልጥ።

ዋላ ኣብቲ ዓብዪ መንበሪ ህንፃ ናፖልዮን ናይ በይኑ ጥራይ ዝኾኑ ክፍልታት ሒዙ ይበሃል። ምግቢ እንትምገብ እውን ንበይኑ ብኽልተ ኣኽላብ እናተሓለወ ከምዝኾነን ፤ መመገቢኡ ድማ ካብ ሞንጎ ኣብቲ በዓል መስታወት ናይ ኣቑሑት መደርደሪ ዝርከብ "ክራውን ደርቢ" ዝበሃል ፍሉይ

ብዝኾነ ሽሓነ ምኺኑ ይዉረ። ካብቶም ክልተ ክብረ-በዓላት ብተወሳኺ ኣብ ናይ ናፖልዮን ዕለተ ልደት 'ዉን በቢዓመቱ ጥይት ክትኮስ ምኺኑ ተኣወጀ።

ከም ቀደም ኣቕልል ኣቢልካ 'ናፖልዮን' ኢልካ ብሽሙ ምፅዋዕ ተሪፉ እዩ። ኣብዚ ዘበን ኣገባብ ብዘለዎ ናይ ፕሮቶኮል ኣፀዋውዓ "መራሒና ብፃይ ናፖልዮን" ተባሂሉ ይፅዋዕ። እቶም ሓሰማታት ዘይምህዝዎ ሽም ኣይነበረን። ኣቦ ኩሎም እንስሳት ፤ መርዓዲ ወዲሰብ ፤ መዕቐቢ ኣባጊዕ ፤ ፈታዊ ደርሁማይ ፤ ካልእን ካልእን ይብልዎ።

ስኩለር ፤ ብዛዕባ ናይ ናፖልዮን ጥበብ ፤ ርህራህ ልቡ ፤ ኣብ መላእ ዓለም ንዘለዉ እንስሳት ብፍላይ ድማ ነቶም ከይቀሰኑ ብድንቁርናን ብባርነትን ኣብ ካልኦት ሕርሻ ጣብያታት ንዝነብሩ ኩሎም ዘለዎ ልባዊ ፍቕሪ ፤ ገፁ ብንብዓት እናተሓፀበ ይዛረብ። ንዝተረኸቡ ኩሎም ዓወታትን ፅቡቓት ዕድላትን ንናፖልዮን ምንኣድ ልሙድ ኮይኑ እዩ።

"ብመራሒና ብፃይ ናፖልዮን መሪሕነት ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ መዓልቲ ሓሙሽተ እንቋቑሖ ንምውዳቕ በቒዐ" ብምባል ሓንቲ ደርሆ ንኻልእቲ እንትተውግዕ ፤ ወይ ድማ ክልተ ኣላሕም ኣብ ዒላ ማይ እናሰተያ "ዕድመ ንመሪሕነት ብፃይ ናፖልዮን ፤ ኣሰይ! እቲ ማይ ምጥዓሙ" ክበሃሃላ ምስማዕ ልሙድ ኮይኑ።

ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ዘሎ ሓፈሻዊ ስምዒት ፤ በቲ ሚኒመስ ዝበሃል ሓሰማ ዘዳለዎ "ብፃይ ናፖልዮን" ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ግጥሚ ብኸምዚ ይግለፅ፡-

ብፃይ ናፖልዮን

ኣቦ ንዘይብሉ ትኾኖ መሓዛ
ፈልፋሊ ሓጎስ ኢኻ ፀረ ቓንዛ
ጎይታ ኢኻ ሰንኬሎ ናይ ምግቢ
ንዓኻ ምስረኽበት ተሓጎሰት ልቢ

እንተረኣኹኻ ሃልሃልታ ናይ ሓዊ
ዘይድፈር ግርምኡ ዓይኑ ተፈታዊ
ኣብ ሰማይ ከምዝበረቐት ፀሓይ
ተብሃጊ ኢኻ ናፖልዮነይ ብፃይ

ንኹሎም ፍጡራት ትልግሶም ፍቕሪ
ኸብዲ ተዓንጊላ ለይቲ ይኹን ቀትሪ
ንድቅስ ኣለና ኣብቲ ፅሩይ ሳዕሪ

ዓብዪ ንእሽተይ እቲ እንስሳ ኩሉ
ብሰላም ይድቅስ ኣብ ዝሓደረሉ
መፅለሊ ንኹሉ ጠበቓን ዋሕስን
ብፃይ ናፖልዮን ዕድመኻ ይሰስን

ጠዋዪ ሓሰማ ዕሽል እየ ነይረ
ባዒሐ'የ ሎሚ ደልዲለ ሃጢረ
ክንዲ ብልቃጥ ይኹን ዋላ ክንዲ ማንካ
ይሰልጥን ይመሃር ክእመን ንዓኻ

ህፃን እንትውለድ ገና ብዕሸሉ
"ብፃይ ናፖልዮን!" ይኹን ናይ ፈለማ ቃሉ

ናፖልዮን እቲ ግጥሚ ኣፅዲቑ ፤ ኣብ መንደቕ እቲ ዓብዪ መኽዘን ፤ ብተቓራኒ ኣንፈት እቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ክፀሓፍ ገበረ። ስኲለር ብፃዕዳ ቀለም ኣመላኺዑ ዝሰኣሎ ናይ ናፖልዮን ምስሊ ዘርኢ ስእሊ ፤ ኣብ ጎኒ እቲ ግጥሚ ተሰቐለ።

ከምዚ ክኾን ከሎ ፤ ናፖልዮን ብወኪሉ ዝኾነ ኣይተ ዊምፐር ኣቢሉ ምስ ፍሬደሪክን ፒልኪንግተንን ኣብ ዝተሓላለኸ ድርድር ተፀሚዱ ነበረ። እቲ ዝተፀፍፀፈ ጣውላ ገና ኣይተሸጠን። ካብ ሞንጎ ክልቲኦም ፤ እቶም ጣውላታት ንምርካብ ፍሬደሪክ ዝበለፀ ሃንቀውታ ነይርዎ። ግን ዝመጣጠን ዋጋ ኣየቕርብን። ብተመሳሳሊ ፍሬደሪክን መሻርኽቱን ሕርሻ እንስሳት ንምጥቃዕ ፤ ሕርቓን ዝተሓወሶ ቅንኢ ዝፈጠረሎም ህንፀት ዊንድሚል ንምዕናው ውዲት ይኣልሙ ከምዘለዉ ከምብሓድሽ ጭምጭምታ ይስማዕ ነበረ። ስኖውቦል ሐዚ 'ውን ኣብ ሕርሻ ፒንችፊልድ ተሓቢኡ ከምዘሎ ይውረ።

ኣብ መፋርቕ ክረምቲ ነቶም እንስሳት ዘሰምበደ ዜና ተሰምዐ። ሰለስተ ደርሁ ስኖውቦል ኣለዓዒልወን ፤ ናፖልዮን ንምቕታል ሓሲበን ከምዝነበራ ባዕለን ተናዘዛ። ሽዑንሽዑ ድማ ብሞት ክቕፀዓ ተገበረ። ንድሕንነት ናፖልዮን ተባሂሉ ሓደሽቲ ቅድመ ጥንቃቐታት ተገበሩ። ኣርባዕተ ኣኽላብ ናፖልዮን ክድቅስ ከሎ እቲ ዓራት ከቢቦም (ሕድሕዶም ኣብ ሕድሕድ ኩርናዕ) ይሕልውዎ። ፒንክአይ ዝተብሃለ ሓሰማ ናፖልዮን ምግቢ ቅድሚ ምምጋቡ ፤ ነቲ ምግቢ ጥዒሙ ዘይተመረዘ ምኳኑ ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ተውሃቦ።

ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ናፖልዮን እቶም ዝተፀፍፀፉ ጣውላታት ንኣይተ ፒልኪንግተን ንምሻጥ ከምዝተስማዕመዐን ፤ ከምኡ 'ውን ኣብ መንጎ ሕርሻ እንስሳን ፎክስዉድን ዝተወሰነ ናይ ምህርቲ ልዉውጥ ንኽካየድ ስሩዕ ውዕሊ ክእሰር ምኳኑ እናተወረየ ነበረ። ኣብ መንጎ ናፖልዮንን

ፒልኪንግተንን ዘሎ ርክብ ብዊምፐር ጥራይ ኣቢሉ ዝግበር ዋላ እንተኾነ ፤ ሐዚ ዳርጋ ፅቡቕ ዝኾነ ምሕዝነት ተፈጢሩ እዩ። እቶም እንስሳት ፒልኪንግተን ሰብ ብምዃኑ ዋላ ተዘይኣመንዎ ፤ ካብ ፍሬደሪክ ግን ኣብሊፆም ይመርፅዎ። እቶም እንስሳትን ፒልኪንግተንን ክልቲኦም ፤ ንፍሬደሪክ ኣዝዮም እዮም ዝፈርሕዎን ዝፀልእዎን።

ኣብ መወዳእታ ክራማት ፤ ህንፀት ዊንድሚል ናብ ምዝዛም ገፁ እንትኸይድ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ክህሊ ከምዝኽእል ብሰፊሑ ክውረ ጀመረ። ከምዝውረ እንተኾይኑ ፍሬደሪክ ዕስራ ዝኾኑ ሰባት ብረት ኣዕጢቑ ሕርሻ እንስሳት ንምውራር መደብ ሒዙ ከምዘሎ እዩ። ንዓቃቢ ሕግን ንፖሊስን ድማ ጉቦ ዝሃቦም እንትኸውን ፤ ሕርሻ እንስሳት ብሓይሉ ወሪሩ ድሕሪ ምሓዙ ናይ ዋንነት ሕቶ ንከይለዓሎ እዩ ይበሃል። ብተወሳኺ ድማ ካብ ሕርሻ ፒንችፊልድ ፤ ብዛዕባ ፍሬደሪክ ኣብ ልዕሊ እንስሳቱ ዝፈፀሞ ጭካነ ዝተመልአ ተግባር ዘሰምብድ ወረ ይናፈስ ነበረ።

"ሽማግለ ፈረስ ብመግረፍቲ ቐቲሉ። ኣላሕሙ የጥምየን እዩ። ናብ ሓዊ ደርብዩ ከልቢ ቐቲሉ። ኩኩናይ ደርሁ ኣብ ኣፎም ላማ ኣሲሩ ባዕሎም ንባዕሎም ክበኣሱ ብምግባር ምሸት ምሸት ይዘናገዐሎም" ይበሃል። እቶም እንስሳት ከምዚ ዓይነት ተግባር ኣብ ልዕሊ ብፆቶም ከምዝተፈፀመ ምስሰምዑ ብሕርቃን ደሞም ፈልሐ። ሓሓሊፉ ድማ ንሕርሻ ፒንችፊልድ ብምጥቃዕ ሕነ ብፆቶም ንክፈድዩን ፤ ንወድሰብ ኣልዮም ነቶም እንስሳት ሓራ ንከውፅእዎምን ፍቓድ ይወሃበና ኢሎም ዋጭዋጭ ይብሉ። ስኩለር ግን ክረጋግዑን ካብ ብስምዒት ብናይ ብፃይ ናፖልዮን ስትራቴጂ ንክኣምኑ መኸሮም።

ይኹን እምበር እቶም እንስሳት ንፍሬደሪክ ዘለዎም ፅልኣት እናበርተዐ ኸደ። ሓደ ሰንበት ንጉሆ ናፖልዮን ኣብቲ መኽዘን ተረኺቡ ፤ እቲ ፅፍፃፍ ጣውላ ንፍሬደሪክ ንምሻጥ ሓሲቡ ከምዘይፈልጥ ነገሮም። ፍሬደሪክ ምስ ዝበሃል ክፉእ ግብሩ ድርድር ምግባር ንኽብሩ ዘይምጥን ምዃኑ ገለፀሎም።

ኣብ ሕርሻ ፎክስዉድ ዓመፅ ክውላዕ ንከለዓዕላ ክሳብ ሐዚ ይለኣኻ ዝነበራ ርግቢታት ፤ ካብ ሐዚ ጀሚረን ናብ ሕርሻ ፎክስዉድ ንከይበራ ተኣገዳ። “ሞት ንዘርኢ ወድሰብ” ዝብል ናይ ቅድሚ ሐዚ ጭርሖ ድማ “ሞት ንፍሬደሪክ” ብዝብል ክትክአኦ ተኣዘዛ።

ኣብ መወዳእታ ክራማት ካልእ ናይ ስኖውቦል ሽርሒ ተቓለዐ። ናይ ስርናይ ሕርሻ ብሙሉኡ ብፃህያይ ተወሪሩ ፤ ግን ድማ ስኖውቦል ብፀልማት ካብ ዝገብሮም ጉብንይታት ኣብ ሓዲኦም ፤ ዘርኢ ፃህያይ ምስ ዘርኢ ስርናይ ከምዝሓዋወሰ ተፈሊጡ እዩ። ኣብቲ ሽርሒ ተሳታፊ ዝነበረ ተባዕታይ ደርሆማይ ገበኑ ንስኩለር ተናዚዙ ፤ ሽዑንሽዑ ናይ መርዚ ፍረ ብምውሓጥ ዓርሰ ቕትለት ፈፀመ።

መብዛሕትኦም እንስሳት ክሳብ ሐዚ ይኣምንዎ ከምዝነበረ ከይኮነስ ፤ ስኖውቦል “ጅግና እንስሳት ፤ ቀዳማይ ደረጃ” ሽልማት መዳልያ ከምዘይተሸለመ ተነገሮም። “ድሕሪ ኲናት ደምበ ስኖውቦል ኮነ ኢሉ ዝዘርገሖ ፅውፅዋይ እምበር መዳልያ ተሸሊሙ ዝበሃል ሓሶት እዩ” ተብሃለ። ካብ መዓርጉ ወሪዱ “ኣብ እዋን እቲ ኲናት ጃጂዉ ብምንባሩ ተወቒሱ እዩ” ተባሂሉ ተወረየ። ገሊኦም እንስሳት እቲ ዝሰምዕዎ ንምእማን ዋላ እንተፀገሞም ፤ ስኩለር ግን ናይ ምዝካር ክእለቶም ድኹም ምዃኑ ብምግላፅ እቲ ዝተብሃለ ሓቂ ምዃኑ ኣእመኖም።

ኣብ እዋን ቀውዒ ፤ ድሕሪ ብጣዕሚ ኣድካምን ብርቱዕ ፃዕርን (ኣብዚ ወቕቲ ምህርቲ ዝእከበሉ ግዘ ‘ዉን ስለዝነበረ) ህንፀት ዊንድሚል ተዛዘመ። ማሺን ግን ገና ክግጠም እዩ። እዚ ማሺን ንምግዛእ ብወገን ዊምፐር ድርድር እናተኻየደ ነበረ ፤ ግን ድማ ዋና ህንፀቱ ተዛዚሙ እዩ። ዕንቅፋት ዋላ እንተበዝሐ ፤ ሕፅረት ተሞክሮ ዋላ እንተነበረ ፤ ድሑር ብዝኾነ ኣሰራርሓ ‘ዉን እንተኾነ ፤ ሕማቓት ተዓንፎታትን ናይ ስኖውቦል ክሕደትን እንተተደራረቡ ፤ እቲ ስራሕ ልክዕ ኣብ ዝተብሃለ ግዘ ተዛዚሙ! ዋላ

እንተደኸሞም ብውፅኢቱ ኩርዓት ዝተሰመዖም እንስሳት ፧ ኣብ ዙርያ ዝሰርሕዎ ስራሕ እናዘሩ ክንእድዎ ጀመሩ።

ንኻልኣይ ግዘ ዝሃነፅዎ ዊንድሚል ካብቲ ዝፈረሰ ብላዕሊ ኣዝዩ ንዓይኖም ሰሓባይ ኮይኑ ተርኣዮም። እቲ መንደቕ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሐዚ ክልተ ዕፅፊ ስፍሓት ነይርዎ። ሐዚ ብዘይካ ፈንጂ እዚ መንደቕ ከፍርሶ ዝኽእል ሓይሊ ኣይህሉን! ከመይ ከምዝለፍዕሉን ፧ ክንደይ ተስፋ ዘቑርፁ መሰናኽላት ከምዝሓለፉን ፧ ካብዚ ቀፂሉ ድማ እቲ ሽራዕ ምስተዘርገሐን እቲ ዲናሞ ምስራሕ ክጅምር ከሎን ኣብ ህይወቶም ዘምፅኦ ተኣምራዊ ለውጢ ፧ እዚ ኩሉ ክሓስቡ ከለዉ ድኻሞም ካብ እንግድዐኦም ቕንጥጥ ኢሉ ኣብ ዙርያ እቲ ዊንድሚል እናዘሩ ፍንጭራዕ እናበሉ ብታሕጓስ ጫደሩ።

ናፖልዮን ንባዕሉ ፧ በቶም ሓለውቱ ዝኾኑ ኣኽላብ ተዓጂቡ ፧ እቲ ኩኩናይ ቀቅድሚኡ "ኩኩዒትትትት..." እናበለ ፧ እቲ ዝተዛዘመ ህንፀት ክርኢ መፀ። ነቶም እንስሳት ባዕሉ "እንኳዕ ደስ በለኩም" በሎም ፧ ህንፀት ብምዝዛሞም። እቲ ዊንድሚል "ናፖልዮንሚል" ዝብል ስያመ ከምዝተውሃቦ ኣፍለጦም።

ድሕሪ ክልተ መዓልቲ እቶም እንስሳት ኣብቲ ዓብዪ መኽዘን ንፍሉይ ኣኼባ ተፀውዑ። ናፖልዮን እቲ ፅፍፃፍ ጣውላ ንፍሬደሪክ ከምዝተሸጠ ምስነገሮም መብረቕ ከምዝወደቖም ብድንጋፀ ዝገብርዎ ጠፍኦም። "ፅባሕ ናይ ፍሬደሪክ ሰረገላታት መፂኦም ምጉዕዓዝ ክጅምሩ እዮም" በሎም። ናፖልዮን ንነዊሕ እዋን ምስ ፒልኪንግተን ምሕዝነት ዝመስረተ መሲሉ እንትፀንሕ ፧ ኮይኑ ግን ምስ ፍሬደሪክ እዩ ብሕቡእ ዝደራደር ነይሩ።

ምስ ፎክስዉድ ዝነበሩ ኩሎም ርክባት ተቛረፁ። ንፒልኪንግተን ድማ ናይ ፀርፊ መልእኽትታት ተላኢኾም። እተን ርግቢታት ካብ ሐዚ ንደሓር ናብ ፒንችፊልድ በረራ ከይገብራን ፧ "ሞት ንፍሬደሪክ" ዝብል

ጭርሖ "ሞት ንፒልኪንግተን" ብዝብል ክትከአአ መምርሒ ተውሃበን። ብተመሳሳሊ ፤ ናፖልዮን ፤ ኣብ ልዕሊ ሕርሻ እንስሳት ናይ ፍሬደሪክ መጥቃዕቲ ስግኣት ኣሎ ዝበሃል ዝነበረ ናይ ሓሶት ዜና እዩ ፤ ፍሬደሪክ ኣብ ልዕሊ ዘመሓድሮም እንስሳት ፈፂምዎ እናተብሃለ ዝተወረየ ጭካነ ዝተመልአ ተግባር ልዕሊ ዓቕን ተጋኒኑ እዩ ፤ ብምባል ኣረጋገፀሎም። እዞም ኩሎም ወረታት ምናልባሽ ብስኖውቦልን ተለኣኣኽቱን ዝተፈልሰፉ ክኾኑ ይኽእሉ። ከምቲ ዝበሃል ስኖውቦል ክሳብ ሐዚ ተሓቢኡ ዝነበረ ኣብ ሕርሻ ፒንችፊልድ ውሽጢ ከይኮነስ ፤ እቲ ሓቂ ብኣንፃሩ እዩ ተብሃለ። ስኖውቦል ኣብ ህይወቱ ውሽጢ ሕርሻ ፒንችፊልድ ዝበሃል ረጊፁ ኣይፈልጥን። ኣብ ዝገርም ምቾት እዩ ዝነብር ነይሩ ፤ ኣብ ውሽጢ ሕርሻ ፎክስዉድ ይነብር ነይሩ ይበሃል ፤ ብሓቂ ድማ ንዝሓለፉ ዓመታት ናይ ፒልኪንግተን ሕቡእ ኣገልጋሊ ነይሩ ፤ ዝብል ወረ ተነዝሐ።

እቶም ሓሰማታት ብናይ ናፖልዮን ጉርሒ ብታሕጓስ ክጭደዱ በሉ። ምስ ፒልኪንግተን ምሕዝነት ከምዘለዎ ብምምሳል ፍሬደሪክ ዓሰርተ ክልተ ፓውንድ ወሲኹ ንኽገዝእ ኣገዲድዎ። "ናይ ናፖልዮን በሊሕ ኣእምሮ" በለ ስኩለር "ንዝኾነ ይኹን ፤ ንፍሬደሪክ 'ውን እንተኾነ" ዘይኣምን ብምኻኑ ምርኣይ ይከኣል። "ፍሬደሪክ ቼክ ብዝበሃል ነገር ከፊሉ እቶም ጣውላታት ክገዝኦም ሓሲቡ ነይሩ። ቼክ ማለት ቕንጣብ ወረቐት ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ገንዘብ መጠን ይፅሓፎ። ናፖልዮን ግን ካብ ፍሬደሪክ ብላዕሊ በሊሕ ብምኻኑ ፤ እቲ ክፍሊት ብቼክ ከይኮነስ ብጥረ ገንዘብ ፤ ንሱ ጥራይ ከይኮነስ ብበዓል ሓሙሽተ ፓውንድ ገንዘብ ኮይኑ ፤ እቶም ጣውላታት ቅድሚ ምጉዕዓዞም ክፍሊት ክፍፅም ሓቲትዎ ፤ ከፊሉ ድማ። ጠቕላላ ድምር እቲ ዝኸፈሎ ገንዘብ ፤ ንዊንድሚል ዘገልግሉ ማሽነሪታት ንምግዛእ እኹል እዩ።" በለ ስኩለር።

እቲ ጣውላ ብልዑል ፍጥነት ክጎዓዓዝ ጀመረ። ተጎዓዒዙ ምስተወደአ ካልእ ፍሉይ ኣኼባ ተፀውዐ። እቶም እንስሳት ኣብቲ ዓብዪ መኽዘን ተረኺቦም ናይ ፍሬደሪክ ጥረ ገንዘብ ክሪእዎ ተገበረ። ኣብቲ ልዕሊ

መድረኽ ኣብ ዝተጎዝጎዘ ደረቕ ሳዕሪ ፣ ናፖልዮን ብዝስሕብ ክምስታ ፣ መዳልያታቱ ተሸላሊሙ ተቐሚጡ። ኣብ ልዕሊ ካብቲ ዓብዪ መንበሪ ገዛ ዝመፀ ናይ ቻይና ሽሓነ ፣ እቶም ኣቐራሽ ብስነ-ስርዓት ተፀፍዒፎም ፣ ኣብ ጎኒ ናፖልዮን ኣለዉ። እቶም እንስሳት ቀስ እናበሉ ፊትንፊት እቲ ገንዘብ ይሓልፉ ፣ ዓይኖም ክሳብ ዝፀግብ እናረኣዩ። ቦክሰር ድማ እቲ ገንዘብ ንምሽታት ኣፍንጭኡ ኣፀገዐ። መሰከፊ ዝኾኑ ፃዕዳ ነገራት ብትንፋሱ ተደፊኦም ረገፉ።

ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ፣ ኣብ ሕርሻ እንስሳት ዓብዪ ህውከት ተፈጠረ። ዊምፐር ገፁ ፀምሊዉ ፣ ብሽክለታኡ እናረገፀ መፂኡ ኣብቲ ሜዳ ደርብይዋ ናብቲ ዓብዪ ህንፃ እናጎየየ ከደ። ድሕሪ ደቓይቕ ካብ መንበሪ ክፍሊ ናፖልዮን ናይ ሕርቃን ድምፂ ተሰምዐ። ብዛዕባ እቲ ዝተፈጠረ ነገር ፣ እቲ ዜና ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ከም ባርዕ ሓዊ ተላበደ። እቲ ጥረ ገንዘብ ናይ ሓሶት (ፎርጅድ) ነበረ። ፍሬደሪክ እቶም ጣውላታት ብነፃ እዩ ወሲድዎም።

ናፖልዮን ንኹሎም እንስሳት ብቕልጡፍ ኣከቦም። ብዘፍርሕ ድምፂ ኣብ ልዕሊ ፍሬደሪክ ናይ ሞት ቅፅዓት በየነሉ። “ፍሬደሪክ እንተተታሒዙ ብህይወቱ እናሃለወ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ኣእቲኻ ክጥጠቕ ኣለዎ” በለ። ነዚ ክሕደት ዝተመልአ ተግባር ስዒቡ ፣ ክመፅእ ዝኽእል ዝኸፍአ ነገር ከምዝህሉ ኣጠንቀቐም። ፍሬደሪክን መሻርኽቱን ንነዊሕ እዋን ትፅቢት ክግበረሉ ዝፀንሐ መጥቃዕቲ ብሃንደበት ክፍፅሙ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ኩሉ ፀግዒታት እቲ ሕርሻ ጣብያ ተወሳኺ ናይ ሓለዋ ቦታታት ተዳለዉ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣርባዕተ ርግቢታት ናይ ዕርቀ ሰላም መልእኽቲ ሒዘን ናብ ፎክስዉድ ተልኣኻ። እዚ ድማ ምስ ፒልኪንግተን ደጊምካ ፅቡቕ ርክብ ክምስረት ከምዝኽእል ተስፋ ተገይሩሉ እዩ።

ብፅባሒቱ ንጉሆ እቲ መጥቃዕቲ ተጀመረ። እቶም እንስሳት ኣብ ቁርሲ እዮም ነይሮም። ፍሬደሪክን መሻርኽቱን ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ዋና በሪ

ሓሊፎም ምእታዎም ኣብ ሓለዋ ተዋፊሮም ዝነበሩ መፂኦም ተዛረቡ። እቶም እንስሳት ድማ ነቶም ወረርቲ ንምግጣም ብድፍረት ወፁ። ኮይኑ ግን ኣብ ኲናት ደምበ ብቐሊሉ ከምዝረኸብዎ ዓወት ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ዓሰርተ ሓሙሽተ ሰባት እዮም ነይሮም። ፍርቂ ደርዘን ዝኾኑ ብረታት ሒዞም ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ያርድ ርሕቐት ተኹሲ ኸፈቱ። ዋላ'ኳ ናፖልዮንን ቦክሰርን ክእክብዎም እንተፈተኑ እቶም እንስሳት ግን ናይ ተኹሲ መዓትን ናይቲ ጥይት መውጋእቲን ክፃወርዎ ስለዘይከኣሉ ንድሕሪት ተደፍኡ። መብዛሕትኦም ቆሲሎም ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ኣብ ዘለዉ ህንፃታት ኣዕቑቦም ፤ ብነኺላትን ብመሮርን ብጥንቃቐ ተቐልቂሎም ይሪኡ ነበሩ።

እቲ ናይ ሳዕሪ ቦታ ዊንድሚል 'ውን ሓዊሱ ኣብ ኢድ ፀላኢ ወዲቑ። ንደቓይቕ ናፖልዮን ባዕሉ ፤ እንታይ ከምዝገብር ዝጨነቖ ይመስል። ሓንቲ ቃል ከይተንፈሰ ንላዕልን ንታሕትን በለ ፤ ጭርኡ ቀጥ ኢሉ እናተንቀጥቀጠ። ሃንቀውታ ብዝተመልአ ናብ ፎክስዉድ ኣንፈት ኣማዕድዩ ረኣየ። ፒልኪንግተንን መሻርኽቱን እንተዝሕግዝዎም ከሸንፉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ መንጎ እዚ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ናብ ፎክስዉድ ተላኢኸን ዝነበራ ርግቢታት ተመለሳ። ካብ ማእኸለን እታ ሓንቲ ካብ ፒልኪንግተን ዝተልኣኸ መልእኽቲ ዝሓዘ ወረቐት ኣቕረበት። እቲ መልእኽቲ "ናይ ኢድካ ኢኻ ረኺብካ" ይብል።

ፍሬደሪክን መሻርኽቱን ኣብ ጥቓ እቲ ዊንድሚል ምስበፅሑ ደው በሉ። እቶም እንስሳት ድማ ይሪእዎም ፤ ብፍርሒ ሕሹኽሹኽ እናበሉ። ክልተ ሰባት መላኪኖን ዓብዪ ሞደሻን ሒዞም ነበሩ ፤ እቲ ዊንድሚል ከፍርስዎ።

"ዘይኸውን!" በለ ናፖልዮን ዓው ኢሉ። "እቲ መንደቕ ብቐሊሉ ዝፈርስ ኣይኮነን። ዋላ ሰሙን ሙሉእ ተቓሊሶም ኣየፍርስዎን ፤ ኣጆኹም ብፆት!"

ቤንጃሚን ናይቶም ሰባት ምንቅስቓስ ብትኹረት ይዕዘብ ነበረ። ክልቲኦም ሰባት በቲ ዝሓዝዎ መላኪኖን ዓብዪ ሞደሻን ፤ ኣብ ጥቓ ሰረት እቲ ዊንድሚል ጉድጓድ ክኹዕቱ ጀመሩ። ነዚ ዝረኣየ ቤንጃሚን ፤ ተገሪሙ ብቐስታ ርእሱ ነቕነቐ።

“ከምዝጠርጠርክዎ ክገብሩ እዮም” በለ ቤንጃሚን። “እንታይ ይገብሩ ከምዘለዉ ኣይትሪኡን ዲኹም ዘለኹም? ቀፂሎም ኣብ ውሽጢ እቲ ጉድጓድ ፈንጂ ክቕብሩ እዮም።”

እቶም እንስሳት ብድንጋፀ ፤ ቀፂሉ ዝፍጠር ንምርኣይ ይፅበዩ። ኣብቲ እዋን ካብ ተዓቕቢሞሉ ዘለዉ ህንፃ ከወፁ ኣይኽእሉን። ድሕሪ ደቓይቕ እቶም ሰባት በቢኣንፈቱ ክጎዩ ተርኣዩ። ቀፂሉ ምድረ ሰማይ ዘነቓንቐ ነጎድጓድ ድምፂ ተሰምዐ። ርግቢታት ኣብ ሰማይ ሕምብሊል በላ። ብዘይካ ናፖልዮን ፤ ኩሎም እንስሳት ብኸብዶም ናብ መሬት በጥ ኢሎም ፤ ገፆም ከወሉ። ፀኒሖም ቅንዕ እንተበሉ ፤ ብዙሕ ደበና ዝመስል ፀሊም ትኪ ነቲ ዊንድሚል ዝነበሮ ቦታ ሸፊንዎ ረኣዩ። እቲ ንፋስ ነቲ ፀሊም ትኪ ጋሊህዎ። እቲ ዊንድሚል ግን ኣብ ቦትኡ ኣይፀንሐን።

ነዚ ዝረኣዩ እንስሳት ብሕርቃን ሓቦ ሰነቑ። ይስመዖም ዝነበረ ፍርሕን ራዕድን ፤ ኣንፃር እዚ ክፉእን ፀያፍን ተግባር ብዘርኣይዎ ሕራነ ተዓብለለ። ኩሎም እንስሳት ናይ ፈዳይ ሕነ ብርቱዕ ድምፂ እናስምዑ ፤ ዋላ ሓደ ትእዛዝ ከይተፀበዩ እናነሃሩ ብቀጥታ ናብቲ ፀላኢ ከዱ። ኣብ ልዕሊኦም ከም በረድ ይዘንብ ዝነበረ ጠያይቲ'ኳ ኣይዓገቶምን።

መሪርን ጭካነ ዝተመልኦን ውግእ ተኻየደ። እቶም ሰባት ደጊሞም ደጋጊሞም ናይ ተኹሲ መዓት ኣውረዱ። እቶም እንስሳት ምስቀረብዎም ድማ ብበትርን በቲ ጠንካራ ቦቲ ጫምኦምን ገረፍዎም። ሓንቲ ላሕሚ ፤ ሰለስተ ኣባጊዕን ክልተ ደርሆማይን ሞይተን። መብዛሕትኦም ድማ ቆሰሉ።

እቲ ውግእ ብድሕሪት ኮይኑ ዝመርሕ ዝነበረ ናፖልዮን'ኳ ከይተረፈ ጫፍ ጭርሑ ብጥይት ተቖሪፁ። እቶም ሰባት 'ዉን ጉድኣት በፂሕዎም እዩ። ብናይ ቦክሰር ሸኾና ዝተወቕዑ ሰለስተ ሰባት ርእሶም ተፈጊኡ። ካልእ ድማ ብቐርኒ እታ ላሕሚ ኸብዱ ተተርጊሑ እዩ። ብሉቤልን ጄሲን ናይቲ ሓደ ሰብ ስረ ቀዳዲደንኦ ጥራይ ዝባኑ ከኾን ዝተረፎ የብሉን።

ኣብ ውሽጢ እቲ ሓፁር ድፋዕ ክሕዙ ተኣዚዞም ዝነበሩ ፤ እቶም ትሸዓተ ናይ ናፖልዮን ዓጀብቲ ዝኾኑ ኣኽላብ ፤ ብድሕሪ እቶም ሰባት ደም ከምዝፀመኦ ኣራዊት እናነብሑን እናተወርወሩን ብሃንደበት እንትመፅዎም ፤ እቶም ሰባት ብፍርሒ ተንቀጥቀጡ። ከምልጡ ኣብ ዘይኽእልሉ ከበባ ይኣትዉ ከምዘለዉ ኣስተብሃሉ። መምለጢ ቦታ እናሃለወ ቀልጢፎም ክወፁ ፤ ፍሬደሪክ ንሓሾኽሩ ትእዛዝ ሃበ። ኣብቲ ህሞት እቶም ፀላእቲ ብፍርሒ እግረይ ኣውፅእኒ ህድማ ተተሓሓዝዎ። እቶም እንስሳት ድማ ክሳብ መወዳእታ እቲ ሜዳ ደድሕሪኦም እናሰዓቡ ኣባረርዎም። በቲ ዓሾኹ ሓፁር ሾሊኾም ቅድሚ ምምላጦም ናይ መሰናበቲ ርግሒትን ንክሲትን ጥዒሞም እዮም።

እቶም እንስሳት እቲ ኹናት ብዓወት ዛዚሞም ፤ ግን ድማ ኣዝዮም ደኺሞምን ብደም ጠልቅዮምን ነበሩ። እናሓንከሱ ፤ ቀስ እናበሉ ናብቲ ሕርሻ ተመለሱ። ኣብቲ ናይ ሜዳ ሳዕሪ ተዘርጊሖም ዝነበሩ ዝሞቱ ብፆቶም ምስረኣዩ ፤ ገሊኦም ንብዓት ቅፅርፅር በሎም። ናይ ድኻሞም ፍረ ዝነበረ ዊንድሚል ዝህነፀሉ ኣብ ዝነበረ ቦታ እንትበፅሑ ፤ ብስቕታን ብሓዘንን ተዋሒጦም ንዝተወሰነ እዋን ደው በሉ። እወ! ኣሰሩ የለን። ናይቲ ኩሉ ድኻሞም ኣሰር ኣይረኣይን! ሰረቱ ከይተረፈ ብኽፉል ዓንዩ እዩ። ዳግም ንምህናፅ እኳ ፤ እቲ እምኒ ከምሕሉፍ ደጊሞም ክጥቀምሉ ኣይኽእሉን። ኣብዚ ሐዚ እዋን እቶም ኣእማን እዉን በኒኖም እዮም። ናይቲ ፍንጀራ ሓይሊ ብኣማኢት ያርድታት ርሕቕት ኣዕዚሩ በታቲንዎም እዩ። እቲ ዊንድሚል ፈፂሙ ኣብቲ ቦታ ተሃኒፁ ዝነበረ ኣይመስልን።

ኣብቲ ሕርሻ ምስበፅሑ ፣ ኹናት ክሳብ ዝዛዘም ኣበይ ከምዝነበረ ዘይተፈለጠ ስኲለር ፣ እናነጠረ ናብኦም መፀ ፣ ብታሕጓስ ፍሽኽሽኽ እናበለን ጭርሑ እናወዛወዘን። ካብ ኣንፈት ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ዝርከቡ ህንፃታት ፣ እቶም እንስሳት ናይ ቶኽሲ ድምፂ ሰምዑ።

“እቲ ናይ ብረት ቶኽሲ ንምንታይ እዩ?” ክብል ሓተተ ፣ ቦክሰር።

“ዓወትና ንምብዓል” በለ ስኲለር ዓው ኢሉ።

“ናይ ምንታይ ዓወት?” ቦክሰር ሓተተ። ብርኩ እናደመየ ነበረ። ጫምኡ ጠፊእዎ ሸኾንኡ ድማ ተሰንጢቑ እዩ። ኣብ ናይ ቅድሚት እግሩ ደርዘን ዝኾኑ ጠያይቲ ተቐርቂሮም ተሪፎም እዮም።

“ናይ ምንታይ ዓወት? ዲኻ ዝበልካ ብፃይ? ፀላእትና ካብ ሓመድና ካብቲ ቅዱስ ዝኾነ ሓመድ ሕርሻ እንስሳት ኣየባረርናን ዲና?” በለ ስኲለር።

“ግን ድማ ክልተ ዓመት ሙሉእ ዝለፋዕናሉ ዊንድሚል ኣዕንዮምዎ እዮም!” በለ ቦክሰር።

“እንታይ ፀገም ኣለዎ? ካልእ ዊንድሚል ንሃንፅ። ኣድላዪ ኮይኑ እንተተሰሚዑና ሽዱሽተ ዊንድሚላት እውን ክንሃንፅ ኢና። ዝፈፀምናዮ ዓብዪ ተግባር ኣይትንእድን ፣ ብፃይ። እዚ ዘለናዮ መሬት'ኮ ኣብ ኢድ ፀላኢ ወዲቑ ዝነበረ እዩ። ንመሪሕነት ብፃይ ናፖልዮን ዕድመ ይሃበልና ፣ ሐዚ ሕድሕድ ኢንች መሬት ካብ ፀላኢ መንዚዕና ተመሊስና ሒዝናዮ።”

“ቀደሙ ናትና ዝነበረ ኢና'ኮ ኣምሊስና።” በሎ ቦክሰር።

“ንሱ እንድዩ ደኣ ዓወትና” ብምባል መለሰሉ ስኩለር።

እቶም እንስሳት እናሓንከሱ ናብ መአከቢኦም ተሳለዩ። ኣብ ናይ ቦክሰር እግሪ ውሽጢ ዝተቐርቀሩ ጠያይቲ ብቓንዛ ፀላዕላዕ ኣበልዎ። ኣብ ቅድሚኡ ዝፅበዮ ዘሎ ከቢድ ዝኾነ ዊንድሚል ደጊምኻ ካብ ሰረቱ ናይ ምህናፅ ስራሕ እናተርኣዮ ፤ ብሓሳብ ንዓርሱ ከዳሉ ጀመረ። ግን ድማ ንፈለማ እዋን ዓሰርተ ሓደ ዓመት ከምዝመለአ እንትዝክርን ፤ ምናልባሽ ዓበይቲ ቀላፅሙ ከም ቀደም ከምዘይኾንሉ ይሓስብ።

እቶም እንስሳት ሓምለዋይ ባንዴራ እንትምብልበልን ተኹሲ ጥይት ደጊሞም ምስሰምዑን - ብጠቕላላ ሸውዓተ ግዘ እዩ ተተኩሱ - ናፖልዮን ብዛዕባ ዝፈፀምዎ ተግባር ናይ ‘እንኳዕ ደስ በለኩም’ መልእኽቲ እንተስመያምን ፤ ብሓቂ ዓብዪ ዓወት ዘመዝገቡ መሲሉ ተሰመዮም። ኣብቲ ኲናት ንዝተሰውኡ እንስሳት ብኽብሪ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ተፈፀመሎም። ቦክሰርን ክሎቨርን ናይቶም እንስሳት ሬሳ ዝፀዓነት ሰረገላ እንትጎቱ ፤ ባዕሉ ናፖልዮን ድማ ብቕድሚት እቲ ሰልፊ ይስጉም ነበረ።

ዝተመዝገበ ዓወት ንምፅምባል ክልተ መዓልቲ ሙሉእ ተውሃበ። ብዙሓት መዝሙራት ነበሩ። ብዙሓት መደረታትን ተኹስታትን ተገበሩ። ንሕድሕድ እንስሳ ሓደ ሓደ ኣፕል ብውህብቶ መልክዕ ተበርከተሎም። ከክልተ ሕፍኒ እኽሊ ንኣዕዋፍ ፤ ሰሰለስተ ብስኩት ንኣኽላብ ተዓደሎም። እቲ ኲናት ድማ ‘ኲናት ዊንድሚል’ ተባሂሉ ክፅዋዕ ተኣወጀ። ናፖልዮን “መዓርግ ሓምለዋይ ባንዴራ” ዝብል ሓዱሽ ናይ ጅግና ሽልማት ሽም ኣውፀአ። ተሸላሚ ድማ ባዕሉ ናፖልዮን ኮነ። በቲ ናይ ታሕጓስ ፅምብል ፤ ጉዳይ እቲ ጥረ ገንዘብ ተረሰዐ።

እዚ ምስኮነ ድሕሪ ዝተወሰኑ መዓልታት ፤ እቶም ሓሰማታት ኣብቲ ዓብዪ መንበሪ ገዛ ፤ ሳንዱቕ ሙሉእ ዊስኪታት ረኸቡ። ክሳብ እቲ ዕለት ግን ዊስኪታት ምህላዎም ኣይተፈለጠን ነይሩ። ሽው መዓልቲ ምሸት ካብቲ ህንፃ ውሽጢ ብዓው ዝበለ ድምፂ መዝሙር ክስማዕ ኣምሰየ። ዜምኡ ንሰማዕቲ ዘደምም ፤ ናይ "ኣራዊት እንግሊዝ" ዜማ ዝተሓወሶ ነበረ። ከባቢ ሰዓት ሰለስተን ፈረቓን ምሸት ፤ ናፖልዮን ናይ ኣይተ ጆንስ ኣረጊት ባርኔጣ ገይሩን ማዕሪጉን ካብ ውሻጠ በሪ ወፂኡ ፤ ኣብቲ ሜዳ ጋሊቡ ፤ ተመሊሱ እንትትስወር ተርኣየ። ምስወገሐ ኣብቶም ህንፃታት ፍፁም ዝኾነ ፀጥታ ነበረ። ዋላ ሓደ ናይ ሓሰማ ዘርኢ ሕልው ከይበለ ረፈደ።

ስኩለር ቀስ ኢሉ ዝሓዘነ መሲሉ ፤ ዓይኑ ጠምበሽበሽ ኢሉ ፤ ጭርኡ ከምዘይናቱ ተንጠልጢሉ ፤ ኣዝዩ ዝሓመመ ብዝመስል መልክዑ ናይ ንጉሆ ሰለስተ ሰዓት ምስኮነ ቅልቅል በለ። ነቶም እንስሳት ኣኪቡ "ዘሕዝን ዜና ሒዙ ከምዝመፀ" ነገሮም። "ብፃይ ናፖልዮን ኣብ ኣፍ ሞት እዩ ዘሎ" በሎም።

ኣውያት ብኣውያት ኮነ። ኣብ መእተዊ በሪ እቲ ህንፃ ሰቲ ተነስኒሱ ፤ እቶም እንስሳት ብጫፍ እግሮም እናረገፁ ሓለፉ። ኣዒንቶም ብንብዓት ተሓፂቡ ፤ መራሒኦም ሞት እንተመንጢልዎም እንታይ ከምዝገብሩ ባዕሎም ንባዕሎም ይተሓታተቱ። "ስኖውቦል ኣብ ናይ ናፖልዮን ምግቢ ብዝተራቐቐ መንገዲ መርዚ ገይርሉ" ዝብል ወረ ክናፈስ ጀመረ። ኣብ መንጎ እዚ ፤ ስኩለር ካልእ መግለፂ ክህብ መፀ። "ብፃይ ናፖልዮን ኣብዛ ምድሪ ናይ መወዳእታ ፃንሒቱ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣመሓላሊፉ ኣሎ" በሎም "ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ ብሞት የቕፅዕ።"

ንምሸቱ ናፖልዮን ቁሩብ እናሐሾ ምኳኑ ተሰመዐ። ብፅባሒቱ ንጉሆ ድማ ስኩለር መፂኡ ብዝሓሸ ናብ ጥዕንኡ እናተመለሰ ምኳኑ ነገሮም። ኣብቲ ዕለት ንምሸቱ ድማ ናፖልዮን ስራሕ ምጅማሩ ተነገረ። ኣብ ዝቕፅል

መዓልቲ ናፖልዮን ንዊምፐር ካብ ዊሊንግደን ብዛዕባ ኣልኮላዊ መስተ ምጥጃእን ምፅሟቕን ዘምህር መፅሓፍ ንኽገዝኣሉ ምእዛዙ ተፈለጠ። ድሕሪ ሰሙን ናፖልዮን ኣብ ዘመሓላለፎ ትእዛዝ ፤ ጡረታ ንዝወፁ እንስሳት ሰውሒ ክኾን ተባሂሉ ዝነበረ ፤ ካብቲ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ማዕዶ ዘሎ ነፃ መሬት ንክሕረስ ወሰነ። ዝተውሃበ ምኽንያት ድማ “እቲ መሬት ስለዝባደመ ዘርኢ የድልዮ እዩ” ዝብል ነበረ። ኮይኑ ግን ናፖልዮን ክዝራእ ዝደለዮ ዓይነት ዘርኢ ስገም ምኳኑ ሽዑንሽዑ ተፈለጠ።

ኣብዚ እዋን ነይሩ ዘይተለመደን ምኽንያቱ ንምርዳእ ዘፀግምን ኩነታት ዝተፈጠረ። ሓደ ምሸት ከባቢ ሸዱሽተ ሰዓት ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ እቲ ሕርሻ ፤ ዝኾነ ነገር ብሓያል ድምፂ ሸዋሕ እንትትብል ተሰመዐ። እቶም እንስሳት ከካብ መሕደሪኦም ወፂኦም እቲ ድምፂ ናብ ዝተሰመዐሉ ቦታ ተጓይዮም ከዱ። ወርሒ ደሚቓ ብርሃና ትልግስ ነበረት። ሸውዓቲኦም ትእዛዛት ኣብ ዝተፅሓፍሉ ዓብዪ መኽዘን ፤ ኣብ እግሪ እቲ መንደቕ ኣብ ክልተ ተቖሪፁ ዝወደቐ መሳልል ነበረ ፤ ስኩለር ንግዚኡ ደንዚዙ ፤ ሰፋሕ ኢሉ ወዲቑ ነበረ። ኣብ ጎኑ ድማ ፋኖስ ፣ ናይ ቀለም ብሩሽን ብኣፉ ዝተደፍአ ናይ ፃዕዳ ቀለም መትሓዚ ታኒካ ይረኣዩ። ዓጀብቲ ዝኾኑ ኣኽላብ ሽዑንሽዑ ዙርይኡ ከበብዎ። ካብ ዝወደቐ ምስተሰአ ፤ ዓጂቦሞ ናብቲ ዓብዪ ህንፃ ከዱ።

ኩሎም እንስሳት ናይ ስኩለር ተግባር ምስጢሩ ክፍተሓሎም ኣይከኣለን ፤ ብዘይካ ቤንጃሚን። ንሱ ግን እቲ ጉዳይ ምስተረደኦ ርእሱ ካብ ምንቕናቕ ሓሊፉ ንካልኦቶም ዝተዛረቦ ነገር ኣይነበረን።

ግን ድማ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ፤ ሙሬል ሸውዓቲኦም ትእዛዛት ንባዕላ ኣንቢባ ምስወደአት ፤ እቶም እንስሳት ብዝተሰሓሓተ ግንዛበ ዝሓዝዎ ትእዛዝ ምህላዉ ኣስተውዓለት። መበል ሓምሻይ ትእዛዝ “ዝኾነ እንስሳ ኣልኮላዊ መስተ ክሰቲ የብሉን" ዝብል ይመስሎም ነይሩ። ኮይኑ ግን

ዝረስዕዎም ክልተ ቃላት ነይሮምዎ። እቲ ሓምሻይ ትእዛዝ ብርግፅ ከምዚ ይብል፡-

“ዝኾነ እንስሳ ኣልኮላዊ መስተ ክሰቲ የብሉን ፤ *ልዕሊ ዓቐን”*

ታሽዓይ ምዕራፍ

ሪፐብሊክን ፕረሲደንትን

ዝተሰንጠቐ ናይ ቦክሰር ሸኾና ከይደሓነ ንነዊሕ ግዘ ፀንሐ። ፅምብል ዓወት ምስተዛዘመ ንፅባሒቱ ህንፀት ዊንድሚል ጀመሩ። ቦክሰር ንሓንቲ መዓልቲ'ኳ ካብ ስራሕ ኣየብኮረን ፤ የሕምሞ ከምዘሎ ንከይፍለጠሉ ቓንዝኡ ሓቢኡ ምስርሑ ክብሪ መሲሉ ይስመዖ። እንትመሲ ግን ሸኾንኡ ብጣዕሚ ከምዘቐንዝዎ ንክሎቨር ከይሓበአ ንበይና ይዛረባ። ንሳ ድማ ቆፅላመፅሊ ሓይኻ ብምቅማም ሸኾንኡ ትሕክመሉ። ንሳን ቤንጃሚንን ናይ ዓቕሙ ስራሕ ጥራይ ንክሰርሕ ደጋጊሞም ይመኽርዎ። “ናይ ፈረስ ሳምባ ንዘልኣለም ኣይነብርን” ትብሎ ክሎቨር። ቦክሰር ግን ንምኽሮም ፀማም እዝኒ ይህቦ። ሓደ ብሕታውን ሓቀኛን ሕልሚ ጥራይ እዩ ዘለኒ - ቅድሚ ጡረታ ምውፅኣይ እቲ ዊንድሚል ተሃኒፁ ምርኣይ ፤ ይብል ቦክሰር።

ኣብ ፈለማ ፤ ናይ ሕርሻ እንስሳት ሕጊ ከዳልዉ ከለዉ ፤ ጡረታ ዝወፅሉ ናይ ዕድመ ገደብ ተወሲኑ ነይሩ። ኣፍራስን ሓሰማታትን ኣብ ዓሰርተ ኽልተ ፣ ኣላሕም ኣብ ዓሰርተ ኣርባዕተ ፣ ኣኽላብ ኣብ ትሽዓተ ፣ ኣባጊዕ ኣብ ሸውዓተ ፣ ደርሁን ደርሁማይን ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ዕድመኦም ብጡረታ ክሰናበቱ ፤ ከከም ኩነታቱ ድማ ናይ ጡረታ ክፍሊት ክህሉ ተወሲኑ ነይሩ። ይኹን እምበር ክሳብ ሐዚ ጡረታ ዝወፀ እንስሳ የለን። ኮይኑ ግን እዚ ዛዕባ ካብ ቀረባ እዋን ንደሓር ብተደጋጋሚ ዘተ ተገይርሉ እዩ።

ጡረታ ንዝወፁ እንስሳት ሰውሒ ክኸውን ተባሂሉ ዝነበረ ፤ ካብቲ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ማዕዶ ዘሎ ነፃ መሬት ስገም ክዝራእ ምኺኑ ተወሲኑ

እዩ። ካብቲ ዓብዪ ሰውሒ ብሓደ ፀግዒ ዘሎ መሬት ተሓፂሩ ፤ ንጡሮተኛታት መገሃጫ ክኸውን እዩ ዝብል ጭምጭምታ ይስማዕ። ከምቲ ዝበሃል እንተኾይኑ ንፈረስ ብመዓልቲ ሓሙሽተ ፓዉንድ ዕፉን ፣ ኣብ ሓጋይ ድማ ዓሰርተ ሓሙሽተ ፓውንድ ድርቆ ምስ ካሮት ምናልባሽ ድማ ምስ ኣፕል ኣብ ህዝባዊ በዓላት ክወሃብ እዩ። ናይ ቦክሰር መበል ዓሰርተ ኽልተ ዓመት መዓልቲ ልደቱ ፤ ዝቕፅል ዓመት ኣብ መወዳእታ ክረምቲ እዩ።

ኣብዚ እዋን ህይወት ከቢድ ነይሩ። ናይ ሎሚ ሓጋይ ከም ዓሚ ቁሪ ዝበዝሖን ፤ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ ምግቢ ሕፅረት ዝነበሮን እዩ። ካብ ናይ ሓሰማታትን ኣኽላብን ወፃኢ ፤ ናይ ኩሎም እንስሳት ቀለብ ዳግም ተቐኒሱ። “ኣዝዩ ፅኑዕ ዝኾነ ናይ ቀለብ ማዕርነት ፤ ኣንፃር መትከላት እንስሳውነት እዩ” በሎም ፤ ስኩለር። እቲ ኩነታት ብዘየገድስ ግን እቶም እንስሳት ናይ ቀለብ ፀገም ዘይብሎም ምዃኑ ንከእምኖም ኣይፅገምን። ብርግፅ ንግዚኡ ናይ ዕለታዊ ምግቢ ምትዕርራይ ምግባር ኣድላዪ ኮይኑ ተረኺቡ። (ስኩለር ኩሉግዘ ናይ ቀለብ “ምትዕርራይ” እምበር “ቕነሳ” ኢሉ ኣይዛረብን።) ግን ድማ ምስ ናይ ጆንስ ዘበን እንትነፃፀር እቲ ምምሕያሽ ኣዝዩ ልዑል ነይሩ።

ስኩለር ኣብ ብዙሕ ወረቐት ዝተፅሓፉ ናይ ዕብየት መዐቀኒ ኣሃዛት ብቐጢንን ብፈጣን ድምፅን እናንበበ ፤ “ካብ ዘበነ ጆንስ ብዝበለፀ ባዕሎም ንባዕሎም ምምሕዳር ካብ ዝጅምሩ ንደሓር ብዙሕ ኣጃ ፣ ብዙሕ ድርቋን ብዙሕ ቃንጫን ከምዝወነኑ ፤ ናይ ስራሕ ሰዓቶም ሓፂር ከምዝኾነ ፤ ፅሩይ ዝስተ ማይ ከምዝረኸቡ ፤ ነዊሕ ዕድመ ምንባር ከምዝጀመሩ ፤ ወሊድ ብዝምልከት ሞት ህፃናት ኣዝዩ ከምዝነከየ ፤ መሕደሪኦም ብዙሕ ጉዝጓዝ ከምዘለዎን ካብ ቁንጪ ከምዝተገላገሉን” ብዝርዝር ይነግሮም። እቶም እንስሳት ኩሉ ዝተብሃለ ኣመንዎ። ብሓቂ ንምዝራብ ፤ ጆንስን ኩሉ ዕላማታቱን እንታይ ከምዝነበረ ካብ ተዘክሮኦም ዳርጋ እናጠፍአ ነበረ።

ህይወቶም ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአን ኣብ ትሑት መነባብሮ ከምዘለውን ይፍለጦም እዩ። ምኽንያቱ ዝበዝሐ ግዘ እናጠመዩን እናቖረሮምን ፤ ድቃስ ደቂሶም ተዘይኮይኖም ኩሉግዘ ብስራሕ ምስተፀመዱ እዮም። ግን ድማ ብዘይጥርጥር ናይ ቀደም እዋን ካብዚ ዝኸፍአ ነይሩ ኢሎም ይኣምኑ። እዚ ብምእማኖም ድማ ሕጉሳት ነበሩ። ቀደም ባሮት ነይሮም ፤ ሐዚ ግና ነፃ እዮም። እዚ ድማ ንዐኦም መተካእታ ዘይብሉ ነገር ነበረ። ስኩለር እዉን ብዛዕባ ናፅነቶም ኩሉግዘ ብኣንክሮ የዘኻኽሮም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ክዕንገል ዝግበኦ ኸብዲ በዚሑ እዩ። ኣብ ቀውዒ ኣርባዕተ ሓሰማታት ብተቐራራቢ እዋን ብድምር ሰላሳን ሓደን ሓሰማታት ወሊደን። እቶም ዝተወለዱ ሓሰማታት ፃዕዳን ፀሊምን ዝኾነ ሕብሪ ቆርበት ነበሮም። ናፖልዮን ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ዘይተቐጥቀጠ ብሕታዊ ሓሰማ ብምኻኑ ኣቦኦም መን ምኻኑ ምግማት ኣየፀግምን። ድሕሪ እዋን ድማ ጡባትን ጣውላታትን ምስተገዝኡ ፤ ኣብቲ ዓብዩ መንበሪ ገዛ ከባቢ ዝርከብ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ቤት ትምህርቲ ከምዝህነፅ ተኣወጀ። ንግዚኡ እቶም ኣናእሽቱ ሓሰማታት ኣብቲ ክሽነ ባዕሉ ናፖልዮን መምርሒ ከምዝህቦም ተገለፀ። ኣብቲ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ስፖርት ይሰርሑ። ምስቶም ደቂ ካልኦት እንስሳት ዝኾኑ ህፃናት ከይፃወቱ ተኣጊዶም እዮም።

ኣብዚ እዋን እዩ ድማ “ሓሰማን ካልእ እንስሳን ኣብ መንገዲ እንተተራኺቦም ፤ እቲ ካልእ እንስሳ ንሓሰማ መንገዲ ክለቀሉ ኣለዎ” ዝብል ሕጊ ዝወፀ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ዝርከብ ኩሉ ሓሰማ ፤ ሰንበት ሓምለዋይ ሪቫን ኣብ ጭርኡ ናይ ምእሳር ፍሉይ መሰል ከምዘለዎ ተደንገገ።

ብመጠኑ ዕዉት ዝኾነ ዓመት ነይሩ ፤ ግን ድማ ሐዚ ‘ውን ሕፅረት ገንዘብ ነበረ። እቲ ቤት ትምህርቲ ንምህናፅ ጡባት ፣ ሓሸዋን ስሚንቶን

ምግዛእ የድሊ ነይሩ። ነቲ ዊንድሚል ዝኸውን ማሽነሪ ንምግዛእ ገንዘብ ምቑጣብ ኣድላዪ ነበረ። ንገዛውቲ ዝኸውን ናይ ፋኑስ ዘይትን ሽምዓን ክግዝኡ ኣለዎም። ንናፖልዮን ድማ ሽኮር። (ናፖልዮን ፤ ካልኦት ሓሰማታት ሽኮር ከይምገቡ ኣጊድዎም እዩ። ዝሃቦም ምኽንያት ድማ ብዘይዓቐን ከስበሐኩም እዩ ዝብል ነበረ።) ብተወሳኺ ድማ ኩሎም ዝተለመዱ ቅያር ኣቑሑት ፣ ናይ ኢድ መሳርሕታት ፣ ምስማራት ፣ ገመድ ፣ ፈሓም ፣ ሽቦ ፣ ሓፂንን ነቶም ኣኽላብ ዝኸውን ብስኩትን ክገዝኡ ነበሮም።

ኩምሪ ሓሰርን ካብ ምህርቲ ድንሽ ድማ ብኽፋል ተሸጠ። ካብተን ደርሁ ብኮንትራት ይውሰድ ዝነበረ እንቋቑሖታት ድማ ብሰሙን ናብ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሓፍ ክብል ተገበረ። ኣብቲ ዓመት እተን ደርሁ እኹል ዝኾነ ጩቓዊት ክጫጭሓ ብዘይምኽኣለን ዝተመደበለን ኮታ ንምምላእ ተፀጊመን ነበራ። ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ካብ ዝተገበረ ናይ ቀለብ ቅነሳ ብተወሳኺ ፤ ኣብ ወርሒ ለካቲት 'ውን ካልእ ቅነሳ ተገበረ። ኣብ ደምበታት ይበርሁ ዝነበሩ ፋኖሳት ፤ ዘይቲ ንምቑጣብ ብዝብል ምኽንያት ከይበርሁ ተኣገዱ። እቶም ሓሰማታት ግን ኣብ ኣዝዩ ምችው ዝኾነ ኩነታት ነበሩ። ርጉዲ ወሲኾም ካብ ምህጣሮም ወፃኢ ዝሰኣንዎ ነገር ኣይነበረን።

ኣብ ውሽጢ ወርሒ ለካቲት ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ቐትሪ ፤ ካብቲ ኣብ ውሻጠ ክሽነ ዝርከብን ብዘበነ ጆንስ ካብ ኣገልግሎት ወፃኢ ዝነበረን መፅሞቒ ክፍሊ ፤ ቅድሚ ሐዚ እቶም እንስሳት ዘይፈልጥዎ ፤ ናይ ምግቢ ሽውሃትካ ኣለዓዒሉ ኸብድኻ ሓፍሓፍ ዘብል ፤ ሃገግ ዝብል ጨና እቲ ሜዳ ሓሊፉ ሃንገፍ በሎም። ካብ ሞንጎኦም ሓደ "ናይ ቆሎ ስገም ጨና እዩ" በለ። እቶም እንስሳት ነቲ ኣየር ብዝጠመየ ኸብዶም እናሸተቱ ፤ ንድራሮም ዝኸውን ትኩስ ገዓት ይገዓት ኣሎ ይኸውን ኢሎም ሓሰቡ። ኮይኑ ግና ዝተቐረበሎም ትኩስ ገዓት ኣይነበረን።

እዚ ምስኮነ ድሕሪ ሰሙን ፤ ሰንበት መዓልቲ "ካብ ሐዚ ንደሓር ብሙሉኡ ስገም ንሓሰማታት ክኸውን እዩ" ዝብል መግለፂ ተውሃበ። ካብቲ ንእሽተይ ናይ ፍራምረ ሕርሻ ማዕዶ ዝርከብ ፤ ንጡረተኛታት ተባሂሉ ዝተሓፀረ መሬት ስገም ካብ ዝዝራእ ቀንዩ እዩ። ብዙሕ ከይፀንሑ ድማ ፤ ሰሊኹ ብዝወፀ ሓበሬታ ሕድሕድ ሓሰማ ምስ ምግቢ ፍርቂ ሊትር ቢራ ከምዝወሃቦ እቶም እንስሳት ሰምዑ። ናፖልዮን ንባዕሉ ብመዓልቲ ክልተ ሊትርን ፈረቓን ቢራ ዝሰቲ እንትኸውን ፤ እቲ ቢራ ኩሉግዘ "ክራውን ደርቢ" ብዝበሃል ናይ መረቕ መስተዩ ይቐርበሉ።

መከራ እንተበዘሐ እዉን ፤ ኣብዚ ዘበን ዘሎ ህይወት ዝድበስ ፤ ካብ ናይ ቀደም ዘበን ብዝበለፀ ዓብዪ ክብሪ ዘሎ ምዃኑ እዩ። ብዙሓት መዝሙራት ይዝመሩ ፤ ብዙሓት መደረታት ይግበሩ ፤ ብዙሓት ሰልፍታት ይካየዱ። ናፖልዮን ብዝኣዘዞ መሰረት ኣብ ሰሙን ሓደ ግዘ ሰላማዊ ሰልፊ ክካየድ ኣለዎ። እቲ ሰልፊ ድማ "ግብታዊ" ሰላማዊ ሰልፊ ኢሉ ሰይምዎ። ዕላምኡ ድማ ናይ ሕርሻ እንስሳት ቃልስን ዓወትን ንምዝካር እዩ።

እቶም እንስሳት ኣብ ዝተኣዘዝዎ ሰዓት ስርሖም ኣቋሪፆም ብወተሃደራዊ ኣሰላልፋ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ይምርሹ። እቶም ሓሰማታት ነቲ ሰልፊ ይመርሑ ፤ ኣፍራስ ድማ ይኸተሉ ፤ ቀፂለን ኣላሕም ፤ ድሕሪ ኣላሕም ኣባጊዕ ፤ ብምቕፃል ደርሁን ደርሁማይን። እቶም ኣኽላብ ነቲ መስርዕ ብየማንን ፀጋምን ኮይኖም ይዕጅቡ። ኣብ ቅድሚት እቲ ሰልፊ ዝመርሕ ድማ ናይ ናፖልዮን ፀሊም ኩኩናይ ነበረ። ሾኾናን ቀርንን ተሳኢልሉ ኣብ ታሕቲ ድማ "ነዊሕ ዕድመ ንብፃይ ናፖልዮን!" ዝብል ፅሑፍ ዝተፅሓፎ ሓምለዋይ ባንዴራ ዘርጊሖም ዝሕዙ ቦክሰርን ክሎቨርን ነበሩ። ድሕሪ እቲ ሰልፊ ንናፖልዮን ዘወድስ ግጥሚ ይንበብ። ቀፂሉ ድማ ስኩለር ፤ እዋናዊ ናይ ምግቢ ምህርቲ ክንደይ ፐርሰንት ከምዝወሰኸ ዝገልፅ ዝርዝር የቕርብ። ፀፀኒሑ ድማ ጥይት ይትኮስ።

ናይቲ ግብታዊ ሰላማዊ ሰልፊ ቀንዲ ደገፍቲ ኣባጊዕ ነይረን። ገሊኦም (እቶም ሓሰማታትን ኣኽላብን ኣብ ዘይብሉ ፤ ውሑዳት እንስሳት ከምዝብልዎ) እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ግዘ የባኸን እዩ ፤ ኣብ ቁሪ ንብዙሕ ሰዓታት የፅንሕ ፤ እናበሉ እንተዕረምርሙ ፤ እተን ኣባጊዕ ብሓያል ድምፂ "ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ ሕማቕ" ብምባል ኣፎም ከምዘትሕዘኦም ይተኣማመና። መብዛሕትኡ ግዘ ግን እቶም እንስሳት እዚ ኣከባብራ ይፈትውዎ እዮም። ኣብ መወዳእታ ባዕሎም ናይ ባዕሎም ሓለቓ ብምኳኖም ፤ ዝሰርሕዎን ዝደኸምዎን ንባዕሎም ጥቕሚ ብምኳኑ ፤ መፀናንዒ ኮይኑ ረኺቦሞ እዮም።

ናይ ስኩለር ናይ ኢኮኖሚ ዕብየት ፀብፃብ ፣ እቲ ነጎድጎድ ዝብል ቶኽሲ ፣ ናይቲ ኩኩናይ "ኩኩዒትትትት..." ዝብል ድምፅን ናይ ባንዴራ ምምብልባልን ተሓዋዊሱ ፤ ጥራሕ ከብዶም ምኳኖም የረስዮም ፤ እንተነኣሰ ፍርቂ እቲ ግዘ።

ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ሕርሻ እንስሳት ሪፐብሊክ ምኳኑ ተኣወጀ። ስለዚ ድማ ናይቲ ሪፐብሊክ ፕረሲደንት ምምራፅ ኣድላዩ ኮይኑ ተረኸበ። ንውድድር ዝቐረበ ሕፁይ ሓደ ጥራይ እዩ ነይሩ ፤ ናፖልዮን። ብሙሉእ ድምፂ ናይቲ ሪፐብሊክ ፕረሲደንት ኮይኑ ተመረፀ። ኣብቲ ዕለት ፤ ስኖውቦል ምስ ጆንስ ብዛዕባ ዝነበሮ ዝፀነሐ ምትሕብባር ዘቃልዐ ሓዱሽ ሰነድ ከምዝተረኸበ ተገለፀ። እቶም እንስሳት ይግምትዎ ከምዝነበሩ ፤ ስኖውቦል ኣብ ኲናት ደምበ ስትራቴጂካዊ ዕላምኡ እቶም እንስሳት ክሰዓሩ ምግባር ጥራይ ዘይኮነስ ፤ ምስ ጆንስ ወጊኑ እዩ ዝዋጋእ ነይሩ ተብሃለ። እኳ ደኣስ ነቲ ወራሪ ዝኾነ ዘርኢ ወድሰብ ይመርሕ ዝነበረ ንሱ ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ ፤ "ሰብኣውነት ንዘልኣለም ይንበር!" ዝብል ናይ ወድሰብ መሪሕ ጭርሖ ካብ ኣፉ ኣውፂኡ ፤ እቲ ውግእ ዘጀመሮ ባዕሉ እዩ ነይሩ ተብሃለ።

ኣብ ናይ ስኖውቦል ሑቖ ዝነበረ ቁስሊ (ውሑዳት ክሳብ ሐዚ ዝዝክርዎ) ብናይ ናፖልዮን ስኒ ዝወረዶ ንክሲት ከምዝነበረ ተነገሮም።

ኣብ መፋርቕ ክራማት ፤ ሙሴ እቲ ፀሊም ኣሞራ ፤ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ብሃንደበት ተኸሰተ። ፈፂሙ ኣይተቐየረን። ሐዚ እዉን ስራሕ ኣይሰርሕን ፤ ከም ቀደሙ ብዛዕባ ናይ “ሽኮር ኣገዳ እምባ” ኣርጊፁ ይሰብኽ። ኣብ ዝተቐረፀ ኦም ተኾዲሙ ፤ ፀሊም መንፈሩ እናንገብገበ ፤ ዝሰምዖ እንተረኺቡ ንሰዓታት ብዘይምቁራፅ ይሰብኽ።

“ኣብቲ ንየ ፤ ብፆት” ይብሎም ሙሴ ተመሲጡ ፤ በቲ ነዊሕ መትኮቡ ንሰማይ እናመላኸቶም ፤ “ኣብቲ ፤ ኣብ ማዕዶ እቲ ዝረኣየኩም ዘሎ ፀሊም ደበና ፤ ንሕና ድኻታት እንስሳት ካብ ምድራዊ ድኻምና ንዘልኣለም ዕረፍቲ እንገብረሉ ናይ ሽኮር ኣገዳ እምባ ዝበሃል ገነት ዝኾነ ሃገር ይርከብ።” ሙሴ በዚ ጥራይ ደው ኣየበለን ፤ እኳ ደኣስ ሓደ እዋን ኣዝዩ ልዒሉ ክነፍር ከሎ ፤ ናይ ሽኮር ኣገዳ እምባ ከምዝረኣዮ ይዛረብ። “ብዕምበባ ሓንስ ዝወቀበ ፣ ናይ እንጣጢዕ ኬክ ዝበዝሖ ፣ ሰጥ ዝበለ ሜዳን ዕንኳር ሽኮር ዝቦቘሎም ሓፁራት ሪአ እየ” ይብሎም።

መብዛሕትኦም እንስሳት ንሙሴ ኣመንዎ። ምኽንያቱ ህይወቶም ኣብዚ እዋን ብጥሜትን ኣድካሚ ብዝኾነ ስራሕን ዝተመልአ ኮይኑ እዩ። ንምዃኑ ካብዚ ዝሐሸ ህይወት ዘለዎ ዓለም ምህላዉ ግቡእ ዶ ኣይኮነን?

እቶም ሓሰማታት ንሙሴ ዘለዎም ኣረኣእያ ንምግማት ኣፀጋሚ እዩ። ኩሎም ብሓደ ድምፂ ናይ ሽኮር ኣገዳ እምባ ፅውፅዋይ ሓሶት ምዃኑ ብንዕቐት ተዛሪቦም እዮም። ኮይኑ ግን ሙሴ ስራሕ ከይሰረሐ ፤ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ እናሰበኸ ክነብር ፈቒዶምሉ እዮም። ንመዓልቲ ሓደ ኩባያ ቢራ ኣበል ይወሃቦ።

ቦክሰር ሽኾንኡ ካብ ዝድሕን ናብዚ ፤ ካብ ቀደም ብዝበለፀ ይሰርሕ። ብርግፅ ኩሎም እንስሳት ኣብቲ ዓመት ከም ባርያ እዮም ለፊዖም። ካብቲ ስሩዕ ስራሕቲ ሕርሻን ዳግመ-ህንፀት ዊንድሚልን ብተወሳኺ ፤ ኣብ ወርሒ መጋቢት ዝተጀመረ ናይቶም ኣናእሽቱ ሓሰማታት ቤት ትምህርቲ ህንፀት ነበረ። ሓደ ሓደ ግዘ ብዘይ እኹል ምግቢ ንነዊሕ ሰዓታት ክሰርሑ ይኸብዶም ነይሩ። ቦክሰር ግን ንቕንቕ ኣይብልን። ብዝዛረቦ ይኹን ብዝሰርሖ ተግባር ፤ ናይ ቀደም ጥንካረኡ ከምዘሎ ንዘይምኳኑ ዘመላኽት ዝኾነ ምልክት ኣይነበረን። ሰውነቱ ጥራይ እዩ ቁሩብ ተቐይሩ። ቆርበቱ ከም ቀደም ኣየብለጭልጭን። ገዘፍቲ ጎሎታቱ ዝቐጠኑ ይመስሉ። “ናይ ቦክሰር ሰውነት ብናይ ፅድያ ሳዕሪ ክምለስ እዩ” ይብሉ ገሊኦም እንትዛረቡ።

ፅድያ ኣተወ። ናይ ቦክሰር ሰውነት ግን ኣይሃጠረን። ሓደ ሓደ ግዘ ኣብቲ እምኒ መውፅኢ ቦታ ዘሎ ዓቐበት ዓብዪ ደንጎላ እንትጎትት ፤ ካብ ኣካላዊ ብቕዓቱ ብላዕሊ ንምስራሕ ዘለዎ መንፈሳዊ ጥንካረ ጎሊሁ ይረኣይ። ኣብ ከምዚ ዝበለ እዋናት ከናፍሩ “ጠንኪረ ክሰርሕ እየ” እናበሉ ክንቀሳቐሱ ይረኣዩ ፤ ድምፂ ንምውፃእ ግን ዓቕሙ ፀንቂቑ እዩ። ቤንጃሚንን ክሎቨርን ብዛዕባ ጥዕንኡ ክግደስ ደጋጊሞም የጠንቀቕዎ ፤ ቦክሰር ግን እዝኒ ኣይህቦምን። መበል ዓሰርተ ኽልተ ዓመት ናይ ልደት በዓሉ እናቐረበ እንትኸዉን ፤ ንህንፀት እቲ ዊንድሚል ዝኸውን እኹል እምኒ ብጡረታ ቅድሚ ምስንባቱ ክእከብ ክሳብ ዝኸኣለ ፤ ብዛዕባ ካልእ ጉዳይ ኣይግድሶን።

ኣብ ክረምቲ ሓደ ምሸት ፤ ቦክሰር ገለ ነገር ኮይኑ ዝብል ሃንደበታዊ ወረ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ተናፈሰ። ናብቲ ዊንድሚል ዝህነፀሉ ቦታ እምኒ ከጉዕዝ በይኑ ከይዱ ነይሩ። ከምቲ ዝተብሃለ እቲ ወረ ሓቂ እዩ። ብዙሕ ከይፀንሑ ክልተ ርግቢታት ዜና ሒዘን መፃ፡

“ቦክሰር ወዲቑ! ብሓንቲኣ ጎኑ ተገምቢዉ ክለዓል ኣይከኣለን!”

ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ፍርቆም ዝኾኑ እንስሳት እቲ ዊንድሚል ናብ ዝህነፀሉ ኩርባ ተጓይዮም ከዱ። እወ ፤ ቦክሰር ወዲቑ። ኣብ መንጎ ናይታ ጋሪ መስሐቢ ባላ ፤ ክሳዱ ተወጢጡ ፤ ርእሱ'ኳ ቅንዕ ምባል ኣብይዎ። ኣዒንቱ ቅዝዝ ኢለን። ጎኑ ብረሃፅ ጠልቅዩ። ካብ ኣፉ ደም ፀረር ይብል። ክሎቨር ኣብ ጎኑ ተምበርኪኻት።

“ቦክሰር” በለት ዓው ኢላ ፤ “ደሓን ዲኻ?”

“ሳንባይ እዩ” በላ ቦክሰር ብዝደኸመ ድምፂ። “ፀገም የለን። ህንፀት እቲ ዊንድሚል ኣነ እንተዘይሃልየ ንስኺ ክትዛዝምዮ ትኽእሊ ኢኺ። እኹል ዝኾነ ኣእማን ተኣኪቡ እዩ። በቲ በለ በቲ ምናልባሽ ዝተርፈኒ ዕድመ ሓደ ወርሒ ጥራይ እዩ። ሓቂ ክነግረኪ ፤ ጡረታ ዝወፀሉ መዓልቲ ብሃንቀውታ ይፅበ ነይረ። ቤንጃሚን ዕድመኡ እናደፍአ ብምኧኑ ምናልባሽ ንሱ ‘ዉን ጡረታ ክወፅእ እንተፈቒዶምሉ ሓቢርና ግዘና ክነሕልፍ ንኽእል ነይርና ኢና።”

“ብቕልጡፍ ሓገዝ ክንረክብ ኣለና” በለት ክሎቨር። “ሓድኤኹም ቀልጢፍኩም ንስኩለር እቲ ዝተፈጠረ ንገርዎ።”

ሽዑንሽዑ ኩሎም እንስሳት ንስኩለር ክዛረብዎ ናብቲ ዓብዩ ህንፃ ተጓይዮም ከዱ። ክሎቨርን ቤንጃሚንን ጥራይ ተረፉ። ቤንጃሚን ኣብ ጎኒ ቦክሰር ግድም ኢሉ ሓንቲ ቃል ከይተዛረበ ፤ በቲ ነዊሕ ጭርኡ ሃመማታት የባርረሉ። ድሕሪ ርብዒ ሰዓት ስኩለር መፀ ፤ ኣዝዩ ሓዚኑን ተጨኒቑን። “ብፃይ ናፖልዮን ፤ ኣዝዮም እሙናት ካብ ዝኾኑ ናይዚ ሕርሻ ጣብያ ሰራሕተኛታት ሓደ ኣብ ዝኾነ ቦክሰር ብዘጋጠመ ሓደጋ ኣምሪሩ ከምዝሓዘነን ፤ ዊሊንግደን ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል ከይዱ ንክሕከም ድማ ዘድሊ ምድላው ይገብር ኣሎ” በሎም።

እቶም እንስሳት ዝሰምዕዎ ነገር ቃሕ ኣይበሎምን። ብዘይካ ሞሊን ስኖውቦልን ፤ ክሳብ ሐዚ ካብቲ ሕርሻ ጣብያ ወፂኡ ዝኸደ እንስሳ ኣይነበረን። ዝሓመመ ብፃዮም ኣብ ኢድ ደቂሰባት ክወድቕ ኣይደልዩን። ኮይኑ ግና ከምቲ ልሙድ ስኩለር "ኣብዚ ካብ ዝሕከም ፤ ዊሊንግደን ኣብ ናይ እንስሳት መሐከሚ ማእኸል ዝርከብ ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ንቦክሰር ብቐሊሉ ክሕክሞ ይኽእል እዩ" ኢሉ ብቐሊሉ ኣእመኖም።

ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ቦክሰር ዳርጋ ድሒኑ። ካብ ዝወደቐሉ ተፃጊሙ ብምትሳእ ፤ ሰለይ እናበለ ናብ መሕደሪኡ ከደ። ክሎቨርን ቤንጃሚንን ንመደቀሲኡ ዝኸውን ምቹው ናይ ሳዕሪ ጉዝጓዝ ኣዳለውሉ።

ንዝቕፅሉ ክልተ መዓልታት ቦክሰር ኣብ ደንበኡ ቀነየ። እቶም ሓሰማታት ኣብ እቲ ዓብዩ መንበሪ ገዛ ዘሎ መሕፀቢ ክፍሊ ዝርከብ ናይ መድሓኒት መቕመጢ ዝረኸብዎ ፤ ሮዛ ሕብሪ ዘለዎ ዓብዩ ጥርሙስ መድሓኒት ሰደድሉ። ክሎቨር ድማ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዘ ድሕሪ ምግቢ ትህቦ። ምሸት ኣብ ጎኑ ኮይና ተዋግዮ። ቤንጃሚን ድማ ሃመማ የባርረሉ። ቦክሰር በቲ ዘጋጠመ ነገር ከምዘይጠዓሰ ይዛረቦም። ካብ ሕማሙ እንተድሒኑ ተወሳኺ ሰለስተ ዓመት ክነብር ከምዝኽእል ፤ ኣብቲ ሰውሒ ብሓደ ፀግዒ ኣብ ዝርከብ ናይ ጡረተኛታት ቦታ ፤ ዝተረፈ ግዚኡ ብሰላም ከሕልፎ ከምዝምነ ኣፃወቶም። እዚ ድማ ንፈለማ ግዘ ዓርሱ ዘዘናግዐሉ ፤ ዘፅንዐሉን ኣእምሮኡ ዘማዕብለሉን ግዘ ከምዝኸውንን ዝተረፈ ዕድምኡ ድማ ዕስራን ክልቲኦም ፊደላት ንምፍላጥ ከምዘውዕሎ ነገሮም።

ይኹን እምበር ቤንጃሚንን ክሎቨርን ምስ ቦክሰር ክኾኑ ዝኽእሉ ድሕሪ ናይ ስራሕ ሰዓት ጥራይ ነበረ። እቶም እንስሳት ናብ ስራሕ ምስወፈሩ ፤ ብቐትሪ ንቦክሰር ንምውሳድ ናይ ፅዕነት ሰረገላ መፀት። ኩሎም እንስሳት ብቁፅፅር እቶም ሓሰማታት ፃህያይ እናፀሃዩ እንከለዉ ፤ ቤንጃሚን ዓው ኢሉ

እናሃለለን እናጋለበን ብኣንፈት እቲ ዓብዪ ህንፃ መፀ። እቶም እንስሳት ንቤንጃሚን ኣዝዩ ተሃዊኹ ኮነ እናጋለበ ዝረኣይዎ ንመጀመርታ ግዘ ነበረ።

“ቀልጥፉ! ቀልጥፉ!” በለ ዓው ኢሉ። “ብቕልጡፍ ምፁ! ቦክሰር ይወስድዎ ኣለዉ!” እቶም እንስሳት ድማ ናይቶም ሓሰማታት ፍቓድ ከይተፀበዩ ፤ ስርሖም ገዲፎም ናብቲ ዓብዪ ህንፃ እናጎየዩ ከዱ። ብርግፅ ኣብቲ ሜዳ ብኽልተ ኣፍራስ እትጉተት ገዛፍን ዕፅውትን ሰረገላ ደው ኢላ ነበረት። ኣብ ጎና ፅሑፍ ኣለዋ። ከፉእ ትርኢት ዘለዎ ገናሒ ሰረገላ ፤ ባርኔጣ ገይሩ ኣብ ቅድሚት ኮፍ ኢሉ ነበረ። ናይ ቦክሰር መሕደሪ ድማ ባዶ ነበረ።

እቶም እንስሳት ነታ ናይ ፅዕነት ሰረገላ ከቢቦም “ደሓን ኩን ቦክሰር ፤ ደሓን ኩን!” በልዎ።

“ኣቱም ዓያሹ! ዓያሹ!” ብምባል ዓገርገር በለ ቤንጃሚን ፤ ፍንጭራዕ እናበለን በቶም ኣናእሽቱ ሸኾናታቱ ንመሬት ዲግ እናበለን። “ዓያሹ ኢኹም!” ኣብ ጎኒ እታ ሰረገላ ዘሎ ፅሑፍ ኣይረኣየኩምን?

ከምኡ ምስበሎም ፤ እቶም እንስሳት ንግዚኡ ህድእ በሉ ፤ ስቕታ ዓሰለ። ሙሬል እቶም ፊደላት በቢሓደ ክተንብብ ጀመረት። ቤንጃሚን ንሙሬል ንጎኒ ድፍእ ኣቢሉ ፤ ኣብ መንጎ እቲ ከም እንዳ ሓዘን ዝኸበደ ስቕታ ፤ ነቲ ፅሑፍ ኣንበቦ።

“ኣልፍረድ ሲመንድ ፤ ሓራዲ ፈረስን ኮላ መፍልሕን ፤ ዊሊንግደን። ናይ ቆርበትን ዝብላዕ ኣዕፅምቲን ደላሊ ፤ ሰፈር ከልቢ ኣቕራቢ” እዚ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣይርደኣኩምን? ንቦክሰር ናብ ሓረድቲ ፈረስ እዮም ክወስድዎ!

ኩሎም እንስሳት ብስንባደ ኡይ በሉ። ኣብዚ ህሞት እቲ ገናሒ ነቶም ኣፍራስ ቸ...ቸ... ምስበሎም ፤ ኮስኮስ ኣናበሉ ነታ ሰረገላ ሒዞምዋ ተዓዘሩ። ኩሎም እንስሳት ዓው ኢሎም ኡይ እናበሉ ነታ ሰረገላ ተኸተልዋ። ክሎቨር ቀቅድሚኣ ክትጎዪ ጀመረት ፤ እታ ሰረገላ ፍጥነታ ወሰኸት። ክሎቨር ድማ መሓውራ ኣደላዲላ ብሓቦ እናጋለበት ኣርከበታ። ጎኒ ጎና እናጋለበት "ቦክሰር! ቦክሰር! ቦክሰር!" እናበለት ትፅውዕ። ቦክሰር ኣብ ደገ ዘሎ ዋጭዋጭ ዝሰመዐ ይመስል ፤ ብኣፍንጭኡ ሰንጢቑ ዝሓልፍ ፃዕዳ መስመር ዘለዎ ገፁ ፤ ብድሕሪት እታ ሰረገላ ብዘሎ መስኮት ቅልቅል ኣበሎ።

"ቦክሰር!" በለት ክሎቨር ዓው ኢላ ፤ ዓቕሊ ፅበት ብዝተመልኦ ድምፂ። "ቦክሰር ውፃእ! ቀልጢፍካ ውፃእ! ክቐትሉኻ እዮም ዝወስዱኻ ዘለዉ!"

ኩሎም እንስሳት "ቦክሰር ውፃእ! ቦክሰር ውፃእ!" እናበሉ ብሓደ ድምፂ ክምሕፀንዎ ጀመሩ። ኮይኑ ግን እታ ሰረገላ እናነሃረትን ካብኦም እናረሓቐትን ነበረት። ቦክሰር ፤ ክሎቨር ዝበለቶ ነገር ተረዲእዎ ዶ ኣይተረደኦን ኣይተፈለጠን። ኮይኑ ግን ድሕሪ ደቓይቕ በቲ መስኮት ቅልቅል ኢሉ ዝነበረ ገፁ ተሰዊሩ ፤ ካብ ውሽጢ እታ ሰረገላ ድማ ብርቱዕ ዝኾነ ደርጓዕጓዕ ዝብል ናይ ሸኾና ድምፂ ክስማዕ ጀመረ። ዓርሱ ከድሕን እናፈተነ ነበረ። ንእሽተይ ናይ ቦክሰር ሸኾና ርግሒት ፤ ከምዚ ዝበለት ሰረገላ ስብርብር ከብላ ዝኽእል ነበረ። ግን ኣይከኣለን! ብርኩ ጠሊምዎ። ድሕሪ ዝተወሰነ ደቓይቕ ፤ ደርጓዕጓዕ ዝብል ዝነበረ ናይ ቦክሰር ሸኾና ድምፂ እናቐሃመ ከይዱ ፀጥ በለ።

እቶም እንስሳት ብዓቕሊ-ፅበት ፤ እታ ሰረገላ ንዝጎትቱ ክልተ ኣፍራስ ክምሕፀንዎም ጀመሩ። "ብፆት ፤ ኣቱም ብፆት" በሉ ዓው ኢሎም። "ናይ ባዕልኹም ሓው ናብ ሞት ኣይትውሰድዎ!" በልዎም። ግን ድማ እቶም ጨካናት ፤ እንታይ ይግበር ከምዘሎ ከገናዝቡ ዘይኽእሉ ደናቑር ፤ ኣእዛኖም ንድሕሪት ገይሮም ፍጥነቶም ወሰኹ።

ናይ ቦክሰር ገፅ ዳግም በቲ መስኮት ኣይተቐልቀለን። ካብ ሞንጎኦም ሓደ ፤ ቀልጢፉ ብምኻድ እቲ ዓብዩ በሪ ክዓፅዎ ሓሲቡ ነይሩ ፤ ግን ድማ ዘንጊዑ። እታ ሰረገላ ብቐፅበት እቲ ዓብዩ በሪ ሓሊፉ መንገዲ ሒዛ ቀልጢፋ ተሰወረት። ብድሕሪ እዚ ቦክሰር ዳግም ኣይተርኣየን።

ሓደ ፈረስ ክረኽቦ ዝግባእ ሕክምናዊ ሓገዝ ዋላ እንተተገበረሉ ፤ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ቦክሰር ኣብ ዊሊንግደን ኣብቲ ሆስፒታል ውሽጢ ህይወቱ ከምዝሓለፈት ተነገረ። እቲ ናይ መርድእ ዜና ነቶም እንስሳት ከስመዖም ዝመፀ ድማ ስኩለር ነበረ። “ኣብ ናይ ቦክሰር ሕልፈቱ ናይ መወዳእታ ደቓይቕ ምስኡ እየ ነይረ” በሎም።

“ኣብ ህይወተይ ሙሉእ ኣጋጢሙኒ ዘይፈልጥ ስምዒትካ ዝትንክፍ ምሸት ነይሩ!” በለ ስኩለር ፤ ናይ ቅድሚት እግሩ ኣልዒሉ ዝሕንዝሕ ንብዓቱ ካብ ዓይኑ እናፀረገ። “ክሳብ መወዳእታ ደቓይቕ ካብ ትርኣሱ ኣይተፈለኹን። ኣብ መወዳእታ ድማ ፤ ብዝደኸመ ናይ ፃዕረ-ሞት ድምፂ ፤ ብህይወቱ ዘጣዕሶ እቲ ዊንድሚል ከይተዛዘመ ምሟቱ ከምዝኾነ ኣብ እዝነይ ሕሹኽ ኢሉኒ” ። “ንቕድሚት ፤ ብፆት!” ክብል ሕሹኽ ኢሉኒ። “ብሽም እቲ ዓመፅ ንቕድሚት! ሕርሻ እንስሳት ንዘልኣለም ይንበር! ናፖልዮን ንዘልኣለም ይንበር! ናፖልዮን ኩሉግዜ ትኽክል እዩ! ናይ መሰናበቲ ቃላቱ እዚኦም ነይሮም ፤ ብፆት”

እዚ ተዛሪቡ ምስወደአ ናይ ስኩለር ትርኢት ተቐይሩ ንሒደት ደቓይቕ ብስቕታ ተውሓጠ። ደቀቕቲ ኣዒንቱ የማነ ፀጋም ቁልሕልሕ እናበለ ፤ ነቶም እንስሳት ብዓይኒ ጥርጣረ ጠመቶም። ፅንሕ ኢሉ ዘረብኡ ቀፀለ።

“ቦክሰር ክውሰድ ከሎ ክፉእን ናይ ዕሽነትን ወረ ከምዝተናፈሰ ተረዲኣ እየ” ክብል ጀመረ ስኩለር። “ሓደ ሓደ እንስሳት ንቦክሰር ዝወሰደቶ ሰረገላ ‘ሓራዲ ፈረስ’ ዝብል ፅሑፍ ከምዝነበራ ኣስተውዒሎም እዮም። ካብዚ

ተበጊሶም ድማ ቦክሰር ናብ ሓረድቲ ፈረስ እዩ ተላኢኹ ናብ ዝብል ህፁፅ መደምደምታ በፂሖም። ናብ ከምዚ ዝበለ ዘይረብሕ መደምምደምታ ዝበፅሕ ፤ ከመይ ዝበለ ደንቆሮ እንስሳ ምኳኑ ዝገርም እዩ። ብሓቂ ተፈታዊ መራሒና ፤ ብፃይ ናፖልዮን ፤ ካብዚ ብዝበለፀ ኣይፈልጥዎን ድዮም?” በለ ስኲለር ዓው ኢሉ ፤ ጭርኡ እናወናጨፈን ካብ ጎኒ ናብ ጎኒ እናነጠረን። ዝሃቦ መብራህርሂ ቀሊል ነበረ። እታ ሰረገላ ቀደም ናይ ሓራዲ ፈረስ ንብረት ዝነበረት እንትትኸውን ፤ እቲ ናይ እንስሳት ሓኪም ድማ ገዚእዋ። ግን ድማ ፤ እቲ ሓኪም ነቲ ቅድሚ ሐዚ ዝነበረ ፅሑፍ ክሳብ ሐዚ ከይተከኦ ፀኒሑ። ናይቲ ስሕተት መበገሲ እዚ እዩ።

እቶም እንስሳት እዚ ብምስመዖም ሓደ ዓብዩ ፅዕነት ካብ እንግድዐኦም ከምዝራገፉ እፎይ በሉ። ስኲለር ፤ ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ሰዓት ሕልፈተ-ህይወት ቦክሰር ስእላዊ ገለፃኡ ብምቕፃል ፤ ኣዝዩ ዝምስገን ሕክምናዊ ሓገዝ ከምዝረኸበ ፤ ናፖልዮን ንሓንቲ ደቒቕ እዉን ብዛዕባ ናይ ሕክምና ወፃኢታቱ ከየተሓሳሰቦ ክባራት ዝኾኑ መድሓኒታት ተገዚእዎ ክሕከም ከምዝገበረ ምስነገሮም ፤ እቶም እንስሳት ጥርጣረኦም ተወጊዱ ፤ ብናይ ብፃዮም ሞት ተሰሚዕዎም ዝነበረ መሪር ሓዘን እንተነኣሰ ኣብ እዋን ሕልፈቱ ብሕጉስ መንፈስ ካብዛ ዓለም ምፍላዩ ክፈልጡ ብምኽኣሎም ሓዘኖም ኣቕሊልሎም።

ኣብ ቀፃሊ ሰምበት ንጉሆ ፤ ባዕሉ ናፖልዮን ኣብ ኣኼባ ተረኺቡ ብዛዕባ ናይ ቦክሰር ክብሪ ሓፂር ናይ ሓዘን መግለፂ ሃበ። ብሓዘን መዓንጣ ኸብዶም ሕርር ዝበልሉ ናይ ብፃዮም ሬሳ ንሓመድ-ድብ ናብቲ ሕርሻ ጣብያ ምምፃእ ከምዘይተኽኣለን ፤ ኣብ ክንድኡ ካብቲ ዓብዩ ህንፃ ዝርከብ ናይ ኣትኽልቲ ስፍራ ዝተዳለወ ናይ ዕምበባ ጉንጉን ኣብ መቓብሩ ክቕመጥ ከምዝኣዘዘ ነገሮም። ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልታት እቶም ሓሰማታት ንዝኽሪ ቦክሰር እንግዶት ድራር ክገብሩ ምኳኖም ገለፀሎም። ናፖልዮን ዘረብኡ ዝደምደሞ በቶም ክልተ ንቦክሰር ዘዘኻኽሩ ጥቕስታት ነበረ። “ጠንኪረ ክሰርሕ እየ” ን “ናፖልዮን ኩሉግዘ ትኽክል እዩ” ን ብዝብሉ ጥቕስታት።

“እዞም ናይ ቦክሰር ጥቕስታት” በለ ናፖልዮን “ኩሉ እንስሳ ከም ናይ ባዕሉ መምርሒታት ገይሩ ክወስዶም ይግባእ።”

ንናይ ቦክሰር ዝኽሪ እንግዶት ድራር ክግበር እዩ ኣብ ዝተብሃለሉ መዓልቲ ፤ ካብ ዊሊንግደን ዝመፀት ናይ ግሮሰሪ ሰረገላ ናብቲ ሓሰማታት ዝርከብሉ መንበሪ ገዛ ውሽጢ ካብ ዕንፀይቲ ብዝተሰርሐ ሳንዱቕ ዝተዓሸገ ዓብዩ ኣቕሓ ኣብፀሐት። ኣብቲ ዕለት ምሸት ዓው ዝበለ ሙዚቃ ካብቲ ናይ ሓሰማታት መንበሪ ገዛ ተሰመዐ። ፀኒሑ ድማ ናይ ብርቱዕ ባእሲ ብዝመስል ድምፂ ተተከአ። ለይቲ ከባቢ ሰዓት ሓሙሽተ እንትኸውን ፤ ብድሕሪ ሓያል ዝኾነ ናይ ብርጭቆ ምስብባር ድምፂ ኩሉ ፀጥ በለ። ብፅባሒቱ ክሳብ ፍርቂ ቀትሪ ፤ ኣብቲ ህንፃ ውሽጢ ካብ ዝነብሩ ሓሰማታት ዋላ ሓደ ኣይተርኣየን። ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ከምዝውረ እንተኾይኑ ፤ እቶም ሓሰማታት ብዝኾነ ምኽንያት ወይ ካብ ዝኾነ ቦታ ብዝረኸብዎ ገንዘብ ፤ ካልእ ሳንዱቕ ሙሉእ ዊስኪ ገዚኦም ኣምፂኦም ነበሩ።

ዓስራይ ምዕራፍ

“ኩሎም እንስሳት ማዕረ እዮም ፤ ግን. . .”

ዓመታት ሓሊፎም። ወቕቲ ንወቕቲ እናተከአ ፤ ናይቶም እንስሳት ሓፂር ዕምሪ ህይወት እዉን ይኸይድ ነበረ። ካብ ክሎቨር ፣ ቤንጃሚን ፣ እቲ ፀሊም ኣሞራ ሙሴን እቶም ሓሰማታትን ወፃኢ ፤ ቅድሚ እቲ ዓመፅ ዝነበረ ዘበን ዝዝክር የለን።

ሙሬል ሞይታ። ብሉቤል ፣ ጄሲን ፒንቸርን ሞይቶም። ጆንስ እውን ሞይቱ ፤ ኣብ ካልእ ዓዲ ኣብ ውሽጢ ናይ ሰካራማት መንደር እዩ ዝሞተ። ስኖውቦል ተረሲዑ። ቦክሰር ተረሲዑ ፤ ካብቶም ብቐረባ ዝፈልጥዎ ወፃኢ ዝዝክሮ የለን። ሎሚ ክሎቨር ኣረጊት ባዝራ ኮይና ፤ ሰብነታ ደሪቓ ፤ ኣዒንታ ክዳኸሙ ጀሚሮም። ብጡረታ ክትሰናበተሉ ካብ ዝግበኣ ግዘ ክልተ ዓመት ሓሊፍዋ። ብርግፅ ክሳብ ሐዚ ጡረታ ዝወፀ እንስሳ የለን። ንጡረተኛታት ዝኸውን ሰውሒ ክሕፀር እዩ ዝብል ሓሳብ ውድቂ ካብ ዝግበር ፀኒሑ እዩ።

ናፖልዮን ዓብዩ ፤ ሚኢትን ስሳን ኪሎ ዝምዘን ሓሰማ ኮይኑ። ስኩለር ካብ ምህጣሩ ዝተልዓለ ኣዒንቱ ተሸፊነን ዝጠፍኣ ይመስላ። ቤንጃሚን ጥራይ እዩ ብዙሕ ዘይተለወጠ ፤ ኣብ ከባቢ ኣፉ ዝርከብ ጭሕሚ ካብ ምስያቡ ወፃኢ። ካብ ናይ ቦክሰር ሞት ንደሓር ብዝበለፀ ትኩዝን ስቕተኛን ኮይኑ።

ኣብዚ ዘበን ብዙሓት ፍጥረታት ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ይነብሩ። በዝሒ ቁፅርም ግን ቀደም ተገሚቱ ከምዝነበረ ኣይኮነን። ድሕሪ እቲ ዓመፅ ዝተወለዱ መብዛሕትኦም ፤ እቲ ዓመፅ ብኣፈ-ታሪክ ዝሰምዕዎ ዝሃሰሰ ናይ ቀደም ዘበን ታሪኽ ኮይኑ። ተገዚኦም ናብቲ ሕርሻ ጣብያ ዝመፁ ካልኦት

ድማ ፤ ከምዚ ዝበለ ነገር ከምዝተፈፀመ ዝሰምዕዎ ናብኡ ብድሕሪ ምምፀኦም ነበረ። ብዘይካ ክሎቨር ፤ እቲ ሕርሻ ጣብያ ሰለስተ ኣፍራስ ኣለውዎ። ድልዱል ሰብነት ዝወነኑ ፤ ናይ ስራሕ ድሌት ዘለዎምን እሙናት ብፆትን ዝኾኑ ኣፍራስ ነበሩ ፤ ግን ድማ ደናቑር። ዋላ ሓዲኦም ካብ 'ቢ' ንደሓር ዘለዉ ፊደላት ንክመሃሩ ድሌት ኣይነበሮምን። ብዛዕባ እቲ ዓመፅን መትከላት እንስሳውነትን ዝተነገሮም ኩሉ ተቐቢሎምዎ እዮም ፤ ብፍላይ ልዑል ክብሪ ካብ ዝህብዋ ክሎቨር ዝሰምዕዎ ኩሉ ኣሚኖም ተቐቢሎም እዮም። ይኹን እምበር እቲ ዝተነገሮም ኩሉ ተሪዲእዎም ዶ ኣይተረደኦምን ዝፍለጥ ነገር ኣይነበረን።

እቲ ሕርሻ ጣብያ ሐዚ ብጣዕሚ ሃፍታም ኮይኑ ፤ ብዝበለፀ ድማ ተወዲቡ እዩ። ካብ ኣይተ ፒልኪንግተን ዝተገዝኡ ክልተ መሬታት ተወሲኽዎ ፤ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሐዚ ኣዝዩ ሰፊሑ እዩ። ህንፀት እቲ ዊንድሚል ኣብ መወዳእታ ብፅቡቕ ተዛዚሙ እዩ። ሐዚ እቲ ሕርሻ ጣብያ ወናኒ ኣኽያዲት ማሺንን ባዕላ ሓሰር ትእክብ ማሺንን ኮይኑ እዩ። ብዙሓት ሓደሽቲ ህንፃታት ተሃኒፆም። ዊምፐር ንባዕሉ ጋሪ ገዚኡ እዩ።

እቲ ዊንድሚል ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ግን ንመፈልፈሊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኣይነበረን። ንዕፉን መጥሓኒ እናገልገለ እንትኸውን ፤ ብዙሕ ናይ ገንዘብ ኣታዊ ኣለዎ። እቶም እንስሳት ካልእ ተወሳኺ ዊንድሚል ንምህናፅ ጠንኪሮም ይሰርሑ ኣለዉ። ከምቲ ዝበሃል እንተኾይኑ ፤ እቲ ዝተጀመረ ዊንድሚል እንትዛዘም ዲናሞ ክግጠመሉ እዩ።

ቅድሚ ብዙሕ ዘበን ፤ ስኖውቦል እቶም እንስሳት ድሎት ዝተመለኦ ብሩህ ህይወት ንክሓልሙ ኣምሂርዎም ነይሩ። "እቲ ዊንድሚል ምስተዛዘመ ኣብ ኩሎም ደምበታት መብራህቲ ክግጠሞም እዩ ፣ ዝሑልን ምዉቕን ማይ ክህሊ እዩ ፣ ኣብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ ኢኹም ክትሰርሑ" ኢልዎም ነይሩ። ሐዚ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ዝዛረብ ዋላ ሓደ የለን። ናፖልዮን "ከምዚ ዝበሉ ሓሳባት ኣንፃር መትከላት እንስሳውነት እዮም" ብምባል

ኣውጊዝዎም እዩ። “ሓቀኛ ዕግበት ዝርከብ” በሎም ናፖልዮን “ጠንኪርካ ብምስራሕን ቆጢብካ ብምንባርን እዩ።” ካብ ሓሰማታትን ኣኽላብን ወፃኢ ፤ ካልኦት እንስሳት ከይሃፍተሙ ኣብ ድኽነት ይነብሩ ፤ እቲ ሕርሻ ጣብያ ግን ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ካልእ ሃፍቲ እናፈጠረ ኣብ ምምዕባል ነበረ። ምናልባሽ ነዚ ምኽንያት ዝኸውን ፤ ብዙሓት ሓሰማታትን ኣኽላብን ብምህላዎም ክኸውን ይኽእል። እዞም ፍጡራት ስራሕ ኣይሰርሑን ማለት ኣይኮነን ፤ ኣብ ዝተመደብዎ ስራሕ ምስረሖም ኣይተረፈን።

ስኩለር ከይሰልከየ ከምዝገልፀሎም ፤ እቲ ሕርሻ ጣብያ ምቁፅፃርን ምውዳብን መወዳእታ ዘይብሉ ብዙሕ ስራሕ ኣሎ። ከምዚ ዓይነት ስራሕ መብዛሕትኡ ክፋሉ ካልኦት እንስሳት ንክርድእዎ ልዕሊ ፍልጠቶም ነይሩ። ንኣብነት ስኩለር ከምዝነገሮም እንተኾይኑ ፤ እቶም ሓሰማታት በቢመዓልቱ ‘ፋይል’ ፣ ‘ሪፖርት’ ፣ ‘ቃለ-ጉባኤ’ን ‘መዘክር’ን ኣብ ዝበሃሉ እንታይነቶም ዘይፍለጡ ጉዳያት ሓርኮትኮት ይብሉን ኣዝዮም ይለፍዑን። እዚኦም ማለት ብዙሕ ዝርዝር ዘለዎ ፅሑፍ ዝሓዙ ወረቓቕቲ ነበሩ። እቶም ወረቓቕቲ ፅሑፍ ምስተፅሓፎም ኣብ እቶን ይቃፀሉ። እዚ ስራሕ ንዕብየትን ምዕባለን እቲ ሕርሻ ጣብያ ኣዝዩ ኣድላዪ ተግባር ምዃኑ ስኩለር ገሊፅሎም እዩ።

ግን ክሳብ ሐዚ ፤ እቶም ሓሰማታትን ኣኽላብን ብረሃፆም ዘፍረይዋ ጥር ትብል ምህርቲ የላን። ቁፅሮም ኣዝዮም ብዙሓት እንትኾኑ ፤ ናይ ምግቢ ሸውሃቶም ድማ ኩሉግዘ ፅቡቕ ነይሩ።

ካልኦት እንስሳት ብዝምልከት ፤ ህይወቶም ክሳብ እታ ንሶም ዝፈልጥዋ ፤ ካብ ናይ ቀደም ህይወቶም ዝተቐየረ ነገር የለን። መብዛሕትኡ ግዘ ይጠምዩ ፤ ኣብ ደረቕ ሳዕሪ ይድቅሱ ፤ ማይ ካብ ዒላ ይሰትዩ ፤ ኣብ ሕርሻ እናደኸሙ ይውዕሉ ፤ ናይ ክረምቲ ቁሪ የጥቀዖም ፤ ኣብ ሓጋይ ድማ መውዐሊ ሃመማ ይኾኑ። ካብ ሞንጎኦም እቶም ሸማግለታት ፤ ሓደ ሓደ ግዘ ንድሕሪት ምልስ ኢሎም እንትዝክሩ ፤ እቲ ዓመፅ ምስተልዓለን ጆንስ ምስተባረረን ብዛዕባ ዝነበረ ህይወት እናሰላሰሉ ፤ ሐዚ ይነብርዎ ካብ ዘለዉ

ህይወት ዝሐሸ ወይ ዝኸፍአ ከምዝነበረ ንምዝካር ይፅዕሩ። ግን ምዝካር ኣይኽእሉን።

ካብ ግዘ ናብ ግዘ ዕብየትን ለውጥን ምህላዉ ካብ ዝገልፁ ፤ ቀዋሚ ዝኾኑ ናይ ስኩለር ኣሃዛት ዝርዝር ወፃኢ ፤ ሐዚ ዝነብርዎ ዘለዉ ህይወት ከነፃፅሩ ዝኽእልሉ ዋላ ሓደ ነገር ኣይነበሮምን። እቶም እንስሳት ፍታሕ ዘይርከቦ ፀገም ኮይንዎም ፤ በቲ በለ በቲ ሐዚ ከምዚኦም ዝበሉ ነገራት ንምስልሳል ዝኸውን ግዘ ‘ውን የብሎምን። እቲ ሽማግለ ቤንጃሚን ጥራይ ፤ ናይ ነዊሕ ዕድመ ህይወቱ ሕድሕድ ጉዳይ ከምዝዝክር ተዛሪቡ። “ህይወት እንተኾነት ካብዚ ብላዕሊ ፀቢቓ ይኹን መሪራ ከምዘይትፈልጥ ኣፀቢቐ ይፈልጥ እየ” ይብል። “ጥሜት ፣ መከራን ተስፋ ምስኣንን ዘይልወጡ ናይ ተፈጥሮ ሕግታት እዮም” ብምባል ‘ውን ተዛሪቡ።

ከምዚ ኮይኑ እውን እቶም እንስሳት ፈፂሞም ተስፋ ኣይቆረፁን። ኣካል ሕርሻ እንስሳት ብምዃኖም ዝስመዖም ክብርን ሓለፋን ንፃት እውን ኣይጠፍኦን። ኣብ መላእ ሃገር - ኣብ መላእ እንግሊዝ! ብሕታዊ ብእንስሳት ዝውነንን ብእንስሳት ዝመሓደርን ሕርሻ ጣብያ ናቶም ጥራይ ስለዝነበረ። ካብ ሞንጎኦም ዝኾነ ይኹን ፤ ዋላ እቶም መናእሰይ ፤ ካብ ዓሰርተ ዕስራ ማይልስ ርሕቐት ተገዚኦም ዝመፁ ኣጋይሽ‘ኳ ከይተረፉ ፤ ብሕርሻ እንስሳት ካብ ምግራም ተቖጢቦም ኣይፈልጡን።

ጥይት እንትትኮስ ክሰምዑ ከለዉ ፤ እቲ ሓምለዋይ ባንዴራ እናተምበልበለ እንትትሪኡ ካብ ልቦም ዘይነፅፍ ኩርዓት ይስመዖም። እቲ ወግዒ እዉን ኩሉግዘ ተቐይሩ ፤ ብዛዕባ ቀደም ዝነበረ ናይ ጅግንነት እዋን ፤ ብዛዕባ ናይ ጆንስ ምብራር ፤ ብዛዕባ ሸውዓቲኦም ትእዛዛትን ኣብ ልዕሊ ወረርቲ ዝኾኑ ደቂሰባት ዓወት ዝተመዝገበሉ ኲናት ደምበን ይውጋዕ።

ናይ ቀደም ሕልሞም ሐዚ ‘ውን ኣይረስዑን። ሜዠር ዓብዪ ተንብዩሎም ዝነበረ ፤ ናይ እንስሳት ሪፐብሊክ ምምስራቱን እቶም

ሓምለዎት ናይ እንግሊዝ ጎልጎላት ኩሎም ካብ ቁፅፅር ደቂሰባት ነፃ ናይ ምኺኖም ጉዳይ ሐዚ 'ውን ይእመነሎም እዩ። ሓደ መዓልቲ ጋህዲ ክኸውን እዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ዘይክኸውን ግን ይኽእል። ምናልባሽ ኣብ ሐዚ ብህይወት ናይ ዘሎ ዝኾነ እንስሳ ዕድመ ውሽጢ 'ውን ዘይክኸውን ይኽእል። ግን ድማ ጋህዲ ምኺኑ ኣይተርፍን። ምናልባሽ መዝሙር "ኣራዊት እንግሊዝ" ከይተረፈ ኣብዝን ኣብትን ሓሓሊፉ ብሕቡእ እናተዘመረ እዩ። ዋላ'ኳ ዝኾነ እንስሳ ድምፁ ዓው ኣቢሉ ንምዝማር ተዘይደፈረ ፤ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ዝርከቡ ኩሎም እንስሳት እቲ መዝሙር ከምዝፈለጥዎ ግን ዘጠራጥር ኣይነበረን።

ህይወቶም ከቢድን ኩሉ ተስፋታቶም ዘይተማልአን ክኸውን ይኽእል። ግን ድማ ንሶም ካብ ካልኦት እንስሳት ዝተፈለዩ ምኺኖም ተገንዚቦም እዮም። እንተጠመዩ ፤ ጨቋንቲ ደቂሰባት ብምቕላቦም ኣይነበረን። እንተለፍዑ ፤ እንተነኣሰ ፍረ ድኻሞም ንባዕሎም ነይሩ። ካብ ሞንጎኦም ዝኾነ ፍጡር ብኽልተ እግሩ ደው ኢሉ ኣይከደን። ዝኾነ እንስሳ ንኻልእ እንስሳ "ጎይታይ" ኢሉ ኣይፀወዐን።

ኩሎም እንስሳት ማዕረ ነይሮም!

ኣብ መጀመርታ ክራማት ሓደ መዓልቲ ፤ ስኲለር ነተን ኣባጊዕ ክስዕበኦ ኣዚዙ ፤ ካብቲ ሕርሻ ጣብያ ብሓደ ወገን ናብ ዝርከብ ዝባደመ መሬት ሒዝወን ከደ። እቲ ቦታ ብልሙዕ ሑሓት ዝተመልአ ነበረ። ብናይ ስኲለር ትእዛዝ እተን ኣባጊዕ እቲ ቆፅሊ ሑሓት እናቐንጠባን እናበለዓን ወዓላ። ምስመሰየ ንሱ ናብቲ ዓብዪ ህንፃ ተመለሰ ፤ ንሰን ግን ኣብ ዘለወኦ ክሓድራ ነገረን ፤ ሙቐት ስለዝነበረ። እተን ኣባጊዕ ንሓደ ሰሙን ኣብኡ ቀነያ ፤ ካልኦት እንስሳት ኣበይ ከምዘለዋ ከይፈለጡ። ስኲለር ዝበዝሕ ሰዓታት ምስኦን ሓቢሩ የሕልፎ። ከም ኣገላልፃ ስኲለር ፤ ሓዱሽ መዝሙር እናምሃረን ነበረ ፤ ፅምዋ ዘድልዮ።

እተን ኣባጊዕ ካብ ዝቐነየኦ ምስተመለሳ ፤ ኣብ ደስ ዝብል ምሸት ፤ እቶም እንስሳት መዓልታዊ ስረሖም ወዲኦም ናብቶም ህንፃታት እናተጉዓዙ ከለዉ ፤ ናይ ዝፈርሐ ፈረስ ሓያል ሕምሕምታ ድምፂ እቲ ሜዳ ሓሊፉ ተሰመዐ። እቶም እንስሳት ብድንጋፀ ኣብ ዘለውዎ ደው በሉ። ናይ ክሎቨር ድምፂ ነበረ። ደጊማ ሓምሐመት። እቶም እንስሳት ድማ እናጋለቡ ናብቲ ሜዳ ከዱ። ንሶም ‘ዉን እቲ ክሎቨር ዝረኣየቶ ነገር ረኣዩ።

ብኽልተ እግሩ ደው ኢሉ ዝኸይድ ሓሰማ ነበረ።

እወ ፤ ስኩለር እዩ። ገዚፍ ሰብነቱ ብደው ኣበሃህልኡ ምድጋፍ ዘይከኣለ ብዝመስል መልክዑ ፤ ኮይኑ ግን ሰንደልደል ከይበለ ሚዛኑ ብምሕላው ነቲ ሜዳ እናሰገመ ኣቋረፆ። ብድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ካብቲ ዓብዪ ህንፃ ብዙሓት ሓሰማታት ተሰሊፎም ወፁ። ኩሎም ብናይ ድሕሪት ክልተ ኣእጋሮም ደው ኢሎም ይስጉሙ። ገሊኦም እቲ ኣሰጓጉማ ኣፀቢቖም ክኢሎምዎ። ዋላ ሓደ ፣ ክልተ ዝኾኑ ቁሩብ ሰንደልደል እንተበሉን መደገፊ ምርኩስ ዘድልዮም እንተመሰሉን ፤ ኩሎም እቲ ሜዳ ብዕዉት ኩነታት ዘይሮምዎ።

ኣብ መወዳእታ ብርቱዕ ብዝኾነ ድምፂ ኣኽላብ እናነብሑን ፤ እቲ ፀሊም ኩኩናይ “ኩኩዒትትትት...” እናበለን ፤ ግርማ ብዝዓሰሎ ቀጥ ኢሉ ብኽልተ ናይ ድሕሪት ኣእጋሩ ቆይሙ ፤ ተታዕኒኑ የማነ ፀጋም ቁሊሕ እናበለን ፤ እቶም ዓጀብቱ ዝኾኑ ኣኽላብ ኣብ ዙርይኡ እናዓንደሩን ፤ ናፖልዮን ቅልቅል በለ።

ኣብ ናይ ቅድሚት ኣእጋሩ ኣፃብዕቲ ማእኸል ሓለንጊ ሒዙ።

መፍርሒ ዝኾነ ስቕታ ዓሰለ። እቶም እንስሳት ፈሪሖምን ተደሚሞምን ተፀጋጊዖም ፤ ኣብ ዙርያ እቲ ሜዳ ቀስ እናበሉ ብነዊሕ ሰልፊ ኣብ ምዛር ዝነበሩ ሓሰማታት እንትሪኡ ፤ ሰማይን ምድርን ዝተሓዋወሰ መሰሎም። እቲ ናይ መጀመርታ ድንጋፀኦም ምስሓለፈሎም ፤ ነቶም ኣኸላብ ዋላ እንተፈርሕዎም ፤ ኣብ ዓመታት ብዘኻዕበትዎ ናይ ዘይምምራር ፣ ዘይምንቃፍን ርኢኻ ከምዘይረኣኻ ናይ ምሕላፍን ልማድ ዋላ እንተሓዞም ፤ ዝመፀ ይምፃእ ኢሎም ፤ ከይተፈለጦም ናይ ተቓውሞ ቃል ምስመፆም ኣይተርፍን ነይሩ። ኣብቲ ቕፅበት ፍሉይ ዝኾነ ምልክት ምስረኣያ ፤ ኩለን ኣባጊዕ ብሓባር ብልዑል ድምፂ ክጭርሓ ጀመራ፡-

“ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ -*ዝበለፀ* ! ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ -*ዝበለፀ* ! ኣርባዕተ እግሪ ፅቡቕ ፤ ክልተ እግሪ -*ዝበለፀ* !”

ብዘይምቁራፅ እቲ ሓዱሽ ጭርሖ ንሓሙሽተ ደቒቓ ጨርሐኦ። እተን ኣባጊዕ ምስኣቛረፃ ዝኾነ ተቓውሞ ንምስማዕ ዝከኣለሉ ዕድል ኣብቂዑ ፤ እቶም ሓሰማታት ብሰልፊ ናብ መንበሪኦም ተመሊሶም ስለዝኣተዉ።

ቤንጃሚን እንግድዕኡ ብኣፍንጫ ክተናኸፍ ተሰመዖ። ገፁ ኣዘረ። ክሎቨር ነበረት። ዝኣረጉ ኣዒንታ ፅልግልግ ይብሉ። ቃል ከይተዛረበት ኣብ ክሳዱ ኣፍኩስ ኣቢላ ሒዛ እናሰሓበት ፤ እቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ናብ ዝተፅሓፉሉ ዓብዪ መኽዘን ወሰደቶ። ንሓደ ክልተ ደቒቓ ነቲ ብፃዕዳ ፊደላት ቀንጠመንጢ ዝተፅሓፎ መንደቕ ኣትኩሮም እናጠመቱ ደው በሉ።

“ናይ ምርኣይ ዓቕመይ እናተዳኸመ እዩ” በለት ኣብ መወዳእታ። “መንእሰይ እናሃለኹ ዋላ ፤ ኣብዚ ዝተፅሓፉ ፅሑፋት ምንባብ ኣይኽእልን ነይረ። ግን እቲ መንደቕ ክሪአ ከለኹ ሐዚ ዝተፈለየ መሲሉ ይረኣየኒ። እቶም ሸውዓተ ትእዛዛት ቀደም ከምዝነበርዎ ድዮም ዘለው ፤ ቤንጃሚን?”

ቤንጃሚን ንመጀመርታ ግዘ ናይ ባዕሉ ናይ ስቕታ ሕጊ ንምጥሓስ ወሰነ። ኣብቲ መንደቕ ዝተፅሓፈ ፅሑፍ ኣንበበላ። ሐዚ ኣብቲ መንደቕ ብዘይካ ሓደ ትእዛዝ ካልእ ኣይነበረን።
ከምዚ ይብል፦

"ኩሎም እንስሳት ማዕረ እዮም።
ግን ዉሑዳት እንስሳት ካብ ካልኦት ዝበለፀ ማዕረ እዮም።"

ካብዚ ንደሓር ፤ ኣብ ቀፃሊ መዓልቲ እቶም ሓሰማታት ኩሎም ሓለንጊ ሒዞም ፤ ኣዘዝቲ ኮይኖም ንዘስርሕዎም እንስሳት ምቁፅፃር ምጅማሮም ዘገርም ኣይኮነን። ንባዕሎም ሬድዮ ምግዘኦም ፤ ንባዕሎም ቴሌፎን ንምእታው ምውዕዓሎም ፤ ጆን ቡል ፣ ቲት ቢትስን ዴይሊ ሚረርን ንዝተብሃሉ መፅሄታትን ጋዜጣታትን ክፍሊት ምፍፃሞም እንትፍለጥ ሓዱሽ ነገር ኣይነበረን። ናፖልዮን ኣብቲ ዓብዪ ህንፃ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ፒፓ ሒዙ ብኣፉ እናሰሓበ እናተሸራሸረ ምርኣዩ ዘገርም ኣይነበረን። እቶም ሓሰማታት ናይ ጆንስ ክዳውንቲ ካብ ኣርማድዮ ኣውፂኦም እንትኽደኑ ፤ ናፖልዮን ባዕሉ ፀሊም ጃኬትን ካብ ብርኩ ንታሕቲ ካብ ቆርበት ዝተሰረሐ ስረ ገይሩ ፤ ካብ ካልኦት ሓሰማታት ብዝበለፀ ዝቐርባ ኣንስተይቲ ሓሰማ ድማ ወ/ሮ ጆንስ ኩሉግዘ ሰንበት ትኽደኖ ዝነበረት ማይማዮ ናይ ሃሪ ቐምሽ ተኸዲና እንትትረኣይ ዘገርም ክስተት ኣይነበረን።

ድሕሪ ሰሙን ፤ ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ቐትሪ ብርክት ዝበላ ጋርታት ናብቲ ሕርሻ ጣብያ መፃ። ንምብፃሕ ዝተዓደሙ ናይ ጎረቤት ሓረስቶት ተወከልቲ ነበሩ። እቶም ሓሰማታት እናዘዋወሩ ነቲ ሕርሻ ጣብያ ኣርኣይዎም። እቶም ዕዱማት ብዝረኣይዎ ኩሉ ከምዝተደነቑ ገለፁ። ብፍላይ በቲ ዊንድሚል። እቶም እንስሳት ኣብ ፃህያይ ነበሩ። ናብ መሬት ዝተደፈአ ገፆም ቁሩብ ቅንዕ እናበሉ ብትግሃት ይሰርሑ ነበሩ። ነቶም

ንምብፃሕ ዝመፁ ደቂሰባት ወይ ነቶም ሓሰማታት ፤ ካብ ክልቲኦም ንመኒኦም ብዝበለፀ ከምዝፈርሑ ግን ኣይፈልጡን።

ንምሽቱ ዉዕዉዕ ሰሓቕን ዓው ዝበለ ሙዚቃን እቶም ሓሰማታት ካብ ዝነብርሉ ህንፃ ተሰመዐ። ሃንደበት ፤ እቶም እንስሳት ዝተሓዋወሱ ድምፅታት እንትሰምዑ እንታይነቱ ንምፍላጥ ተሃንጠዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ህንፃ እንታይ ይግበር ኣሎ ይኸውን? እንስሳትን ደቂሰባትን ንመጀመርታ ግዘ ብማዕርነት ኣኼባ ተኣኪቦም? ኩሎም እንስሳት ድምፂ ከየስምዑ ሰላሕ እናበሉ ፤ ናብቲ ዝተሓፀረ ዓብዩ ህንፃ ዝርከበሉ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ከዱ።

ኣብቲ በሪ ሓፁር ምስበፅሑ ብጥርጣረ ደው በሉ። ብፍርቂ ልቦም ፈርሑ ፤ ግን ድማ ክሎቨር ኣደፋፈረቶም። ድምፆም ኣጥፊኦም ብጫፍ እግሮም እናረገፁ ናብቲ ዓብዩ ገዛ ቀረቡ ፤ እቶም ነዋሕቲ እንስሳት በቲ መመገቢ ክፍሊ መስኮት ኣትኲሮም ንውሽጢ ረኣዩ።

እወ ፤ ኣብ ዙርያ እቲ ክቢ ናይ መኣዲ ጠረጴዛ ደርዘን ሰባትን ብዙሓት ሰበስልጣን ሓሰማታትን ተቐሚጦም ይረኣዩ። ናፖልዮን ኣብ ርእሲ እቲ ጠረጴዛ ዝርከብ ናይ ክብሪ ወንበር ዝተቐመጠ እንትኸውን ፤ ኩሎም ሓሰማታት ቅሳነት ብዝተመለአ ኣቀማምጣ ተቐሚጦም ነበሩ። እቶም ዝተኣከቡ ካርታ እናተፃወቱ ይዘናግዑ ነበሩ። ንግዚኡ ፀወተኦም ኣቋሪፆም ናይ ታሕጓስ መስተ ክሰትዩ ተልዓሉ። ዓብዩ መቐድሒ እናተዘዋወረ ብርጭቆታቶም እናደጋገሙ ቢራ ይመልኡ። በቲ መስኮት ብኣግራሞት ይሪእዎም ንዝነበሩ እንስሳት ግን ዘስተብሃሎም ኣይነበረን።

ወናኒ ሕርሻ ፎክስዉድ ዝኾነ ኣይተ ፒልኪንግተን ፤ ብርጭቆኡ ጨቢጡ ተልዓለ። ነቶም ዝተኣከቡ ብርጭቆኦም ናይ ታሕጓስ ከጋጭዉ ተወከሰ። ቅድሚኡ ግን ክዛረቦ ዝግባእ ዝተወሰነ ነገራት ከምዘለዎ ገለፀሎም።

“ዓብዪ ዝኾነ መንፈሳዊ ዕግበት ረኺበ እየ ፤ ብዘይጥርጥር ኣነ ጥራይ ከይኮንኩስ ኣብዚ ዝተረኽቡ ኩሎም” ክብል ጀመረ። “ንነዊሕ እዋን ኣብ መንጎና ዝፀነሐ ዘይምትእምማንን ዘይምርድዳእን ሐዚ ኣብቂዑ እዩ። ኣነ ኮንኩ ካልኦት ኣብዚ ዝተረኽቡ ዕዱማት ኣጋይሽ ፤ ሙሉእ ብሙሉእ ሓበራዊ ዝኾነ ኣመለኻኽታ ነይሩና ንምባል ኣፀጋሚ ዋላ እንተኾነ ፤ ቅድሚ ሐዚ ኣብ ዝነበረ ዘበን ክቡር ናይ ሕርሻ እንስሳት ኣመሓዳሪ ከም ፀላኢ ይረኣይ ነይሩ ዋላ ንምባል ተዘይከኣልኩ ፤ ግን ድማ ብዝተወሰነ መልክዑ ብደቂሰብ ዝኾኑ ጎረባብቱ ብዓይኒ ጥርጣረ ይረኣይ ነይሩ። ዘሕዝኑ ፍፃመታት ኣጋጢሞም እዮም። ዝተጋገዩ ሓሳባት ከም ቅቡል ተወሲዶም እዮም። ናይ ሓሰማታት ንብረት ዝኾነን ብሓሰማታት ዝመሓደርን ሕርሻ ጣብያ ምህላዉን ዘይልሙድን ምኧኑ ጥራይ ከይኮነስ ፤ ኣብ ጎረባብቲ ሕርሻታት ዘይምርግጋዕ ከስዕብ ‘ዩ ዝብል ስግኣት ኣሕዲሩ ነይሩ እዩ። ኣዝዮም ብዙሓት ሓረስቶት ከምዝገመትዎ ፤ ብኣግባቡ ከይመርመሩ ፤ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሕርሻ ጣብያ ውሽጢ ፤ ስርዓት ኣልቦነትን ንሕጊ ተገዛኢ ዘይምኧንን ክሰፍን ‘ዩ ኢሎም ነይሮም። እዚ ሕርሻ ጣብያ ምህላዉ ፤ ኣብ ልዕሊ ንሶም ዘመሓድርዎም እንስሳት ጥራይ ከይኮነስ ፤ ኣብ ልዕሊ ቆፂሮም ዘስርሕዎም ደቂሰባት ‘ውን ተፅዕኖ ክህልዎ እዩ ብምባል ሰጊኦም ነይሮም። ሐዚ ግን ኩሉ ጥርጣረታት ዋጋ ዘይብሉ ኮይኑ ተረኺቡ።” በለ ፒልኪንግተን።

ከም እምነት ፒልኪንግተን ፤ ሎሚ መዓልቲ ንሱን ኣዕርኽቱን ሕርሻ እንስሳት ሕድሕድ ኢንች መሬት ተዘዋዊሮም ብዓይኖም መርሚሮም እዮም። እሞ እንታይ ረኺቦም? ኣዝዩ ዘመናዊ ዝኾነ ሜላ ምሕደራ ጥራይ ከይኮነስ ፤ ስነ-ስርዓቱን ዝተመዓራረየ ኣሰራርሕኡን ኣብ ኩሉ ቦታ ንዘለዉ ሓረስቶት ኣብነት ክኸውን ዝግበኦ ሕርሻ ጣብያ ምኻኑ ‘ዉን ምርዳእ ክኢሎም እዮም።

ንሱ ብወገኑ ከምዝተረደአ ፤ ኣብ ሕርሻ እንስሳት ዝርከቡ ታሕተዎት እንስሳት ፤ ኣብ መላእ እታ ሃገር ካብ ዝርከቡ እንስሳት ብዝበለፀ ዝሰርሑን ዉሑድ ምግቢ ዝረኽቡን እዮም ኢሉ ይኣምን። ንሱን መሻርኽቱ ዝኾኑ በፃሕትን ሎሚ ዝተዓዘብዎም ብዙሓት ጠቐምቲ ናይ ምሕደራ ሜላታት ፤ ከይወዓሉ ከይሓደሩ ኣብ ሕርሻታቶም ተግባራዊ ክገብሩ እዮም።

“ዘረባይ ዝዛዝሞ” በለ ፒልኪንግተን “ኣብ መንጎ ሕርሻ እንስሳትን ጎረባብቱን ዘሎ ናይ ሰናይ ርክብ ስምዒት ፤ ብዝበለፀ ቀዋሚ ክኸውን ከምዘለዎ ኣርጊፀ ብምግላፅ እዩ። ኣብ መንጎ ሓሰማታትን ደቂሰባትን ናይ ድሌታት ግጭት ቀደሙ ‘ዉን ዘይነበረ እንትኸውን ንቐፃሊ ‘ዉን ክህሉ የብሉን። ቃልስታቶምን ዕንቅፋታቶምን ሓደ ነይሮም። ናይ ሰራሕተኛ ፀገም ኣብ ኩሉ ሓደ ዓይነት ዶ ኣይኮነን?”

ኣብዚ ፤ ኣይተ ፒልኪንግተን ነቶም ተኣከብቲ ፤ ብዝግባእ ዝተዋደደ ኣሸሙር ዝመስልን ዘስሕቕን መልእኽቲ ከመሓላልፍ ዝደለየ መሰለ። ኮይኑ ግን ክዛረቦ ዝደለዮ ኣሸሙር ብውሽጡ ኣዝዩ እናገረሞ ስለዝነበረ ፤ እቶም ቃላት ኣውፂኡ ንምዝራብ ቁሩብ ተፀገመ። ደጋጊሙ እንትፍታፉ ውሒጡ ፤ ከናፍሩ ደሪቑ ፀለሎ ድሕሪ ምምሳሉ እቲ ክዛረቦ ዝሓሰቦ ካብ ጎረርኡ ኣውፀአ።

“ንስኹም ትሑታት እንስሳት ዝኾኑ ተነሓናሕቲ እንተሃልዮምኩም” በለ ፒልኪንግተን “ንሕና እዉን ትሑታት መደባት ኣለዉና!”

እዚ ኣሸሙር ኣብ ዙርያ እቲ ጠረጴዛ ንዝነበሩ ኣዝዩ ኣስሐቖም። ኣይተ ፒልኪንግተን ኣብ ሕርሻ እንስሳት ብዛዕባ ዝተዓዘቦ ትሑት ናይ ቀለብ ዕደላ ፤ ነዊሕ ናይ ስራሕ ሰዓትን ብሓፈሻ ክንክን ዘይብሉ ኣመሓድራ ሜላን ነቶም ሓሰማታት ደጊሙ “እንኳዕ ደስ በለኩም” በሎም።

“ሐዚ ድማ” በለ ኣይተ ፒልኪንግተን “ካብ መቐመጢኹም ክትትስኡን ብርጭቆታትኹም ሙሉኣት ምዃኖም ክተረጋግፁን ይሓትት ፤ ክቡራት” ክብል ቀፀለ ፒልኪንግተን “ዝተኸበርኩም ፤ ንምዕባለ ሕርሻ እንስሳት ብርጭቆታትኩም ሓፍ ኣብሉ!”

ብናይ እግሪ ዲጒዲጒታ ዝተዓጀበ ዓብዪ ደስታ ኮነ። ናፖልዮን ብታሕጓስ ካብ ዝተቐመጠሉ ተላዒሉ ኣብ ጎኒ ፒልኪንግተን ብምኻድ ብርጭቆኡ ኣጋጭዩ እቲ ቢራ ብሓንቲ ትንፋስ ፀንቀቖ። ናይ ብርጭቆታት ምግጫው ስነ-ስርዓት ህድእ ምስበለ ፤ ብኸልተ ኣእጋሩ ደው ኢሉ ዝነበረ ናፖልዮን ፤ ንሱ ’ዉን ክዛረቦ ዝደሊ ቁሩብ ቃላት ከምዘለዎ ኣፍለጠ።

ከም ካልኦት ናይ ናፖልዮን ዘረባታት ኩሎም ፤ እዚ እዉን ሓፂርን ዋና መልእኽቲ ጥራይ ዝሓዘን ነበረ። ኣብ መንጎ ፒልኪንግተንን ሕርሻ እንስሳትን ዝነበረ ዘይምስምዕማዕ መዕለቢ ብምርካቡ ንሱ ‘ዉን ሕጉስ ምዃኑ ተዛረበ። ንሕርሻ እንስሳት ዋና ፀላኢ ብዝኾነ ኣካል ንነዊሕ እዋን ክናፈሱ ዝፀንሑ ሕምየታት ምህላዎምን ፤ እዞም ሕምየታት - ንሱ ባዕሉ ናፖልዮንን ኣዕርኽቱን ኣብ ልዕሊ ሕጋዊ ዝነበረ ናይ ወድሰብ ምሕደራ ዓመፅ ምክያዶም ጥራይ ዘይኮነስ ናዕቢ ዘለዓዕልን ኣብዮታዊ ዝኾነ ኣመለኻኽታ ከምዝነበሮም ፤ ኣብ ጎረባብቲ ሕርሻታት ውሽጢ ድማ ዓመፅ ንምልዕዓል ከምዝፈተኑ ተገይሮም ዝተወረዩ ወረታት ነይሮም። ካብዞም ናይ በለካ ለኸዐካ ናይ ሓሶት ወረታት ፤ ካብ ሓቂ ብላዕሊ ዘምለጠ ነገር ኣይነበረን።

ቀደም ይኹን ሎሚ ንሱን ኣዕርኽቱን ዝነበሮም ባህጊ ፤ ምስ ጎረባብቶም ብሰላምን ብዝተረጋገዐ ናይ ንግዲ ርክብን ምንባር ነይሩ። እዚ ሕርሻ እንስሳት ንሱ ዘመሓድሮ ምዃኑ ክብሪ ዝስመዖ እንትኸውን ፤ ትሕዝትኡ ብናይ ሓሰማታት ናይ ሓባር ተራድኦ ትካል ዝተትሓዘን ፤ ናይ ዋንነት መረጋገፂ ሰነድ ኣብ ኢዱ ከምዝርከብን ተዛረበ።

ኣብ መንጎ ሕርሻ እንስሳትን ደቂሰባትን ቅድም ኢሎም ዝነበሩ ጥርጣረታት ሐዚ ‘ውን ኣይሃሰሱን ኢሉ ከምዘይኣምን ፤ እቲ ምትእምማን ግን ብዝበለፀ ክጠናኸር ንምግባር ፤ ኣብቲ ሕርሻ ጣብያ ይዝውተሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ልማዳት ኣብ ቀረባ እዋን ለውጢ ምግባሩ ኣበሰሮም።

ናፖልዮን ዝተገበሩ ለውጥታት እንተብራህርህ “ክሳብ ሐዚ እቶም እንስሳት ባዕሎም ንባዕሎም ዝፀዋውዕሉ ናይ ዓሻ ባህሊ ነይርዎም ፤ ‘ብፃይ’ ምብህሃል። ካብ ሐዚ ንደሓር ‘ብፃይ’ እናተበሃሃልካ ምፅውዋዕ ተኣጊዱ እዩ” በለ። “ካበይ ከምዝመፀ ዘይፍለጥ ካልእ ዘገርም ባህሊ ‘ውን ነይሩ” ክብል ቀፀለ ናፖልዮን “ኣብቲ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ኣብ ዝርከብ ዓንዲ ዝተሰቐለ ናይ ሓሰማ ሽክና ርእሲ ፊትንፊት ፤ ኩሉግዘ ሰንበት ንጉሆ እቶም እንስሳት ብሰልፊ ናይ ምሕላፍ ልምዲ ነይርዎም። እዚ ተግባር እዉን ካብ ሐዚ ተኣጊዱ እዩ። እቲ ናይ ሓሰማ ሽክና ርእሲ ተቐቢሩ እዩ። ኣብቲ መስቀሊ ባንዴራ ዝምብልበል ሓምለዋይ ባንዴራ ምስረኣኹም ኣብ ልዕሊኡ ዝተስኣለ ፃዕዳ ሸኾናን ቀርንን ከየስተብሃልኩም ኣይተረፍኩምን። እቲ ዝረኣኹምዎ ባንዴራ ምስ ምስሉ ተኣጊዱ እዩ። ካብ ሐዚ ጀሚሩ ሓምለዋይ ሕብሪ ዘለዎ ልሙፅ ባንዴራ ጥራይ ክውልብለብ እዩ” ብምባል ናፖልዮን ዝወሰኖም ለውጥታት ኣፍለጠ።

ኣይተ ፒልኪንግተን ኣብ ዝገበሮ ብሉፅን ምሕዝነታውን ዝርርብ ፤ ሓደ ነገር ጥራይ ክነቅፍ ከምዝደሊ ፤ ንሱ ‘ውን ትሕዝቶኦም ዝኾነ ሕርሻ ጣብያ ‘ሕርሻ እንስሳት’ ኢሉ ምፅውዑ ከምዝኾነ ገለፀሎም።

ብርግፅ ፒልኪንግተን ሕርሻ እንስሳት ናይ ዝብል ስያመ ለውጢ ብዝምልከት ዝፈልጦ ነገር ዘይምንባሩ ጠቒሱ ፤ ባዕሉ ናፖልዮን ናይቲ ሕርሻ ጣብያ ስያመ ንመጀመርታ ግዘ ዕላዊ ንኽገብሮ ከምዝተዳለወ ተዛረበ።

“እቲ ‘ሕርሻ እንስሳት (Animal Farm)’ ዝብል ሽም” በለ ናፖልዮን “ካብ ሐዚ ተሰሪዙ እዩ። ኣብ ክንድኡ ካብ ሎሚ ጀሚሩ እዚ ሕርሻ ጣብያ ብዕሊ ዝፍለጥ ‘ሕርሻ ማኖር (The Manor Farm)’ ብምባል ይኸውን” ብምባል ኣወጀ። ብናይ ናፖልዮን እምነት ትኽክለኛን ናይ ፈለማ መፀውዒኡ ቀደም ‘ዉን እንተኾነ እዚ ነይሩ ኢሉ ከምዝኣምን ገለፀሎም።

“ክቡራት” በለ ናፖልዮን “ከምቲ ቅድም ክብል ዘካየድናዮ ናይ ታሕጓስ መግለፂ ክንደግሞ ኢና ፤ ግን ድማ ብዝተፈለየ መልክዕ። ብርጭቆታትኩም ክሳብ ኣፎም ምልእዎም። ክቡራት ፤ እኒሀ፡ *‘ንምዕባለ ሕርሻ ማኖር!’* ”

ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝነበረ ልባዊ ዝኾነ ወኻዕኻዕ ነበረ። ናይቶም ብርጭቆታት ቢራ ‘ዉን ፅንቃቕ ከይተረፈ ተጨለጠ።

ኣብ ደገ ዘለዉ እንስሳት እቲ ትርኢት ኣትኲሮም እናረኣዩ ዋላ እንተኾኑ ፤ ሓደ ዘይልሙድ ዝኾነ ነገር ይፍፀም ዘሎ መሰሎም። ኣብ ገፅ እቶም ሓሰማታት ዝተቐየረ ነገር እንታይ ነይሩ? ናይ ክሎቨር ዝኣረጉን ዝደኸሙን ኣዒንታ ፤ ካብ ናይቲ ሓደ ገፅ ናብ ካልእ ተንከራተቱ። ገሊኦም ሓሙሽተ ዝተዓፃፀፉ መንከሳት ኣለውዎም ፤ ገሊኦም ኣርባዕተ ፤ ገሊኦም ሰለስተ። ካብ ሰብነቶም እናመኸኸን እናተቐየረን ዘሎ ዝመስል ነገር ከ እንታይ እዩ?

እቲ ናይ ታሕጓስ ጨብጨባ ኣብቂዑ እቶም ዕዱማት ኣቋሪፆምዎ ዝነበረ ፀወታ ካርታ ቀፀሉ። እቶም እንስሳት ድማ በታ ዝመፅዋ ድምፂ ከየስምዑ ሰላሕ ኣናበሉ ክምለሱ ጀመሩ።

ዕስራ ሜትር‘ኳ እንተይከዱ ደው በሉ። ካብ ውሽጢ እቲ ህንፃ ዋጭዋጭ ዝብል ድምፂ ይስማዕ ነበረ። ንድሕሪት ተመሊሶም በቲ መስኮት

ደጊሞም ቅልቅል ኢሎም ረኣዩ። እወ ፤ ሓያል ዝኾነ ባእሲ ይካየድ ነይሩ። ዋዕዋዕታ ነበረ ፤ ደርጓዕጓዕ ዝብል ጠረጴዛ ፤ ባዕሎም ንባዕሎም ብዓይኒ ጥርጣረ ምፍጣጥ ፤ ሕርቃን ዝተመለአ ምክሕሓድ። ናይቲ ባእሲ መበገሲ ናፖልዮንን ፒልኪንግተንን ክልቲኦም ብሓደ ግዜ ብማዕረ ሰዓራይነቶም ዘርእዩ ካርታታት ምውራዶም ነይሩ።

ዓሰርተ ኽልተ ድምፅታት ብሕርቃን ዋጭዋጭ ይብሉ። ኩሎም ተመሳሰልቲ ነበሩ። ኣብ ልዕሊ ናይ እቶም ሓሰማታት ገፅ ዝተርኣየ ለውጢ እንታይ ከምዝነበረ ዘተሓትት ኣይኮነን። ኣብ ደገ ዝነበሩ ፍጡራት ካብ ሓሰማ ናብ ሰብ ጠመቱ። ካብኡ ድማ ካብ ሰብ ናብ ሓሰማ ጠመቱ። ደጊሞም ካብ ሓሰማ ናብ ሰብ ጠመቱ።

ግን ድማ ኣየናይ ሰብ ኣየናይ ሓሰማ ከምዝኾነ ምፍላይ ዝከኣል ኣይነበረን።

ኖቬምበር 1943 - ፌብሩዋሪ 1944

ተ ኸ ም ቢ ቱ!